NATIONAL UNION OF ERITREAN YOUTH & STUDENTS

# መንእሰይ

መጽሔት ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን ኤርትራ

2023
77
መስከረም

- መገዲ ልምዓት
- ፈስቲቫል 2023 ዘጕልሖ ሓቅታት
- ምስፍሕፋሕ ዘየቃዱ ሕማም
- ሓይልና ንፈልጦ'ዶ? ጽባቐና'ኸ?
- ...ኣብ ገስጋስ ትምህርቲ
- ድኻ ዲኻ ሃብታም፧



## ስለ ምንታይ እዩ ምድሪ ዘንቀጥቅጥ?
## እንታይ እዩ ምንጩ?
## ኣብ ሃገርና ዘጋጠመኸ ከመይ እዩ ነይሩ?

ፕሮፌሰር ገብረብርሃን ዑቕባዝጊ
ክኢላ ጂኦፊዚክስ



**ክልተ ወርሓዊት መጽሔት**
**ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን**
**ኤርትራ**

መስከረም 2023 ቁ.**77**

መሸጢ ዋጋ ኣብ ኤርትራ **10 ናቕፋ**

**ዋና ኣሰናዳኢ**
መስፍን ገብረሂወት

**ለይ ኣውት**
MG

**ዲዛይን ሕብራዊ ገበር**
ከማል ዲኖ

**ስእሊ**
ኣርካይቭ ሃማመተኤ
ኣርካይቭ ሚ/ዜና
ኣርካይቭ ሚ/ምክልኻል

ናብ መጽሔት መንእሰይ ክትሰዱዎ እትደልዩ ርእይቶ፡ ሓበሬታ፡ ኣበርክቶ፡ መአረምታን ነቐፌታን በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ክትልእኩልና ትኽእሉ፥

**መጽሔት መንእሰይ**
ቁ.ሳ.ጶ 1042
ቁ.ስልኪ 291-1-202592
ፋክስ 291-1-125981

**መርበብ ሓበሬታ ማሕበር**
www.eriyouth.org

**ዘርጋሒ መጽሔት**
ቁ.ስልኪ 200454

መጽሔት መንእሰይ ብተወሳኺ ኣብ **www.shabait.com (menesey magazine)** ክትረኽብዎ ትኽእሉ።

# ትሕዝቶ

**ቃል ኣሰናዳኢ** 2
**ደሃይኩም** 3
**ደሃይ ማሕበር** 4
- *መንፈቓዊ ገምጋም ስራሕ*

**ጉዳያት** 6
- *ፌስቲቫል 2023 ዘጕልሖ ሓቅታት*
- *ምስፍሕፋሕ ዘየቃዱ ሕማም*
- *ቀርኒ ኣፍሪቃ ምህርቲ ጸቢብ ፖለቲካ*
- *መሰረታዊ ሓቅታትን ደፋእቲ ረቛሒታትን ኣብ ገስጋስ ትምህርቲ*

**ትንታነ** 17
- *ኒጀር፡መርኣያ ምብቃዕ ሓደሽ መግዛእቲ*

**ክፉት ዘተ** 19
- *ዕላል መንእሰይ ምስ ክኢላ ጂኦፊዚክስ ፕሮፌሰር ገብረብርሃን ዑቕባዝጊ*

**ሓሳባት** 29
- *ሓይልና ንፈልጦ’ዶ? ጽባቐና’ኸ!*
- *ዕድለኛ ምድሪ ዕድለኛ ውሉድ*
- *መገዲ ልምዓት*
- *ኤርትራዊ ሃገራዊ ምስሊ*

**ኣካዳሚ** 35
- *ወጥሪ ፈተና*
- *ወጥሪ ፈተና ንምውጋድ*

**ኦርያ** 42
- *ካብ ምህዞታት ፌስቲቫል 2023*
- *ብዘይ ኤለክትሪካዊ ጸዓት እትሰርሕ መዘሓሊት (ፍሪጅ) ዘበናዊት ዊልቸር*

**ሕብረተሰብ** 44
- *ድኻ ዲኻ ሃብታም፧*
- *እቲ ሰድራይ “ዓብዪ” ዘበልዎ ሰብ*

**ጥዕና** 49
- *ንሓንጎልና ዘዕንዉ ልምድታት*

**ሳይንስን ተክኖሎጅን** 55
- *ምምንጪው ኑክልየሳዊ ጸዓት*

**ባህልን ስነ ጥበብን** 54
- *ኣርቲስት ሊደያ ረዘነ*
- *ወይዘሪት ኣፍሪቃ ኣብ ኣመሪካ*

**ፈጠራን ምስትምቓርን** 55
- *ኣብ ዛንታታትና ነርእይዶ ንነግር፧*
- *ኣጋ ዕራርቦ ኣብ ገጠር*

# ቃል ኣሰናዳኢ

ተመሃሮን መምህራንን ድሕሪ ክረምታዊ ዕረፍቲ ዳግም ናብ መኣዲ ትምህርቲ ተመሊሶም፡ ሓድሽ ዓመት-ትምህርቲ ኣብ ዝጅምርሉ ወቕቲ ኢና ዘለና። እዚ ሓድሽ ዓመት ትምህርቲ'ዚ፡ ካብ ናይ ቅድሚ ሕጂ ዓመታት ትምህርቲ፡ ኣብ ዝተፈልየ ሃዋህው ዝጅምር ዘሎ ብምዃኑ ፍሉይነት ኣለዎ።

ናይ ሎሚዘበን ዓመት-ትምህርቲ፡ ከምቲ ክቡር ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፍወርቂ ንተመረቕቲ 35 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት ዝሃቦ ቓል፡ ኮሮና መኪትና ኣብ ዘሰገርናሉ፥ ተጻብኦታትን መጥቃዕትታትን ኣምኪንና ኣብ ዝተረርናሉ፥ ኣብ ውሽጢ ዝናወጽ ጎደቦን ብፍጥነት ዝቀያየር ዓለምን ንዘበለጸ ልምዓትን መኸተን ኣብ ንምርሻሉ መድረኽ ሰላምን ትሰፋው መጻኢን ኣብ ዝረገጽናሉ ፍሉይ ታሪኻዊ እዋን ዝጅምር ዘሎ ዓመት ትምህርቲ እዩ።

በዚ ኣጋጣሚ'ዚ፡ ንኣገዳስነት ትምህርቲ ኣብ ውልቃውን ሕብረተሰብኣውን ህይወት ብሓፈሻ፡ ንኣድላይነትን ወሳንነትን ትምህርቲ ኣብ'ዚ እንኣትዎ ዘለና ሓድሽ ናይ ልምዓትን ዕቤትን መድረኽ ድማ ብፍላይ ምዝኽኻር ኣገዳሲ ይኸውን።

ባህጊ ነፍሲወከፍና ሓደን ፍሉጥን እዩ። ሃገርና ብኹሉ መዳያት (ብትምህርቲ፡ ስነ-ኪነት፡ ቴክኖሎጂ፡ ቁጠባ፡ ማሕበራዊ ኣገልግሎታት ወዘተ.) ሰልጢና ንምርኣይን ኣብ ምዕባልትን ሃብታምን ሃገር ንምንባርን ልዑል ባህጊ ከምዘለና ዘካትዕ ኣይኮነን። ኩልና ሰፊሕ ናይ ስራሕን ምዕባለን ዕድላት ተኸፊቱልና፡ ኣድማዕትን ኣፍረይትን ብምዃን ጽጋብ፡ ባህታ፡ ዕግበት፡ ራህዋን ቅሳነትን ዘንጸባርቕ ህይወት ክንነብር ድሌትናን ሕልምናን እዩ።

እዚ እንኣትዎ ዘለና ሓድሽ ናይ ልምዓትን መኸተን መድረኽ፡ ናብ ቅልጡፍ ዕቤትን ምልኣት ባህግናን ትምኒትናን ዘሰጋግረና ሰፊሕ ዕድላት ዝሓቖፈ ምዃኑ ምስትውዓል ዘጸግም ኣይኮነን። ኩሉ መዳያዊ ህንጸት ሃገር ብናህሪ እናሳለጥና፡ ምድራውን ባሕራውን ካልእን ጸጋታት ሃገርና ብስፍሓት ኣብ ጥቕሚ ብምውዓል፡ ረባሕቲ ናይ'ቲ ተፈጢሩ ዘሎ ምቹእ ሃዋህው፥ ከም'ኡ'ውን ብደረጃ ዞባን ዓለምን ብቑዕት ተውዳደርቲ ብምዃን ኣብ መርከብ ስልጣኔ ክንተግር ሓያል ስራሕን ቅልጣፈን ምድላብ ክእለትን ናይ ምግባር ዓቕምን ዝሓተና መድረኽ እዩ። ኑቲ ኣብ ቅድመና ዘሎ ሰፊሕ ተኽእሎታትን ዕድላትን ብኣድማዕነት ክንዋስኣሉ ድማ፡ ፍልጠትና፡ ብቕዓትናን ኣፍራይነትናን ብዝተዓጻጸፈ ምዕባይ ዘድልየሉ ግዜ እዩ።

ኣብ ምምዕባል ዓቕሚ ሰብ ክፈስስ ዝጸንሐን ዘሎን ወፍሪ ቀሊል ኣይኮነን። እዚ ወፍሪ'ዚ ብውሁድ ጻዕሪ ኣመሓደርቲ ኣብያተ ትምህርትን መምህራንን፡ ወለዲ፡ ተመሃሮን መላእ ሕብረተሰብን ምስ ዝድራዕ ከኣ፡ ኑቲ ብመገዲ ትምህርቲ ክንበጽሖ እንሕልን ሃገራዊ ዕላማ ሽቶኡ ከም ዝወቅዕ ኣየጠራጥርን። ሽዑ ድማ'ዩ መንግስትን ሕብረተሰብን ኣብ ትምህርቲ ዝገበርዎ ወፍሪ መኽሰቡ ብደረጃ ውልቀሰብ፡ ስድራቤት፡ ሕብረተሰብን ሃገርን እምብዛ ዓበዩን ኣርባሒን ዝኸውን።

ኣብ ናይ ሎሚ ሕታም መጽሔት መንእሰይ፡ ከም ወትሩ ንኹሉ ሕብረተሰብ ብሓፈሻ ብሕልፊ ድማ መንእሰያት ዘገድሱ ፖለቲካዊ፡ ታሪኻዊ፡ ትምህርታዊ፡ ማሕበረ-ቁጠባዊ፡ ተክኖሎጂያውን ባህላውን ዛዕባታት ኣኣብ ዓምዱ ተኣንጊዱ ኣሎ። ንበቑዕ ገስጋስ ትምህርቲ መሰረታዊ ሓቅታትን ደፋእቲ ረቛሒታትን እንታይ ምዃኖም ዘብርህ ዓንቀጽ፡ ተመኩሮ ሃገራት ምርኮስ ብምግባር ቀዳማይ ክፋሉ ኣብ ዓምዲ ጉዳያት ቀሪቡ ኣሎ። ኣብ ቀረባ ሕሉፍ ኣብ ሃገርና ዘጋጠመ ምንቅጥቃጥ ምድሪ መበገሲ ብምግባር፡ ብልጸት ኣብ ትምህርቲ፡ ምህዞን ምርምራዊ ስራሕን ብኸመይ ከም ዝጥረ ምስ ክኢላ ጂኦፊዚክስ ፕሮፌሰር ጉብረብርሃን ዝተኻየደ ክፋት ዘተ'ውን ንንባብ ተዳልዩ ኣሎ።

መንእሰያት ፈጠራኦም ዘንጸባርቕሉ፡ ዓበይቲ ጸሓፍቲ ኸኣ ተመኩሮኦም ዘካፍልሉ ሓድሽ ዓምዲ'ውን ተኸፊቱ ኣሎ። ሰብ ፈጠራን ተመኩሮን ፈጠራኹምን ተመኩሮኹምን ክይትብቑ፡ ኣንቡቡቲ ኸኣ ካብ ምስትምቓር ዓዲ ኸይትውዕሉ ለበዋ ብወኒ ተበጊሱ ዘሎ ኣዳላዊ ዓምድን መጽሔት መንእሰይን እዩ።

# ደሃይኩም

## ደብል ዕላል

ምስ ሚኒስትር ፍትሒ ወይዘሮ ፈውዝያ ሃሽም ዝተኻየደ ሰፊሕን መሃርን ዕላል ብዕምቈት ትሕዝቶኡ ይኹን ኣቀራርባኡ ፍሉይን መሳጥን ነይሩ። መጽሔት መንእሰይ ቅድሚ ሕጂ ብኣጋጣሚ 3ይ ሃገራዊ ፈስቲቫል መንእሰያት ምስ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፍወርቂ ኣካይዳቶ ዝነበረት ሰፊሕ ዕላል ክሳዕ ሕጂ ከም መወከሲ ክንግልገለሉ ጸኒሕና ኣሎና። ምስ ብጻይ ኣልኣሚን መሓመድ ሰዒድ ኣካይዳቶ ዝነበረት ቃለመጠይቕ እውን ዓበዪ ሰነድ እዩ። ምስ ካልኦት ሓለፍቲ መንግስትን ግንባርን፡ ሓርበኛታት፡ ዓበይቲ ስነጥበበኛታትን ሞያተኛታትን ዘካየደቶ ቃለመጠይቓት እውን ብተመሳሳሊ።

ሚኒስተር ፈውዝያ ንኹሉ'ቲ ኑቲ ናይ ሜዳ ሂወታ ገላሊሃ ክትገልጾ ትጽቢት ክንገብር ንቡር እኳ እንተ ኾነ፡ ኑቲ ንሓያለ ዓመታት ክትሰርሓሉ ዝጸንሐት ሃገራዊ ሕግን ሕጋውነትን፡ ክብርታትን ምህናጽ ሃገራዊ መንነትን ወዘተ. ኣመልኪታ ሰፊሕን ዝርዝራውን መብርሂ ሂባትና ስለ ዝኾነት፡ ዕጉባት ኢና።

መጽሔት መንእሰይ ኣብ መጻኢ'ውን ተመሳሳሊ ዓሚቝ ትሕዝቶ ዘለዎ ቃለመጠይቓት ሒዝትልና ክትቀርብ እተስፍ።

*እንጂነር ሙሴ ሰረቐብርሃን*




## ብሉጻት ዓናቕጽ

መጽሔት መንእሰይ፡ ኣብ ጸጸባሕ ሓደስቲ ኣበርክተትቲ ዓናቕጽን ዓማዊል ኣንበብትን እናጥረየት ትመጽእ ምህላዋ ንሃማመተኤን ኣዳለውታን ሓበን እዩ። ስማ "መንእሰይ" ስለ ዝኾነ፡ ንገለ ኻብቶም ቅሩብ ሸምገል ዝበልና ወይ ብናይ ሃማመተኤ ኣጸዋወዳ ናብ ሸማግለ ኣዕሩኽ መንእሰያት እተሰጋገርና፡ እዛ መጽሔት ትምልከተና ኾይኑ ይሰምዓና ኣይነበረን። ይኹን'ምበር መጽሔት መንእሰይ ብዘይ ዕድመ ኣፈላላይ ንኹሉ ዝኸውን ትሕዝቶ ዝርከባ ምኳና፡ ንዓይን መዛኖይን እናተጋህደትልና መጺኣስ ድሮ'ኳ ዓማዊላ ክንከውን በቒዕና ኣሎና። ብወገነይ ካብ ኣንባቢ ናብ ኣበርካቲ ዘሰግረኒ ዓናቕጽ ኩዳሉ ጀማሚረ ኣለኹ። ሓንቲኣይ ኢልኩም ከም ትቕበሉኒ ድማ እምነተይ እዩ።

ናብ'ቲ መበገሲ ርእይቶይ ክምለስ፡ ብስምኦን ወልደሚካኤል ክዳለዉ ዝጸንሑ ጽሑፋት ብዕምቈት ክከታተሎም ጸኒሐ። ከም እኒ ብዓል "መሰስ ኑቲ ዓቕብ"፡ "ፍልስፍና፡ 'ኣነ ኽሓልፍ ንስኻ ጽናሕ'"፡ "ለውጢ፡ ንምንታይን ስለምንታይነትን" ዝበሉ ብቐረባ ዝዘከርክዎም ጽሑፋት ዕምቈት ዘለዎም ኮይኖም ረኺበዮም። ስምኦን በዚ ሒዝዎ ዘሎ፡ ኣበርክቶኡ ቀጻልን ዛራዩን ክኸውን ድማ እላበዎ።

*ሴም ስምኦን ካብ መንደፈራ*

## ኣማእዚቲትን ደራኺትን ጽሑፍቲ

መጽሔት መንእሰይ ወዘተ. ምስ ረኺበክዎ፡ "ንፋዕ ሰብ ከመይ ዝበለ'ዩ?" እትብል ጽሑፍቲ ኣመና ዝመሰጠትኒ ዓንቀጽ ረኺበ፡ ደጋጊመ በል ኢለያ። ካብኡ ንንጀው፡ ኣብ ነፍሲወከፍ ሕታማ ኣምሊጣትኒ ኣይትፈልጥን እያ። እታ ጽሑፍቲ ንዓይ ብዙሕ ነገር እያ ኣዘናኺራትኒ፡ ምሂራትኒ፡ ኣጸናኒዓትኒ ድማ። ንድሕሪት ከም ዝምለስ ገይራ፡ ዝሓለፍክዎ፡ ዝተዓዘብክዎ፡ ዝሰማዕክዎ ኮታስ ኩሉ ኣብ ሕሉፍ ሂወተይ ዘጋጠመኒ እርይ ቁጽር ኣቢላ ብምቕራብ ኣዝዩ ኣደንቂያ።

መጻኢ'ኻ ክጽብቕ፡ ብርሃን ክትርኢ፡




ናብ ዝሓሸ ሂወት ክትሰግር ወዘተ. ክትሓልፎ ዘለካ፡ ክትጽመሞ ዘለካ፡ ክትገብሮ ዘለካ ኸኣ ብዓቢኡ ብዙሕ ነገር ከም ዘሎን እንታይ ሚላን ምብላሓትን ትግበር ዓበዩ ምኽሪ ሓዚል ትሕዝቶ ዘለዋ ጽሑፍቲ እያ።

ነታ ጽሑፍቲ ኣዝዩ እየ ዘምስግና፡ ምኽንያቱ ብድሕሪኡ ዓሚል መጽሔት መንእሰይ ክኸውን ድርኺት ፈጢራትለይ ስለ ዝኾነት። መጽሔት መንእሰይ ኣብ ነፍሲወከፍ ሕታማ ኩሉ ነገር ኣማሊኣ ትቐርብ፡ ንኹሉ ሕብረተሰብ ኤርትራ ብቕዕቲ ምኻና ምስክር እያ። ሕጉስ ድማ'የ።

*ኣቶ ነጋሽ ሰሎሞን ዘርኣም*
*ካብ መ/ን/መራኽብ ኤርትራ*

## ሰማእታትና ወትሩ ይዘከሩ!

ወርሒ ሰነ ኣብ ኤርትራ ኑቶም መሰረት ህላወናን ምንጪ ዘሐብን ታሪኽናን ክብርታትናን ዝኾኑ ጀጋኑ ሰማእታትና እንዝክረላ ወርሒ እያ። ክንዲ ዝኾነ፡ መጽሔት መንእሰይ ኣብ ናይ ዝሓለፈ ሕታማ፡ ጉዳይ ሰማእታት ዝለዓለ ኣድህቦ ሂባ ምውጻኣ፡ ኣብቲ ዝነበርኩ ፍቕሪ ፍቕሪ ወሲኻትለይ። ሞሳ ኸኣ ይግበኣ። ናይ ቅድሚትን ዳሕረዋይን ገበር ብልክዕ ንኽብሪ 'ቲ ዕለት ዝገልጽ'ዩ ነይሩ። ምስ'ቶም መንእሰያት ሰራሕተኛታት ዝተኻየደ ሓባራዊ ዘተ'ውን ንኹሉ'ቲ ምስ ሰማእታት ኣብ ዝተኣሳሰሩና ጉዳያት መረዳእታ ዝፈጥር ብምንባሩ፡ ንኹሎም ተዛተይቲ በዚ ኣጋጣሚ ከመስግኖም እደሊ።

*ኢድሪስ ዑመር ካብ ጸጸራት*




# ኣብ ተመሃሮ ካልኣይ ደረጃን ኮለጃትን ዝጸንሐ ኣተኩሮ ብዝሓየለ ኣድማዕነት ይቕጽል

ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን ኤርትራ ብ11-12 ሓምለ "መንእሰይ ይንቃሕ፡ ይወደብ ይዕጠቕ" ኣብ ትሕቲ ዝብል መሪሕ ቴማ፡ ኣብ ኣስመራ ኣዳራሽ ጁንጃር ኣብ ዘቃንዩ ኣኼባ ናይ ቀዳማይ መንፈቕ ንጥፈታቱ ብምግምጋም ኣብ ትግባረ መደባት ካልኣይ መንፈቕ ውጥን ስራሕ ዘትዩ።

ኣብ'ቲ ኣኼባ ኣብ ጨናፍር ኣብያተ ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃን ኮለጃትን ብኣተኩሮ ብምስራሕ እተኻየደ ኣካዳምያዊ መደባት፡ ኣስተምህሮታትን ስልጠናታትን ጸላዊ ምንባሩ፤ ሓሙሻይ ኮለጃት እተሳተፍኦ ዓሰራይ ፈስቲቫል ትካላት ላዕለዋይ ትምህርቲ - 2023፡ መንፈስ ፈጠራውነትን መሳተፍትን ተመሃሮ ኮለጃት ብዝኾነሉ ብወዕወዐ ኣገባብ ምኽያዱ፤ ኣብ ኩለን ዞባታት እተኻየደ ቅነ ውጻኢታት፡ ኣብ ምሕያል ውጻኢታት ማሕበር ዝዕቢ ተራ ዓቢዩ ምንባሩ፤ ኣብ ቅንያት ሃገራውያን በዓላት (24 ግንቦት መዓልቲ ናጽነትን 20 ሰነ መዓልቲ ሰውኣትን) ኣብ መላእ ሃገር እተኻየዱ ባህላዊ መሰናድኣታት፡ ሰልጠን ሃገራዊ ባህልን ክብርታትን ናብ መንእሰይ ወለዶ ከም እተሰጋገረ ዘኾልሕ ምንባሩ፤ ኣብ ኩለን ዞባታት እተኻየደ 19 ዓይነት ሞያዊ ስልጠናታት ብዝበልጹ ከም እተዓመን ጽልዋኡ ኣብ ባይታ ክንጽበረቕ ምጅማሩ፤ መንእሰያት ፈጠራውነቶም መዛኑዖም ንምዕባይን ንምትብባዕን ዕላማ ገይሩ ዝተበገሰ ፕሮጀክትታት ምህዞን ሰንዓን መዝምዝሚ ቕጥዕታት ብምውዳእ ኣብ 6 ዝተመርጸ ፕሮጀክትታት ብመልክዕ ሓገዝን ልቓሕን መጠነ ደገፍ ከም እተገብረ ኣብቲ ብሓለፍቲ ክፍልታት ማእከላይ ቤት ጽሕፈትን ዞባታትን ዝቐረበ ዝርዝራዊ ጸብጻብ ተገሊጹ።

ኣብ ዝቐረበ ጸብጻብ ብዘወሰኸ፡ ኣብ ምሕያል ውዳበ መንእሰያት ስራሕተኛታት ዝተዓመ ንጥፈታት፤ ተሳትፎ መንእሰያት ኣብ ልምዓትን ማእቶትን ንምሕያል ዝተኻየደ መታቓቕሒ መደባት፤ ከሉመዲያዊ ንቕሓት መንእሰያት ንምዕባይ ዝተዓመ ዜናዊ መደባት፡ ዝምድናታት ማሕበር ኣብ ዞባውን ኣህጉራውን መዳይ ንምዕባይ ዝተሰላሰሉ ንጥፈታት ብዕምቈት ብምርኣይ ዝማሰገን ኸጋስ ከም ዘርኣየ ተገምጊሙ።

ተሳተፍቲ ድሕሪ ዝገበርዎ ደቒቕ ገምጋም፡ ኣብ ዝቕጽል መንፈቕ ዓመት፡ ኣብ ኩለን ዞባታት ኣብ መንእሰያትን ተመሃሮን ዝኾደ ስሩዕ መሰርሕ ንቕሓትን ውዳበን ዓይነታውን ጸላውን ንምግባሩ መጽናዕታዊ ገምጋም ክካየድ፤ ተሳታፍነት መንእሰያት ኣብ ትምህርቲ ብሕልፊ ኣብ ርሑቕ ከባቢታት ብሕብርን ጾታን ምዕሩይ ከም ዝኸውን ኣብ ምግባር፡ ደራኺ ኣስተምህሮታትን ኣካዳምያዊ መደባትን ክካየድ፤ ንሲቪካዊ ትምህርቲ ተዳልዩ ዝጸንሐ መምሃሪ መጽሓፍቲ ምስ እዋንን መድረኽን ተቓጂዩ ምእንቲ ክቐርብ ዳግማይ ዕቱብ ናይ ኣርትዖት መስርሕ ክካየደሉ፤ ኣብ ሞንጎ ንኡሳን ዞባታት ዘሎ ሓይሊ ውጻኢታትን ተሳታፍነትን ምዕሩይ ክኸውን ዝድርኽ ኣገባብ ክተኣታቶ፤ ኣብ ግብራዊ ተሞኩሮን ልምምድን ዝተኮረ ስልጠናታት መሪሕነትን ምሕደራን ብዝሓየለ ኣድማዕነት ክቕጽል፤ መረዳእታን ተሳታፍነትን መንእሰያት ኣብ ትምህርቲ፡ ሃገራዊ ኣገልግሎትን ምህናጽ ሃገርን ዘዕቢዩ ንጥፈታት ክስራዕ፤ ፖለቲካውን ንቕሓታውን ንጥፈታት ወጽኢቱ ክግምገም ብዘኽእል ኣገባብ ክትግበር፤ ክምዕበል ዝጸንሐ ፕሮጀክት ምሕያል ማእከላትን ምህዞን ሰንዓን ናብ ግብራዊ ስራሕ ክሰጋገር ዝበሉን ካልኦትን ብኣተኩሮ ክስራሓሉም ኣብ ሓባራዊ መረዳእታ ተበጺሑ።

ኣቦመንበር ማሕበር ብጻይ ሳልሕ ኣሕመዲን ኣብ ዘሰምዖ ናይ መዛዘሚ ቃል፡ ትምህርቲ ኣብ ርእሰ'ቲ ብደረጃ ውልቀሰብ፡ ስድራቤትን ሕብረተሰብን ወሳኒ ባህታን ዕግበትን ዝህብ ምዃኑ፣ ቀንዲ መሳርሒ ማሕበረ-ቁጠባዊ ምዕባለ ስለ ዝኾነ፡ ኣብ ዓበይትን ወሰንን ሃገራዊ ዕማም፡ መላእ ሕብረተሰብ ብብዓቕሙ ብብዝምልከቶ ዓውዲን እጃሙ ከበርክተሉን ምዕባሌታቱ ብደቂቕ እናተኸታተለ ድኻማቱ ዝፍውስ ስጉምትታት ክወስድን ኣተሓሳሰበ። ብጻይ ሳልሕ ብዘወሰኸ፡ ናይ ምዕባለ ስትራተጂና ብምልኣት ንኸዕውት፡ ኣብ ኣካዳሚ ጥራሕ ዘይኮኑ ኩሎም ኣካላት መንግስትን ህዝብን ውልቃውን ትካላትን፡ ብብዓውዶም፡ ብቐጻሊ ትምህርትን ስልጠናን ሞያን ክእለትን ዝዓጠቐ ኣፍራይቲ መንእሰያት ንምፍጣር ዘቋርጽ ጻዕሪ ክገብሩ ኣዘኻኺሩ። ማሕበር ኣብዚ ሒዝናዮ ዘለና ሓድሽ ዓመት ትምህርቲ'ውን እቲ ኣብ ተመሃሮ ዝጸንሐ ኣተኩሮ ብዝሓየለ ኣድማዕነት ክቕጽሎ ምዃኑ ድማ ኣስሚሩሉ።

# ቤት ትምህርቲ ቋንቋ ዓረብ ሃማመተኤ ናብ ዝሓሸ ገስጋስ

ሃገራዊ ማሕበር መንእሰያትን ተመሃሮን ኤርትራ፡ ከም መቐጸልታ ናይ'ቲ ብቐጻሊ መንእሰያት ብፍልጠት፡ ሞያን ክእለትን ንምዕባይ ዝገብሮ ጻዕሪ፡ ኣብ መፋርቕ 2020፡ ቤት ትምህርቲ ቋንቋ ዓረብ ብምኽፋት፡ ካብ ዝተፈላለዩ ትካላት መንግስቲ፡ ግንባርን ሃገራውያን ማሕበራትን ንዝመጹ ሰራሕተኛታት እናተቐበለ ከምህር ጸኒሑ ኣሎ።

እቲ ቤት ትምህርቲ ንሓሙሻይ ግዜኡ ንዘምሃሮም 92 ተመሃሮ ብ4 ነሓሰ ኣብ ዘመረቐሉ ኣጋጣሚ፡ ዳይረክተር እቲ ቤት ትምህርቲ ብጻይ ኣሕመድ ዑመር ሸኽ ኣብ ዝሰምዖ ቃል፡ እቲ ቤት ትምህርቲ ኣብ መፋርቕ 2020 ካብ ዝጀምር ንነጀው፡ ድሮ ንሓሙሻይ ግዜኡ ምሂሩ ኣብ መመረቕታ ከም ዝበጽሐ ገሊጹ። ንሱ ብተወሳኺ፡ እቲ ቤት ትምህርቲ ምኩራት ወለንተኛታት መምህራንን ኣማኸርትን ዝተሳተፍዎ፡ ምስ ባህልን ክብርታትን ሕብረተሰብ ኤርትራ ዝሳኒ ንኣስታት ሓሙሽተ ወርሒ ናይ ዝኸይድ ኮርስ ንድፊ መምሃሪ ካሪኩለም ድሕሪ ምምዕባል፡ እቲ ቤት ትምህርቲ ተመሃሮ ተቐቢሉ ኣብ ክልተ ክላሳት ግቡእ ትምህርቲ ክህብ ከም ዝጀመረ ኣረዲኡ።

ብጻይ ኣሕመድ ቀጺሉ፡ እቲ ቤት ትምህርቲ ብመንእሰያት ሰራሕተኛታት ዞባ ማእከል ከም ዝጀመረን ናብ መላእ ሃገር ንምስፍሑ ኣብ መደብ ከም ዘሎን ብምብራህ፡ ናብ መሻርኽቲ ትካላት፡ ጨንፈር ብምኽፋት ከምህር መደብ ከም ዘለዎን ድሮ'ውን ንግዱሳት ሰራሕተኛታት ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ፡ ኣብ ቀጽሮም ቤት ትምህርቲ ኣብ ምኽፋት ምትሕብባር ከም ዝገበረ ሓቢሩ። ኣብ ቤት ማእሰርቲ ተሃድሶ (ሰምበል) እውን ብተመሳሳሊ፡ ብሓገዘን ደገፍን ናይ'ዛ ቤት ትምህርቲ ስልጠና ከም እተዋህበ ወሲኹ ኣረዲኡ።

ብጻይ ማሕሙድ ብምቕጻል፡ ብ1 ነሓሰ ኣብ ትሕቲ ጽላል ሃማመተኤ እትጥርነፍ፡ ኣኳያዲት ኣካል ብምምራጽ ክለብ ተመሃሮ ቋንቋ ዓረብ ከም እተመስረተትን ድሮ ስራሓ ጀሚራ ኣብ ጽቡቕ ንጥፈት ከም ዘላን ኣብሪሁ። ኣባላት እታ ክለብ፡ ኣብ ምንባብ መጻሕፍቲ፡ ኣብ ስነጥበብ፡ ኣብ ምስማዕን ምዕዛብን ብቛንቛ ዓረብ እተዳለዉ ኣውድዮን ቪድዮታትን፡ ከምኡ'ውን ኣብ ሓፈሻዊ ንጥፈታት ሃማመተኤ ኣበርክቶ ኣብ ምግባር ክሳተፉ ምኻኖም ገሊጹ።

ብጻይ ኣሕመድ ዑመር ሸኽ ኣብ መወዳእታ፡ ንተመረቕቲ እንቋዕ ሓጎሰኩም ብምባል፡ ንጻዕሪ መምህራንን ተመሃሮን ኣባላት ማሕበርን ድሕሪ ምምስጋን፡ ቡቶም ተመረቕቲ ንዝተቐስመ ስልጠና ዘንጸባርቕ ምርኢታት ቀሪቡ።

ንተመረቕቲ ተመሃሮ ቋንቋ ዓረብ ወኪሉ ቃል ዘሰምዐ ተመሃራይ ቋንቋ ዓረብ ፊልሞን መልኣከ ብወገኑ፡ ኣብቲ ትምህርቲ መባእታዊ ኣፍልጦ ቋንቋ ዓረብ ብምቕሳም፡ ብምጡን ብቛንቛ ዓረብ ከንብቡ፡ ክጽሕፉ፡ ክዛረቡን ክርድኡን ከም ዝኸኣሉ ብምግላጽ፡ ቡቲ ዝቐሰመ ክለብ ኣቢሎም ድማ ፍልጠቶም ከዕብዩ ኣፍደገ ከም እተራሕወሎም፡ ኑቲ ዝተማህርዎ ብዖጉብራዊ ስራሕን ምብህሃልን ከማዕብልዎ ምኻኖም ኣብሪሁ። ሃማመተኤ ንዝኸፈቶ ዕድል ድማ ኣመስጊኑ።

ኣቦመንበር ሃማመተኤ ብጻይ ሳልሕ ኣሕመዲን፡ ንተመረቕቲ ተመሃሮ ናይ እንቋዕ ሓጎሰኩም መልእኽቲ ድሕሪ ምትሕልላፍ፡ እቲ ቤት ትምህርቲ ደረጃ ብደረጃ ዝምዕበለሉን ናብ ኩሉን ዞባታት ዝዝርጋሓሉን ኣገባብት ኩተኣታቱ ይስረሓሉ ከም ዘሎ ኣብሪሁ።

ተመረቕቲ ኣብ መወዳእታ፡ ካብ ኢድ ኣቦመንበር ብጻይ ሳልሕ ኣሕመዲንን ሓለፍቲ ክፍልታት ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ማሕበርን እተዳለወሎም ምስክር ወረቐት ተዓዲሎም።

ቤት ትምህርቲ ቋንቋ ዓረብ ኣብ ሓሙሽተ ዙርያታት፡ ብድምር 313 ተማሃሮ ኣመሪቑ ኣሎ።













## ፈስቲቫል 2023

# ዘጕልሖ ሓቅታት

ኤርትራ ሎም ዘመን ክልተ ድርብ ፈስቲቫላት ኣኣንጊዳ። ኣብ ወርሒ ግንቦት ዝተኻየደ ፈስቲቫል ትካላት ላዕለዋይ ትምህርቲ (ኮለጃት) ከምኡ'ውን እቲ ብምኽንያት ኮቪድ 19 ተቛሪጹ ዝጸንሐ፡ ኣብ ውሽጢ ሃገርን ወጻእን ዓመታዊ ዝካየድ ሃገራዊ ፈስቲቫል።

ናይ ሎሚ ዘመን ፈስቲቫል፡ ኣብ ፍልይ ዝበለ ፍስሃ ወ ሰላም ዝዓሰሎ ታሪኻዊ ኣጋጣሚ'ዩ ተኣንጊዱ። ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብዚ ዝሓለፈ ርብዒ ዘመን ብቐጥታዊ ወራር ኮነ፡ ብፖለቲካዊ፡ ጸጥታውን ቁጠባውን ሽርሒታት፣ ብፍልሰት መንእሰያት፡ ብዲፕሎማሲያዊ ተነጽሎን ዘመተ ምስይጣንን ንምንብርካኹ ዝተኻየደ እልቢ ዘይብሉ ተጻብኦታት ብጽንዓት መኪቱ፡ ንኹሉ ሃቐነታት ኣላሽ ኣቢሉ ብኣንጸባራቒ ዓወት ኣብ ዝወጻሉ እዋን ዝተኣንገደ ፈስቲቫል ምኳኑ ፍሉይነት ኣለዎ። እዚ ዝፈጠሮ ባህታ ንፈስቲቫላት ሎሚ ዓመት ዝያዳ ድምቀት ሂቡዎ እዩ።

ብኣንጻሩ፡ ወትሩ ዕዉት ህዝቢ ኤርትራ፡ ነዚ ኹሉ ማሕለኻታት፡ እንተላይ ነዚ ናይ መወዳእታ ንወያነ ብምዕሳብ ዝተኻየደ ፍሹል ዕንደራ ኣዲቡ፡ ተወሳኺ ቅያ ምፍጻሙ ዘሰንበዶም ታሪኻውያን ተጻባእቲ ብእንጽርጽሮት ጨርቀም ደርብዮም ዕቡዳኖም ዘቃልዕሉ ኣጋጣሚ ምንባሩ ናይ ሎሚ ዘመን ፈስቲቫል ፍሉይ ይገብሮ። እቲ ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ወጻኢ፡ ንገለ ሃሱሳት ደቂ ሃገር ከምኡ'ውን ኣብ ትግራይ ብዘጋጠመ ስዕረት ምሒር ዘንጸርጸሩ ብስም ኤርትራውያን ኣብ ወጻኢ ሃገር መንበሪ ወረቐት



ዝረኸቡ ጭኑቓት ኣኻኺቦም፡ ፈስቲቫል ኤርትራውያን ንምዝራግ ዝገበሩዎ ምህሙን ፈተነታት መርኣያ ናይ'ዚ ዕቡዳን'ዚ እዩ።

ከም ዝፍለጥ ኤርትራ ዘይቅዱስ ኪዳን ፖለቲካዊ ዛዕባን ነጋዶ ፍልሰትን ኣኽቢዱ ዝጸለዋ ሃገር እያ። ኣይተዓወቱን ድኣ እምበር፡ ምዕራባውያን ሃገራትን ናይ ስለያ ትካላቶምን፡ መጋበርያ ዝኾና ትካላት ሰብኣዊ መሰል፡ ከምኡ'ውን ከም ላዕለዋይ ተጸዋዒ ጉዳይ ስደተኛታት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝኣመሰሉ ኣህጉራውያን ውድባት፡ ኣብዚ ዝሓለፈ ርብዒ ዘመን መኸተ ህዝቢ ኤርትራ ንምጽዓድ፡ እንተ ተኻኢሉ እውን ኣብ ግዳም መጋበርያ ዝኾኑ ዜጋታት ወዲብካ፡ ኣብ ኤርትራ ናይ ስርዓት ለውጢ ንምምጻእ፡



ኤርትራውያን መንእሰያት ሃገሮም ለቒቆም ናብ ስደት ከቕንዕ፡ ኣደናቒሪ ናይ ምስይጣን ዘመተን ናይ ዕቑባ ዕድላትን ዘሰነዮ ዝተወሃሃደን ሓያልን ጻዕሪ ኣካዪዶም እዮም። በዚ ኣስዳዒ ዘመተታት'ዚ ድማ፡ ናብ ስደት ዘምርሐ መንእሰይ ውሑድ ኣይነበረን።

እዞም ታሪኻውያን ተጻባእቲ፡ ነዞም ካብ ሃገሮም ዝወጹ መንእሰያት ፈለማ ኣብ መዓስከር ስደተኛታት ትግራይ ኣኪቦም፡ ኣንጻር መንግስቲ ኤርትራ ዕጥቃዊ ተቓውሞ ከልዕሉ ብዙሕ ጎስጉሶምን ጽዒሮምን እዮም። እንተ ኾነ መንእሰያት ኤርትራ ካብ ሃገር ዘውጽኦም ዕላማ ጉዳይ መንብሮ እምበር ፖለቲካዊ ምኽንያት ስለ ዘይነበረ፡ ግዳይ ናይ ከምዚ ዓይነት ሽርሒ ክኾኑ ኣይከኣሉን። እኳ ድኣ ኣብቲ ዝኸድዎ ሃገር ምስ በጽሑ፡ ኣብ ማሕበረ ኮማት ብምጥርናፍ፡ ኣንጻር ሃገሮም ዝቐንዐ ተጻብኦታት ኣብ ጎድኒ ህዝቦምን መንግስቶምን ኮይኖም ክምክቱ እዮም ተራእዮም። ኣብዚ ዝሓለፈ ሰለስተ ዓመታት ኣብ ዝተሃቀነ ዕንደራ ድማ፡ ዘይንቕነቕ ሃገራዊ መርገጺኦም ብዘየዳግም ኣመስኪሮም።

እቲ ብዝተራቐቐ ውጥን እናተመርሐ፡ ዓቕሚ ሰብ ናይ'ዛ ሃገር፡ ብሕልፊ ድማ ኣእምሮን ጉልበትን መንእሰያት ንምጽንቃቕ ዝዓለመ ውዱብ ገበን ፍልሰት እምበኣር፡ ምስናይ ኩሉ ዝተገብረሉ ምወላ፡ ናይ ዕቑባ ሓለፋን ጽዑቕ መደናገሪ ፕሮፖጋንዳን ፋይዳ ኣይተረኽቦን። በዚ ሃዋጺ ዘመተን ዝፈጠርዎ ኣተባባዒ ባይታን፡ ግዳይ ናይ'ቲ ውዲት ዝኾነ መንእሰይ፡ ኣይደንጎየን ሽርሒ ተጻባእቲ ቀልጢፉ ነቒሕሉስ መሳርሒኦም ክኸውን ኣይመረጸን። ዝበዝሕ ከኣ ኣብቲ ቅኑዕን ስጡምን መስመር ተመሊሱ፡ ሃገራዊ ግቡኡ የበርክት ኣሎ።

ህዝቢ ኤርትራ፡ ዝሓለፈ ርብዒ ዘመን፡ ከቢድ ብድሆታት ሰጊሩ፡ ብዓወት ክወጽእ ዝኸኣለ ብኸምዚ ዝኣመሰለ ፖለቲካውን ስነ-ኣእምሮኣውን ብልጸቱ እዩ። በረኽ ንቕሓትን ነዊሕ ተሞኩሮን ዘለዎ ህዝቢ ስለ ዝኾነ ብዝተፈነወሉ ቅሉዕ ወራርን በቲ ንዓመታት ዝቐጸለ እልቢ ዘይነበሮ ናይ ምስይጣን ዘመተታትን ሽርሒታትን ኣይተሰናበደን። ብውዲትን ሸሕጣንን ምድንጋርን ሃገራዊ ረብሓታቱ ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ዘእቱ ህዝቢ ከም ዘይኮነ ኸኣ ብግብርን ብተደጋጋምን ኣመስኪሩ። ብርግጽ ድማ ሓደ ህዝቢ ወይ ሃገር፡ ህላወኡ ከውሕስ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ ጎደና ዕብየት ክምርሽ፡ ረብሓታቱን ረብሓታቱ ዘረጋግጸሉ መገድን ኣነጺሩ ዝፈልጥ እንተ ኾይኑ፡ ካብ መስመሩ ከንደልህጾ ዝኽእል ሓይሊ የልቦን። ጉዕዞ ዝሓለፈ ርብዒ ዘመን እምበኣር፡ ህዝቢ ኤርትራ ንዓሎቕን ምድንጋርን ብልዑል ሃገራዊ ስምዒት፡ ዜግነታዊ ሓላፍነት፡ ንቕሓትን ብልጸትን ዘመከተሉ፡ ብሽርሒታት ተጻባእቲ ከይተዳህለለ ሃገራዊ ረብሓታቱ ኣሕሊፉ ከይሃበ ዘሑብን ቅያ ዝፈጸመሉ እዋን እዩ ነይሩ።

ኣብ ብዙሕ ከባቢታት ዓለም እንተላይ ኣብ'ተን "ምሁርን ስልጡንን ህዝቢ ኣለና" ዝብላ ሃገራት፡ ፖለቲካዊ ስራሕ፡ ንሰብ ፍሉይ ረብሓ ጥራይ ዝምልከት እዩ። እቲ ዝበዝሐን ታሕተዋይን ቀጸላ ሕብረተሰብ፡ ብፍላይ ከኣ እቲ መንእሰይ፡ ጉዳይ ሃገር፡ ጉዳይ ገዛእ ርእሱ ክንሱ፡ ዝምልከቶ እውን ኣይመስሎን። ብኣንጻር'ዚ ሓቂ'ዚ ኣብ ኤርትራ መንቀልን ተግባርን ኩሉ ፖለቲካውን ልምዓታውን መደባት ሃገር ሓፋሽ ህዝቢን ውፉይ መሪሕነቱን'ዩ። ካብኡ ናብኡ ድማ መንእሰይ። ኤርትራዊ መንእሰይ፡ ልዑል ፖለቲካዊ



ንቕሓት ዘውንን፡ ብሉጽ ክብርታት ሕብረተሰብ ዘሰነቐ እምብዛ ሃገራዊ፡ ውፉይን ማእቶታውን መንእሰይ እዩ። ንግዳማዊ ሸርሒን ስነኣእምሮኣዊ ኩናትን ነቒሑ ብምክትታል፡ ንጸላእቲ ተስፋ ዘቝርጽ፡ ቅልጡፍን ዝተወሃሃደን ግብረ መልሲ ናይ ምሃብ ስልጡን ባህሊ ዘጥረየ ድማ እዩ። ንናጻ ሕርያን ቅኑዕ መርገጺን ኤርትራ፡ ሓይሊ ዝሃቦ ቀንዲ ረቛሒ ኸኣ፡ እዚ ንቑሕ ተሳትፎ ህዝቢ ኣውራ መንእሰያት ኣብ ውሽጢ ሃገርን ወጻኢን እዩ። እንተላይ እቶም ኣብ ኤርትራ ዘይተወልዱን ዘይዓበዩን መንእሰያት፡ ዘለዎም ልዑል ሃገራዊ ፍቕሪን ስምዒትን ጉሉሕ መርኣያ ናይ'ዚ ስሙር ኣረኣእያ እዩ።

ከምቲ ዝተጠቐሰ ንርብዒ ዘመን ዝኣክል ኣብ ርእሰና ዝተጠምጠመ ውዲት ኣበርዒንና ናብ ሓድሽ መድረኽ ሰጊርና ኣሎና። ኣቲናዮ ዘለና ሓድሽ መድረኽ፡ ተጻብኦታት ብስጡም ውህደትን ጽንዓትን ህዝብና ኣውራ መንእሰያትን ዘፍ ኢሉ፡ ሃገርና ብኹሉ መዳይ ናብ ዝሓሸን ትስፉውን መድረኽ ሰፊሕ ናይ ልምዓት ዕዮን እትሰጋገረሉ ዘላ እዋን እዩ። ተስፋና ዝያዳ ደሚቑ፡ ራእይ ሃገርን ህዝቢን ብምልኣት ክሰምር ከኣ፡ እዚ ዘሐብን ሃገራዊ ክብርታት ተዓቂቡ ክቕጽልን ናብ ውሉድ ወለዶ ክሰጋገርን የድሊ።

ህዝቢ ኤርትራ፡ ክብርትን ስልጥንትን ሃገር ክሃንጽ ልዑል ባህጊ ኣለዎ። መንእሰይ ኤርትራ ኸኣ፡ ትግባረ ናይ'ዚ ረዚን መሰዋእቲ ዝተኸፍሎ ሃገራዊ ባህጊ'ዚ ንምርግጋጽ፡ ብሓያል ድሌትን እምነትን ክትኣምኖ ብዘጸግም ተወፋይነትን ጽንዓትን ተጊሁ ክሰርሕ ጸኒሑ ኣሎ። ብኒሕን ምጽማምን ተወፍዩ ሳላ ዝጸዓረ ድማ እዩ፡ ሎሚ ሃገርና፡ ኣብ ውሑስ ባይታ ረጊጻ ኣብ ጎደና ቁጠባዊ ዕብየት ቀሲና ክትምርሽ ናብ እትኽእለሉ መድረኽ ኣብቂዕዋ ዘሎ። ነዚ ምስጢር ዓወቱ ዝኾነ ብሉጽ ዕጥቕ'ዚ ሒዙ ምረሻኡ ብምቕጻል ከኣ፡ ራእይ ህዝብን ሃገርን ብምልኣት ከም ዝጭብጥ ርጉጽ'ዩ።

ዝሓለፈ ዘሐብን ታሪኽናን ኣንጸባራቒ ዓወታትናን ዘዘኻኽረና ነገር እንተሎ፡ ኑቲ ክቡር ጸጋና፡ ሃገራዊ ስኒትን ውህደትን ዝያዳ ከነሰስኖን ከም ብሌን ዓይንና ክንሕልዎን ከም ዘለንና እዩ። ኣብ ቃልሲ ንናጽነት ዝተወልደ ባህላዊ ንጥፈት ፈስቲቫል ኤርትራ ኸኣ፡ መግለጺ ዘቕንእ ሃገራዊ ፍቕርናን ጥምረትናን ዕውት ምረሻናን ኮይኑ፡ ጽባቐ ብዙሕነት ዝሰረቱ ባህልናን ስኒት ዝሕላገቱ ታሪኽናን ኣነባብራናን እነጉልሓሉ፣ ገዲምን ሓድሽን ወለዶ ኣብ ሓደ ቅርዓት ብምርኻብ ነዚ ዘሐብን ታሪኽን ክብርታትን'ዚ እነሰጋግረሉ፡ ብሉጽ ያታ ዝሰረቱ ሃገራዊ ባህሊ እነዐንብበሉ ብምዃኑ፡ ወትሩ እናሰሰነን እናደመቐን ክኸይድ ዝግብኦ ትውፊት እዩ።



# **ምስፍሕፋሕ** ዘየቃዱ ሕማም

ለባማት መሰልቲ ኣምሓራ፡ “የቆጡን ላውርድ ብላ የብብቷን ጣለች” ይብሉ። “ኣብ ሰንቂ ዘሎ ከተውርድ ክትብል፡ ኣብ ቱሽቱሻ ዘሎ ኣውደቕት” ማለት እዩ።

ጠንቂ ውድቀት ተኸታተልቲ ስርዓታት ኢትዮጵያ ክኸውን ካብ ዝጸንሐ ዓበይቲ ረቛሒታት ሓደ፡ ዘይናትካ እናጠምትካ ክትግብት ምንብሃዅ፡ ብሕልፊ ድማ ንሰሜን ናብ ባሕሪ ገጽካ ናይ ምስፍሕፋሕ ሕዱር ሕማም እዩ። ዓሻ ዝተኸሎ ለባም ነይነቕሎ ከምዝበሃል ድማ፡ እዚ ደይ መደይ ኢልካ ብቐንዱ ንግሎባዊ ስትራተጂ ርእሰ ሓያላን ተባሂሉ ብዝተሰንዐ ታሪኽ ዝተደገፈ ናይ ምስፍሕፋሕ ሕማምን ናይ ባሕሪ ህርፋንን ሎሚ ድሕሪ 32 ዓመታት ናጽነት ኤርትራ እውን በጨቕ ክብል ይስማዕ እዩ።

ምስፍሕፋሕን ዘይናትካ ምግባትን ብሰላማውን ስልጡንን ፖለቲካ ዝሕሰብን ዝርከብን ኣይኮነን። ዕንደራን ስነ-ሞጎት ሓይልን ብዝእዝዞ ፖለቲካ እምበር። በዚ ምኽንያት ድማ'ዩ፡ ሓይልን ትምክሕትን ቀንዲ ዕጥቂ ቀዳሞት ስርዓታት ኢትዮጵያ ኾይኑ ዘገልገለ። የግዳስ ሓይልን ትምክሕትን ንሓቂ ክዕምጽጽ ዝኽእል ኣይኮነን። ሕማም ምስፍሕፋሕን ናይ ባሕሪ ህርፋንን ገዛእቲ ኢትዮጵያ ምስ ፍትሕን ክውንነትን ተራጺሙ ብተደጋጋሚ ዝተሳዕረ በዚ ምኽንያት እዩ።

ሃጻይ ሃይለስላሰ፡ ብህርፋን ግዝኣት ምስፋሕን ሕማም ባሕርን ነቲ ኣብ መንጎ ሃገሩን ኤርትራን ብውሕስነት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝተኣትወ ውዕል ፌደረሽን ብኢደ ዋኒኑ ኣፍሪሱ፡ ንኤርትራ ብዘይ ድሌት ህዝባ ብሓይሊ ኪጉብጣ ዝገበሮ ፈተነ፡ ነዊሕን ደማውን ኲናት ኣስዒቡ፡ ኣብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ከቢድ ሰብኣውን ቁጠባውን ዕንወት ኣኸቲሉ፡ ኣብ መወዳእታ ዕላማኡ ኣይጨበጠን ጥራይ ዘይኮነ፡ ጠንቂ ውድቀቱ'ዩ ኾይኑ። ንዕኡ ዝተክአ ወተሃደራዊ ጉጅለ ደርግ እውን፡ ነዚ ጌጋ'ዚ ዝእርም ልቦና ኣይነበሮን። ንጉዳይ ኤርትራ ፖለቲካዊ ፍታሕ ኣብ ክንዲ ዘናድየሉ፡ ንህዝቢ ኢትዮጵያ ብስኑዕ ታሪኽን ድሑር ትምክሕትን እናረሳሰነ፡ ብሃብትን ህይወትን ህዝቢ ኢትዮጵያ ኣብ ኲናት ኤርትራ ተጣሊዑ፡ ዕላማኡ ከይወቕዐ፡ ሃገርን ህዝብን ለኪሙ፡ ዕምሪ ስልጣኑ ኣኽቲሙ።

ውሩይ ኢትዮጵያዊ ደራሲ በዓሉ ግርማ፡ ንተሞኩሮ ናይ'ዞም ክልተ ስርዓታት ድሕሪ ምዕዛብ፡ ኣብ'ታ “ኦሮማይ” ዘርእስታ መጽሓፉ፡ ሓደ ዓቢ ምኽሪ ለጊሱ ነይሩ። ኣብ'ታ መጽሓፍ፡ እቲ ቀንዲ ገጸ-ባህርይ፡ “ጽገረዳ ማእከል ሃገር” ኢሉ ዝጽውዓ ብኹሉ እንትንእ እተወናውን ሕጽይቲ እናሃለወቶ፡ ሃሙን ቀልቡን ምስ'ታ “ሰሜናዊት ኮኾብ” ኢሉ ዝሰመያ ካልእ ጓል ሄዋን (ፊያሜታ) ተዓዚሩ፡ ኣብ መወዳእታ ንኽልቲኣን ከኸስረን እንከሎ ኢና እነንብብ። “ኩሉ ዝብህግ ኣብ መወዳእታ ኩሉ ይስእን” ብዝብል ደምዳሚ ሓረግ ድማ፡ መራሕቲ ኢትዮጵያ፡ ካብ መስፋሕፍሒ ሕልምታቶም ክበራበሩ መኺሩ።

እንተ ኾነ፡ ሕማኞ ታሪኻዊ ኢጋጣሚ ኾይኑ፡ ድሕሪ'ዚ ክልተ ፍሹል ተሞኩሮታት መንበረ ስልጣን ኣዲስ-ኣበባ ዝተክአ ጉጅለ ወያነ እውን፡ ካልእ ናቱ ዝተፈልየን እምብዛ ዘገርምን ዘይክውንነታዊ ፖለቲካዊ ጥጅእ ዓቕሉ መጺኡ። ጉጅለ ወያነ፡ ገና ክምስረት እንከሎ፡ ዕላማኡ ንምንጻር ኣብ ዘዘርግሖ “ማኒፌስቶ 68” ብሕማም ምስፍሕፋሕ ተለኺፉ ዝተፈጥረ ጉጅለ ምዃኑ ዝምስክር ጭብጥታት ኣስፊሩ ነይሩ። ብመስዋእቲ ውጽዕ ህዝቢ ትግራይን ካልኦት ህዝብታት ኢትዮጵያን ኣብ ዙፋን ሓኹሩ፡ ስልጣነይ ኣደልዲለ፡ ብኽልተ እግረይ ረጊጸ ኣብ ዝበለሉ ግዜ ኸኣ፡ ነቲ ኣብ ፈለማ መድረኽ ናይ ቃልሱ፡ ኣብ ዕላማታቱ ዘስፈሮ ሕልሚ ምስፍሕፋሕ ኣብ ግብሪ ንምውዓል፡ ካብ ካልኦት ክልላት ኢትዮጵያ ማለት ካብ ክፍላተ ሃገር ቤገምድርን ወሎን ክንጠቕ ዝኽእል ልሙዕ መሬት መንዚዑ፡ ዘይሕጋዊ ካርታ ናይ'ታ ሕልማዊት ሪፑብሊክ ስኢሉ፡ ሕልሚ ከተግብር ኣህነፍኒፉ። ካብ ኤርትራ ናቱ ክኸውን ዝተመነዮ መሬትን ኣፍደገ ባሕርን ንምርካብ ድማ፡ ብጉዳይ ዶብ ኣሳቢቡ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ኲናት ኣዊጁ።

እቲ ካብ 1998 ክሳብ 2000 ዓ.ም. ዝተኻየደ፡ ዘይተኣደነ ሰብኣውን ንዋታውን ዕንወት ኣኸቲሉ ንዘባና ኣብ ከቢድ ቅልውላው ዝሸመመ

ወራር ወያነ ንኸልተ ዕላማታት ዝቐንዐ እዩ ነይሩ። ቀዳማይ ዕላማ ናይ'ቲ ጉጅለ፡ ንህዝቢ ኤርትራ ገሪፉን ኣንበርኪኹን፡ ቅድሚኡ ዝነበሩ ስርዓታት ኢትዮጵያ ዘይተዓወትሉ ኣፍደገ ባሕሪ ናይ ምውሓስ ኣጉዳሲ ዕማም ፈጺሙ፡ ብዋጋ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ልዕሊ ኻልኦት ህዝብታት ኢትዮጵያ ጉብለል ኮይኑ ንምውጻእ እዩ ነይሩ። እቲ ካልኣይን ቀንድን ዕላማ ናይ'ቲ ጉጅለ ኸኣ፡ ካብቲ ማንታ ኣተሓሳስባኡ ዝነቅል እዩ። እቲ ጉጅለ ፍጥር ካብ ዝበል ኣብ ሓድነት ኢትዮጵያ እምነት ስለ ዘይነበሮ፡ ኣብ ኢትዮጵያ ብቐጻልነት ኣብ ስልጣን ክቕመጥ ከም ዘይክእል ተገንዚቡ፡ ናይ ርሑቕ ዕላማኡ ማለት ምምስራት እታ ዓባይ ሪፑብሊክ ንምስላጥ፡ ብጉልበትን ሃብትን ህዝቢ ኢትዮጵያ ተጣሊዑ፡ ዕዮ ገዛኡ ኣጻፊፉ ንምጽናሕ ዝወሰዶ ስጉምቲ እዩ ነይሩ።

ጃንዳ ወያነ ነዚ ናይ ርሑቕን ቀረባን ዕላማታት ዝሓዘ መስፋሕፍሒ ውጥንዚ ከተግብር፡ ሰበብ ንምፍጣር፡ ብ12 ግንቦት 1998፡ "ባድመ ተወሪራትኒ" ኢሉ ከእዊ እንከሎ፡ ብመሰረት መግዛእታዊ ውዕላት ባድመ ኣካል ልኡላዊ ግዝኣት ኤርትራ ምዃና፡ ልዕሊ ዝኾነ ካልእ ወገን ኣዳዕዲዑ ይፈልጥ ነይሩ እዩ። ብስነ-ሞጎት ሓይሊ ሓቂ ደፊኑ፡ ንሕልሚ ናብ ጋህዲ ዝቕይር ኮይኑ ስለ ዝተሰምዖን ኣያታት ኣሚኑን ግን፡ ነዚ ፈጠራዊ ክሲ'ዚ ምሂዙ ሕልማዊ ውጥኑ ከተግብር ሃጺጹ። እንተ ኾነ፡ ከምቶም ቅድሚኡ ዝሓለፉ ስርዓታት ንሱ እውን ኣብ ኲናት ኤርትራ ኣይተዓወተን ጥራይ ዘይኮነ፡ ብኡ ዝኣተዎ ስለሎ፡ ናብ'ቲ ዘይተርፍ ውጽኢት ሕማም ምስፍሕፋሕ ኣምሪሑ፡ ውድቀቱ ኣሳሊጡ።

ህዝቢ ኢትዮጵያን ፖለቲካዊ ሓይልታቱን እምበኣር፡ ድሕሪ ደጊም ካብዚ ንሰለስቲኦም ተኸታተልቲ ስርዓታት ኢትዮጵያ (ንሃይለስላሰ፡ ደርግን ወያነን) ናብ ገደል ዝደርበየ ኲናት ኤርትራን ሕማም ባሕርን ትምህርቲ ኪቕስሙ ዝግባእ እዩ። ሕማም ባሕርን ምስፍሕፋሕን፡ ሃብቲ ሃገርን ህይወት መንእሰያት ኢትዮጵያን ለኪሙ ጠንቂ ውድቀት ክኸውን እምበር፡ ካልእ ንህዝቢ ኢትዮጵያ ዝፍይድ ረብሓ ኣይተረኸቦን።

ኣብ 1952 ጆን ፎስተር ዳላስ፡ ድልየት ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ግምት ክኣቱ ዝግባእ እኳ እንተ ነበረ፡ ንስትራተጂያዊ ረብሓ ኣመሪካን ዓለማዊ ሰላምን ጸጥታን ከምኡ'ውን ኢትዮጵያ ኣፍደገ ባሕሪ ምእንቲ ክትረክብ፡ ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ዘውዲ ሃይለስላሰ ብፈደረሽን ክትቀኑረን ከም እተወሰነ ኣግሂዱ ምግላጹ ይዝከር። እዚ ቅሉዕ ዓመጽ'ዚ ግን፡ ንህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣየርብሖምን፡ ሰላምን ጸጥታን ኣየምጽኣን፡ ንኢትዮጵያ ድማ ዘይናታ ኣፍደገ ባሕሪ ከውሕሰላ ኣይከኣለን። ህዝቢ ኤርትራ፡ ነቲ ዓሎቕ ኣይተቐበሎን። ገዛእቲ ኢትዮጵያ ድማ፡ በቲ ዝነበሮም ሕማም ባሕሪ መጋበርያ ናይ'ዚ ግሎባዊ ስትራተጂ'ዚ ብምዃን፡ ብፈጠራዊ ታሪኽ ህዝቢ እናጋገዩ፡ ኣብ ነዊሕን ደማውን ኲናት ተሸሚሞም። ናጽነት ኤርትራ ምስ ምብታኽ ክሳድ ኢትዮጵያ እናነጻጸሩ፡ ብኣጉል ስግኣት ህዝቢ እናረሳሰኑ፡ ብሃብትን ህይወትን ህዝቢ ኢትዮጵያ ተቛሚሮም። ዘይናትካ ግን ኣይናትካን'ዩ። ህዝቢ ኤርትራ ብኽቡር መስዋእቲ ናጽነቱ ተጓናጺፉ። እዞም ተኸታተልቲ ስርዓታት ኢትዮጵያ ኸኣ ህዝብን ሃገርን ለኪሞም ብሰንኪ ጉዳይ ኤርትራ ናብ ጉሓፍ ታሪኽ ተደርብዮም።

ኣብ 2018፡ ጉጅለ ወያነ ካብ ስልጣን ተባሪሩ፡ ኤርትራን ኢትዮጵያን ኣጠቓላሊ ስምምዕ ሰላምን ምሕዝነትን ምኽታመን፡ እቲ ንህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን 80 ዓመት ዘናቑተን ዘድምየን፡ ንገዛእቲ ስርዓታት ኢትዮጵያ ብሕማም ባሕሪ ዘጎምጀወ ግሎባዊ ስትራተጂ ርእሰ-ሓያላን ብፍሽለት ምብቃዑ ዘበሰረ እዩ ነይሩ። ኣብ ህዝብታት ክልቲኦን ሃገራት ዝፈጠሮ ባህታን እፎይታን ድማ ኣይርሳዕን። የግዳስ፡ ሃንደስቲ ናይ'ዚ ስትራተጂ'ዚ፡ ብዋጋ ስቓይ ህዝቢ ትግራይ መንኰርኰር ታሪኽ ንድሕሪት ክመልሱ፡ ተወሳኺ ዓቢ ገበን ፈጺሞም። ምህርቱ ድማ፡ ዝኸፍአ ቕዝፈትን ዕንወትን ኮይኑ፡ ኣብ መወዳእታ ጸወታኦም "Game Over!" ተባሂሉ፡ ብውርደት ኣኽቲሙ።

እዚ ውድቀት ዝጸማኡ ተደጋጋሚ ስትራተጂያዊ ጌጋታት እምበኣር ድሕሪ ደጊም ዘየዳግም ምህሮ ክቐስሞ ዝግባእ'ዩ። ግጉይ ግሎባዊ ስትራተጂ፡ እምነት ኣብ ሓይልታት ግዳም፡ ጽውጽዋያዊ ታሪኽ፡ ሕማም ምስፍሕፋሕ፡ ህርፋን ባሕሪ፡ ዘይናትካ ምምናይ ረብሓ ኣየጽዓየን። ርግጽ እዩ፡ ካብዚ ተደጋጋምን መሪርን ተሞኩሮ ህዝቢ ኢትዮጵያ ዝኣክል ተማሂሩ እዩ። ሎሚ ህዝቢ ኢትዮጵያ በዚ ፍሹል ፖለቲካ'ዚ ከደናግሮ ዝኽእል የለን። ካብዚ ሕማም'ዚ ዘይተናገፉ እንተለዉ ግን ምሕረት የውርደሎም።

# ቀርኒ ኣፍሪቓ

## ምህርቲ ጸቢብ ፖለቲካ

ኣብ መፋርቕ ዝሓለፈ ዘመን፡ ኤውሮጳዊ መግዛእቲ ድሕሪ ምብቃዑ፡ ቀርኒ ኣፍሪቃ ብቕጥታ ናብ ኩናትን ዘይምርግጋእን እዩ ኣምሪሑ።

ጠንቂ ዘይምርግጋእ ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪቃ ብዙሕን ዝተሓላለኸን እኳ እንተ ኾነ፡ እቲ ብቐዳማይ ደረጃ ዝስራዕ ኣብ ቀቢላዊ፡ ብሄራዊ፡ ሃይማኖታዊ፡ ጉጅለኣውን ስድራቤታውን ልዕልናን ቁጠባዊ ግበታን ዝተመርኰሰ፡ ትሕተ-ሃገራዊ ጸቢብ ፖለቲካ እዩ። ከም ዝፍለጥ ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪቃ ከም ኩለን ሃገራት ኣፍሪቃ ብመግዛእቲ ዝቈማ ኾይነን ብዘይካ ሶማል ካልኦት ሕብረ ብሄራውያን ሃገራት እየን። ንኸምዚ ዓይነት ኣቃውማ ዘለወን ሃገራት ዘዋጽእ ፖለቲካ ድማ፡ ነቲ መግዛእታዊ ዶባት ከም ዘለዎ ተቐቢልካ፡ ኣብ ውሽጢ'ዚ ዶባት'ዚ፡ ኣብ ዜግነት ዝሰረተ፡ ንኹሉ ዝሓቍፍ ኣሳታፊ ፖለቲካ ብምፍጣር፡ ሃገራዊ ወሃደት ምርግጋጽ እዩ። ብዕብለላ ሓደ ወገን ግን፡ ሓደን ስሙርን ዘመናዊ ሃገር ምህናጽ ዝከኣል ኣይኮነን።

ከም ኣብነት ኵነታት ኢትዮጵያ ክንርኢ ንኽእል ኢና። እቲ ቐንዲ ጠንቂ ፖለቲካዊ ቅልውላውን ኩሉ መዳያዊ ውድቀትን ሃገረ ኢትዮጵያ፡ ስልጣን ዝጨበጡ ተኸታተልቲ ስርዓታት ናይ'ታ ሃገር፡ ንኹሉ ክፋላት ሕብረተሰብ ብማዕርነት ዝሓቍፍ፡ ክብረትን ሰብኣዊ መሰልን ነፍሲ ወከፍ ኢትዮጵያዊ ዘረጋግጽ ዜግነታዊ ፖለቲካ ኣብ ክንዲ ምኽታል፡ ንሓደ ውሱን ክፋል ሕብረተሰብ ዕርዲ ጌርካ፡ ንኻልኦት ብሓይሊ እናጨፍለቕካ ስልጣንካ ናይ ምውሓስ፡ ድሑር ትሕተ-ሃገራዊ ፖለቲካ እዩ'ም መሪጾም። ከም ዝፍለጥ ሃጸይ ምኒሊክን ንጉስ ሃይለስላሰን፡ ኩሉ ፖለቲካውን ምምሕዳራውን ኣካላት፡ ዋንነት መሬትን ካልእ ሃብቲ ሃገርን ብመሳፍንቲ ኣምሓራ ከም ዝበሓት ገይሮም፡ ነቲ ኻልእ ክፋል ሕብረተሰብ ኢትዮጵያ፡ ከም ካልኣይ ወይ ሳልሳይ ዜጋ እናጠመቱ፡ ብሓይሊ ብረት ኣንበርኪኾም ክገዝእዎ እዮም ፈቲኖም። ብድሕሪኦም ዝሰዓበ ስርዓት ደርግ ብተዛማዲ ኣብ ህንጸት ሃገራዊ ፖለቲካ ዝሓሸ ኣካይዳ እኳ እንተ ነበሮ፡ ዝተወርሰ ጸገማት (ጉዳይ ኤርትራን ሕቶ ብሄራት ኢትዮጵያን) ብቕኑዕ መገዲ ብዘይ ምፍትሑ ሓደን ስሙርን ሃገር ክፈጥር ኣይከኣለን።

ድሕሪ ውድቀት ናይ'ዞም ስርዓታት'ዚኣቶም ስልጣን ዝጨበጠ ጉጅለ ወያነ፡ ካብዚ ተሞኩሮ'ዚ ተማሂሩ፡ ንኹሎም ህዝብታት ዝሓቍፍ ፖለቲካ ብምኽታል፡ ንሕቶ ህዝቢ ትግራይ ኮነ ንሕቶ መላእ ህዝቢ ኢትዮጵያ ዝምልስ ፍትሓዊ ስርዓት ክምስርት ትጽቢት ዝግበረሉ'ዩ ነይሩ። እንተ ኾነ እዚ ጉጅለ'ዚ እውን፡ ህዝቢ ትግራይ መሰሉ ንምኽባር ዘንቀሎ ቓልሲ፡ ናብ ጸቢብ ሕነ ናይ ምፍዳይ ዕላማ ቐይሩ፡ ንህዝቢ ትግራይ ከም መጋበርያ ተጠቒሙ፡ ንካልኦት ህዝብታት እናጨፍለቐን እናናቖተን፡ ንትሕተ-ሃገራዊ ፖለቲካ ካብ ዝሓለፉ ስርዓታት ብዝኸፍአ መገዲ፡ ማለት ቅዋማዊ መልክዕ ኣትሒዙ ክሰርሓሉን በዚ መገዲ'ዚ ስልጣኑ ከውሕስን ሓሊኑ። እዚ ብጉልባብ ፈደራሊዝም ዝተሃቀነ ናይ ዕብለላ ፈተነ ኸኣ፡ ንኢትዮጵያ ኣብ ዝኸፍአ ዓሌታዊ ጎንጽታትን ናዕብታትን ሸሚሙዋ። መሪር ሓድግታቱ ኸኣ ድሕሪ ውድቀት ስርዓት ወያነ እውን ንኢትዮጵያ ቅሳነት ኣይሃባን።

ጸቢብ ፖለቲካ ስርዓታት ምኒሊክን ሃይለስላሰን ንህዝቢ ኣምሓራ እንታይ ጠቒምዎ፡ ጸቢብ ፖለቲካ ወያነ'ኸ ንህዝቢ ትግራይ እንታይ ኣርቢሕዎ እንተ ድኣ ኢልና፡ እቲ መልሲ ኣዝዩ ዘሕዝን እዩ። ምስ መናብርቶም ህዝብታት ቀደም ዘይነበረ ደምን ቅርሕንትን እዩ ተኸሲሎሞም፡ ብኻልኦት ህዝብታት ከም ግፍዐኛታት ኣጠሚቱ ኣብ ቀጻሊ ምትፍናን ከምዝነብሩ ገይሩዎም እምበር ኣየርብሐዎምን።

ቅድሚ 38 ዓመታት፡ ኣብ እዋን ቃልሲ ንናጽነት፡ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ፡ ኣብ ጥሪ 1985 ዘውጽኦ ናይ ፖሊሲ መግለጺ፡ ነዚ ሕጂ ኣብ ኢትዮጵያ ዘሎ ጸገም ከሎ ገና ኣፍኢምዎ ነይሩ። ናይ ሽዑ መግለጺ ህ.ግ.፡ ተቓወምቲ ሓይልታት ኢትዮጵያ፡ ኣብ ሕቶ ብሄራት ኢትዮጵያን ኣፈታትሓኡን ቅኑዕ መረዳእታ ሒዞም፡ ብሓላፍነታውን ሃናጽን መንፈስ ንማዕርነታዊ ሓድነት ህዝብታት ኢትዮጵያ ክሰርሑን ኣብ ዜግነት ዝሰረተ ፖለቲካ ክኽተሉን ዝምሕጸን እዩ ነይሩ። እንተ ኾነ ምሕጽንታ ህዝባዊ ግንባር ኣብ ግዜኡ ተቐባልነት ኣይረኸበን።

ስፍሓቱን ክብደቱን ድኣ ይፈላለ እምበር፡ ትሕተ ሃገራዊ ፖለቲካ ኣብ ኢትዮጵያ ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ኩለን ሃገራት ኣፍሪቃ፡ ሶማሊን ደቡብን ሱዳን፡

ሶማል፡ ኬንያ፡ ጅቡቲ ሓደን ስሙርን ዘመናዊ ሃገር ኣብ ምፍጣር ዓቢ ዕንቅፋት ኮይኑ ዝጸንሐ እዩ። ሳዕቤናቱ ኸኣ ክሳብ ሕጂ ብዝተፈላለየ ኩርናዕ ክነትጉ ንርእዮ ኣሎና። ንሱዳን ናብ ክልተ ሃገራት ዝገምዐ፡ ኣብ መንጎ ደቡብ ሱዳናውያን ንሓድሕዶም ደም ዘፋሰሰ፡ እዚ ሕጂ ኣብ ሱዳን ተወሊዑ ዘሎ ዘሕዝን ኩናት ሓድሕድ፡ ካልእ ዘይኮነ ውጽኢት ትሕተ-ሃገራዊ ፖለቲካ እዩ።

ኤርትራ እውን እንተ ኾነ ጸገማት ትሕተ-ሃገራዊ ፖለቲካ ኣይጸለዋን ክበሃል ኣይክኣልን። ኣብ ኣርባዓታትን ሓሙሳታትን ንናጽነት ኤርትራ ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ዘእተወ ጸገም፡ ውዲት ምዕራባውያን ጥራይ ኣይነበረን። ገና ዘይሰጠመ ሃገራውነት ኤርትራውያን እውን ናቱ ኣሉታዊ ግደ ነይሩዎ እዩ። ገድሊ ንናጽነት ኤርትራ ንባዕሉ፡ ኣብቲ ፈለማ መድረኽ ካብዚ ሕማምʼዚ ብምንጋፍ ዓወት ዘንናጽፍ ብቕዓት ሒዙ ኣይነቐለን። ኣብ መስርሕ ውሽጣዊ ቓልሲ ዝተፈጥረን ዝማዕበለን መሪሕ ውድብ ህዝባዊ ግንባር፡ ነቲ ጉዕዞ ቅኑዕ መኣዝን ብምትሓዝ፡ ንመላእ ህዝቢ ዘስመረን ሓድነቱ ዘትረረን ሰፊሕ ናይ ቃልሲ ባይታ ሳላ ዝፈጠር ግን፡ ኤርትራውያን ብተኣምራታዊ ቅያን ጅግንነትን ተቓሊስና ብውዲት ዝተመንዘዐ መሰልና ብቕልጽምና ክንጭብጥ በቒዕና።

ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ጽላል ህዝባዊ ግንባር ተጠርኒፉ ኣብ ዘካየዶ ቃልሲ፡ ኣብ መንጎ ኩሉ ክፋላት ሕብረተሰብ ኤርትራ፡ ብዘይ ኣፈላላይ ሃይማኖት፡ ጾታ፡ ቀቢላ፡ ቋንቋ፡ ባህልን ማሕበራዊ ቦታን፡ ልዑል ስኒትን ጥምረትን ብምንዳቕ፡ ዜጋታት ከም ዕላማ ዝወስድዎ፡ ዝኣምንሉ፡ ዝምርሕሉ፡ ዝከላኸልሉን ዝስውኡሉን መትከላት ብምምዕባል፡ ኣብ ገዛእ ዓቕሙ ልዑል ምትእምማን ዘለዎ፡ ብርቱዕ ህዝባዊ ስነኣእምሮ ክፈጥር በቒዑʼዩ። ነቲ ዓለም ዘይከኣል ዝበለቶ ቃልሲ ኣንጻር ሓያላን ከምዝከኣል ዝገበረ ኸኣ እዚ ብቕዓትʼዚ እዩ። እዚ ብቕዓትʼዚ፡ ንህዝቢ ኤርትራ ንናጽነት ኣብቂዕዎ ጥራይ ዘይኮነ፡ ድሕሪ ናጽነት እውን ናብ ተረካቢ ሕድሪ ወለዶ ሰጊሩ፡ ኣብ ምውሓስ ልኡላውነት ዕዉት ታሪኽ ሰሪሑ።

እቲ ኣብ ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪቃ ኣብ ነፍሲ ወከፈን ዝጸንሐ ጸቢብ ፖለቲካ፡ ካብ ክሊ ሃገራት ሓሊፉ ጠንቂ ዞባዊ ዘይምርግጋእን ዕንቅፋት ዞባዊ ፖለቲካውን ቁጠባውን ውህደት ኮይኑ ጸኒሑ ኣሎ። ኣብ መንጎ ሶማልን ኢትዮጵያን ኣብ መወዳእታ 70ታት ከምኡʼውን ኣብ 2006 ዝተኻየደ ወራር፡ ምስሕሓብ ኬንያን ሶማልን፡ ሓሓሊፉ ዝኽሰት ግጭት ኢትዮጵያን ደቡብ ሱዳንን፡ ወራር ስርዓት ወያነ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ሱር መሰረቱ ጸቢብ ዕላማታት ናይʼ ቶም ስርዓታት እዩ።

ኣብ 1991 ድሕሪ 30 ዓመታት ደማዊ ኲናት፡ ህዝቢ ኤርትራ ልኡላውነቱ ድሕሪ ምጕንጻፉ፡ ቀርኒ ኣፍሪቃ ካብ ጸልማት ዘመን ወጺኡ ብሩህ መጻኢ ከማዕዱ ተስፋ ተነቢሩሉ ነይሩ እዩ። እንተኾነ ልክዕ ኣብቲ ዓመትʼቲ፡ ስርዓት ስያድ ባረ ብምውዳቑ፡ ሶማል ናብ መትሓዚ ኣልቦ ጃንዳዊ ፖለቲካን ኲናት ሓድሕድን ክትሸመም እንከላ፡ ኣብ ሱዳን ዝተላዕለ ጥሩፍ ሃይማኖታዊ ፖለቲካ፡ ንጸጥታʼዚ ዞባ ስለ ዝጸለዎ፡ ሱዳን ምስ ጎረባብታ ሃገራት ኣብ ምፍጣጥ ኣትያ። ብውሽጢʼውን ፖለቲካውን ዕጥቃውን ተቓውሞ ህዝብታት ሱዳን፡ ኣብ ደቡብን ምብራቕን ማእከልን ከምኡʼውን ኣብ ምዕራብ፡ ዞባ ዳርፎር ተበራቲዑ። ኣብ ኢትዮጵያ ኸኣ፡ ጉጅለ ወያነ፡ ስልጣኑ ናብ ጸቢብ ጉጅለኣዊ ረብሓታት ስለ ዘቕንዖ ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ናይʼታ ሃገር ካብ ቅድም ኣትሒዙ ዝነበረ ተቓውሞታት፡ ዳግም ተላዒሉ። ኣብ መወዳእታ፡ ወያነ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ቅሉዕ ወራር ድሕሪ ምፍጻሙ ድማ፡ ቀርኒ ኣፍሪቃ ናብቲ ዝነበሮ ጸልማት ዘመንን ዘይምርግጋእን ተመሊሱ። ጃንዳ ወያነ ብባርኾት ምምሕዳር ኣመሪካ ኣብ ታሕሳስ 2006 ኣብ ልዕሊ ሶማል ዝፈጸሞ ወራር፡ ኣንፈት ዳግመ-ምቛም ሃገር ክሕዝ ጀሚሩ ንዝነበረ ውሽጣዊ ምዕባለታት ሶማል ኲሊፉ፡ ዝኸፍአ ዝርገት ፈጢሩ። ህዝቢ ሶማል ብግዳማውያን ሓይልታት ዝተሰነዑ መንግስታት ንኽርዕም ዝተገብረ ጻዕቕጥን ምትእትታውን ኣብታ ሃገር ገዚፍ ሰብኣዊ ቅልውላው ኣብ ርእሲ ምኽታሉ፡ ዘይምርግጋእ ሶማል ካብ መሬት ሓሊፉ ናብ ባሕሪ ብምስጋር፡ ኣብ ጸጥታ ቀይሕ ባሕርን ህንዳዊ ውቅያኖስን ጸገም ፈጢሩ።

ቀርኒ ኣፍሪቃ ካብቲ ዝጸንሖ ሕንፉሽ ሃዋህው ክወጽእ እንተ ድኣ ኾይኑ እምበኣር፡ ነፍሲ ወከፍ ሃገር ኣብ ውሽጣ ካብዚ ሓድግታት ጸቢብ ፖለቲካ ተገላጊላ፡ ምዕሩይን ኣሳታፍን ፖለቲካ ኣብ ምፍጣር ምስ እትዕወት ጥራይ እዩ። ህዝብታት እናጋጨኻ ስልጣን ንምውሓስ ዝተሃቀነ ጸቢብ ፖለቲካ፡ ዘኸተሎ ጸገማት ትምህርቲ ክውሰደሉ ዝግባእ እዩ። ካብዚ ተሞኩሮʼዚ ትምህርቲ ቀሲምካ መገዲ ምቕናዕ ከኣ፡ ሓልዮት ህዝብን ሃገርን ናይ ዝስምዖም መራሕቲ ሓላፍነት ኮይኑ፡ ግዜ ዘይህብ ህጹጽ ዕማምʼዩ። እቲ ዘሎ ሃዋህው ዝተሓላለኸ ይመስል እኳ እንተ ኾነ፡ ንቕሓት ብምብራኽ፡ ነቲ ካብ ቀዳሞት ስርዓታት ዝተወርሰ ጸገማት ብብሱልን ምዕቡልን ፖለቲካ ፈቲሕካ፡ ናብ ዝሓሸ መድረኽ ምስግጋር ሕርያ ዘይኮነ ግዴታʼዩ።

# መሰረታዊ ሓቅታትን ደፋእቲ ረቛሒታትን
# ካብ ገለንለ ትምህርቲ

ዶክተር ኣሚነ ተኽላይ

**“ትምህርቲ እቲ ዝሓየለ ዓለምና ክንቅይረሉ እንኽእል ኣጽዋር እዩ”**

*ኔልሰን ማንዴላ 2003*

**“ንሓደ ዓመት ትውጥን እንተ ኼንካ ሩዝ ዝራእ፡ ንዓሰርተ ዓመት ትውጥን እንተ ኼንካ ገረብ ትኸል፡ ንሚእቲ ዓመት ትውጥን እንተ ኼንካ ድማ፡ ደቅኻ ኣምህር”**

*ኩዋን ቹንግ*

ውልቃውን ሓባራውን ረብሓታት ትምህርቲ ርእሰ ግሉጽ እዩ። ትምህርቲ ንውልቀ-ሰብ ናይ መጻኢኡ መፍትሕ እዩ። ሰባት ውልቃዊ ሸቶታቶምን ሕልምታቶምን ክጭብጡ ትምህርቲ ወሳኒ ረቛሒ እዩ። ትምህርቲ ከመይ ተንብብን ከመይ ትጽሕፍን ጥራይ ዝርኢ ኣይኮነን። ትምህርቲ ኣተሓሳስባኻ ዘስፍሕ፡ ጸገማት ዝፍትሕሉ ክእለታት ዘቕስም፡ መሃዝነትካን ኣፍራይነትካን ዘዕቢ፡ ጣዕሚ ሂወት ከተስተማቕር ዝሕግዝ፡ ውልቃዊ ዕቤት ክትጭብጥ ዘኽእል ሜላ እዩ። ምስ ከባቢኻን ሕብረተሰብካን ብግቡእ ተሳኒኻ ንኽትከይድ፡ ክብርታትካን እምነታትካን ከተስተማቕር፡ ውልቃዊ ጥዕናኻ ከተውሕስ፡ ሞራላውን ዲስፕሊናውን ስብእናኻ ከተረጋግጽ ትምህርቲ ወሳኒ ግደ ኣለዎ። ብዘይካ’ዚ ትምህርቲ ኣብ ስራሕ ዓለም ተደለይቲ ክእለታት ብምዕጣቕ ምንጪ ቁጠባዊ ውሕስነትን ርጉእ መነባብሮን እዩ። ብመንጽር ንሕብረተሰብ ዝህቦ ረብሓ ክረአ እንከሎ ድማ፡ ትምህርቲ መሰረታዊ መሳርሒ ንዘላቒ ልምዓት እዩ። ኣብ ምርግጋጽ ቁጠባዊ ዕቤት፡ ምውጋድ ድኽነት፡ ምውጋድ ሕማማትን ምርግጋጽ ጥዑይ ሕብረተሰብን ትምህርቲ ወሳኒ ግደ ይጻወት። ኣብ ምክንኻንን ውሑስ ኣጠቓቕማ ኣከባብን ጸጋታቱን፡ ሕብረተሰባዊ ጥምረትን ፖለቲካዊ ምርጋግእን ኣብ ምስፋን፡ ተራ ዝተማህረ ሕብረተሰብ መወዳድርቲ የብሉን። ምሁር ሕብረሰብ ገበናት ኣብ ምንካይ፡ ሰላም ኣብ ምስፋን፡ ምህናጽ ኣሳታፊ ደሞክራሲ፡ ምንጋስ ምዕሩይ፡ ሓቛፍን ዘላቕን ምዕባለ ዘለዎ ኣገዳስነት ብመጽናዕቲ ዝተረጋገጸ እዩ።

ንኣገዳስነትን ዋጋን ትምህርቲ ንምስትምቓር፡ ንተሞክሮ ደቡብ ኮርያ ምርኣይ እኹል ኣብነት እዩ። ድሕሪ ኩናት ክልተ ኮርያታት፡ ዝበዝሕ ህዝቢ ደቡብ ኮርያ ብድኽነትን ድንቁርናን ይሳቐ ነበረ። ዓለማዊ ባንኪ፡ ደቡብ ኮርያ ብዘይ ናይ ወጻኢ ረድኤት ንህዝባ እቲ መሰረታዊ ነገር ክትቕርብ’ውን ኣይትኽእልን እያ ዝብል ውዱእ ገምጋም ነበሮ። እቲ ዓለማዊ ባንኪ፡ ንደቡብ ኮርያ በቲ ዝነበራ ድኽነት በቲ ዝተሓተ ወለድ’ውን እንተ ኾነ ልቓሕ ምሃብ ሓደገኛ ምዃኑ ኣብ መደምደምታ በጽሐ። እንተ ኾነ ደቡብ ኮርያ ሓደ መዋጽኦ ካብ’ቲ ዝነበራ ቁጠባዊ ስቕያት፡ ትምህርቲ ምዃኑ ብኣጋኡ እያ ክትርድኦ ክኢላ። በዚ ኣብ ምስፋሕ ኣብያተ ትምህርቲ ብምትኳር ነፍሲወከፍ ደቡብ ኮርያዊ ቈልዓ ብቑዕ ትምህርቲ ከም ዝረክብን ብግቡእ ከም ዝምሃርን ብምግባር፡ ምስ ካልኦት ሓገዝቲ ፖሊሲታት መንግስቲ ተሳንዩ፡ ወፍሪ ኣብ ትምህርቲ ፍረ ከም ዝርከቦ ብተግባር ኣረጋጊጻ። ሎሚ ደቡብ ኮርያ፡ ንህዝባ ምሉእ ብምሉእ ካብ መሃይምነት ዘላቐቐት ጥራይ ዘይኮነት፡ ደቡብ ኮርያውያን ተመሃሮ ኣብ ኣህጉራዊ መምዘኒ ፈተናታት ዝለዓለ ነጥቢ ዘምጽኡ ኾይኖም ኣለዉ። ዝለዓለ ኣታዊ ካብ ዘለወን ሃገራት ብምዃን ድማ ሞዴል ቁጠባዊ ምዕባለ ብምዃን ትጥቀስ ኣላ።

ብመሰረት ትንታነ ዓለማዊ ባንኪ፡ ትምህርቲ ማንታ ኣገደስቲ ስትራተጂያውያን ዕላማታት ንምጭባጥ የኽእል። ንሳቶም ድማ ድኽነት ንምውጋድን ተማቓሊ (shared) ብልጽግና ንምርግጋጽ ዛጊት መተካእታ ዘይተረኽቦ መሳርሒ ኮይኑ ኣሎ። እንተ ኾነ ትምህርቲ ምንጪ ውልቃውን ሓባራውን ምዕባለን ዕቤትን ከምኡ’ውን መሰረት ሕጉስ ሂወት ዝኸውን፡ ንኹሉ ብማዕረ ተባጺሒ፡ ብቕዓቱ ዘረጋግጸን ሓቛፍን ምስ ዝኸውን እዩ። ምርግጋጽ ብቕዓት ትምህርቲ ቀንዲ ዛዕባ መንግስታት፡ ትካላትን ክኢላታትን ካብ ዝኾውን ነዊሕ እዋን ኣቑጺሩ ኣሎ።





# ብቕዓት ትምህርቲ ኣብ ምንታይ ደረጃ ይርከብ?

መረዳእታና ኣብ ብቕዓት ትምህርቲ ንጹር ምእንቲ ክኸውን፡ ቅድም ቀዳድም ናብ ትምህርቲ ምኻድን ምምሃርን በበይኖም ጉዳያት ምዃኖም ምርዳእ ኣገዳሲ እዩ። ሓደ ቈልዓ ናብ ቤት ትምህርቲ ከይዱ ማለት ብርግጽ ተማሂሩ ማለት ከም ዘይኮነ ምግንዛብ ኣድላዪ እዩ። መሰርሕ ምምሃር፡ መሰርሕ ምቕሳም ሓደሽቲ ክእለታት፡ ሓድሽ ፍልጠት፡ ድሌታትካን ባህግታትካን ምፍታሽ፡ መሃዝን ፈጣርን ምዃን የጠቓልል። መሰርሕ ምምሃር ኣብ ዝኾነ ግዜን ቦታን፡ ካብ ቤት ትምህርቲ ወጻኢ'ውን እንተ ኾነ ክካየድ ይኽእል። ናብ ቤት ትምህርቲ ምኻድ ንመሰርሕ ምምሃር ከቀላጥፍ ትጽቢት ዝግበረሉ እኳ እንተ ኾነ፡ ናብ ቤት ትምህርቲ ዝኸይድ ኩሉ ተመሃራይ ተማሂሩ ይምለስ ኣሎ ንምባል ግና ዘኽእል ኣይኮነን።

ምስ ታሪኻዊ ኣመጻጽኣ ክነጻጸር እንከሎ፡ ኣብ'ዘን ዝሓለፋ 50 ዓመታት ኣብ ሙብዛሕትአን ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት ዕድላት ትምህርቲ ብተዓጻጻፊ ወሲኹ እዩ። ኣብ 1970 ሓፈሻዊ ምዝገባ ተመሃሮ ኣብ መባእታ ደረጃ ኣብ ሃገራት ትሕተ-ሰሃራ ኣፍሪቃ 68 ሚእታዊት፡ ኣብ ሃገራት ደቡብ ኤስያ ድማ 47 ሚእታዊት ዝነበረ ኣብ 2010 ሓፈሻዊ ምዝገባ ተመሃሮ ኣብ መባእታ ደረጃ ኣብ'ዘን ዝተጠቕሳ ክፍለ-ዓለማት ድሮ ልዕሊ 100 ሚእታዊት ከም ዝበጽሐ መጽናዕትታት ይሕብሩ። ከም ውጽኢት ናይ'ዚ ድማ ኣብ'ዚ ዘለናዮ ግዜ ሙብዛሕትኦም ቈልዑ ዕድል ትምህርቲ መባእታ ደረጃ ክረኽቡ እንከለው፡ ነፍሲ-ወከፍ ዝመጽእ ወለዶ ድማ ካብ'ቲ ቅድሚኡ ዝነበረ ወለዶ ዝበዝሐ ግዜ ኣብ ትምህርቲ የሕልፍ ምህላዉ እቶም መጽናዕትታት ይጠቕሱ። ብፍላይ ኣብ'ተን ትሑት ኣታዊ ዘለወን ሃገራት፡ ዕድላት ትምህርቲ ብስፋሓትን ቅልጣፈን ኣዝዩ ክዓቢ ተራእዩ። ንኣብነት ኣብ ምምዕባል ኣብ ዝርከባ ሃገራት ዝነብር ሓደ ተመሃራይ ብገምጋም ኣብ ትምህርቲ ዘሕለፎ ዓመታት ብሰለስተ ዕጽፊ ብምውሳኽ ኣብ 1950 ክልተ ዓመታት ጥራይ ዝነበረ ኣብ 2010 ናብ 7.2 ዓመታት ክዕብ ክኢሉ። ኣብ ዛምብያ መጠን ኣብ ካልኣይ ደረጃ ዝምዝገቡ ተመሃሮ ካብ 2000 ክሳብ 2010 ኣብ ዘሎ ግዜ ጥራይ ብልዕሊ 75 ሚእታዊ ዕቤት ምርኣዩ፡ ምስ ናይ ምዕቡላት ሃገራት ተመሳሳሊ ዕቤት ክንጻጸር ከሎ ኣዝዩ ዝቐልጠፈ መጠን ዕቤት ተባሂሉ ተመዝጊቡ ይርከብ። ብዘይካ'ዚ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ቁጽሪ ኣብ ትምህርቲ ዝምዝገባ ደቀ'ንስትዮ ተመሃሮ ካብ 57 ሚእታዊ ናብ 88 ሚእታዊ ንምድያቡ 40 ዓመታት (1870-1910) ክወስደላ እንከሎ፡ ሞሮኮ ነዚ ዕቤት'ዚ ኣብ ውሽጢ 11 ዓመታት ጥራይ ክትጭብጦ ክኢላ እያ። በዚ መንጽር'ዚ ጋግ ምዝገባ ተመሃሮ ኣብ ሞንጎ ትሑትን ልዑልን ኣታዊ ዘለወን ሃገራት እናጸበበ ይኸይድ ከም ዘሎ ዘመልክት ኮይኑ፡ ኣብ 2008 ምዝገባ ተመሃሮ ኣብ መባእታ ደረጃ ኣብ ትሑት ኣታዊ ዘለወን ሃገራትን ልዑል ኣታዊ ዘለወን ሃገራትን ተመጣጣኒ ከም ዝበጽሐ ተሰኒዱ ኣሎ።

ብመንጽር ጾታ ክርአ እንከሎ፡ ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ደቀንስትዮ ናይ መባእታ ደረጃ ትምህርቲ ንምጅማር ካብ ዝኾነ ግዜ ንላዕሊ ኣዝዩ ዝሓሸ ዕድል ኣለወን። ካብ 2000 ክሳብ 2014 ኣብ'ዘሎ ግዜ ቁጽሪ ካብ ትምህርቲ ተገሊሎም ዝጸንሑ ህጻናት ብኣስታት 112 ሚልዮን ጎዲሉ። ኣብ ተመሳሳሊ እዋን ድማ ብጽሒት ደቀ'ንስትዮ ተማሃሮ ኣብ መሰረታዊ ትምህርቲ ናብ ዝለዓለ ጥርዙ በጺሑ። ካብ 1991 ክሳብ 2007 ኣብ ምምዕባል ኣብ ዝርከባ ሃገራት ምጣነ ደቀ'ንስትዮ ምስ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ክነጻጸር እንከሎ፡ 0.84 ን 0.96 ክበጽሕ ክኢሉ እዩ። ካብ'ተን ሓበሬታ ዝተኣከበለን 121 ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት ኣብ'ተን 38 ሃገራት፡ ቁጽሪ ደቀ'ንስትዮ ተመሃሮ ኣብ ካልኣይ ደረጃ ካብ ቁጽሪ ደቂ ተባዕትዮ ዝበዝሐ ኮይኑ ምርካቡ ድማ ናይ'ዚ ኣብነት እዩ። እንተ ኾነ ጾታዊ ማዕርነት (Gender Parity) ኣብ ትምህርቲ ንምርግጋጽ ገና ነዊሕ ጉዕዞ ከም ዝተርፍ እቲ መጽናዕቲ ኣይሓብእን። ንኣብነት ኣብ ሃገራት ምዕራብን ደቡብን ኤስያን ከምኡ'ውን ትሕተ-ሰሃራ ኣፍሪቃ ዕድሚአን ካብ 6-15 ዓመት ዝበጽሕ ልዕሊ 62 ሚልዮን ኣዋልድ ካብ ትምህርቲ ከም ዝተገለላ ጸብጻብ ባንኪ ዓለም 2016 ይገልጽ። ኣብ 2014 ኣብ ትሑት-ኣታዊ ዘለወን ሃገራት ኣብ መባእታ ደረጃ ትምህርተን ዝጀምራ ደቀ'ንስትዮ 78 ሚእታዊ ክኾና ከለዋ ናይ መባእታ ትምህርቲ ብዓወት ዝዛዘማ ድማ 63 ሚእታዊ ከም ዝኾነ እቲ ጸብጻብ የነጽር።

ዕድላትን ተበጻሕነትን ትምህርቲ ብኸም'ዚ ኣብ ላዕሊ

ዝተበጽሐ ብልዑል ቅልጣፈ'ኳ እንተ ወሰኸ፡ ድኽነት፡ መንበሪ ቦታ፡ ጾታዊ ኣፈላላይ፡ ስንክልናን ግጭትን ቀንዲ ጠንቅታት ምግላል ካብ ትምህርቲ ኮይኖም ቀጺሎም ኣለዉ። ንኣብነት ኣብ 2014 ኣስታት 61 ሚልዮን ዕድመኦም ንመባእታ ትምህርቲ ዝበጽሐን ኣስታት 202 ሚልዮን ድማ ዕድመኦም ንኻልኣይ ደረጃ ዝበጽሐ መንእሰያት ብሰንኪ ድኽነቶም ካብ ትምህርቲ ከም ዝተገለሉ ጸብጻባት ይሕብሩ። ጾታ ኣብ ግምት ምስ ዝኣቱ ድማ ድርብ ምግላል ብምስዓብ ደቀ'ንስትዮ ዝያዳ ግዳያት ይኾና።

ብሰንኪ ጾታን ድኽነትን ኣብ'ተን ትሑት ኣታዊ ዘለወን ድኻታት ሃገራት ትምህርቲ ካብ ዝጀምራ ድኽታት ደቀ'ንስትዮ 25 ሚእታዊ ጥራይ ናይ መባእታ ትምህርተን ይዛዝማ። ካብ ድኻታት ስድራቤታት ዝመጹ ቆልዑ ትምህርቶም ደንጉዮም ይጅምሩ ጥራይ ዘይኮነ፡ ቀልጢፎም'ውን ዘቋርጹ ንሳቶም እዮም። ኣብ ሞንጎ ኣብ ገጠራትን ከተማታትን ዝነብሩ ቆልዑ'ውን ብተመሳሳሊ ትምህርቲ ኣብ ምጅማርን ምቁራጽን ርኡይ ፍልልይ ኣሎ። ንኣብነት፥ ኣብ ትሕተ-ሰሃራ ካብ ዝርከባ ሃገራት ዝመጻ ድኻታት ደቀ'ንስትዮ ምስ ካብ ከተማታት ዝመጹ ዘይድኻታት ደቂ ተባዕትዮ ክነጻጸራ እንከለዋ፡ ብልዕሊ ሸውዓተ ዕጽፊ ትምህርቲ ዘይ ናይ ምውዳእ ተኽእሎ ኣለወን። እዚ ማለት ትሕቲ ሓንቲ ካብ 20 ደቀ'ንስትዮ ጥራይ ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ናይ ምውዳእ ዕድል ኣለወን ማለት እዩ። ብዘይካ'ዚ ስክልና ዘለዎም ቆልዑ'ውን ናይ ትምህርቲ ተሳታፍነቶም ዝተደረተ ምዃኑ ዝተፈላለዩ ጸብጻባት ይሕብሩ።

ንገለ ድኻታት ስድራቤታት፡ ቆልዓ ንትምህርቲ ምስዳድ ረብሓታቱን ወጻኢታቱን ኣወዳዲርካ ዝውሰድ ኣጸጋሚ ውሳነ እዩ። ኣብ ገሊኡ እዋን ቀጥታውን ዘይቀጥታውን ወጻኢታት ትምህርቲ ልዑል ምስ ዝኸውን፡ እታ ስድራ ብቝጽሪ ዝተወሰኑ ቆልዑ ጥራይ ናብ ትምህርቲ ክትሰድድ ዘገድድ እዩ። ንኣብነት ኣብ ገጠራት ቡርኪናፋሶ ዝነብራ ድኻታት ስድራቤታት ሓደ-ርብዒ ጥራይ ደቀን ብምልኣም ናብ ትምህርቲ ከም ዝልእኻ ጸብጻባት ይሕብሩ። በዚ መንጽር ክርእ እንከሎ፡ ብዘይ ክፍሊት ብናጻ ንህዝቢ ዝውሃብ ትምህርቲ ብፍላይ ኣብ ድኽነት ንዝነብሩ ዜጋታት ክሳብ ክንደይ ዓቢ ሩፍታ ኣብ ርእሲ ምሃቡ ልዑል ተሳታፍነት ዜጋታት ኣብ ትምህርቲ ዘረጋግጽ ምዃኑ ንምርድኡ ኣይጸግምን። ብዘይካ'ዚ ብዓይኒ ስድራቤታት ካብ ትምህርቲ ዝርከብ ረብሓታት ብመንጽር ካብ ትምህርቲ ወጻኢ ዝርከቡ ካልኦት ረብሓታት ትሑት ኮይኑ ምስ ዝርከብ፡ ደቀን ናብ ትምህርቲ ንምስዳድ ዘለወን ድሌት ብኣሉታ ከም

ዝጽሎ ይሕበር።

ብኣጠቓላሊ ክርአ እንከሎ ግና፡ ብደረጃ ዓለም ወለድን ተመሃሮን ኣብ ሓይሊ ትምህርቲ ኣዝዩ ልዑል እምነት ከም ዘለዎም ካብ ካልእ ግዜ ንላዕሊ ብሩህ ኮይኑ ኣሎ። ወለዲ ኣብ ዝሃለዉ ሃልዮም፡ ትምህርቲ ሂወት ደቆም ዘቐይር መሳርሒ ምዃኑ ኣሚኖም ኣለዉ። ዋላ'ውን ዘይተማህሩ ወለዲ፡ ደቆም ትምህርቲ ክውድኡሎም ልዑል ህርፋን ኣለዎም። እዘን ዝሓለፋ 50 ዓመታት ካብ ትምህርቲ ዝርከብ ጥቕሚ ዓቢ ክኸውን'ዩ ዝብል ዓቢ ተስፋ ኣቐሚጠን እየን ሓሊፈን። እዚ ተስፋ'ዚ ጋህዲ ንኽኸውን ግና፡ ኣብ ተሳታፍነት ዘሎ ጋግ ክጸብብ፡ ከምኡ'ውን ናብ ቤት ትምህርቲ ምኻድ ብኣድማዒ ምምሃር (effective learning) ክስነ ምስ ዝኽእል ጥራይ እዩ።

## ኣብ መስርሕ ምምሃር ዘጋጥም ዘሎ ብድሆ እንታይ እዩ?

ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝረኣናዮ ምስፋሕ ኣብያተ ትምህርትን ዕድላት ትምህርትን ዓቢ ተስፋን ሃምቀውታ ትምህርቲ ፈጢሩ እዩ። ብኣንጻሩ ድማ ናብ ቤት ትምህርቲ ምኻድ ብብቑዕ ምምሃር ይስነ ብዘይምህላዉ ኣብ ሚልዮናት ተመሃሮ፡ ወለድን መሻርኽቲ ኣካላትን ስክፍታ ፈጢሩ ይርከብ። ከም'ቲ ኣቐዲሙ ዝተገልጸ፡ ናብ ትምህርቲ ምኻድ ማለት መስርሕ ምምሃር ብምልኣት ተሳሊጡ ወይ ተዋሒሱ ማለት ኣይኮነን። ውጽኢት ምምሃር ኣብ መሰረታዊ ትምህርቲ ብፍላይ ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት ኣዝዩ ትሑት ይኸውን ስለዘሎ፡ ናይ ምምሃር ቅልውላው (Learning crisis) ኣጋጢሙ ዝብሉ'ውን ኣይተሳእኑን። ነዚ ንምርዳእ ድማ ዝተፈላለዩ ኣብነታት የቕምጡ።

ናይ ዩነስኮ (UNESCO) 2014 ጸብጻብ ከም ዝሕብሮ፡ ብደረጃ ዓለም ልዕሊ 125 ሚሊዮን ቆልዑ፡ ኣብ ትምህርቲ ኣርባዕተ ዓመት ድሕሪ ምጽናሖም፡ መሰረታዊ ናይ ምርዳእ፡ ምንባብን ቀለልቲ ቁጽራዊ ስርሓትን ክእለታት ከም ዘይሓዙ ይሕብር። ኣብ 2012 ኣብ ማላውን ዛምብያን ልዕሊ 89 ሚእታዊ ካልኣይ ክፍሊ ዝወድኡ ተመሃሮ ሓንቲ ልምድቲ ናይ እንግሊዝ ቃል ‘Cat’ ከንብቡ ኣይከኣሉን። ኣብ ኒካራግዋ ኣብ 2011 ኣብ ሳልሳይ ክፍሊ ዘለዉ ተመሃሮ እቶም ፍርቂ ጥራይ ‘5+6’ ብግቡእ ክምልሱ ክኢሎም። ኣብ ፓኪስታን ኣብ 2015፡ ኣብ ሳልሳይ ክፍሊ ካብ ዘለዉ ተመሃሮ እቶም ሰለስተ-ሕምሲት ጥራይ ‘54-25’ ብግቡእ ክምልሱ ክኢሎም።

ኣብ 2014 ኣብ ምዕራባውን ማእከላይን ኣፍሪቃ

ኣብ ሞንጎ ሻዱሻይ ክፍሊ ዝተገብረ ፈተነ፡ ከባቢ 58 ሚእታዊ ናብ ዝቕጽል ደረጃ ክቕጽሉም ዘኽእል እኹል ናይ ምንባብን ቁጽርን ብቕዓት ከም ዘየማዕበሉ ዝተገብረ መጽናዕቲ መስኪሩ ኣሎ። ብተመሳሳሊ ኣብ ደቡብን ምብራቕን ኣፍሪቃ፡ 37 ሚእታዊ ካብ ተማሃሮ ሻዱሻይ ክፍሊ ናይ ምንባብ ብቕዓት ከም ዘይብሎም ክንጸር ከሎ፡ 60 ሚእታዊ ናይ ቁጽሪ ብቕዓት ከም ዘይብሎም ይሕበር። እዚ ሕጽረት ብቕዓት ድማ ኣብ ካብ ድኻታት ስድራቤታት ዝመጹ ተመሃሮ ጎሊሑ ከም ዝርአ እቲ መጽናዕቲ ይሕብር።

ብኻልእ መዳይ፡ ትሑት ብቕዓት ዘለዎ ስርዓተ ትምህርቲ ድማ ዘቐመጦ ካሪክሉም ክውድእ ካልእ ብድሆ ይኾኖ። ንኣብነት ኣብ ምዝዛም ካልኣይ ክፍሊ እኹል መሃይምነት ዘየጥፍአ ተመሃራይ ንኽልተ ምኽንያታት ኣብ ዝተናወሐ እዋን ሳዕቤን የኸትለሉ። ብመጀመርታ ደረጃ መስርሕ ምምሃር እኩብ ምኳኑ ምዝኻር ኣገዳሲ እዩ።

ኣብ መብዛሕትኡ ስርዓተ-ትምህርቲ፡ ተመሃሮ ኣብ ቀዳማይን ካልኣይን እቶም መሰረታውያን ክእለታት ንኣብነት ምንባብ ክመልኩ ትጽቢት ይግበረሎም። ኣብ ሳልሳይ ክፍሊ ተማሃሮ ብመሰረት ካሪክሉም ንኽመሃሩ ብብቕዓት ከንብቡ ክኽእሉ ኣለዎም። ስለዚ ነቶም መሰረታት ብግቡእ ዝመለኹ ተመሃሮ ካሪክሉም ዝእዝዞ ትሕዝቶ ክርድኡ ተዛማዲ ብልጫ ኣለዎም። ኣብ ታሕተዋይ ደረጃ ትምህርቲ እትመልኮም ክእለታት ድማ ኣብ ዓወት ዝቕጽል ጉዕዞ ትምህርቲ ወሳኒ ተራ ኣለዎም።

ኣብ ሳልሳይ ክፍሊ እቲ ዝድለ ናይ ምንባብ ብቕዓት ክሕዝ ዘይክኣለ ተመሃራይ ኣብ ዝቕጽል ጉዕዞ ትምህርቲ ዘይጽገን ሃንፍ ኪጋጥሞ ከም ዝኽእል ክኢላታት ይመኽሩ። ብኻልኣይ ደረጃ ኣብያተ ትምህርቲ ኣብ ትሑት ብቕዓት ንዝጋደሉ ዘለዉ ተመሃሮ ንኽርክቡ ዕድል ዝሁብ ኩነታት የብለንን። ኣብ መብዛሕትኡ ኩነታት ኣብ ክፍሊ ዝወሃብ ትምህርቲ ኣዝዩ ህንጡይ ዝኾነ ካሪክሉም ንምሽፋን እምበር መስርሕ ምምሃር ኣብ ግምት ኣእትዩ ዝወሃብ ኣይኮነን። ስለዚ ኣብ ከምዚ ካሪክሉም ንምውዳእ ሃታ ሃታ ዝመልኦ መስርሕ፡ ንሓደ መምህር ዘለዎ እንኮ ኣማራጺ ነቶም ዝሓመቑ ነቶም ኣተኩሮ ነፊጉ ነቶም ዝነፍዑ ሐ.ዞ ምምራሽ ጥራይ እዩ። ንኣብነት ኣብ ህንዲን ኬንያን ዘሎ ካሪክሉም ኣብ'ቶም ንፉዓት ጥራይ ዘተኩር ብምዃኑ፡ መሃራንን መምሃሪ መጽሓፍትን ኣብ ከበድቲ ኣርእስታት ብምትኳር ነቶም ድኹም ዝበሉ ተመሃሮ ብዚያዳ ንድሕሪት ገዲፎሞም ክኸዱ ንቡር ተርእዮ ኮይኑ ኣሎ።

ብኻልእ ወገን፡ ዋላ'ኳ ገለ ሃገራት ኣብ መሰርሕ ምምሃር ምምሕያሽ የርኢያ እንተ 'ለዋ፡ እቲ ገስጋስ ግና ዛጊት ዘሕቱል ምህላዉ'ዩ ዝግለጽ። ዋላ'ውን እተን ማእከላይ ኣታዊ ዘለወን ሃገራት፡ ምዕቡላት ሃገራት በጺሐንኦ ዘለዋ ደረጃ ምምሃር ንኽበጽሓ ነዊሕ ግዜ ክወስደለን ምዃኑ'ዩ ዝንገር። ንኣብነት ኢንዶነዥያ ኣብ'ዘን ዝሓለፋ 10-15 ዓመታት ርኡይ ምምሕያሽ ካብ ዘርኣያ ሃገራት እያ። እንተኾነ ምዕቡላት ሃገራት ኣብ ኣህጉራዊ ፕሮግራም ምዘና ተማሃሮ (Program for International Student Assessment) ኣመዝጊበንኦ ዘለዋ ገምጋም ናይ ቁጽሪ ነጥቢ ንምብጻሕ 48 ዓመት፡ ናይ ምንባብ ነጥቢ ንምብጻሕ ድማ 73 ዓመት ክወስደላ ምዃኑ ተገሚቱ ኣሎ። ቱኒዝያ ኣብ ቁጽሪ ተበጺሑ ዘሎ ገምጋማዊ ነጥቢ ንምህራም 180 ዓመት፡ ብራዚል ድማ ኣብ ምንባብ ተበጺሑ ዘሎ ገምጋማዊ ነጥቢ ንምህራም 260 ዓመታት ክወስደልን ምዃኑ መጽናዕትታት ይገልጹ። ብምኽንያት እዚ ዘሕቱል ገስጋስ፡ ልዕሊ 60 ሚእታዊ ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት ዝርከቡ ናይ መባእታ ደረጃ ተማሃሮ፡ እቲ ዝወሓደ ናይ ምምሃር ክእለት ከም ዘይመልኩ ይሕበር።

ካብ 95 ሃገራት ካብ ዝተኣከበ ሓበሬታ ኣብ መባእታ ደረጃ ኣብ ቁጽሪ ክበጻሕ ዘለዎ ዝወሓደ ክእለት (Minimum Proficiency threshold in math) መንጻጸሪ ብምግባር፡ ኣብ ምዕቡላት ሃገራት ንኣብነት ኣብ ጃፓን 99 ሚእታዊ፡ ኖርወይ 98 ሚእታዊ ኣውስትራሊያ ድማ 91 ሚእታዊ ብምምዝጋብ ልዑል ውጽኢት ዘርኣያ ተባሂለን ክጥቀሳ ከለዋ፡ ብኣንጻር ናይ'ዚ ድማ ማሊ 7 ሚእታዊ ዝተሓተ ነጥቢ ብምምዝጋብ ሰፈራ ኣላ።

እኹል ኣብያተ ትምህርቲ ዘይምህላው ቀንዲ ዕንቅፋት መስርሕ ምምሃር ምስትምሃር ኮይኑ ዝጥቀስ እኳ እንተኾነ፡ ኣብያተ ትምህርቲ እናሃለወ'ውን ኣማኢት ሚልዮናት መንእሰያት ካብ ትምህርቲ ተገሊሎም ክተርፉ ምርኣይ ሓድሽ ነገር ኣይኮነን። ስለ'ዚ ኣብያተ ትምህርቲ ምኽፋት ጥራይ ንበይኑ ኣኻሊ ኣይኮነን ማለት እዩ። ድኽነት፡ ኩናት ሓድሕድ፡ ምምዝባል፡ ጾታዊ ኣፈላላይ፡ ትሑት ብቕዓት ትምህርቲ ገለ ካብ'ቶም ዕንቅፋታት ምምሃር ምዃኖም ተሰኒዱ ኣሎ። ትሑት ውጽኢት ምምሃር ድማ ኣብ ቦታ ስራሕ ክንጸባረቕን፡ ትሑት ኣፍራይነት ከስዕብን ባህርያዊ እዩ። ብቕዓቱ ዘይሓለወ ስርዓተ ትምህርቲ፡ ብቑዕ ዓቕሚ ሰብ ኣየፍርን፡ ብቑዕ ቁጠባ ድማ ኣይሃንጽን።

ጠንቂ ዘይብቑዕ ምምሃርን ትሑት ብቕዓት ትምህርትንከ እንታይ እዩ? ተቓጺርኩም ኣይበለና፡ ኣብ ዝቕጽል ሕታም ክንዘትየሉ ኢና።

***

# ኒጀር
## መርኣያ ሓድሽ ቅርጺ መግዛእቲ

ኣሴር ሰሎሞን

ኣብ ቀዳማይ ሰሙን ነሓሰ፡ ኣማኢት ዜጋታት ፈረንሳን ኤውሮጳዊ ሕብረትን ብስንባደን ታህዋኽን ካብታ ከም ካልኦይቲ ሃገሮም ዝፈልጡዋ ኣፍሪቃዊት ሃገር ኒጀር ንምህዳም፡ ንመዕርፎ ነፈርቲ ኒያመ ኣዕለቕለቖም ቀንዮም። እዚ ትርኢት'ዚ ኒጀር ካብ መግዛእቲ ፈረንሳ ስማዊ ናጽነት ካብ ዝተጓነጸፈትሉ 1960 ጀሚሩ ተራእዩ ዘይፈልጥ እዩ። እዚ ዝኾነ፡ ሰራዊት እታ ሃገር ነቲ "ብደሞክራሲያዊ ኣገባብ" ብህዝቢ ተመሪጹ ዝበሃል፡ ብግብሪ ግን ምስሌነ ፈረንሳ ዝነበረ ፕረዚደንት ኒጀር መሓመድ ባዙም ካብ ስልጣኑ ኣብ ዝኣለየሉ ሰሙን ኮይኑ፡ እቲ ኩነታት ንፈረንሳ ጥራይ ዘይኮነ ንኹለን ኤውሮጳውያን ሃገራት እንተላይ ንኣመሪካ ዘሰንበደ ክስተት እዩ ነይሩ።

ወተሃደራት ኒጀር ነቲ ፕረዚደንት ኣብ ናይ ገዛ ማሕዩር ምስ ኣእተውዎ፡ ፕረዚደንት ፈረንሳ ኣማኑኤል ማክሮን፡ ብኡ ንብኡ ካብ ፓሪስ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ 'ኣብ ልዕሊ ረብሓታት ፈረንሳ ዝቐንዐ መጥቃዕቲ ፍጹም ከም ዘይጻወሮ' ብምግላጽ ክህድድ ተሰሚዑ። ህዝቢ ኒጀር ብኣንጻሩ፡ ነቲ ለውጢ ብምድጋፍ ኣብ ጎደናታት ወጺኡ፡ 'ውድቀት ንፈረንሳ' እናበለ ብሓጎስ ጨዲሩ። ፕረዚደንት ማክሮን ብዘይካ'ዚ ዝኾነ ጉድኣት እንተ በጺሑ፡ ፈረንሳ ብዘይ ምድንጓይ ሕነ ናይ ምፍዳይ ስጉምቲ ከም እትወስድ ብምጥንቃቕ፡ ነቶም ካብ ሃገሩ 2000 ማይልስ ርሒቖም ድሕሪ ደጊም 'ኣይንግዛእን' ዝበሉ ተወለድቲ እታ ሃገር ከፈራርሕ ተሰሚዑ። ካልኦት ምዕራባውያን ሃገራት እንተላይ ኣመሪካ ድማ፡ እቲ ፕረዚደንት ብቐጽበት ናብ ስልጣኑ ክምለስ ኣብ ርእሲ ምጥላብ፡ ወተሃደራዊ ኪዳን ምዕራብ ኣፍሪቃ (ኤኮዋስ) ኣብታ ሃገር ኣትዩ፡ ነቶም ዓለውቲ ኣልዩ፡ ነቲ ፕረዚደንት ናብ ስልጣኑ ክመልሶ ልዑል ድርኺት ይገብራ ኣለዋ።

ኒጀር 1500 ወተሃደራት ፈረንሳ፡ ብቐዋምነት ዝሰፍሩዋ ዝነበሩ፡ ግብረ-ሽበራውያን ንምቕላስ ተባሂሉ ናይ ፈረንሳ ነፈርቲ ውግእን ሰብ ኣልቦ ነፈርቲን ዘዔማሉ መደበር ሓይሊ ኣየር ዝርከባ እያ። እንተ ኾነ ዕላማ ናይ'ዚ ወተሃደራዊ ሓይሊ ፈረንሳ፡ ግብረ-ሽበራውያን ንምቕላስ እኳ እንተ ተባህለ ብቐንዱ ፈረንሳ ኣብታ ሃገር ዝጸንሓ ክትንከፍ ዘይትደልዮ ረብሓታት ንምሕላው ዝተዋፈረ እዩ።

ፈረንሳውያን ኣብ 1960 ንኒጀር ናጽነታ ክሁብዋ እንከለዉ፡ ምስ ሰበስልጣን ኒጀር ዝኣተውዎ ውዕል፡ ክሳብ ሕጂ ብግብሪ ክሰርሕ ጸኒሑ እዩ። እቲ ውዕል፡ ፈረንሳ ኣብ ግዜ ቀጥታዊ መግዛእቲ ትሕተ-ቅርጺን ካልእን ከተዋድድ ዝገበረቶ ወጻኢታት ዕዳ ህዝቢ ኒጀር ኮይኑ በብቐሩብ ክኽፈል፤ ዝኾነ ወፍሪ ንኹባንያታት ፈረንሳ ጥራይ ክፍቀድ፤ ኩባንያታት ፈረንሳ እንተ ዘይደልየን ጥራይ ንኻልእ ክወሃብ፤ ገንዘብን ወርቅን ኒጀር ኣብ ባንክታት ፈረንሳ ክቕመጥ፤ ኣብ ኒጀር ዝርከብ ማዕድን ዩራኒዩም (መመስርሒ ኒዩክለር ጸዓት ዝገልግል) ሕዛእቲ ፈረንሳ ክኸውን ወዘተ. ዝብል እዩ ነይሩ። ከም ዝፍለጥ ኒጀር ኣብ ዓለም ሻብዐይቲ ዝዓበየት ኣፍራዪት ዩራኒዩም እያ። ኣስታት 70% ቀረብ ጸዓት ፈረንሳ ድማ ካብ ኒዩክለር'ዩ ዝምንጩ።

ከምዚ ዓይነት ዓማጺ ውዕል'ዚ ኣብ ኒጀር ዝተፈጸመ ጥራይ ኣይኮነን። ፈረንሳ ግዙኣታ ዝነበራ ሃገራት ናጽነት ክትህበን እንከላ ተመሳሳሊ ውዕላት እያ ኣፈሪማተን። ናጽነተን ምስ ተረከባ ድማ፡ ኣብ ትሕቲ ኪዳን ፍራንኮፎን ከም ዝጥርነፉ ብምግባር፡ ድሌታታ ብዘዕግብ መገዲ ብተዘዋዋሪ ከተመሓድረን ጸኒሓ። ብሪጣንያ እውን እንተ ኾነ፡ ኣብ ትሕቲ መግዛእታ ዝነበራ ሃገራት ኣብ ማሕበር ሓባራዊ ሃብቲ (ኮመን ወልዝ) ጠርኒፋ፡ ኣብ ግዜ መግዛእቲ ዝነበረ ረብሓታታ ክትዕቅቦ ክኢላ እያ። እዚ ቀጥታዊ መግዛእቲ ኣብ ዘብቅዓሉ እዋን ዝተማህዘ ሜላ ድማ እዩ፡ 'ሓድሽ መግዛእቲ' እናተባህለ ዝጽዋዕ።

ናይ መብዛሕትአን ሃገራት ኣፍሪቃ ናጽነት ስማዊ እዩ ዝበሃለሉ ብዘይ ምኽንያት ኣይኮነን። እተን ገዛእቲ ዝነበራ ሃገራት፡ ዝሓለፈ 60-70 ዓመታት ኣብ ኣፍሪቃ ዝነበረን ረብሓታት በዚ ሜላታት ሓድሽ መግዛእቲ'ዚ ዓቂበንኦ እየን ክንዓዛ ጸኒሐን። እዘን ግዙኣት ዝነበራ ሃገራት ድሕሪ ናጽነት እውን ኣብ ፖለቲካ ይኹን ቁጠባዊ

ፖሊሲታት ናይ ገዛእ ርእሰን ናጻ ሕርያ ክህልወን ኣይተፈቐደለንን። ሓቂ እዩ ቀዳሞት መራሕቲ ኣፍሪቃ ኣብ ከምዚ ዓይነት ዓማጺ ውዕል'ዚ ክኣትዉ ዝደረኾም ምኽንያታት ነይሩ ክኸውን ይኽእል እዩ። ኑቲ ዓመጽ እናተረድእዎ ከም ሓደስቲ መንግስታት መጠን ዓቕሚ ስለ ዘይነበሮም ብቐጥታ ኣብ ተቓውሞን ግጭትን ምእታው ኣይመረጹን ክኾኑ ይኽእሉ። ገሊኦም ድማ፡ ተሞኩሮ ስለ ዘይብልና ሓለዋን ኣልያን ናይ'ተን ገዛእቲ ዝነበራ ሃገራት የድልየና እዩ ብዝብል ሓሳብ ይኾኑ። ስልጣኖም ጥራይ ዘገድሶም፣ ምስ ናይ ግዳም ሰረቕቲ ተሻሪኾም ሃብቲ ሃገር ንውልቃዊ ረብሓኦም ክዘምቱ ዝደልዩ መራሕቲ እውን ኣይተሳእኑን።

ፈረንሳውያን ኣብ ግዜ ቀጥታዊ መግዛእቲ ዝኽተልዎ ዝነበሩ ሜላ ብቐንዱ መበቆላዊ ባህልን ቋንቋን ናይቶም ግዙኣት ህዝብታት ከም ድሑር ኣምሲልካ ብዋናታቱ ከምዝጽየን ብምግባር፡ እቶም ግዙኣት ባህሊን ቋንቋን ፈረንሳ ከም ምዕቡል ወሲዶም ከም ዝርዕምዎ ምግባር እዩ ነይሩ። በዚ ሜላ'ዚ ኣብ ግዝኣታት ፈረንሳ ዝነበረ ናይ ብዙሓት ኣህዛብ መበቆላዊ ቋንቋ ጠፊኡ ብቋንቋ ፈረንሳ ተተኪኡ እዩ። እዚ ባህላዊ ወራር'ዚ፡ ፈረንሳ ኣብዚ ዝሓለፈ 60-70 ዓመታት ኣብ'ተን ግዙኣታ ዝነበራ ሃገራት ዝነበራ ጽልዋ ክትዕቅብ፡ ረብሓታት ብዘይስክፍታ ክትሕሉ ባህርያዊ ሃብተን ክትምዝምዝ ካብ ዘኽኣላ ረቛሒታት ሓደን ዓብዪን እዩ። ገንዘባዊ ፖለሲ ናይ'ዘን ሃገራት ብፈረንሳ ይቕየስ ምንባሩ ምስ እንግንዘብ፡ እተን ሃገራት ክሳብ ክንደይ ካብ መግዛእቲ ዘይምልቓቐን ዘመልክት'ዩ። ቅሉዕ ብልሽውና ናይ መራሕቲ ኣፍሪቃ ኸኣ፡ ነዘን ቀዳሞት ገዛእቲ ረብሓታተን ኣብ ምዕቃብ ከም መሳርሒ ኾይኑ ኣገልጊሉ እዩ።

ኣፍሪቃውያን መራሕቲ ኣብ ስልጣን ንኽመጹ ወይ ንኽጸንሑ ብሳንጣታት ዝመልአ ገንዘብ ንሰበስልጣን ፈረንሳ የሕቀፉ ምንባሮም ይንገር። ኣብዘን ሃገራት እዚኣተን ዝካየድ ምርጫታት እምበኣር ስማዊ እዩ ነይሩ። ረብሓታት ፈረንሳ ዘይዕቅብ ወይ ዝጻረር ብቕልጡፍ ብዕልዋ ከም ዝእለ እዩ ዝግበር ነይሩ።


ከም ውጽኢት ፖለሲታት ሓድሽ መግዛእቲ፡ ሃገራት ኣፍሪቃ ድሕሪ ናጽነተን ኣብ ልምዓት ሰብኣዊ ምዕባለኣን ዘምጽእኦ ለውጢ ብዙሕ ኣይኮነን። ኒጀር ንኣብነት ምስ'ዚ ኹሉ ባህርያዊ ሃብታ፡ ሓንቲ ካብ ኣዝየን ድኻታት ሃገራት ዓለምና እያ። ካብዞም ባህርያዊ ሃብታ ዝግሕጡ ምዕራባውያን፡ ዓመታዊ ኣስታት 2 ቢልዮን ዶላር ገንዘባውን ረድኤታውን ሓገዝ እናተዋህባ ድማ ክትሳለ ጸኒሓ። ፈረንሳውያን ብዘይ ጠስሞም ጸረር ክብሉ እንከለዉ ህዝቢ ኒጀርን ካልኦት መሰልታ ሃገራትን ተመጽዋቲ ረድኤት ፈረንሳን ካልኦት ምዕራባውያን ሃገራት ኮይኑ እዩ ክነብር ጸኒሑ። 2/3 ካብ ህዝቢ ኒጀር መሃይምነት ዘየጥፍአ ምኳኑ ምስ እንዕዘብ፡ ኣብ ሰብኣዊ ምዕባለ ዝተገብረ ዝጠቅም ወፍሪ ከም ዘይነበረ ዘርኢ እዩ።

ከምዚ ዓይነት ህድግለነ ዘይብሉ ምዝመዛን ዓመጽን ግን ንሓዋሩ ክቕጽል ዝኽእል ኣይኮነን። ምስ ንቕሓት ወዲ ሰብ፡ ዘመን ተቐያያሪ እዩ። ሎሚ ኣብ ሓያሎ ሃገራት ኣፍሪቃ ነዚ ቀዳሞት ገዛእቲ ረብሓታተን ንምዕቃብ ኣብ ኣፍሪቃ ዝተኸተልኦ ሜላታት ሓድሽ መግዛእቲ ዝቃወም ንቕሓት እናዓበየ ይመጽእ ኣሎ። ኤውሮጳውያን ከም ደሞክራሲያውያን ምዕቡላትን ሓለይቲን፣ ኣፍሪቃውያን ድማ ከም ድሑራት፡ ውልቀ መለኽትን ብልሹዋትን ኣምሲለን ዘስረጽኦ ናይ ልዕልናን ብድዐን ኣተሓሳስባ ዝብድህ ሓድሽ ኣመለኻኽታ ኣብ መንእሰያት ኣፍሪቃ ይምዕብል ኣሎ። ኣቐዲሙ ኣብ ቡርኪናፋሶን ማሊን ሕጂ ድማ ኣብ ኒጀር ዝተላዕለ ንሓድሽ መግዛእቲ ዝቃወም ምንቅስቓሳት፡ ምብራኽ ንቕሓት ህዝብታትን ምብቃዕ ዘመነ ሓድሽ መግዛእትን ዘበስር እዩ። ኩነታት ኒጀር ናበይ ገጹ የምርሕ ግዜ ዝምልሶ ኾይኑ፡ እቲ ኣብዚ ሓድሽ ኣፍሪቃዊ ወለዶ ተፈጢሩ ዘሎ ንቕሓት ግን ዝያዳ እናበረኸን በዳሂ እናኾነን ዝኸይድ እምበር ንድሕሪት ዝምለስ ኣይኮነን። ንቕሓት ብባህሪኡ ንድሕሪት ስለ ዘይምለስ።

ፕረዚደንት ፈረንሳ ዝነበረ ጃክ ሺራክ ሓደ እዋን፡ "ፈረንሳ ኣብ ኣፍሪቃ ዘሎ ቁጠባዊ ረብሓታታ ክትዕቅብ እንተ ዘይክኢላ፡ ብቕጽበት ናብ ሳልሳይ ዓለም እትወርድ ሃገር'ያ" ክብል ተዛሪቡ ነይሩ። ብርግጽ ድማ፡ ፈረንሳ ጥራይ ዘይኮነ ዝበዝሓ ሃገራት ኤውሮጳ ብሃብቲ ኣፍሪቃ ዝበልጸጋን ብኡ ዝናበራን ምኳነን ምስጢር ኣይኮነን። ክንዲ ዝኾነ ኑቲ ዝጸንሐ ረቂቕ ምዝመዛ ዝርዳእን ዝቃወምን ንቕሓት ኣብ ኣፍሪቃ ምኽሳቱ ከሰንብደን ባህርያዊ እዩ። ፈረንሳን ካልኦት ምዕራባውያን ሃገራትን ብኹነታት ኒጀርን ምዕራብ ኣፍሪቃን ሻቕሎቶም ሰማይ እንተዓረገ እምበኣር፡ ዘገርም ኣይኮነን።



**ክፉት ዘተ**




## ዕላል መንእሰይ

# ምስ ፕሮፌሰር ገብረብርሃን ዕቕባዝጊ

## ክኢላ ጂኦፊዚክስ

ፕሮፌሰር ገብረብርሃን ዑቕባዝጊ ኣብ ዞባ ደቡብ ኣብ ዓዲ ኣይቀበጹ (ንኡስ ዞባ ዓረዛ) እዩ ተወሊዱ። ናይ መባእታን ማእከላይን ደረጃ ትምህርቱ ኣብ መንደፈራ ተማሂሩ፡ ናይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቱ ድማ ኣብ ኣስመራ ኣብ ቤት ትምህርቲ ስነ ኪነት ኤርትራ ወዲኡ። ብድሕርዚ ኣብ መሰልጠኒ ተለኮሙኒኬሽን ኢትዮጵያ ንኽልተ ዓመትን ፈረቓን ዝኸውን ናይ ራድዮን ኤለክትሮኒክስን ትምህርቲ ድሕሪ ምምሃሩ፡ ኣብ ኮለጅ ምህንድስና ኣዲስ ኣበባ ብኤለክትሪካል/ኤለክትሮኒክስ ቀዳማይ ዲግሪ ረኺቡ። ኣብ ፈረንሳ ድማ ኣብ ዩኒቨርስቲ ኒስ ብ “Signal Processing and Computers” ካልኣይ ዲግሪ ድሕሪ ምርካብ፡ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ቱሎን ድማ ናይ ራዳር ስራሓት ዘጠቓለለ ብጂኦፊዝክስ ናይ ዶክትረይት ዲግሪ ረኺቡ።

ኣብ ስራሕ ዓለም ድማ፡ ቅድሚ ናብ ዩኒቨርስቲ ምእታዉ፡ ኣብ ትካል ተለኮሚኒከይሽን ኢትዮጵያ ከም ራድዮ ተክኒሻን ኮይኑ ሰሪሑ። ኣብ ካልኦት ነንበይኖም ትካላት ብምስራሕ'ውን ስፍሕ ዝበለ ናይ ስራሕ ልምዲ ድማ ረኺቡ እዩ። ዩኒቨርሲቲ ኣትዩ ቀዳማይ ዲግሪ ምስ ረኸበ፡ ኣብ ዩኒቨርስቲ ኣዲስ ኣበባ ኣብ ጅኦፊዚካል ኦብዘርቫቶሪ ከም ተሓጋገዚ መምህር (graduate assistant) ጀሚሩ ብዝተፋላለዩ ኣካዳምያዊ ምዓርጋት (academic ranks) ኣብ ዝተፋላለዩ ክፍላት ናይ ጀኦፊዚክስ ምርምር ብምክያድን ብምምሃርን ሰሪሑ። ኣብ ዩኒቨርሲታት ቱሎን፡ በርገን (ኖርወይ)፡ ክዮቶ (ጃፓን)፡ ቦትስዋና (ቦትስዋና)፡ ሜጆ (ጃፓን) ከም Visiting Professor/Scientist ወይ ድማ ከም Sabaticant ኮይኑ ናይ ምርምር ስራሓት ኣካይዱ። ብተወሳኺ፡ ካብ 1991 ክሳብ 1998 ኣብ ዓብዱሰላም ኣህጉራዊ ማእከል ፍዚክስ (Abdu Selam International Centre of Theoretical Physics (ICTP)) ኣብ ትሬስተ (ኢጣልያ) ከም ICTP* Associate ኮይኑ እናተመላለሰ ምርምር ኣካይዱ።

ኣብ 1992 ናብ ኤርትራ ብምምጻእ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ኣስመራ ክሰርሕ ጀሚሩ። በቲ ዩኒቨርሲቲ ኣስመራ ዘቖሞ ናይ ጀኦፊዚክስ ላቦራቶሪ ኣቢሉ ድማ ምስ መሳርሕቱ ኾይኑ፡ ብርክት ዝበሉ ናይ ኤርትራን ናይ ኣከባቢኣን ናይ ጀኦፊዚክስ፡ ብፍላይ ድማ ናይ ምንቅጥቃጥ ምድርን እሳተጎመራን መጽናዕትታት

አካይዱ እዩ። እዚ ናይ ጅኦፊዝክስ ላቦራቶሪ ኣብ ኢንስቲትዩት ተክኖሎጂ ኤርትራ (ማይ ነፍሒ) እውን ቀጺልዎ እዩ።

ፕሮፌሰር ገብረብርሃን ኣብ ዩኒቨርስቲ ኣስመራን ኢንስቲትዩት ተክኖሎጂ ኤርትራን ኣብ ርእሲ ምምህርናን ምርምርን፡ ኣብ ዝተፋላለዩ ጽፍሕታት ምሕደራን መሪሕነትን እውን ብሓላፍነት ኣገልጊሉ እዩ። ንሱ ብድምር ኣብ ትካላት ላዕለዋይ ትምህርቲ ብምምሃርን ብምርምርን ንኣስታት 45 ዓመታት ብተወፋይነት ሰሪሑ እዩ።


መጽሔት መንእሰይ፡ ኣብቲ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙናት ኣብ ሃገርና ዘጋጠመ ምንቅጥቃጥ ምድሪ መበገሲ ብምግባር፡ ንመንእሰያት ኣብ ዝገድሱ ዛዕባታት ኣዕሊናዮ ኣሎና። ሰናይ ምክትታል።

*ICTP ብጻዕሪ ፕሮፌሰር ዓብዱሰላም (ናይ 1979 ብዓውዲ ፊዚክስ ናይ ኖቨል ሽልማት ዝተሸለመ ፓኪስታናዊ ተመራማሪ) ኣብ ምምዕባል ዘለዋ ሃገራት ዝሰርሑ ተመራመርቲ ክሕግዝ ተባሂሉ ብUNESCOን ብኻልኦትን ዝቘመ ትካል እዩ።

**ብዛዕባ ኣብ'ዘን ኣቐድም ኢሉ ዝሓለፋ ሰሙናት ዝተኸሰተ ምንቅጥቃጣት ምድርን ከምኡ'ውን ብዛዕባ ካልእ ኣካዳምያውን ግብራውን ተሞክሮታትካ ሓሳብካ ከተካፍለና ብዝገበርናልካ ዕድመ መሰረት ፍቓደኛ ኮይንካ ብምምጻእካ ነመስግነካ።**

ኣነ'ውን ነዚ ኣብዚ ዝተጠቕሰ ኣርእስትታት ሓሳበይ ንመንእሰያት ክገልጽ ዕድል ስለ ዝሃብኩምኒ፡ ልባዊ ምስጋናይ ከቕርብ እፈቱ። ስክፍታ ግን ኣሎኒ። ኣብዚ ግዜ'ዚ፡ ሓሳባተይ ኣብ ናይ መንእሰይ ሓሳባት ፍልይ ዝበለ ክኸውን ስለ ዘኽእል፡ መንእሰያት ነዚ ክርድኡለይ እደሊ። ብመጠኑ ነዚ ጸገም'ዚ ንምቅላል ኣነ ብዝተኻእለ መጠን ኑቲ ኣብ ንእስነተይ እንክለኹ ዝገበርኩን ዝሓሰብኩን ዝበርኩን ከም ዘለዎ ከቕርብ ክፍትን እየ። ዝፈጸምክምዎም ጌጋታት እውን ብዘይ ቀለዓለም ክጠቕስ ክፍትን እየ።

**ናብ መጀመርታ ሕቶይ ከምርሕ፡ ቅድሚ ገለ ሰሙናት ኣብ ሃገርና ምንቅጥቃጥ ምድሪ ኣጋጢሙ ምንባሩ ይዝከር። ናብ'ቲ ሽዑ ዘጋጠመ ቅድሚ ምእታውና፡ ብዛዕባ ምንቅጥቃጥ ምድሪ መብርሂ ክትህበና።**





*ቁ.1. ተክቶኒክ ክፋላት ናይ ምሉእ ምድርና ዘርኢ ማፕ። እዚኦም እቶም ዝዓበዩ ጥራይ እዮም። ንኣብነት ኣብ ውሽጢ ኣፍሪቃ፡ ብፍላይ ድማ ኣብ ከባቢና ዝርከብ ናይ ሶማል ክፋል ኣይተራእየን።*

**ምንቅጥቃጥ ምድሪ እንታይ እዩ? ስለ ምንታይ እዩ ምድሪ ዘንቀጥቅጥ? እንታይ እዩ ምንጩ?**

እዛ እንነብረላ ምድሪ ምሉእ ብምሉእ ድርቕትን ምውትትን ኣይኮነትን። ኣብቲ ናይ ደገ ጽፍሓ ማይ፡ ልዕሊ ጽፍሓ እውን ኣየር ኣሎ። ካብ'ቲ ላዕለዋይ ጽፍሓ፡ ክሳብ እቲ ዝቖጽል ታሕተዋይ ኣካላታ፡ ማለት ኣስታት 100 ኪ.ሜ. ንውሽጢ እንተ ኸዲትና፡ ውዑይን ሓውሲ ፈሳስን ዝመስል ኣካላት ኣሎ። ኣስታት 3,000 ኪ.ሜ. ዝኸውን ዕምቈት ድማ ኣለዎ። ብትሕቲኡ እውን ኣዝዩ ውዑይ ዝኾነ ናይ ምድሪ ዓንኮር ኣሎ፤ ኣስታት 3,000 ኪሜ ዕምቈት ዘለዎ እዩ። ስለዚ ምድሪ ውሽጣ ብውዑይን፡ መብዛሕትኡ ድማ ፈሳሲ ጥራይ ዝኾነ ኣካል፡ ዝቖመት እያ። እቲ ናይ ወጻኢ ኣካላታ ጥራይ እዩ ድሩቕን ዘሐልን ዝኾነ። ንሱ ድማ ኣብ ብዙሓት ዓበይቲ ተክቶኒክ ክፋላት (tectonic plates) ዝተኻፋፈለ እዩ። ናይ ኣፍሪቃ/ኑብያ፡ ኣራብያ፡ ወዘተ. ተባሂሎም ድማ ይጽውዑ (ስእሊ ቁጽሪ 1. ርአ)። እቶም ክፋላት ዝላገበሉ ቦታታት ጎንጺ ኣብ ምጽዋር ድኹም ዝበለ እዩ።

እቲ ኣብ ውሽጢ ምድሪ ዘሎ ፈሳሲ ኩሉ ግዜ ኣብ ቀጻሊ ምንቅስቓስ እዩ ዘሎ። እዚ ውሽጣዊ ምንቅስቓስ ድማ ኑቶም ዝሐላት ዓበይቲ ክፋላት ምድሪ ኣብ ተመሳሳሊ ምንቅስቓስ ክህልዉ ይገብር። እዞም ዓበይቲ ክፋላት ኣብ ነንሓድሕዶም ካብ ዝገብርዎ ምንቅስቓሳት ድማ ምንቅጥቃጥ ምድሪ፡ ሓንሳብ ሓንሳብ ድማ እሳተጎመራ የኸትል።

ምንጭታት ምንቅጥቃጥ ምድሪ ብዓይነት ብርኽት ዝበሉ'የም። ካብ ቦታ ናብ ቦታ ድማ ይፋላለዩ። ኣብዚ ኸባቢና ዘለዉ ዓይነት ምንጪታት ዘኸትልዎም ምንቅጥቃጣት ምድሪ፡ እሳተጎመራ እውን ከኸትሉ ይኽእሉ እዮም። ኣብ ስእሊ ቁጽሪ 2. ካብ 1963




*ስእሊ ቁ፡ 2. ምንጪ ናይቶም ዕብይ ዝበሉ ምንቅጥቃጥ ምድሪ ዘርኢ ስእሊ። ዋሕዲ ኣብ ኣፍሪቃ ዝርኣዩ ምንቅጥቃጥ ምድሪ ብኸፊሉ ምስ ቁጽሪ ናይ መዝገብቲ መሳርሒታት ዝተታሓሓዘ እዩ።*

ክሳብ 1998 ኣብ ምሉእ ዓለም ዝተኸሰቱ ምንቅጥቃጥ ምድሪ ቡጠዘተኸስትሉ ቦታ ዘርኢ ማፕ ተዋሂቡ ኣሎ። እዚኣም እቶም ዕብይ ዝበሉ ጥራይ እዮም፡ ካብኦም ዝንእሱ ብሚልዮናት ዝቑጸሩ ግን ኣይተራእዩን። ቅርብ ኢልና ምስ እንዕዘብ ድማ እቲ ዝፍጸም ምንቅጥቃጥ ምድሪ ዳርጋ ኹሉ ኣብ ዶብ ናይ'ቶም ተክቶኒክ ክፋላት ምኳኑ ንርዳእ።

## ብመንጸር እዚ ክትገልጾ ዝጸናሕካ፡ ተክቶኒካዊ ቅርጺ ከባቢና ከመይ ይመስል?

ኣብ ዝሓለፈ 30 ዓመታት ኣብዚ ኣርእስቲ እዚ፡ ምስ ኣብ ዓበይቲ ዩኒቨርሲታት ዘለዉ ክኢላታት ብምትሕብባር ናይ ከባቢና ተክቶኒክ ማፕ ከነዳሉ ክኢልና ኣሎና። ኣብ 2010 ዝተሓተመ ማፕ ኣብ ስእሊ ቁ፡ 3 (ሀ) ተዋሂቡ ኣሎ።

ኣብ ስእሊ ቁ፡ 3 (ለ) ድማ እዚ ተክቶኒካዊ ኣቃውማ ናይ ከባቢና ዘኸተሎም ዝርግሐ ምንቅጥቃጥ ምድሪ ተዋሂቡ ኣሎ። ከምቲ ኣቐዲሙ ዝተገልጸ፡ ምንጮታት ምንቅጥቃጥ ምድሪ ኣብ ዶብ እቶም ተክቶኒክ ክፋላት ከም ዝኾነ እዩ ዘርኢ። ብድሕሪ 2010 ዝተገበረ መጽናዕቲ ነዚ ኣብ ስእሊ ቁ፡ 3 (ሀ) ተዋሂቡ ዘሎ ቅርጺ ኣብ 2020 ከም ዝመሓየሸ ገይሩ ኣሎ። እቲ ዝተገበረ ምምሕያሽ ድማ፡ ናይ ደንከል ንኡስ ክፋል ታሕተዋይ ዶቡ ናይ ናብሮ ናይ እሳተ ጎመራ ሰንሰለት ከም ዝኾነ ክፍለጥ ተኻኢሉ ኣሎ።

## ባህርያትን ሳዕቤናትን ምንቅጥቃጥ ምድሪ እንታይ እዩ?

ባህርያት ናይ ምንቅጥቃጥ ምድሪ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ይላዋወጥ እዩ። ኣብ ከባቢና ዝርአ ምንቅጥቃጥ ምድሪ ዕምቈቱ ውሑድ እዩ፡ መብዛሕትኡ ግዜ ትሕቲ 30 ኪ.ሜ. ትሕቲ ጽፍሒ መሬት እዩ። ኣብ ገሊኡ ቦታታት ዓለምና ግን፡ ክሳብ 700 ኪ.ሜ ዕምቈት ክህልዎ ይኽእል እዩ። ምንቅጥቅጥ ምድሪ ንምድሪ የናውጽ፡ እቲ ምንዋጽ ድማ፡ ከም መጠን ሓይሉ፡ ህንጻታት ክጎድእ ወይ ክፍርስ ይኽእል። ምንዋጽ ጥራይ ንሰብ ኣይቀትልን እዩ። ሰብ ዝመውት ኣብ ውሽጢ ወይ ኣብ ጥቓ ህንጻ ምስ ዝኸውን፡ ቡቲ ህንጻ ኣቢሉ ዝበጽሖ ጉድኣት እዩ ዝቐትሎ ወይ ዘቑስሎ። ኣብ ገሊኡ ኾቦታት ዝበዝሖ ከባቢ ድማ፡ ምንቅጥቃጥ ምድሪ ምንሸርታት መሬት ከላዕል ይኽእል እዩ። እዚ ድማ ሰብን ንብረትን ክጎድእ ይኽእል እዩ። ብተዛዋዋሪ መንገዲ፡ ምንቅጥቃጥ ምድሪ ባርዕ ሓዊ ከላዕል ይኽእል እዩ። እዚ ድማ ብወገኑ ኣብ ሰብን ንብረትን ጉድኣት ከብጽሕ ይኽእል እዩ።

ምንጪ ምንቅጥቃጥ ምድሪ ዓሚቕ ዘይምኳኑ (ከም ናይ ከባቢና) ብልጫ ኣሎዎ። እቲ ዝሓሉል ክፋል ምድርና ናይ ሰይስሚክ (ምንቅጥቃጥ ምድሪ ዘላዕሎ ማዕበል) ማዕበል ኣብ ምትሕልላፍ ድኹም ስለ ዝኾነ፡ ጉድኣት ክበጽሕ እንከሎ፡ እቲ ጉድኣት ኣብቲ ከባቢ ምንጪ ጥራይ ተደሪቱ እዩ ዝተርፍ። ናብ ርሑቕ ኣይዝርጋሕን እዩ። ብተዛዋዋሪ


ጉድኣት ይንኪ ማለት እዩ።

ብተወሳኺ ብዛዕባ ባህርያት ምንቅጥቃጥ ምድሪ ኣብ ሃገርና ብሓርፋፍ ኣብ ክልተ ክንከፍሎም ንኽእል። እቲ ቀዳማይን እቲ ኣብ ብዙሕ ቦታታት ዓለምና ዝርአን እቲ 'ንቡር' (normal) ዝበሃል እዩ። እዚ ቅድሚ ምምጽኡ ዝረኣዩ (foreshocks)፡ ከምኡ እውን ድሕሪ እቲ ቀንዲ (main shock) ምሕላፉ ዝኽተሉ (aftershocks) ዝባሃሉ ዝሓዘ እዩ። እቲ ቀንዲ ምንቅጥቃጥ 90% ናይ'ቲ ጠቕላላ ዝወጸ ሓይሊ ዝሓዘ እዩ። ቡቶም ቅድምን ድሕርን እቲ ቀንዲ ዝኸሰቱ ምንቅጥቃጣት፡ ናይ ኩሎም ተደሚሩ 10% ናይ'ቲ ጠቕላላ እዩ። እቲ ካልኣይ ዓይነት፡ ብዙሕ ግዜ ድማ ኣብ ሃገርና ዝርአ እቲ 'ዕስለ' (swarm) ዝበሃል እዩ። እዚ ቀንዲ ዘይብሉ (no dominant mainshock) ብርክት ዝበሉ ተመሳሳሊ ዕበየት ዘሎዎም ዕብይ ዝበሉ ምንቅጥቃታት፡ ከም ዕስለ ኾይኖም ዝራኣዩሉ እዩ። እዚ ሓንሳብ እንተ ጀሚሩ፡ ንብርክት ዝበሉ መዓልታት፡ ወይ ሰሙናት ክጸንሕ ዝኽእል እዩ። ንኣብነት፡ ኣብ ባጽዕ ኣብ 2002 ዝተኸስተ፡ ከምኡ እውን ኣብ ባዳ 1993 ዝነበረ፡ ንልዕሊ ሓደ ወርሒ ጸኒሖም ነይሮም። በዚ ድማ፡ እዚ ናይ ሕጂ ዕስለ ክሳብ ሓደ ወርሒ ናይ ምቕጻል ተኽእሎ ኣሎ።

### ምንቅጥቃጥ ምድሪ ብኸመይ እዩ ዝዕቀን?

ኣብዚ ክልተ ዓይነት መዐቀኒ ኣሎ። እቲ ቀዳማይ ኣብ'ቲ ምንጩ ዝተፈነወ ሓይሊ ወይ ዕበየት (Magnitude) ዝዕቅን እዩ። ብሪሽተር (Richter) ሚዛን ድማ ይዕቀን። እዚ መዐቀኒ'ዚ ብሽም እቲ ንመጀመርታ ግዜ ዘማዕበሎ ኣመሪካዊ እዩ ዝጽዋዕ። እዚ ሚዛን እዚ ናይ "logarithm" መጠን ዝኽተል እዩ። ንኣብነት ዕበየት ናይ 4.0 ዘለዎ ምንቅጥቃጥ ምድሪ ክንዲ 33 ግዜ ናይ 3.0 ዝዕበየቱ ምንቅጥቃጥ ምድሪ ዕበየት ኣለዎ፤ ክንዲ 1,000 ናይ 2.0 ዕበየት ዘለዎ ድማ እዩ። እቲ ዝዓበየ ክሳብ ሕጂ ዝተራእየ ምንቅጥቃጥ ምድሪ ናይ 9.5 ዕበየት ዘለዎ እዩ።

እቲ ካልኣይ መዐቀኒ ድማ እቲ ምንዋጽ ምድሪ ኣብ ዝተፈላለየ ቦታ ብኸመይ ብርታዐ (Intensity) ከም ዝተሰምዐ ዝገልጽ እዩ። ኣብ ጥቓ እቲ ምንጪ ብተዛማዲ ልዑል ክኸውን እንከሎ፡ እቲ ቦታ እናርሓቐ ክኸይድ እንከሎ ድማ እቲ ብርታዐ እናደኸመ እዩ ዝኸይድ። ናይ ማርሰሊ (Mar-




*ስእሊ ቁ፡ 3. (ሀ) ናይ ኤርትራ ተክቶኒክ ዝርኢ ማፕ። እቲ ዓቢ ስእሊ ናይ ኣፍሪቃ/ኑቢያ፡ ናይ ኣራብያ፡ ከምኡ እውን ናይ ሶማል፡ ክፋላት ካብ ነንሕድሕዶም ይፋናተቱ ከም ዘለዉ ዝርኢ ስእሊ እዩ። ናይ ደንከል ንኡስ ክፋል ኣብ መንጎ እዚቶም 3 ኣካላት ኮይኑ ይጻወት። ካብ ምዓሙቕ ደንከል ትበጊሱ፡ ናይ ደቡባዊ ምዕራብ ኣንፈት ተኸቲሉ ዝግስግስ ናይ ምብራቕ ኣፍሪካ ሸንጭሮ (EARS) እውን ይርኤ ኣሎ። እታ ኣብ ውሽጢ ንኡስ ክፋል ደንከል ዘላ ሳንዱቕ ናይ ናብሮን ጎራባብቱን እሳተጎመራታት ዝሓቑፈት እያ። (ለ) ካብ 1973 ክሳብ 2011 ዝተኸስቱ ምንቅጥቃጥ ምድሪ። ኣብዚ ስእሊ ባጽዕ (M)፡ ባዳ (B)፡ ከምኡ እውን ናብሮ (N)፡ ይራኣዩ ኣለዉ።*

celi) ሚዛን ተባሂሉ ድማ ይጽዋዕ። እዚ መዐቀኒ'ዚ ብሽም እቲ ንመጀመርታ ግዜ ዘማዕበሎ ኢጣልያዊ እዩ ዝጽዋዕ። እዚ መዐቀኒ እዚ ካብ I (ሓደ ናይ ሮማውያን ቁጽሪ) ክሳብ X ዝኸይድ እዩ። ናይ X ኑቲ ከበቢኡ ብተዛማዲ ፍጹም ዘዕነወ እዩ።

**ብዘዕባ'ዚ ኣብ ቀረባ ሕሉፍ ኣብ ሃገርና ዘጋጠመ ምንቅጥቃጥ መሬት እንታይ ትብለና? ከመይ እዩ ነይሩ? እንታይ ክኸውን ይኽእል ነይሩ?**

ኣብ ከባቢ ደቡባዊ ምዕራብ ሓውሲ ደሴት ቡሪ ተኸሲቱ ዝቐጸለ 'ዕስለ' (swarm) ዝዓይነቱ ክስተት፡ ልዕሊ 4.0 ዕበየት ዘለዎም 7 ዝኾኑ ምንቅጥቃጣት ዝሓቘፈ እዩ ነይሩ። እዚ ተርእዮ'ዚ ኣሰካፊ ዝኾነሉ ምኽንያት ኣብ ጥቓ እኩባት እሳተ-ጎመራታት ኣብ ዝርከበሉ ኣከባቢ ብምኽሳቱ እዩ። ኣብቲ ኸባቢ፡ ናይ ዓሊደ፡ ከምኡ እውን ኣብ ከባቢ ኤረፋይለ ዘለዉ እኩባት እሳተጎመራታት ኣለዉ። እዚኦም ንነዊሕ ግዜ ደቂሶም ዝጸንሑ እዮም። ቡቲ ዝተፈጸመ ኩነት ድማ ናይ ምብርባር ተኽእሎ ክህሉ ይኽእል እዩ። ኣብ 12 ሰነ 2011 ኑትጉ ኣብ ማእከል ደንካሊያ ዝርከብ እሳተጎመራ ናብሮ ኣጋጢሙ ነይሩ። እዚ ቡቲ 31 መጋቢት 2011 ዝተኸስተ 4.8 ዕበየት ዝነበሮ ምንቅጥቃጥ ከም ዝተቐስቀሰ ጥርጣረ ኣሎ።

**ምንቅጥቃጥ ምድሪ ኣቐዲምካ ክትንብ ይካኣልዶ?**

እዛ ሕቶ እዚኣ ኣዝያ ኣገዳሲት እያ። ምንቅጥቃጥ ምድሪ ብመንጽር ሳዕቤናቱ ምንካይ ዝግበር ሜላታት፡ ኣቐዲምካ ክትንብ ትኽእል ኢኻ። እዚ ድማ ኣብ ዝኾነ ቦታ ናይ ሓንቲ ሃገር እቲ ክመጽእ ዝኽእል ዝለዓለ ብርትዐ ክንደይ ምዃኑ ምስ ዝፍለጥ ንዕኡ ዝጻወር ህንጻታት ብምስራሕ ጉድኣት ክውሕድ፡ ወይ ድማ ክውገድ ይከኣል። እዚ ግን ገለ ጸገማት ኣለዎ። እዚ ድማ እቲ ክመጽእ ዝኽእል ዝለዓለ ብርትዐ ኣብ ኩሉ ቦታ ናይ ሓንቲ ሃገር ንምፍላጥ ቀሊል ኣይኮነን። ናይ ነዊሕ ግዜ ናይ ምንቅጥቃጥ ምድሪ ሓበሬታ ምእካብ ይሓትት።

ኣብ ሃገርና እቲ ኣዝዩ ዝተጻፈፈ ስርሓት ብ2017 ብኣባላት ናይ ጅኦፊዚክስ ላቦራቶሪ ምስ ናይ ወጻእተኛታት መሻርኽትና ብምትሕብባር ተገይሩ ኣሎ። ግዳ ብቐጻሊ ተወሳኺ ሓበሬታ ብምእካብ ቡቦግዚኡ ክመሓየሽ ዘለዎ እዩ።

እቲ ኻልኣይ ናይ ትንበያ ሜላ፡ ንኣብነት እታ ድሕሪ እዛ ሰዓት እዚኣ ካብ 4.0 ንላዕሊ ዝዕበየታ ምንቅጥቃጥ ምድሪ ኣበይ እያ እትኸሰት? ምዓስ? ብኽንደይ ዕበየት? ብኸመይ ኩነታት? ዝብሉ ሕቶታት ንምምላሶም ቀሊል ኣይኮነን። ዘተኣማምን ግብራዊ ሜላ እውን ክሳብ ሕጂ ኣነ ዝፈልጦ የብለይን። ብዙሕ ጠቓሚ ሓበሬታ ኣቐዲምካ ምሃብ ግን እናተኻእለ ይመጽእ ኣሎ።

**ኣብ ሃገርና ገለ ታሪኽ ናይ ምንቅጥቃጥ ምድርን እሳተ ጎመራን ኣሎ እንተ ኾይኑ ክትገልጸልና**

ከተማ ባጽዕ ኣብ 1884 ብምንቅጥቃጥ ምድሪ ተጠቒዓ ነይራ። ብዙሕ ጉድኣት እውን በጺሕዋ። ኣብ'ቲ ግዜ'ቲ እውን 2 ሜተር ዝግመት ሱናሚ ተኸሲቱ ነይሩ። ብ1921 እውን እንደገና ከተማ ባጽዕ ብምንቅጥቃጥ ምድሪ ዓንያ ነይራ እያ። እቲ ውሑድ ዝኾነ ከይፈረሰ ዝተረፈ ህንጻታት እውን ቡቲ ሽዑ ዝነበረ መንግስቲ፡ ብኣዋጅ ፈረሱ ክስራሕ ተገይሩ። ኣብ 1989 ኣብ ጥቓ ከተማ ዓሰብ ኣብ ዶብ (ኢትዮጵያ) ዝተባህለ ቦታ ዝተኸስተ ምንቅጥቃጥ ምድሪ ኑቲ ምስ ኣዲስ ኣበባ ዘራኽብ መንገዲ ስለ ዘፋራረሶ፡ ንሓደ ወርሒ ዝኸውን ናይ ምጽዓዝያ ስራሕ ተቛሪጹ ነይሩ። ኣብ 1993 ኣብ ከባቢ ባዳ (ንኣስ ዞባ ገላዕሎ) ብርቱዕ ምንቅጥቃጥ ምድሪ ነይሩ፤ ንነበርቲን ንመንግስትን ብዙሕ ኣሻቒሉ ነይሩ። ኣብ ከባቢ ባጽዕ ኣብ 2002ን ከምኡ እውን 2013 ብርቱዓት ምንቅጥቃጥ ምድሪ ኣጋጢሞም ነይሮም። ኣብ 2011 ኣብ ከባቢ ዞላን፡ ኣብ ማእከል ዳንካልያ ኣብ ሲረሩ (ኣብ ውሽጢ እሳተጎመራ ናብሮ እትርከብ ዓዲ) ብርቱዕ ምንቅጥቃጥ ምድሪ ነይሩ። ኣብዚ ቐረባ ግዜ ድማ ብተዳጋጋሚ ኣብ ከባቢ ንኡስ ዞባ ገላዓሎ ብርኩት ዝበሉ ምንቅጥቃጣት ምድሪ ይራኣዩ ኣለዉ።

ኑትጉ እሳተጎመራ ብዘምልከት፡ ኣብ 1861 ዱብ ዝተባህለ ኣሳተጎመራ፤ ኣብ ጥቓ ሓውሲ ከተማ ዒዲ ዝርከብ፡ ኑቲጉ ነይሩ። ኣብ ጥቓኡ ዝነበራ 2 ዓድታት ተደፊነን ልዕሊ 100 ዝኾኑ ነበርቲን ብኣሽሓት ዝቑጸሩ እንስሳታትን ድማ ሞይቶም። ብ2011 እሳተጎመራ ናብሮ፡ 25 ኪ.ሜ. ንምዕራብ ዱብ ዝርከብ፡ ኑቲጉ። ኣቐድም ኣቢሉ ብኣባላት ናይ ጅኦፍዚክስ ላቦራቶሪ ብዝተወሃበ መጠንቀቕታን፡ ብህዝብን ኣማሓደርትን ሰራዊትን ብዝተገብረ ምትሕብባርን፡ ሂወት ናይ ኣሽሓት ክድሕን ክኢሉ። ልዕሊ 12,000 ዝኾኑ ናይቲ ከባቢ ነበርቲ ድማ ካብ ዓድታቶም ተማዚቢሎም።

ብሓፈሻ ኣብ ኤርትራ ናይ ምንቕጥቃጥ ምድርን እሳተጎመራን ሓደጋታት ኣሎ። ድቁሳት እሳተጎመራታት ኣብ ከባቢ ዓሰብን ኣብ ከባቢ ኤረፋይለን ዓሊድን ኣለዉ። ኣብ መጻኢ እቲ ሕጂ ብዙሕ ህዝብን ንብረትን ዘይብሉ ዘሎ፡ ብዙሕ ንጥፈታት ዝካየደሉን (ዕደና፥ ናይ ምምዝማዝ ሃብቲ ዓሳ፡ ቱሪዝም፡ ኢንዱስትሪ፡ መንገድታትን፡ ወደባትን፡ ወዘተ.) ብዙሕ ህዝቢ ዝነብረሉን ምስ ኮነ እቲ ክመጽእ ዝኽእል ጉድኣት ኣዝዩ ክልዕል ምዃኑ ዝግመት እዩ። ስለዚ ካብ ሕጂ ጀሚርና ጉድኣታት ኣብ ምንካይ ክንሰርሕ ይግባእ።

**ኣብ ብጡዳይ ምንቅጥቃጥ ምድሪ ብደረጃ መንግስቲ ይኹን ሕብረተሰብ ክግበር ዝግባእ ጥንቃቐታት**

ኣብ 2015፡ ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን፡ ብኣፍልጦ ሚኒስትሪ ዞባዊ ምምሕዳርን፡ ብተሳታፍነት ዞባታት ደቡባውን ሰሜናውን ቀይሕ ባሕሪ፡ ብሓፈሻ ንተፈጥራዊን ሰብ ዝሰርሖን ሓደጋታት ክጸናዕ እሞ፡ ብተሳትፎ ህዝቢ ዘድልዩ ጉድኣት ዝንከዩ ስጉምትታት ክወሰዱ ብዘገበሮ ተበግሶ፡ ናይ ሕርሻዊን ክሊማዊን ሓደጋታት (ብዶ/ር ወልደስላሰ ዑቕባዝጊ)፡ ናይ ማሪን ሓደጋታት (ብዶ/ር ዘርእያ ዓብደልከሪም)፡ ናይ ምንቅጥቃጥ ምድርን እሳተጎመራን ሓደጋታት ዝሓቖፈ ናይ መሬት ሓደጋታት (ብፕሮፌሰር ጉብረብርሃን ዑቕባዝጊ)፡ ዝምራሕ ጉጅለ፡ ምምሕዳራትን ህዝብን ዘሳተፈ መጽናዕቲ ኣካይዱ። እዚ ድማ ኑተን ዝበርትዐ ናይ ምንቅጥቃጥ ምድርን እሳተጎመራን ዘስግኣን ዞባታት፡ ብሕልፊ ኣብ'ዚ ሕጂ ሃገርና ናብ ልምዓት ኣቢላ ትጓዓዘሉ ዘላ ወቕቲ፡ ኣዝዩ ሓጋዚ ከም ዝኾነ ኣየጠራጥርን እዩ። ኣብዚ ናይ ልምዓት ግዜ'ውን ካልኦት ናይ ምርምርን መጽናዕትን መሳለጥያታት ብመንግስቲ ዓብዩ ኣቓልቦ ከም ዝወሃብ ዘጠራጥር ኣይኮነን።

**ካብ ጎረባብትናን ካብ'ዚ መጀመርታ 2023 ኣብ ቱርኪ ዘጋጠመ ሓደጋ ምንቅጥቃጥ ምድሪ እንታይ ክንመሃር ንኽእል?**

መጀመርታ ብጎረባብትና ክጅምር። ኣብ ዝተፈላለየ ግዜ ኣብ ምስርን ኣብ የመንን፡ ብዙሕ ናይ ሰብ ሂወትን ንብረትን ዘጥፍኡ ሓደጋታት ምንቅጥቃጥ ምድሪ ነይሮም እዮም። እተን ሃገራት በዚ ተደፋፊኣን ዓበይቲ ትካላት ናይ ጅኦፊዚክስ መስሪተን እየን። ኣብ ምስሪን ኣብ የመንን ዘሎ ትካላት ከይደ ክበጽሕ ዕድል ረኺበ ነይረ እየ። እቲ ናይ ምስሪ ጽቡቕ ይኸይድ ከም ዘሎ እየ ዝፈልጥ፡ እቲ ናይ የመን ግን፡ ቀድም ጽቡቕ ይኸይድ እኳ እንተ ነበረ፡ ድሕሪ ኩናት የመን ሃለዋቱ ኣይፈለጥኩን። ንግስና ስዑድ ዓረብ ግሩም ዝኾነ ትካላት ናይ ጅኦፊዚክስ ኣለዋ። ምስኦም እውን ውሱን ዝኾነ ርክብ ኣሎና።

ኣብ ቱርኪ ዘጋጠመ ልዕሊ 50 ሽሕ ሂወት ሰብን ብቢልዮናት ዶላር ዝግመት ንብረትን ዘጥፍአ ፍጻመ እዩ ነይሩ። ክንመሃሮ ንኽእል ትምህርቲ ብዙሕ ኣሎ። ቱርኪ ብዙሓትን ብሉጻትን ክኢላታት ናይ ስነ ምድሪ ኣለውዋ። እዞም ክኢላታት እዚኣቶም ናይ ሃገሮም ናይ ምንቅጥቃጥ ምድሪ ብዝበእ ኣጸኒዖም እዮም። ሕግታትን ካልኦት ኣድለይቲ እዮም ዝበሃሉ ስጉምትታትን እውን ተወሲዶም ነይሮም እዮም። እንተ ኾነ፡ ኣብ ትግባረ ከምቲ ዝግባእ ኣይተተግበረን። ካልእ ድኻምነት እውን ነይሩ። ስለዚ ንሕና ነዚ ናይ ቱርኪ ጉዳይ ብደቂቕ ኣጸኒዕና፡ ከምቲ ዝወረዶም ጉድኣት ከየጋጥመና ክንጽዕር ኣሎና።

**ሕራይ ፕሮፌሰር። ንምንቅጥቃጥ ምድሪ ዝምልከት ሕቶታት ወዲአ'ለኹ። ናብ ካልእ ምስ መንእሰያት ዝተኣሳሰር ዞዳለኹዎ ሕቶታት ክሰግር።**


**ንኣስታት 45 ዓመት መምህር ዩኒቨርስቲ ኴንካ ምስራሕካ ዘገርም'ዩ። ካብ ተመኩሮኻ ኣብ ትምህርቲ ዕዉት ወይ ብሉጽ ኴንካ ክትወጽእ እንታይ እዩ እቲ ሜላ? ኣብዚ'ውን ኣሕጽር ኣቢልካ ኢኻ ክትገልጸልና**

መቸም ብሉጽ ክበሃል እንከሎ ኩሉ ተዛማዲ እዩ። ኣነ ከምቲ ዝረኸብክዎ ዕድላት ብዝበእ ሰሪሐ እንተ ዝኸውን ካብዚ ሕጂ ዘለኹዎ ዝበለጸኩ ምኾንኩ ነይረ እየ ዝብል። ምናልባት ኣነ ጽቡቕ ገይረ ዝብሎን ተጋግየ ዝብሎን ነጥብታት እንተ ጠቐስኩ ይሓይሽ እመስለኒ። ኣነ ካብ ንእስነተይ ናይ ኤለክትሪክ/ኤለክትሮኒክስ መሃንድስ እየ ክኸውን ዝደሊ ነይረ። እዚ ምናልባት ብዛዕባ ኤለክትሪክን ራድዮን ዝነበረኒ ምግራምን፡ ከምኡ እውን ብዛዕብኡ ንምፍላጥ ዝነበረኒ ልዑል ድሌትን ክኸውን ይኽእል እዩ። ንድሌተይ ክዉን ንምግባር እታ ኣብ መጀመርታ ዝገበርክዋ ምርጫ ናብ ቤት ትምህርቲ ስነኪነት ኤርትራ ብምርጫይ ምእታወይ እዩ። ኣብኡ ምስ ኣቶኹ መብዝሕትኡ ንመሃሮ ዝነበርና ብግብሪ ዝተሰነየ ስለ ዝነበረ ፈትየዮ። ካብ'ቲ ዝህቡና ዝነበሩ ስራሓት ብተወሳኺ እውን ባዕለይ ኣብ 9ይ ክፍሊ እንከሎኹ ሓንቲ ራድዮ ሰሪሐ ነይረ። ነዚ ንምግባር መሐሸሸየይ ተባሂሉ ዝተዋህበኒ ኣልዒለ፡ 2.00 ብር ሂበ ካብ መደብር ሓንቲ headphone፡ ካብ ሹቕ ድማ ኩሕሊ ገዚአ። ካብ መጽሓፍ ርእየ ዝሰራሕኩዋ ራድዮ ኣብ ኣስመራ ዝነበረት ናይ ኣመሪካውያን መደበር ራድዮ ትፍንዎ ዝነበረት መደባት ትስሕብ ነይራ። እዚ ከምዚ ብምግባረይ ንስራሓት ኢድ ክፈቱ ሓጊዙኒ።

እታ ኻልኣይቲ ቅንዕቲ ምርጫ ዝገበርክዋ ኣብ ናይ ኢትዮጵያ ናይ ተለኮሚኒከሽን መሰልጠኒ ትምህርተይ ምስ ወዳእኩ፡ ብዘለዓለ ደሞዝ ኣብኡ ከም መምህር ኮይነ ክሰርሕ ተሓቲተ ነይረ። እንተ ኾነ ብዝተሓተ ደሞዝ ከም ተክኒሻን ኮይነ ክሰርሕ መሪጸ። እቲ ኣብ ሰራሕ ዓለም ዝረኸብክዎ ልምዲ፡ ኣብ ትምህርትን ኣብ ምርምርን ኣዝዩ ሓጊዙኒ ክብል እኽእል።

እቲ ዝገበርክዎ ጌጋታት፡ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ዘይፈትዎም (ዘይንፉዓት) ዝበሎም መማህራን፡

ኣብ መጻኢ እቲ ሕጂ ብዙሕ ህዝብን ንብረትን ዘይብሉ ዘሎ፡ ብዙሕ ህዝቢ ዝነብረሉ ምስ ኮነ፡ እቲ ብምንቅጥቃጥ ምድሪ ክመጽእ ዝኽእል ጉድኣት ኣዝዩ ክልዕል ምኳኑ ዝግመት እዩ። ስለዚ ካብ ሕጂ ጀሚርና ጉድኣታት ኣብ ምንካይ ክንሰርሕ ይግባእ።



ባዕለይ ከጾንዕ ኢሉ፡ ካብ ክፍሎም ብዙሕ ይበኩር ነይረ። ካልኣይ ጌጋ ኣብ ጸወታ ብዙሕ ግዜ የጥፍእ ነይረ፡ ኣብ ካምፓስ ዳማ እፈቱ ነይረ፡ ኣብ ደገ ድማ 'ቢሊያርዶ' እፈቱ ነይረ። ወርቂ ግዜይ የጥፍእ ነይረ። ኩሉ ሚዛኑ ዝሓለወ ክኸውን ኣለዎ። እዚ ክብል እንከሎኹ ግን፡ ብቐጻሊ እየ ዘጽንዕ ነይረ፡ መርመራ ኣትዩ ኢለ ዝጉብሮ ለውጢ ኣይነበረን።

በዚ ድማ ክምህር እንከሎኹ ተመሃሮይ ብቐጻሊ ከጽንዑን ክሰርሑን እየ ዘተባብዖም። ኣብ ሓደ ሰሚስተር፡ ነጥብታት ዝወሃበን 5 ሓጸርቲ ፈተናታት ኩሉ ግዜ ይህብ። መኣስ ከም ዝህብ ኣይነግሮን እየ። እዚ ድማ ብቐጻሊ ከጽንዑን ካብ ክፍሊ ከይሮኽሩን ይሕግዞም። ብሞገቱእ ኣረመ ምስ መለስክሎም እውን ጌጋኦም ብቐጻሊ ክእርሙ ይሕግዞም። ከም ውጽኢቱ ድማ፡ ናይ 'D' ነጥቢ ዝረኸቡ ተመሃሮ ሳሕቲ እዮም ዝርከቡ። ኣብ ምሉእ ናይ ምምህርና ሂወተይ ዝሃብኩወን 'F' ድማ ብኣጻብዕ ኢድ ዝቑጸራ እየን።

**መለለዪ ባህርያትን ክብርታትን ብሉጽ ተመሃራይ ኮሌጅ ከመይ ዝበለ'ዩ?**

ኣብ ኮሌጅ እቲ ዝለዓለ ሓላፍነት ናይ'ቲ ተመሃራይ እዩ ዝኸውን። በዚ ድማ እቲ ተመሃራይ እንተ ወሓደ ነዞን ዝኽተላ ነጥብታት ብግቡእ ዝተረድኣን ዘተግብርን ክኸውን ኣለዎ እብል።

**ኩሉ ግዜ ብቐጻሊ ከጽንዕ ይግባእ፡** ቅድሚ ክፍሊ ምእታው፡ ኩሉ እቲ ቅድም ዝተማህሮ ተረዲኡን ቁሩብ'ተይ ብዛዕባ እቲ ኣብ ክፍሊ ክመሃርዎ ዝጸበዮ ኣርእስቲ ድማ ኣንቢቡ ክኣቱ ኣለዎ። ከምዚ እንተ ገይሩ እቲ መምህር ዝምህሮ ብቐሊል ክርድኦ ይኽእል እዩ፡ ዘይተረድኦ ድማ ሸዕኡ ሓቲቱ ይርዳእ። ከምዚ እንተ ገይሩ ኩሉ ጽቡቕ ይርድኦ፡ ካብ ክፍሊ ወጻኢ ዝድልዮ መጽናዕቲ ድማ ኣዝዩ ይውሕድ።

**ኣብ መጻኢ እንታይ ክኸውን ከም ዝደሊ ክፈልጥ ይግባእ።** ንዕኡ ንምዕዋት ድማ እንታይ ክገብር ከም ዘለዎ ክፈልጥ ኣድላዩ እዩ። ንኣብነት መሃንድስ ክኸውን ዝሰርሕ እንተ ልዩ ማተማቲክስ፡ ፍዚክስን ኮምፒተር ሳይንስን፡ ኣፍልጦ ናይቲ ዓውድን ኣዝዩ ኣገዳሲ ስለ ዝኾነ ጽቡቕ ገይሩ ከም ዝርድኦ ክገብር ይግባእ። ንኻልእ እውን ከምኡ።

ብዝተረፈ ምሕደራ ግዜን፡ ምስ ካልኦት ተማሃሮ ምክታዕን ካብ ነንሕድሕድ ሓሳባትን ልምድን ምልውዋጥ፡ ሓቢርካ ምስራሕ ምፍላጥን ምኽኣልን፡ ካልኦት ኣብ ምልላይ (orientation) ግዜ ዝወሃቡ ምኽርታትን ሓበሬታትን ምኽታል ኣድላይቲ እዮም።

**መንእሰያት ኣብ ምንባብ፡ ምርምርን፡ ምጽሓፍን ንኽሕይሉ፡ እንታይ ትመኽሮም?**

ብዙሓት ሰባት፡ ዓወት ብዕድል ዝመጽእ ዝመስሎም ኣለዉ። ዕድል ኣብ ሂወትና ይጸልወና'ኳ እንተ ኾነ፡ ወሳኒ ተራ ኣለዎ ግን ኣይብልን እየ። ኩሉ ብትምህርቲ፡ ጻዕርን፡ ዲሲፕሊንን እዩ ዝመጽእ። ሱብ ኣንባብን ተመራማርን ክኸውን፡ ተገዳስነትን ህንጡይነትን ክህልዎ ኣለዎ ኢለ እኣምን። መንእሰያት ኣብ ትምህርቶም ንፉዓት እንተ ኾይኖም፡ ኣንበብትን ተመራመርትን ንክኾኑ ዘሎ ዕድል ልዑል እዩ። ብኻልእ መገዲ፡ ኣብ ትካላት ላዕለዋይ ትምህርትና ንኽኑተሎ መሪሕ ኣሎ። ቁጠባና ንእሽቶይ ስለ ዝኾነ፡ ተመሃሮና ኣብ ስራሕ ምስ ተዋፈሩ፡ ባዕላቶም ኣብ ስራሕ ክመሃሩ መታን ድልዱል መሰረት ሒዞም ክኸዱ ብዙሕ ንጽዕር ኢና። እዚ ድማ ምንባብን ምምርማርን ዘሕይል እዩ። ስለዚ ሕጂ እውን መንእሰያት ኣብ ትምህርቶም ክነፍዑ ኣለዎም እየ ዝብል። ንባዕሉ ዘመናዊ ስራሕ እናተለዋወጠ እዩ ዝኸይድ ዘሎ። ስለዚ ኣብ ስራሕ ዓለም ስራሕካ እናተለዋወጠ ክኸይድ እንከሎ፡ ሓድሽ ስራሕ እናለመድካ ክትከይድ ንቡር እናኾነ ይመጽእ ኣሎ። እዚ እውን ምሕያል ምንባብን ምምርማርን ዝጠልብ እዩ።

**ወናኒ ፍልጠትን ሞያን ምዃን ሓደ ካብ መግለጺ ሓርነት እዩ። ኣብዚ ጉዳይ መንእሰያት ከመይ ክኾኑ ኣለዎም ትብል?**

ደጊመ ክብሎ ዝደሊ፡ መንእሰያት ኣብ ግዜ ንእስነቶም ብትምህርቲ፡ ጻዕርን ዲሲፕሊንን ኑብሮም ክሃንጹ ይግባእ። ኣብዚ ዘለናዮ ዘመን መንእሰይ እንተ ወሓደ ናይ ዩኒቨርሲቲ ትምህርቲ ክመሃር ኣዝዩ ተመራጻይ እዩ። መንእሰያት ሓደ ኣብ ንእስነቶም ዝገብርዎ ጌጋ ኣብ ትምህርቲ ሸለልትነት

ምርኣይ እዩ። እዚ ጌጋ'ዚ ንምሉእ ዕድሚኦም ከሳቕዮም ከም ዝኽእል ክግንዘቡ ይግባእ። ኑተን ብንእስኡቶም ከለዉ ብትምህርቲ ኣቢሎም ዝእከቡወን ሰንቂ ሒዞም እዮም ንምሉእ ሂወቶም ዝጓዓዙ። ብትምህርቲ ኣቢሎም ፍልጡትን ሞያን እንተ ደሊቦም ግን ምርጫታቶም ዝሰፍሐ ይኸውን። እዚ ድማ ምሕያል ሓርነት ምኳኑ ርዱእ እዩ።

**መንእሰያት ደረት ፍልጠቶም ኣብ ምስፋሕ እንታይ ክገብሩ ኣለዎም?**

ቀጻሊ ክመሃሩ፡ ቀጻሊ ከንብቡን ክመራመሩን፡ ቀጻሊ ገዛእ ነብሶም ክምህሩን ከማዕብሉን ኣለዎም። ቀጻሊ. . . .

**ሕራይ ፕሮፈሰር። ተራ ወለድን ሕብረተሰብን'ከ ኣብ ምሕጋዝ መንእሰያት ከመይ ትገልጾ? ካብ ተመኩሮኻ ክትገልጸልና**

ኣገዳሲት ሕቶ'ያ። መንእሰያት ኣገደስቲ ኣባላት ሕብረተሰብና እዮም። ሃገር ከስሕይል እንተ ኾይንና ኣብ መንእሰያትና ብዙሕ ክንሰርሕ ኣሎና። ወለዲ ድማ ልዕሊ ኹሉ፡ ኣብ ደቆም ምዕባይን ብቑዓት ዜጋታት ኮይኖም ክርከቡን ብዙሕ ክጽዕሩ ኣለዎም እብል። እቲ ቀንዲ ክገብርዎ ዘለዎም ዝበለ፡ ወለዲ ንባዕሎም ንፉዓት፡ እሩማት፡ ሓላፍነታውያን፡ ክኾኑ ይግባእ። ደቆም ካብታቶም ብግብሪ ይማሃሩ ከም ዝኾኑ ክርድኡ ይግባእ። ንደቆም ብዝኾነሎም መጠን ክሕግዙን ኣብ ደቆም ክግደሱን ኣለዎም።

ብዛዕባይ ክዛረብ እንተ ኾይነ፡ ኣነ ብስድራይን ብሕብረተሰበይን ብዙሕ ተሓጊዘ ዝዓበኹ እየ። መጀመርታ ናይ ኦርቶዶክስ ሃይማኖት ትምህርቲ እየ ተማሂረ። ኣቦይ ጽኑዕ እምነት ዝነበሮ ቀሺ እዩ ነይሩ። ኣነ ድማ ናይ መውዳእታ (ሕሳስልደ) ናይ ስድራይ ውሉድ ስለ ዝነበርኩ፡ ኣቦይ ቀሺ ኾይነ ንቤተክርስትያን ከገልግል እዩ ዝደልየኒ ነይሩ። በዚ ድማ ኣብ ዓድና ዝነበሩ ካብ ትግራይ ዝመጹ ሕዱር መምህር ምስ ኩሎም፡ ካብ ዓድናን ካብ ካልኦት ዓድታትን ዝመጹ ተማሃሮ ኾይነ እመሃር ነበርኩ። 'ግብረ ዲቁና' ዝተባህለ ናይ መጀመርታ ደረጃ ትምህርቲ ድማ ዳርጋ ኣብ ምውዳእ በጺሐ ነይረ። እንተ ኾነ ዓብዩ ሓወይ መምህር የማነ ዑቕባዝጊ ዘመናዊ ትምህርቲ ክመሃር ስለ ዝደለየኒ፡ ነቦይ ኣእሚኑ ንዓይ እውን ከእምኒ ፈተነ። ኣብቲ ግዜ'ቲ ሓወይ ኣብ ደቀምሓረ እዩ ዝምህር ነይሩ። ኣቦይ ድማ ክመሃር ኢሉ ናብ ደቀምሓረ ወሰደኒ። ደቀምሓረ ንምኻድ፡ ካብ ዓድና ብኣውቶቡስ ጌርና መንደፈራ ከድና። ኣብ መንደፈራ እንዳ ሸኽ ዓብዱ ዝበሃሉ ዓርኪ ኣባሓጎይ ሓደርና ድማ ንጽባሒቱ ናብ ደቀምሓረ ተጓዓዝና። እዚ ኹሉ መገዲ ነዊሕ ኮይኑ ተሰምዓኒ፡ ኣብኡ ካብ ኣቦይን ኣደይን ተፈልየ ክነብር ድማ ጸልማት ኮይኑ ተራእየኒ። በዚ እውን ኣይመሃርን እየ፡ እቲ ኣብ ዓድና ዘሎ እየ ዝመሃር፡ ኢለ ምስ ኣቦይ ተመለስኩ። ሓወይ ተሰፋ ከይቆረጸ፡ ንዓይ ክብል ናብ መንደፈራ ተቐየረ። እናተመላለሰ ድማ፡ 'ካብ መንደፈራ እንተ ደሊኻ ኣብ ሰሰሙን ንዓድና ክትከይድ ትኽእል ኢኻ' እናበለ ብዙሕ ጽዓረለይ እሞ ኣብ ዝቐጸለ ዓመት ናይ መባእታ ትምህርተይ ኣብ መንደፈራ ጀመርኩ። ኣብዚ ክጸቕጠሉ ዝደሊ እቲ ቡቲ ግዜ'ቲ ዝነበረ ናይ ሕብረተሰብና ምትሕልላይን፡ ምትሕስሳብን፡ ምትሕግጋዝን እዩ። ሓወይ ከምኡ ገይሩ እንተ ዘይግደሰለይን እቲ ብሓፈሻ ኣብቲ ሕብረተሰብና ዝነበረ ናይ ምትሕግጋዝ መንፈስ እንተ ዘይህሉን ኣይምተማሃርኩን ነይረ።

**ካብ ብሉጻት ተመሃሮኻ ብፍሉይ ትገልጾም እንተ ሃልዮም?**

ብዙሕ ዓይነት ትምህርቲ ንብዙሓት ተመሃሮ ምሂረ ኣለኹ። ተመሃሮና ግን ብብዙሓት መምህራን እዮም ዝመሃሩ። ስለዚ ሓደ ናተይ ተመሃራይ ነይሩ ክትብል እንክለኻ ገለ ዓይነት ትምህርትታት ምሂርካዮ ማለትካ እዩ። በዚ ድማ፡ 3 ተመሃሮ ኣብ ትምህርትን ምርምርን ኣብ ልዑል ደረጃ ዝበጽሑ ክጠቅስ።

እቲ ቐዳማይ ኢትዮጵያዊ እዩ። ካብ ገጠር ዝመጸ፡ ልዑል ብልሕን ጻዕርን ዘውንን እዩ። ክልተ ዓይነት ትምህርቲ ምሂረዮ፡ ኣብ መውዳእታ ዓመት ዝሰርሖ 'ፕሮጀክት' ድማ ኣማኺረዮ ነይረ። ልዑል ነጥቢ ኣብ ሰለስቲኡ ትምህርቲ ምስ ረኸበ፡ ኣብቲ ኣነ ዝሰርሓሉ ዝነበርኩ ናይ ምርምር ትካል ከም ተሓጋጋዚ መምህር ኮይኑ ክሰርሕ ተሓርየ። ንሓደ ዓመት እውን ናቱ ኣማኻሪ ነይረ። ካብኡ ንደሓር ናብ ወጻኢ ኸይዱ ክሳብ ናይ ዶክትረይት ዲግሪ ተማሂሩ ተመሊሱ። ፕሮፈሰርን ናይ'ቲ ዝነበርኩሉ ትካል ዋና ዳይረክተርን ፍሉጥ ናይ ኣህጉራዊ ሽልማት ተሸላሚ እውን ኮይኑ።

እቲ ኻልኣይ ተመሃራይ ፈረንሳዊ እዩ። ኣብ'ቲ ናይ ዶክትረይት ዲግሪ ዝረኸብኩሉ ዩኒቨርሲቲ፡ ምስኣታቶም ምርምር ክሰርሕ ንነዊሕ ዓመታት ዝቐጸለ፡ ኣብ ዓዓመት ይዕድሙኒ ነይሮም። ሓንቲ ኣገዳሲት ናይ ምርምር ግድል እውን ነይራትኒ። ንዕኣ ዝተሓጋገዘኒ ንፉዕ ተመሃራይ ደልዮም ድማ ረኺቦምለይ። እቲ ተመሃራይ ኣብቲ ግዜ'ቲ ናይ ማስትረይት ትምህርቱ ጀሚሩ ነይሩ። በዚ ድማ ኣነ ከም ተደራቢ ኣማኻሪ (co-supervisor) ኾይነ ክሳብ ዶክትረይት ዲግሪ ዝረክብ ኣማኺረዮ። እዚ ተመሃራይ እዚ ድልዱል ናይ

መንእሰያት ቀጻሊ ክመሃሩ፡ ቀጻሊ ከንብቡን ክመራመሩን፡ ቀጻሊ ገዛእ ነብሶም ክምህሩን ከማዕብሉን ኣለዎም።

ትምህርቲ መሰረት ዝወሃ እዩ ነይሩ። ናይ ማተማቲክስን ፊዚክስን፡ ኮምፒተር ሳይንስ ክእለቱ ኣዝዩ ልዑል እዩ ነይሩ። ምስኡ ኾይንና ድማ ብርክት ዝበሉ ናይ ራዳር ግድላት ክንፈትሕ ክኢልና። ትምህርቱ ምስ ወድአ እቲ ዩኒቨርሲቲ በቲ ዝሃበሮ ሕግታት ከይተቐየደ ኣብቲ ዩኒቨርሲቲ ብዘይ ውድድር መምህር ክኸውን ሓርይዎ። ሕጂ ድማ ከም ፕሮፈሰር ኮይኑ የገልግል ኣሎ።

እቲ ሳልሳይ ተመሃራይ ኤርትራዊ እዩ። ገና ኣብ መንገዲ እዩ ዘሎ። ብናተይ ግምት ድማ ኣብ መወዳእታ ልዕሊ ክልቲኦም ክኸውን ልዑል ተኽእሎ ኣሎ። ካብ ገጠር እዩ መጺኡ። ኣብ ኢንስቲትዩት ተክኖሎጂ ኤርትራ 2 ዓይነት ትምህርቲ ምሂረዮ። ኣብ መወዳእታ ዓመት ዝሰርሖ 'ፕሮጀክት' ድማ ኣማኺረሉ ነይረ። ኣብ ኩለን ዝመሃርክዎ ዝለዓለ ነጥቢ ረኺቡ። ኣብ 4 ዓመት ካብ ዝተማህረን 49 ዓይነታት ትምህርቲ 47 A፣ 2 ድማ B ረኺቡ። ካብ 30 ዝኾኑ ደቂ ኽፍሉ ቀዳማይ፣ ከምኡ'ውን ካብ ምሉእ ኮለጅ ዝለዓለ ነጥቢ ረኺቡ ናይ ወርቂ መዳልያ ተሸላማይ ኮይኑ። ድሕሪ ምምራቑ፡ ኣብ ናይ ጅኦፍዚክስ ላቦራቶሪ ከም ተሓጋጋዚ መምህር ኮይኑ ተመሪጹ፣ ንሰለስተ ዓመት ዝኸውን ግዜ ድማ ብሓባር ናይ ምርምር መጽናዕቲ ኣካይድና። ልዕሊ ዓቕሙ ስራሓት ሰሪሑ ድማ ተዓዊቱ። ኣብ ኣዝዩ ዝለዓለ ደረጃ በጺሑ ንህዝቡን ሃገሩን ኣበርካቲ ክኸውን ድማ እምነየሉ።

**ፕሮፈሰር ሕጂ ድማ ናብ ምህዞን ሰንዓን ክንሰግር። ብዛዕባ'ዚ ገለ ሕቶታት ኣለዋና። ሓያለ መንእሰያት ኣብ ምህዞን ሰንዓን ይሳተፉ እዮም። ብቐዳምነት ምህዞ እንታይ ማለት'ዩ? ምህዞ ዘይኮነሸ? ክትገልጸልና።**

ዓበይትን ናኣሽቱን ምህዞታት ኣለዉ ክንብል ንኽእል። እቶም ዓበይቲ መሰረታውያን እዮም፡ ብዙሓት ነኣሽቱ ምህዞታት ድማ ካብኦም ተበጊሶም ዝመሃዙ ኣለዉ። መብዛሕትኡ ናይ ምህንድስናን ተክኖሎጅን ምህዞታት ነኣሽቱ እዮም ክንብል ንኽእል። ንኣብነት ኤለክትሪሲቲን ኤለክትሮማግኔቲክ ማዕበላትን ዓበይቲ ምህዞታት ክኾኑ እንከለዉ፣ ኣብኦም ተመርኲሶም ዝመሃዙ ከም ተለቪዥን፡ ነፋሪት፡ ወዘተ፡ ድማ ንኣሽቱ ምህዞታት እዮም። ኣብ ሓንቲ ነፋሪት ኣማኢት፡ ምናልባት እውን ኣሽሓት ደቀቕቲ ምህዞታት ዝመብቆሎም ክፋላት ኣለዉ። ምህዞ ናይ ኣቔሑ ጥራይ ዘይኮነ ምህዞ ኣገባብት፡ ሜላታት ወዘተ. እውን ኣለዉ። ብመሰረቱ፡ ምህዞ ቅድም ዘይተፈልጠ ሓድሽ መግለጺ፣ ወይ ሕጊ፣ ወይ ፍሉጥ ዝኾነ ግድል ዝፈትሕ ውጽኢት ወይ ሜላ ክኸውን ይኽእል። ኩሉ ምህዞ እዩ ክበሃል ብፈተነ (experiment) ክረጋገጽ ኣለዎ።

**ክትምህዝ እንተ ኼንካ ክትማበሮ ዘማጸእ ነገራት ከመይ ዝበሉ'ዮም?**

ምህዞ ውጽኢት ናይ ግድል ወይ ጸገም ኣብ ምፍታሕ ዝግበር ጻዕሪ ወይ ሜላ እዩ። 'ንብል ኣብ ሃገርና ብርክት ዝበለ በለስ ኣሎና። ኣብ ዕዳጋ ክሸየጥ ክመጽእ እንከሎ፡ ብዙሕ ክፋል ናይ'ቲ በለስ ክቐንጡብ እንከሎ፡ ኣብ ጫፉ ዝተቐልጠ እዩ። ኩሉ ዝተቐንጠበ በለስ ጫፉ ከም ዘይቅለጥ ገይራ እትቐንጥብ መሳርሒት ትድለ ኢያ። ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ከምኡ እትገብር መሳርሒት የላን። ከምዛ መሳርሒት እዚኣ እንተ ተሰሪሓ እዚኣ ካብ'ቶም ደቀቕቲ ወይ ነኣሽቱ ምህዞታት ኢያ እብል። መብዛሕትኡ ምህዞ ጸገም ዝፈትሕ እዩ።

**ኣብ'ዚ ብመንእሰያት ኣብ ፈስቲቫላት ይኹን ካልእ ኣጋጣሚታት ዝቐርብ ምህዞኣዊ ፍርያት እንታይ ርእይቶ ኣሎካ? ብመንእሰያት ዝቐርቡ ምህዞኣዊ ስርሓት ከመይ ዝበሉ'ዮም ክኾኑ ዘለዎም?**

ከም ዝተዓዘብክዎ፡ ኣብ ፈስቲቫላት ዝቐርቡ ዝተሰነዑ ፍርያት፡ ምህዞ እዮም ክትብሎም ኣጸጋሚ እዩ። ዳርጋ ኹሎም ሓደስቲ ኣይኮኑን። መብዛሕትኦም ድማ ኣይሰርሑን እዮም። ኑቶም 'ምህዛቲ' ከምኡ ምግባር ይጠቕሞም ድዩ? እንተ ኢልካ ግን፡ ጠቓሚ እዩ ይብል፡ ኣብ ናይ ኢድ ስራሕ ተገዳስነት ከጥርዩን፡ ክፈትዉን፡ ተማሂሮም ናይ ተክኒክ ክእለት ከጥርዩን ይሕግዞም ይኸውን እዩ እብል። ብወገነይ ካብ መጻሕፍቲ ወይ ካብ ካልእ ምንጭታት ቀዲሖም እንተ ዝሰርሑ'ሞ ከመይ ገይሩ ከም ዝሰርሕ ምፍላጥ እንተ ዝጽዕሩ ዝሓሸ እመስለኒ።

**ብዛዕባ ነፋሪት፡ ሄሊኮፕተር ምሂዝና ኢሎም ንምርኢት ዘቕርቡ ዘሎኻ ትዕዝብቲ ከመይ እዩ?**

ነፋሪት ወይ ድማ ሄሊኮፕተር ተማሂዞን እየን። ክመሓየሻ ግን ይኽእላ እየን። ዝተፈላለያ ዓይነት ንዝተፈላለየ ስርሓት ክሰርሓ ይኽእላ እየን። ነዚ ንምግባር ብዙሓት ብደቀቕቲ ምህዞታት ዝማዕበሉ ክፋላት የድልዩ እዮም። ነዚ ንምግባር ድማ ልዑል ብቕዓት ዘለዎም መሃንድሳትን ካልኦት ሞያውያንን የድልዩ። ብመንእሰያት ዝግበር ኣይኮነን። እተን ተማሂዘን ዝበሃላ ዘለዋ ነፈርቲ ወይ ሄሊኮፕተራት ዝፍራ እውን ኣይኮናን።

> ኣብ ምህዞን ሰንዓን፡ መንእሰያት ካብ መጻሕፍቲ ወይ ካብ ካልእ ምንጮታት ቀዲሖም እንተ ዝሰርሑ'ሞ፡ ከመይ ገይሩ ከም ዝሰርሕ ኣብ ምፍላጥ እንተ ዝጽዕሩ ዝሓሸ እመስለኒ።

ተበላሓትኑት ኣብ ምዕባይን መሲጋገሪ ናብ ውጽኢት ዘለዎ ምህዞታትን ግና እወታዊ ግደ ክህልዎ ይኽእል ይኸውን'ዩ።


**ናጥኻ ክምልሰ። ብወገንካ ኣብ ምህዞ ዘሎካ ግዳስ ካበይ እዩ ዝጀምር? ብወገንካ ዝግበርካዮም ምህዞታትከ?**

ምናልባት እታ ንመጀመርታ ግዜ ዝሰራሕክዋ ምህዞ ክትባሃል ትኽእል እያ ኢለ ዝኣምን፥ ኣማጻጽኣኣ ከምዚ ዝስዕብ እዩ። ሓንቲ ኣብ ናይ ምንቅጥቃጥ ምድሪ እትምዝግብ መሳርሒት ዝነበረት ናይ ኤለክትሮኒክ ሰዓት፥ እቲ ትርግታ ዘፈጥር ክፋላ (oscillator) ተበላሽዩ። እታ ነገር ካብ ኣመሪካ ዝመጸት ኣብ መውዳእታ 60 Hz እያ እትህብ ነይራ። ሓዳስ ካብ ኤውሮፓ ዝመጸት ነይራ፥ ንሳ ግን ኣብ መውዳእታ 50 Hz ጥራይ እያ እትህብ። ብዲጂታል ሜላ፥ ኣብ ክንዲ 50 Hz፡ 60 Hz ገይራ እተውጽእ ኣይነበረትን። ብዙሕ ፈተነታት ድሕሪ ምግባር ኣብ መውዳእትኡ ሓንቲ ከምኡ እትገብር ሰሪሐ፥ እቲ ዝነበረ ጸገም እውን ተፈቲሑ። ድሕሪ ቁሩብ ግዜ ኣብ ሓደ ናይ ዓዲ እንግሊዝ ጆርናል ናይ "Electronic Engineering" ከም ዝሕተም ገይረ። ድሕሪ ሓደ ዓመት እውን ብዙሕ ዝተዓጻጸፍ ዓይነት ኣማዕቢለ፥ ኣብቲ ናይ ቅድም ጆርናል ከም ዝሕተም ገይረ።

ምናልባት እቲ ዝዓበየ ዝገበርክዎ ስራሕ ናይ ሜትሮሎጂ ራዳር ስራሕ እዩ። እዚ ብዙሕ ጻዕርን ሜላታትን ዝጠልብ እዩ ነይሩ። ኣብ ናይ ቅናት ኢኳቶር ከባቢ ዘሎና ሃገራት ራዳራት ብግቡእ ክሰርሓ ፍሉይ ጥንቃቐታት ክውሰድ የድሊ እዩ። ምኽንያቱ ድማ ኣብ ከባቢ ኢኳቶር ብግዜ ቀትሪ "equatorial electrojet" ዝበሃል ኣብ 105 ኪ.ሜ. ልዕሊ ጸፍሒ ባሕሪ ዝርከብ፥ ክሳብ 30,000 amperes ዝበጽሕ ናይ ኤለክትሪክ ዋሕዚ ስለ ዘሎ እዩ። ነዚ ጸገም እዚ ዝኣሊ ሜላ እየ ድማ ሰሪሐ። እቲ ሜላ ንኻልእ ስራሓት እውን ኣዝዩ ጠቓሚ ኮይኑ ስለ ዝተረኽበ ኣብ ኩሉ ቦታ ናይ ዓለምና ከም ዝሰርሕ ኮይኑ። ኣብ ምሉእ ዓለም ድማ ሕጂ ይስራሓሉ ኣሎ።

**ኣጉዳስኩት መጽናዕቲ ኣብ ምትግባር ስራሓት እንታይ እዩ? ኣብ መንጎ መጽናዕቲ ኣካይድካን ብዘይ ቅድመ መጽናዕቲ ዝትግበር ስራሓት ፍልልዩ እንታይ እዩ? ገለ ሰባት እውን መጽናዕቲ 'መደናጎዪ እዩ' ዝብሉ ኣለዉ።**

ሓሲብካን እቲ ስራሕ ዝጠልቦ ኣገባብ ተኸቲልካን እተተግብሮ ስራሕ፡ ኣዝዩ ዕዉት እዩ ዝኸውን።



**ኣብ'ዚ ዘሎካ ርእይቶ እንታይ እዩ?**

እዛ ሕቶኻ ኣዝያ ኣገዳሲት እያ። ሓሲብካ እትገብሮ፥ እቲ ስራሕ ዝጠልቦ ኣገባብ ተኸቲልካ እተተግብሮ ስራሕ፥ ኣዝዩ ዕዉት እዩ ዝኸውን። ካብዚ ወጻኢ ዝግበር፥ ኣነ ከም 'ጸገም ምዕዳም' እየ ዝቖጽሮ። ምናልባት እዚኣ ምግላጽ እተድልያ ይመስለኒ። ንኣብነት ሰለስተ መምዘኒታት ንውሰድ። እዚኣቶም ድማ፥ ምዕዋት ስራሕ፥ ዋጋ ምዕዋት ስራሕ፥ ቀጻልነት ናይ'ቲ ዝተሰርሐ ስራሕ እዮም ንበል። ብግቡእ እንተ ተጸኒዑ፥ ንኽዕወት ዘለዎ ዕድል ልዑል እዩ፥ ዋጋ እቲ ስራሕ ዝተሓተ እዩ፥ ቀጻልነቱ ድማ ልዑል እዩ ክንብል ንኽእል።

መጽናዕቲ እንተ ዘይተገይሩ፥ ሰለስቲኦም ረቛሒታት ኩሉ ግዜ ካብቲ ግቡእ መጽናዕቲ ዝተኻየደሉ ውጽኢት ዝተሓተ ሚዛን እዩ ዘለዎም። ምናልባት ኣብ'ዚ ኣብ ግምት ክኣቱ ዘለዎ ጉዳይ፥ እቲ ዝትግበር ስራሕ ኣዝዩ ብዘሓጸረ ግዜ ክትግበር ዘድሊ እንተ ድኣ ኾይኑ፥ ካልእ ኣማራጺ እንተ ዘይሃልዩ፥ እቲ ብዙሕ ጸገማት ዘለዎ ኣማራጺ ክውሰድ ይከኣል እዩ ክንብል ንኽእል ንኸውን። እዚ ግን ብሓፈሻ ሳሕቲ ጥራይ እዩ ኪጋጥም ዝኽእል። ብተወሳኺ፥ ኣብዚ ክጥቀስ ዝግብኦ ጉዳያት ኣሎ። ንኣብነት እቲ ስራሕ ብዙሕ ካብ ወጻኢ ዝመጸ ኣቑሑ ዝተጠቐመ (ከም ህንጻ) እንተ ኾይኑ፥ ንጽገና ዘድልዩ መለዋወጢታት (እንተ ውሓደ ን5 ዓመታት ዝኸውን) ምስ'ቲ 'ፕሮጀክት' ኣተሓሒዝካ ምሓዝ የድሊ እዩ፤ ማሽነሪታት ወይ መካይን እንተ ኾይነን ድማ ከምኡ። ከመይ፥ ቀጻልነት ክህሉ ጽገና ኣዝዩ ኣድላዪ ስለ ዝኾነ።

**ብወገነይ ዘዳለኽዎ ሕቶታት ዛዚመ ኣለኹ። ንዘሎ፡ብኩና ክፉት ወግዒ ብስም ማሕበርን ኣንበብቲ መጽሔትን ልባዊ ምስጋና አቕርበልካ።**

*ማሰፍን ገብረሂወት*

# ሓይልና ንፈልጦ'ዶ? ጽባቐና'ኸ!

ስምኦን ወልደሚካኤል

ከምቲ ምስላ ብሄረ ብዓውየት "ዝተዓገሰ፡ ማዩ ይጸርየሉ" ዝብሎ፡ ህዝቢ ኤርትራ ነቲ ብመዕገርገርቲ ዝተዘርገ ሓቒቕ ማዩ ብዓቕልን ትዕግስትን ሳላ ዝተጸበየ ማዩ ኣጽርዩ ጽምኡ ዘርውየሉ ግዜ ኣኺሉ ኣሎ። ዓቕልን ትዕግስትን ናይ ብርቱዓት ባህርያት እየን። ዓቕሊ ከየጽበበ ንሽግር ብዓቕሊ ኣረብሪቡ ኣብ በሪ ኣማን ዝበጽሕ እቲ ዓቕሉ ጽባሕ ጽባሕ ከሐድስ ዓቕሚ ዘለዎ'ዩ። ሽግራት ተበራርዮምን ተዘራርዮምን ንናይ ምቅላስ መንፈስን ተስፋን ህዝቢ ኤርትራ ክጽንቅቕዎ ኣይከኣሉን። ናይ ምጽባይ ክእለት- ኣብ መንነ ብዙሓት ረቛሒታት - ናብ ዓወት ዘብጽሕ ጥበብ እዩ። ተጸብዮም ዘይክእሉ ርቡጻት፡ ጸባ ከይረግአ ይሓቕኑ'ሞ ሕቔናኦም ፋይዳ ኣይረኽብሉን። ተርባጽ ርጉጽ መገዲ ውድቀት እዩ። ኤርትራ ሓይላ ኣብ ባህርያታ እምበር፡ ኣብ ንዋታ ወይ ጉልበታ ኣይኮነን። ኣብ ግራት ባህሊ ሕብረተሰብ ኤርትራ ዝበቖሉ ክብርታት ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቓልሲ ተኾስኲሶም መለለይናን መጽለሊናን ኮይኖም እዮም። ዳግማይ መኸተ ንምክልኻል ሃገር ከኣ ነዞም ኣሐየልቲ ክብርታት ኮሊዕዎም።

ኤርትራ ነቲ ንዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዘፈራርስ ዘሎ ፖለቲካዊ ምንቅጥቃጥ ክጻወር ዝኽእል ድልዱል ስርዓት ተኺላ ትርከብ። ምንቅጥቃጥ ምድሪ ዝንሕፎ ህንጻ'ኳ እንተ ዘይብሉ፡ ብዝያዳ ነቶም መሰረቶም ዘየዕሞቑ ህንጻታት'ዩ ዝናኽምሾ። ዓይነት ዝተለኽየ ሕብሪ ወይ ንላዕሊ ዝወጸሉ ብራኸ ንድልዳለ ሓደ ህንጻ ዝውስኸሉ የብሉን። ድልዳለ ህንጻ ብዕምቆት መሰረት'ዩ ዝልካዕ። ፖለቲካዊ ምንቅጥቃጥ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ነተን ዘብለጭልጭ ሕብሪ ክልሕጎጣ ዝጸንሓን መሰረተን ከወሸጣ ዝጸንሓን ሃገራት ፈላልዩ ኣቕሚጥወን ኣሎ። እተን 'መሰረት መን ክርእዮ'ዩ' ኢለን ከብለጭልጫ ዝጸንሓ ሃገራት ብቕኑዕ ነዝነዝታ እንታይ ይኾና ኣለዋ ንርእየን ኣሎና። እታ ንምዕማቕ መሰረት ኣቓልቦ ሂባ ዝሰርሐት ኤርትራ ኣብ ቅድሚ ብርቱዕ ሓቛኒ ፖለቲካዊ ምንቅጥቃጥ ደው ክትብል ኣይተሸገረትን። ህንጻ ሃገርነትን መንግስትነትን ኤርትራ ኣብ ቅድሚ ከምዚ ዝኣመሰለ ምንቅጥቃጥ ሓንቲ እምኒ'ኳ ከይወደቐ ደው ምባሉ ንገለ ከድንቖ ንገለ ከኣ ክሓርቖ ገይርዎም ኣሎ። እቶም ነዚ ህንጻ'ዚ ምስ ድልዳለኡ ዝነደቕና'ኸ ንዕዮና ነድንቖ'ዶ?

ኤርትራ ንብዙሓት ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት ናይ ርሑቕ ሽቶኦን ንዝኾነ ምህናጽ ኣድማዒ መንግስቲ ኣብ ሓጺር ጉዕዞኣ ድሮ ጨቢጣቶ ኣላ። ሓያል፡ ድልዱል፡ ብቑዕ መንግስቲ ብናይ ወለዶታት ጻዕሪ እዩ ዝትከል። መንግስቲ ኤርትራ– ዝተረፎ ብዙሕ ነገራት ከም ዘሎ ከይተዘንግዐ- ንህዝቡ ድሕነት ዝህብ፡ ንመሬቱ ዝቆጻጸር፡ መደባት ሓንጺጹ ዘተግብር፡ ልእላዊ ባህሪ ናይ መንግስቲ ዝዕቅብ እንኮ መንግስቲ ናይዚ ዞባ'ዩ። ኤርትራ እታ እንኮ ኣብ ግዝኣቱ ልዕሊኡ ካልእ ስልጣን ዘየፍቅድ ልእላዊ መንግስቲ ዝተኸለት ሃገር እያ። እዚ ብብቕዓትካ እምበር ብዕድል ክትኮኖ ዝከኣል ኣይኮነን። ነዚ ዓቢ ዓወት/ብቕዓት እዚ ከድንቕ ዘይክእል ዕሙት ዓይኒ፡ ኣበር ክረክብ ተጎልሒጡ ወይ ተጨምቲሉ እንተጠሚቱ ዝርእ ክስእን ኣይኮነን። ነቲ ዓቢ ክርኢ ዘይከኣለ ዓይኒ ግን ነቲ ደቂቕ ኣብ ምርኣይ ብኸመይ ንቑሕ ይኸውን? ሕመረት ናይዚ ጉዳይ፡ ኣበር መንግስቲ ከይንርኢ ንተዓመት ዘይኮነስ ኣብ ቅድሚ ዓይኒና ንዝተሰጥሐ ኩሉ ብዘይኣፈላላይ ንርኣዮ እዩ። ንብልጫ ኣህሲስካ ንድኻም ከተጉልሕ ምፍታን ግን 'ነታ ብርኩታ እምኒ ኣላታ' ዘየብል ኣይኮነን።

ኤርትራ፡ ንዝሃነጾቶ ሃገራዊ ትካላትን ዝኾስኮሰቶ ባህልን ኣዕንያ ዝተዋህባ ተቐቢላ ከም "ዓለማ" ክትከውን ንዝሓለፈ ሰለስተ ዕቑድ ብኸቢድ ተፈቲናያ። ካብ ትንዕ ምባልን ምጉብዕባዕን ተሓሊፉ ተቐጥቂጣ ውን። ምቕጥቃጥ ንቤትሮ ክሰባብሮ እንከሎ ንሓጺን ግን ትሪ'ዩ ዝውስኸሉ። ንኤርትራ ንምፍንጣሕ ክሳብ ሕጂ ዝተፈተነ ወተሃደራዊ ወራር፡ ፖለቲካዊ ተንኮል፡ ዲፕሎማስያዊ ተነጽሎ፡ እገዳን ዜናዊ ጸለመን ንጮዋዳኣ ኣትሪሩ፡ ንልቦናኣ ከኣ ኣስፊሑ ሓሊፉ። ብድሆታትና ብዙሓትን ዓበይትን ምንባሮም ኩልና ንፈልጦ ሓቂ'ዩ። ብመንጽር ዝገጠሙና ብድሆታት ኣጥሪናዮ ዘለና ትርን ልቦናን ከኣ ኩልና ክንፈልጦን ከነድንቖን ይግባእ።

ኣንጻር ማዕበል ተጻብኦ ነዊሕ ጉዕዞ ተጓዒዛ ኣንፈታ ከየጥፍኣት ብናይ ገዛእ ርእሳ ፍጥነት ተመሪሓ ወደባ ዝኣተወት ኤርትራ ደጊም ብግዳም ዝጉንጹ ሓይሊ የብላን። ጎረባብታ ረድኤታ ደልየን ዝደሃያኣ፡ ዓበይቲ ሓይልታት ናይ ዓለም ከኣ ዘኽብርኣ ሃገር ኮይና'ያ። ናይ መወዳእታ ትንፋስ ቀርኒ ኣፍሪቃ

ኣብ ኤርትራ እያ ተዓቍባ ዘላ። እቲ መትኒ ዓለማዊ ንግዲ ዝኾነ ቀይሕ ባሕሪ ብፍላይ ከኣ እቲ ዝጸበበ ደቡባዊ ክፋሉ ክስፈፍ ዝከኣል navigable ኮይኑ ዝቕጽለሉ ዘሎ ምኽንያት ህላወ ሓያል ኤርትራ እዩ። ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃን ቀይሕ ባሕርን ንዝኸሰት ዝኾነ ዓይነት ተርእዮ ምስ ኤርትራ ከይተላዘብካ ኣብ ዘይተልዕለሉ ነጥቢ ተበጺሑ ኣሎ። ስትራተጅያዊ ኣገዳስነት (ቁመና) ኤርትራ ልዕሊ ዝኾነ ካልእ እዋን ጎሊሑ ብምርኣዩ ዓይኒ ብዙሓት ስሒቡ ይርከብ። ነቲ ጅኦግራፍ ዝሃባ ትዕድልቲ ፖለቲካዊ ጥበብ ሓዊሳ ንስትራተጅያዊ ተደላይነታ ሰማይ ሰቒላቶ ከም ዘላ ነፍሲ ወከፍ ኤርትራዊ ክፈልጥ ይግባእ።

ሓይልና ንፈልጦ'ዶ? ጽባቐና'ኸ ንርእዮ'ዶ? ኢለ ክጽሕፍ ዘገደደኒ ምኽንያት ብቐንዱ ንኣንበብቲ ምስ ሓይልን ጽባቐን ኤርትራ ንምልላይ ኣይኮነን። ዕላማ ጽሑፈይ፡ ነቲ ክሳብ ሕጂ ኣመዝጊብናዮ ዘለና ዓወት፡ ኣዋህሊልናዮ ዘለና ሓይሊ፡ ወኒንናዮ ዘለና ጽባቐ ከም ዉሁብ ቆጺርና ዋጋ ከይንኸልኦ ንምዝኽኻር እዩ። ዓወት፡ ሓይሊ፡ ጽባቐ ንዘለመዶ ኣይረኣዮ'ንዩ ይበሃል እዩ። መወዳእታ ናይ ኩሉ ክሳብ ሕጂ ዘካየድናዮ ቃልሲ ዓወት ኮይኑ'ዩ ጸኒሑ። ኣብዚ ሕጂ እዋን፡ ኤርትራ፡ ብሓያላት ትመረቐ ትረገም ብዘየገድስ ብግብሪ ዞባዊት ቀላሲት ሓይሊ ንምዃን በቒዓ'ያ። ጸላእታ ዓውነው ኣቢላ ስግኣታ ቀንጢጣ'ኳ እንተሃለወት ኣብ ማእከል ዝዓነወን ክወድቕ መዓልቱ ዝጽበ ዘሎን ገዛውቲ ንበይና ምትራፋ ግን ዘሐጉሳ ኣይኮናን። ንሕና፡ ብዓወትና እምበር ብውድቀት ጸላእትና ንሕጎስ ህዝቢ ኣይኮንናን።

ኣብ ከርሲ ፖለቲካ ቀርኒ ኣፍሪቃ ክፈልሕ ዝጸንሐ እሳተጎመራ ብብዓመቱ ኣብ ዝተፈላለየ ቦታ ክነቱግ ጸኒሑ ኣሎ። ኣብን ድሕርን 2018 ዝተራእየ ነትጒ ብዓይነቱ ዝተፈልየ ብምንባሩ ክልተ ዓበይቲ ህንጻታት ከውድቕ ተራእዩ። ሕማም ምንፍርፋር epilepsy ከም ዝተታሕዛ ዘንፍርፍራ ውን ኣለዋ። ሓንቲ ካብተን ወዲቐን ዘንፈርፈራ ብረድኤት ኤርትራ ነብሳ ካብ ምቕታል ድሒና ኣላ። ከም ሓጋይ ዝነውሓ ላም ደጊፍካ ዝትንስኣ ውን ኣለዋ። ብዙሓት ሃገራት ኣፍሪቃ ምስናይ ዘቑጽርኦ ዕድመ ከም ብፖልዮ ዝተጠቕዐ ህጻን እግሪ ምትካል ኣብየን ሰንከልከል ይብላ ኣለዋ። ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ብገዛእ እግራ ደው ኢላ ርእሳ ኣቕኒዓ ትኸይድ ሃገር ብዘይካ ኤርትራ መን ኣላ? ጫማ ሓያላት ከይልሓሰ፡ ከይተጎናበሰ፡ እንትርፎ ናብ ህዝቡ ናብ ካልእ ቁሊሕ ዘይብል መንግስቲ'ኸ ብዘይካ መንግስቲ ኤርትራ መን ክንጠቅስ ንኽእል? ከም ህዝቢ ብሓፈሻ፡ ከም መንእሰያት ከኣ ብፍላይ ነዚ ፍሉይነት'ዚ ነስተብህለሉ'ዶ?

ንውድቀትን ፍርሰትን ጎረባብትና ነልዕሎ ዘለና፡ ነቲ ዝኸፍኣ ብምርኣይ 'ጽቡቕ ኣሎና' መበሊ ክኾነና ኣይኮነን። ኤርትራ ከምኡ ካብ ምዃን ብኸመይ ኣምለጣ ንምርዳእ ስለ ዝሕግዘና ግን ክንርእዮ ይግባእ። ኤርትራ፡ ኣብ በሪ ኣማን ዝበጽሐት ብለማጽ መገዲ ስለ ዝኸደት ኣይኮነን። ኣብቲ ኤርትራ ዝተጓዕዘትሉ መገዲ ዝተጻወደ መፈንጠራን ዝተኹዕተ ጉድጓድን ማእለያ ኣይነበሮን። ነዚ ሰጊርና በሪ ኣማን ዝበጻሕና ነቲ ዓፍራ እምኒ መሲሉና ስለ ዘይረገጽናዮ፡ ነቲ ጸላኢ ፈታዊ መሲሉና ስለ ዘይሓቖፍናዮ፡ ኣብ ዘይጓይላና ስለ ዘይሳዕሳዕና፡ ንነገራት ብዝመስልዎ ዘይኮንና ብዝኾንዎ ስለ ዝረኣና፡ 'መገዲ ጥዕና ዓመት ኪዶ' ኢልና ንኣቋራጭ መገዲ ስለ ዘይሓረናዮ።

ፖለቲካዊ ውድቀት ከጋጥም እንከሎ ዝቐዉም የለን። ማሕበረ-ባህላዊ ሰራውር ይብስብስ፡ ቁጠባ ይፈርስ፡ ጸጥታ ይሕመስ፡ ስነ ኣእምሮ ይናወጽ፡ ተስፋ ይቡቆጽ፡ ራእይ ይጽልምት ወይ ቆማጥ ይኸውን። ህዝቢ ጻዕሩን መስዋእቱን ይውሰኽ፣ ጻማ ግን የለን። ግዜ እናነውሐ ምስ ከደ ፖለቲካዊ ሂወት ጥራይ ዘይኮነ ኩለንትናኡ ራዕ ኢሉ ይወድቕ። እዚ ኣብ ዝበዝሓ ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪቃ ኣጋጢሙ ዘሎ ፖለቲካዊ ውድቀት ውጽኢት ቡኽባኺ ነዊሕ ዓመታት እዩ እምበር ሃንደበት ዘጋጠመ ሓደጋ ኣይኮነን። ውሽጥኻ ከይጠቀወ ብናይ ክራይ/ልማኖ ክዳን ተመላኺዕካ ምቕብዛር ፖለቲካዊ ምንቅጥቃጥ ክመጽእ እንከሎ ምቕንጣጥካ ኣይተርፍን'ዩ።

ኤርትራ ብሽግር ተፈቲና ዝሓለፈት ብምዃና ብቕዓታ ዘተኣማምን እዩ። ቁጠባ፡ ምሕደራ፡ ወተሃደራውን ጸጥታውን ትካል፡ ፖለቲካ፡ ዲፕሎማሲ፡ ሞራል፡ ጽንዓት፡ ሓድነት ኤርትራ ኩናትን እገዳን ተጻዊሩ ብቕዓቱ ኣመስኪሩ'ዩ። ጽባቐ ኤርትራ በቲ ንምኽፍኡ ዝተነስነሰ ጠቐር ጸለሎ ኣይተደወነን። ከም ጽብቕቲ ጎርዞ ንዓይኒ ዝምንዝዕ መልክዕ ሒዛ ሽንን ትብላ ኣላ። መልክዕ ሓደ ሃገር ሓድነት እዩ። ስሙር ህዝቢ ዝፈጥሮ ጽባቐ ዝወዳደሮ የብሉን። ሓድነት ምንጪ ሓይሊ፡ ምንጪ ዓወትን ምንጪ ጽባቐን እዩ። ሓደ ህዝቢ/ሃገር ዕዉት ዝበሃል ናብቲ ዝተበገሰሉ ዕላማ ብናቱ ፍጥነት ሓቢሩን ተሓባቢሩን ክጓዓዝ እንከሎ እዩ። ህዝቢ ኤርትራ ሓድነቱ ኣደልዲሉ፡ ርግኣቱ ኣውሒሱ መልኪዑን ኮሪዑን ክኸይድ ዘኽኣሎ ፖለቲካዊ ጥበብ ካልኦት እናተሃነንሉ ተሳጊርካዮ ምሕላፍ ቅቡል ኣይኮነን። ጠመተን ኣድናቖትን ዝግብኦ እኹል ሓይልን ጽባቐን ኣሎና። ስለዚ እምበኣር፡ ደረት ዓወትና ከነስፍሕን ዕምቆት ከኣ ክንውስኸሉን ምእንቲ ንሓይልና ክንፈልጥን ክነድንቕን ይግባእ።

ምስ ሃገርና ክፋትሑና፡ ምስ ታሪኽና ክጻልኡና፡ ሕሉፍናን መጻኢናን ከም ዘይንርኢ ከዕዉሩና ዝደልዩ ሓበንና/ኩርዓትና ክሰብሩ ምስራሕ ኣየድከሞምን እዩ። ንምፍንጣሕና ዝተኣልመ ውዲት ምስ ተበናጠሰ ንሓድነትና ግዲ ኮይንዎም ዝተቐበሉ ገለ ከኣ ስኖም እናሓርቀሙ 'ኣሰይ ስሙራት' ዝብሉ ብዙሓት እዮም። ፎርሙላ ሓድነትና ተረዲእዎም ምህሮን

ጥቡብን ዝወስዱ ከኣ ኣለዉ። ሃገራዊ ሓድነትና ግዳማውያን ጥራይ ዘይኮኑ ውሽጣውያን ጸላእቲ ውን ስለ ዘይሰኣንዎ ንእሾኽ ምድሪቤት ምኹስታር ውን ክንዘንግዕ ኣይግባእን። ንዝተደናገረ ምልባም፡ ኮነ ኢሉ ክፍንጥሕ ዝተላዕለ ከኣ ምግጣም ግቡእ እዩ። ሰናይ ዘይፈቱ እንታዋይነቱ ብዘየገድስ ጸላኢ እዩ።

ኣብዚ ሕጂ እዋን፡ ኤርትራ ናይ ምህብታም ተኽእሎ ዘለዋ ሃገር እምበር ድሉው ሃብቲ የብላን። እቲ ሓቂ እዚ እናኾነ ጠሚና ሽብዳዕዳዕ ኢልና ግን ኣይፈልጥን። ዝረኸብናያ ቁራስ ረጊእና ስለ ንበልዓ ተጽግበናያ። ርግኣት ንባዕሉ ቀሊብ'ዩ። እናበልዑ ዝተበልዑ ህዝብታት በሊዕም ኣይጸግቡን፣ ተመስገን ወይ ኣልሓምዲሊላህ ከኣ ኣይብሉን። ስለዚ፡ ርግኣትና ውን ዋጋ ከፊልና ዘምጻእናዮ ስለ ዝኾነ ከም ውሁብ ክንቆጽሮ የብልናን።

ኤርትራ፡ ኣብ ዜግነት መሰረት ዝገበረ ፖለቲካዊ ስርዓት ንምትካል - ምስ ብዙሕ ሽግራት እናተጓነጸት- ክትጉብሮ ዝጸንሐት ፈተነ ተዓዊቱ'ዩ። ብትሽዓተ ብሄራት ሃገረይ ትበሃል፡ ንትሽዓተ ብሄራት ከኣ ህዝበይ ትብል ሃገር ንምኧን በቒዓ'ያ። ህዝቢ ኤርትራ፡ ካብ ጸቢብ ትውክልቲ ወጺኡ ሃገራዊ ስምዒትን ኣተሓሳስባን ዘማዕበለ ሃገራዊ እዩ። ሃገራዊ፡ ንቕቢላዊ፡ እንዳዊ፡ ብሄራዊ፡ ኣውራጃዊ፡ ሃይማኖታዊ ኣስካላታት ሰጊርካ ዝብጻሕ ደረጃ እዩ። ቅድምን ድሕርን ናጽነት ዝሓለፍናዮ ተመኩሮ ተደማሚሩ ንኣድልዎን ምጥርጣርን ነቒሉ ምሕዝነትን ማዕርነትን ተኺሉ እዩ። ሃገራዊ ኣተሓሳስባ ከየማዕበሉ ኣብ ውሽጢ ክሉል ዶብ ሓንቲ ሃገር ዝተቐመጡ መወዳእታኦም እንታይ ከም ዝኸውን ንምርኣይ የማን ጸጋምና ቁሊሕ ምባል ጥራይ ኣኻሊ እዩ።

ህዝቢ ኤርትራ ብሕጊ ዘይኮነስ ብገመድ ዜግነታዊ ሕውነት ተኣሲሩ ብሕብረት ናብ ናይ ሓባር መጻኢ ስለይ ይብል ኣሎ። ኣብ ታሪኽ፡ ምስጢር ዓወት ናይ ኩሎም ሃገራቶም ዝሃነጹ ህዝብታት ሓድነት ኮይኑ እዩ ጸኒሑ። ህዝቢ ኤርትራ ቃልሱ ንምህናጽ ምዕብልቲ ሃገር ገና ኣብ መፈለምታኡ'ኳ እንተሎ ነዛ ምስጢር ዓወት ዝኾነት ሓድነት ግን ኣንጊሁ ጨቢጥዋ ኣሎ። የማን ጸጋም እናተረኣኣየ፡ ሓቢሩ ዝጎዓዝ ህዝቢ ሽቶኡ ክንዲ ዝረሓቐ ይርሓቕ ምብጽሑ ኣይተርፎን እዩ። ናብ ዕላማኡ ዝወስድ ቅኑዕ መገዲ ሒዙ ብሕብረት ንዝጎዓዝ ህዝቢ ርሕቀት ከም ገመድ ተጠቕላላይ እዩ።

ኤርትራ ከም ሃገር ዕድላ ክትውስን ካብ ዝነቐለትሉ ዕለት ጀሚራ ሓይላ እናበርከተ እዩ ክመጽእ ጸኒሑ። ሓይሊ ዘዝሩቕ ነኳል ዓቢሳ እናሓየለት፡ እናጸፈፈት፡ እናተመኮረት፡ እናሰጠመት ዝተጓዕዘቶ መገዲ ሓርነት፡ ሓድነት፡ ርእሰ-ተኣማንነት ኩሉ ዝኸዶ ኣይኮነን። ስለዚ እምበኣር ድርኺት ከይንስእን ምእንቲ ንዘመዝገብናዮ ዓወት ከነድንቖ ይግባእ። ካብኡ ንላዕሊ ምእንቲ ክንሰርሕ ከኣ ብዓወታትና ክንዓግብ የብልናን።









# ዕድለኛ ምድሪ
# ዕድለኛ ውሉድ

ብሓቂ ዕድለኛ'ያ ምድሪ'ዞም ዕድለኛታት፣ ኣብ ዓለም ባርነት ንሓርነት ዝተሓጸየት፡ ኣለዋ እሙን ሓይሊ፡ ክርዳድ ካብ እኽሊ ዘለሊ፡ "ሃብኒ" ከይበለ መመሊሱ ዝህባ፡ ክልልቲ ክነሳ እናሻዕ ዝሓጽራ። ኲነታት ይገላበጥ፡ ከቢድ ጥፍኣት ይጉበጥ፡ ቀላጽም ብሃንጋይ ወስታኡ የዕርግ፡ ሰማይን ምድርን ብሞት ይጎልበብ፡ ሰናይን ግናይን እናስተብሃለ፡ ኣብ መትከሉ ትኽል ምስ በለ፡ ወይከ ምንቕ፡ ወይከ ሰገጥ፡ ንሱ ጸኒዑ ደው ምስ በለ፡ ሃላሊ እንተ ሃለለ፡ ዝተጋጨዎ ይወድቕ፡ ወስ ዝበሎ ይቕጻዕ።

እንተ ተተንኪያ ሃገሩ፡ ወጽዓ እንክዘንብ ናብ ህዝቡ፡ ኣብ ርጋጽ ኣኢጋሩ፡ እሾኽ ዝዘርኣሉ፡ ኣመለኛ ዓማጺ፡ ዓሻ መላገጺ፡ ኣብ ዝወዓለ ይውዓል፡ ኣብ ዝሓደረ ይሕደር፡ ሓጻውን ይቆለል፡ ምድረ ሰማይ ይቃጻል፡ ጥራይ ሃገር ልዕል ትበል፡ ጥራይ ህዝቢ ይከበር፡ በተግ ብዘይውዓል ሕደር፡ ኲሉምሉ ራሕሪሑ፡ እንተላይ ኣሒኡ፡ ግንባር'ዩ ሰፈሩ፡ ከውሒ ሰባቢሩ፡ ውዲታት ምሕዩ ካብ ሰሩ፡ ምድሪ ኣማን ክይገበረ፡ ኣልደመልዲ ከይቀበረ፡ ብርኩ ኣይዕጸፍን፡ ንዝባኑ ግልጽ ኣይብልን።

ናብ'ቲ ግጥም – ተጻይ ዝኣጎዶ፡ ናብ'ቲ ሓዊ – ኣባይ ዘንበድብዶ፡ ብፈጣን መሓውሩ፡ ብኡብኡ ይውንጨፍ፡ ትኰራት ኣዒንቱ የማዕድዋ ምዕራፍ፡ ንዘሑል ኣግሪሩ፡ ንፍሉሕ ኣብሪዱ፡ ኣደብ ከየትሓዘ ንሕሱም መንቀኛ፡ ምህሮ ከየቕሰመ ንዘንበል ዳኛ፡ ፍጹም ኣይቀስንን፡ ፍጹም ደው ኣይብልን። ልቡ እንድያ 'ዛ መሬት፡ እተብቁለሉ ህይወት፡ ከመይሉ ክቕስን፡ ኣፍቂሩዋ እንድዩ ሓንሳብን ንሓዋሩን፡ ብዘይብኣ ኣይጥዕሞ ብዘይብኣ ኣይሰክን።

ወትሩ ኣብ ተጠንቀቕ ከይስውድ ጽርዱ፡ ወትሩ ኣብ ሃለኽለኽ ከጣጥሕ መንገዱ፡ ንጹሃት ኣዒንቱ የማዕድዋ ዓቢ ተስፋ፡ ብልጽግቲ ኤርትራ ክርእያ ኣብ ምዕራፋ፡ ኣብ'ቲ መጻኢ – ኣብ ደረት ትርኢት፡ ኣብ ልክዕ ሰዓት ኣብ ልክዕ ዕለት፡ ከም ትበርኽ ብግብሪ 'ታ ውቕብቲ ኤርትራ፡ ኣብ ሕልሚ ጋህዱ ተስኢላ ዘላ፡ ነጋሪ ኣየድልዮን ባዕሉ'ዩ ከኹና፡ 'ታ ናይ ውሽጢ ልቡ ባዕሉ ዝደኮና።

ብርእሰ-እምነት ናብኡ'ዩ ጉዕዞኡ፡ እንተ ሃልዩ እንተ ተሰዊኡ፡ ሕሉፋት ብጾቱ ኣብ ክብሪ ኣቐሚጡ፡ ንቕድሚት ይሕልን ዝሕሾ ፈሊጡ፡ ወትሩ ኣብ ጎደናኡ'ዩ – ኣብ ጎደና ሓርነት፡ ወትሩ ኣብ ጻዕሪ'ዩ – ትኳቦ ንኸየቋምት።

እዚ መንእሰይ – ኣብ'ዛ ኤርትራ፡ ጉዳይ ኣለዎ ምስ'ዛ ዘፍቅራ፣ ዕረኣ ኣልዩ ከመቅራ፡ ቀረዳ በዲሁ ከኸብራ፡ ሸውሃት ስሱዓት ዓቢሱ ከርግኣ፡ ክኾነላ ከም ዊንታኣ፡ ክሳብ'ቲ ልክዕ፡ ዓንዳሪ ዝገርዕ፡ ዘራይ ኣላሽ ኢሉ፡ ዝእክብ ኣእዳዉ፡ ክሳብ ዝድርብዮ ሓሳብ ትርከምርኪ፡ ኣብ ጨው ቐትሪ ክትገሃድ ሓቂ፡ ኣይን"ሓያላት" ንርእሱ-ኣሚኑ፡  ርትዓ ደው ኩብላ ከጥዕዮ ዘመኑ፡ ኣይንትኳቦ ብግምጃ ገዝእ-ርእሱ፡

........................................................................................................................................

ብጽኑዕ ሓርነት ኣካሉ መንፈሱ፡ ኣብ ርጉእ ሰላም፡ ብእምነት ክሳግም፡ ኣለዎ ቀንዲ ጉዳይ፣ ፊት ንፊት ምስ'ቲ ኑዳይ፡ ብዘይ ጠበቓ ብዘይ ሓጋዚ፡ ኣብ ርእሰ-ነገሩ ባዕሉ ፈራዲ፡ ኣለዎ ዝዕመም፡ ግድነት ዝዛዘም፡ እዚ ኪይገበረ፡ ድንጉር ሰጥ ኪይበለ፡ ካልእ ውራይ የለን፡ ዓቢ ኪይለበበ ምስ ንኡስ ኣይንእስን።

መንእሰይ ኤርትራ፡ ዘየቋርጽ ዛራ፡ ጥምረቱ ከለላ፡ ርቦኡ ተለላ፡ ውሻል ዘየወሸል መሰረት ጥምረቱ፡ ካልኣይ ዘየድግም ንመልእኽቲ ህዝቡ፡ ሓደ ድሕሪ ሓደ፡ ቅያ እናሰነደ፡ ምስሉ እናወለደ፡ መንገዲ እናመድመደ፡ ከም'ቲ ሩባ ናብ ባሕሪ፡ ንሱ ናብ ብሩህ ራኢ። ብጥርኑፍ ሓይሊ ይቕጽል፡ ሓደ እንክሰግር 'ቲ ሓደ ይኽተል።

ንሱ ግብሪ'ዩ ቋንቋኡ፡ ብቓል ኣይንገርን ዛንታኡ፡ ብሸርካ እንተ ኸተቱሉ ጸላእቲ፡ ብዝረ ዝምጉቱ ተገውቲ፡ ፍትሒ ትሸረብ ንሓዋሩ፡ በትሪ የወጣውጡ ይፈክሩ፡ መዓንጣኡ ሸጥ፡ ወይከ ሰገጥ፡ ወይከ ምንቕ፡ ብዘረባ ዘይኮነ ብትብዓት፡ ብሃውሪ ዘይኮነ ብንቕሓት፡ ንዓቕሙ ኣርቢሑ ብኒሕ፡ ልዕሊ ቀጽሩ ይበዝሕ፡ ብዘይዋዕዋዕ፡ ብስቕታ ይገንሕ፡ ብግብሪ ይረትዕ፡ ኣብ ሓቂ ይጸንዕ።

እዚ ውላድ ምድሪ፡ ፈቃር ተፈቃሪ፡ ንጥዑስ ዝምሕር፡ ቂምታ ዘይዓቁር፡ እንተ ንዘይሰምዕ፡ ዝተኾቱኽ እናሻዕ፡ ቀጥዖኡ ሃልሃሊታ፡ ብዘይምሕር ወስታ፡ ኣደብ ከየትሓዘ፡ ኣብ እግሩ ከየስገደ፡ መዓስ ይምሕር ኾይኑ፡ ከየውጽአ ትሃኑ።

ምስ መሬቱ'ዩ ህይወቱ፣ ብሓርነት ምንባር'ዩ እምነቱ፣ ሰላምን ምክብባርን ኣቕዲሙ፡ ብሃገር ተጠሚቑ፣ ኣእዛን መንፈሱ ድምጻ'ዩ ዝሰምዕ፡ ሃረርታ ኣለዎ ፍቓዳ ንኽመልእ።

ከፊኡን ጥዒሙን ስለኣ፡ ሃልዩን ሓሊፉን ኣብ ሕቑፉ፡ ንሱን ንሳን ከም ልኡኽን መልእኽትን፡ ንሱን ንሳን ዕርድን ደጀንን፡ ማህጸንን ዕትብትን፡ ኣዒንትን ንብዓትን፡ ምኟኖም ብተግባር ይነግር፡ ኣእዳዉ ዘርጊሑ "መርሓባ" ይብል፣ ክንዮኡ ዝዘልል፡ ክንዮ ቀይሕ መስመር፡ ዓቕሊ ምስ ጸንቀቐ፡ ሰላም ምስ ረሓቐ፡ ንቑይቀኑን ምጉትን ግዜ የብሉን፣ ፈኸራን ዳንኬራን ኣይ'ንታዩን። ምኽንያቱ፡ ግዜ የብሉን ሽዑ፡ በቃ - ሃገርያ ዓንዲ ህይወቱ፡ ብዘይሃገር ኣይብህጎን ንዕድመኡ፡ ኣይጽብጽብን ዕድሉ፡ ብህይወት ከሎ ይስወኣላ፡ ካብኡ ሓሊፉ ትንፋሱ የረክባ፣ ንሱ ምስ መሬቱ፡ ትንፋስ'ዩ'ም ዝለዋወጡ፡ ንሱ ምስ ምድሩ፡ ሓደ ንኽነብር - ክልቲኦም ይነብሩ።

***ጥዑምዝጊ ተስፋይ ካብ***
***መኮነን ሓበሬታን ጎስጓስን ሚ/ምክልኻል***







# መገዲ **ልምዓት**

*ነማርያም ዮሃንስ*

ምህናጽ ሃገር መስርሕ`ዩ። እቲ መስርሕ ህንጸት ዝሓቶ ግዜ ኸኣ ካብ ሃገር ናብ ሃገር ይፈላለ። እቲ ንሃገራት ምዕራብ ክልተ ክፍለ ዘመን፡ ንጃፓን ድማ ፍርቂ-ዘመን ዝወሰደ ምህናጽ ሃገር፡ ንቻይና ሰለስተ ዑቐድ ጥራይ'ዩ ወሲድላ። ብኣንጻሩ ዝበዝሓ ሃገራት ኣፍሪቃ ናጽነተን ካብ ዝወሰዳ ልዕሊ 50 ዓመት የሕሊፈን ክንሰን እቲ መስርሕ ህንጸት ሃገር ገና ኣይተተግበረን ዘሎ። ካብቲ ልሙድ ተመሳሳሊ ድኹም ውጽኢት ዝህበን መስርሕ ልምዓት ወጺአን ንልምዓት ብኣጠቓላልን ብዝተፈልየን መገዲ ክገጥምኦ ከድልየን እዩ።

ኩሎም ህዝብታት ልምዓት ናይ ምርግጋጽ ተኽእሎ ኣለዎም። ልምዓት፡ ውሱናት ሃገራት ወይ ህዝብታት ወይ ፍሉያት ቀጸላ ሕብረተሰባት ጥራይ ዝፈጥርዎ ኣይኮነን። እንታይ ደኣ እቲ ንልምዓት ዝድሊ ጥጡሕ ባይታ ፈጢርካን ዝሓቶ ነገራት እንተ ድኣ ኣማሊእካ፡ ዘይትዕወተሉ መገዲ የለን። ጆንግ ዳኢ ፓርክ ዝተባህለ ኮርያዊ ዲፕሎማት፡ ኣብ'ታ ***"ዳግመ-ምህዞ ልምዓት ኣፍሪቃን ምልጋብ ምስ ናይ ኮርያ ሞደል ልምዓትን"*** እትብል መጽሓፉ፡ ሰለስተ መሰረታውያን ባእታት ልምዓት ይጠቅስ።

<u>ቀዳማይ</u>፥ ስምዒት ሃገራዊ መንነት/ሓርበኝነት

<u>ካልኣይ</u>፥ ህላወ ናይ ልምዓት ኵነተ ኣእምሮ፡

<u>ሳልሳይ</u>፥ ሓያል ተራ መንግስቲ

ናይ ልምዓት ኩነተ-ኣእምሮ ማለት ንልምዓት ዝምችእ ኩነተ-ኣእምሮ ምህላው ማለት እዩ። እዚ'ም ዝስዕቡ ድማ ይሓቁፍ፥

1. ፍልጠት
2. ትግባረ (ፕራክቲሲንግ)
3. ምውናን
4. ተወፋይነት

እዚ ማለት ብመጀመርታ እንታይን ብኸመይን ክትሰርሕ ምፍላጥ፤ ነቲ ዝፈለጥካዮ ብግብሪ ክትሰርሖ ምኽኣል፤ ነቲ ዝሰራሕካዮ ክትውንኖ፤ ናይ መወዳእታ ምዕራፍ ድማ ኣብ ዕዮኻ ተወፋይነት ምህላው እዩ።

**ልምዓት፣** ቀጠባዊ ዕብየት ብምምጻእ ኩለንትናዊ መነባብሮ ዜጋታት ክብ ምባል'ዩ። ሕቶ ህዝብታት ሕቶ ልምዓት እዩ። ስለ ዝኾነ ኸኣ እቲ ቀንድን መሰረታውን ኣጀንዳ መንግስታት ልምዓት'ዩ። ኩሉ ነገር ኣብዚ ኣጀንዳ'ዚዩ ዝሕቆፍ። ውሕስነትን ቀጻልነትን ናይ ሓደ ሃገር ኣብቲ እተመዝግቦ ናይ ልምዓት ዓወት'ዩ ዝምርኮስ። ብርግጽ ብድሆ ናይቲ ንልምዓት እትጓዓዘሉ መገዲ ዝተሓላለኸ ክኸውን ይኽእል`ዩ፡ እቲ ምርጫ ግና ምኻድ ጥራይ`ዩ። ናይ ልምዓት መገዲ ከከም ክውንነትን ኣቃውማን ሃገራት ዝፈላለኳ እንተኾነ፡ ካብ ተመክሮ ሃገራት ከም እንዕዘቦ ግና ክትክተሎም ዘለካ ናይ ልምዓት መንገዲ ኣለዉ።

ገለ ካብኦም ምስ ኩውንነትን ድሕረ-ባይታን ሃገርን ህዝብን ዝሳነ ንጹር ናይ ልምዓት ሜላ ወይ ስነ-ሓሳብ ምቕማጥን ብግብሪ ምኻዱን፣ ነቲ ስነ-ሓሳብ ዘቐጽሉ ካድራት ምምልማል፣ ልምዓት ዝጠልቦ ወሰንቲ ትካላት ምምስራትን ንዕኡ ዝበቕዑ ዓቕሚ ሰብ ምህናጽን ብቐጻሊ.





ምምዕባልን፣ ልምዓት ዝጠልቦ ሕጋጋት፡ መምርሒታት፣ መምስ ኩነታት`ቲ ቍጠባ ዝሽዱ ፖሊሲታት ምውጻእን ምትግባርን ዝኣመሰሉ እዮም። ኣብ ርእሲ'ዚ ህላወ ኩነተ ኣእምሮ ልምዓት ኣብ ዜጋታት ሓደ ካብ መሰረታውያን ንልምዓት ምኳኑ ኮርያዊ ጸሓፊ ጆንግ ዳኢ. ፓርክ ኣብ ናይ 2019 መጽሓፉ ይገልጽ። ልምዓት ውሁድ ሱታፌን ስኢትን ዝሓትት ናይ ሓባር ወይ ናይ ጋንታ ስራሕ'ዩ። ንባዕሉ ቍጠባኸ እንታይ'ዩ?

## ድሕረ-ባይታ ቍጠባ

ምሁር ስነ-ቍጠባ ኣልፍረድ ማርሻል ኣብታ "መትከላት ቍጠባ" ትብል ናይ 1890 መጽሓፉ ንዓውዲ ፖለቲካዊ ቍጠባ ናብ ስነ-ቍጠባ ዝብል ስም ቀይርዎ። ከመሓላልፎ ዝደለየ መልእኽቲ ኸኣ ስነ-ቍጠባ ልክዕ ከም ፊዝክስን ቍጽርን ባህርያዊ ስነ-ፍልጠት ከም ዝኾነ ንምርኣይ እዩ። እዚ ማለት ከኣ ቍጠባ ካብ ፖለቲካዊ ፖሊሲታት ንላዕሊ ብሕጊ ተፈጥሮ'ዩ ዝግዛእ ንምባል'ዩ፤ ማለት ብቐረብን ጠለብን። መበገሲ ናይ'ዚ ሕጂ ዓብላሊ ኾይኑ ዘሎ ቍጠባዊ ፖሊስታት ሓድሽ ሊበራላውነት እዚ ኣተሓሳስባ'ዚ እዩ። እዚ ማለት ብዘይ ናይ መንግስቲ ምትእትታው ብናይ ዕዳጋ ሓይልታት፡ ቍጠባ ባዕሉ ክስተኻኸል'ዩ ዝብል እዩ። እንተ ኾነ ኦስካር ላንገ ኣብ'ታ "ፖለቲካዊ ቍጠባ" ትብል ናይ 1963 መጽሓፉ፡ ፖለቲካዊ ቍጠባ ወይ ማሕበራዊ ቍጠባ ማለት እቲ ንነገራዊ ድሌታት ደቂ-ሰብ ከማልእ ዝኽእል ምፍራይን ምክፍፋልን ዘማሓድር ማሕበራዊ ሕጊ'ዩ ይብሎ። ንደቂ-ሰባት ዘድልዩ ኣቕሑ ኣብ ክልተ ይምቀሉ፦ ቀዳማይ ንምድላዉ ዝኾነ ሰብኣዊን ነገራውን ንጥፈታት ዘይሓትት ብተፈጥሮ ተዋሂብና ንጥቀመሉ ክኸውን ከሎ፡ ካልኣይ እቲ ዝያዳ ቍጠባ ዝግደሰሉ ግና እቲ ደቂ-ሰብ ንባህርያዊ ተፈጥሮ መስሪሑ/ኣፍርዩ ዝጥቀመሉም ኣቕሑ እዮም። ኣብ ቍጠባ ኸኣ እንታይ ተፍሪ? ክንደይ ብዝሒ? ብኸመይ ተፍርዮም? እቲ ዝፈረየ ኸ ብኸመይ ንመን ይከፋፈል ዝብሉ መሰረታውያን ሕቶታት ዝምልሱ ስርዓታት ቍጠባ ኣለዉ።

## ስርዓታት ቍጠባ

ሃገራት ዘለወን ጸጋታት ብዝለዓለ ኣድማዕነት ዘፍርያሉን፡ ብኽነት ጸጋታት ዘወግዳሉ፡ ኣብ መንጎ ዝተፈላለየ ክፋላት ሕብረተሰብ ምዕሩይ ምቕርሐ ጸጋታት ዝረጋገጸሉ፡ ብሓፈሻ መነባብሮ ዜጋታተን ንምምሕያሽ ዝኽተልኦ ስርዓተ ቍጠባ ኣለወን። ሰለስተ ስርዓተ ቍጠባታት ድማ ኣለዉ። ንሳቶም ከኣ ርእሰ-ማላዊ ቍጠባ፡ ማሕበርነታዊ ቍጠባን ሕውስዋስ ቍጠባን እዮም። ርእሰ-ማላዊ ቍጠባ ዝበሃል ምፍራይን ምክፍፋልን ኣቕሑን ኣገልግሎታትን ብመንገዲ ናጻ ዕዳጋ ይካየድ። ናይ ዕዳጋ ቍጠባ ተባሂሉ'ውን ይጽዋዕ'ዩ። ኩሎም ናውቲ ማእቶት ከኣ ብውልቂ ይውነኑ። ቀንዲ ድርኺቱ ኸኣ መኽሰብ'ዩ። ማሕበርነታዊ ቍጠባ፡ ኩሎም ናውቲ ማእቶት ብመንግስቲ ይውነኑን ኣብ ስራሕ ይውዕሉን። ንምፍራይን ንምክፍፋልን ኣቑሑን ኣገልግሎታትን ዝምልከት ውሳነ ብማእከላይ ብዓል መዚ ውጥን ይውሰዱ። ናይ ትእዛዝ ቍጠባ ተባሂሉ'ውን ይጽዋዕ'ዩ። ኣብዚ ስርዓተ ቍጠባ'ዚ መንግስቲ ንጡፍ ተራ'ዩ ዝጻወት። እዞም ዝተጠቕሱ ስርዓታት ቍጠባ ናይ ገዛእ ርእሶም እወታውን ኣሉታውን ባህርያት ኣለዎም። እቲ ሳልሳይ ከኣ ሕውስዋስ ቍጠባ'ዩ። ሕውስዋስ ስርዓተ ቍጠባ ኸ እንታይ`ዩ? እቶም ቀንዲ ባእታታት ሕውስዋስ ቍጠባኸ ኣየኖት`ዮም?

ሕውስዋስ ቍጠባ ናይ መንግስትን ውልቅን ትካላት ኣብ ምቍጽጻር'ቲ ቍጠባ ተዋሳእቲ ዝኾኑሉ ስርዓተ-ቍጠባ እዩ። እቲ ናይ መንግስቲ ከም ናይ ማሕበርነታዊ ቍጠባ ይነጥፍ፡ እቲ ውልቃዊ ጽላት ድማ ከም ናይ ርእሰማልነት ቍጠባ ይነጥፍ። እቶም እንታይ፡ ብኸመይ ንመን ይፈሪ ዝብሉ ኩሎም ውሳነታት ብመንግስቲ ይውሰኑ። ኣብ ሕውስዋስ ቍጠባ፡ ውልቃዊ ዋንነት ንብረት፡ መኽሰብ ክትረክብ፡ ክተህልኽ፡ ክተፍርን ክተከፋፍልን፡ ዝኾነ ሞያ ክህልወካ ናጻ እዩ። ይኹን'ምበር እዞም ናጽነታት'ዚኦም ንናይ ሓፋሽ ረብሓ ብኣሉታ ዝጸልዉ ከይኮኑ መንግስቲ ምቍጽጻር ክገብረሎም ኣለዎ። እቶም ቀንዲ ባህርያት ሕውስዋስ ቍጠባ እምበኣር፦ እቶም ቀንዲ ስትራተጅያውን ሃገራውን ኣገዳስነት ዘለዎም ጽላታት ናይቲ ቍጠባ ንመንግስቲ ዝተሓዝኡ ክኾኑ እንከለዉ፡ እቲ ዝተረፈ ንናይ ውልቂ ጽላት ዝሕደግ ይኸውን። ድርኺት ናይ መንግስቲ ጽላት ማሕበራዊ ድሕንነት ዜጋታት ክኸውን ከሎ፡ ድርኺት ናይ ውልቂ ጽላት ድማ መኽሰብ እዩ። ሕውስዋስ ቍጠባ ንናይ ርእሰ-ማልነትን ማሕበርነትን ስርዓተ ቍጠባታት ብልጫ ከትርፍ'ዩ ትጽቢት ዝግበረሉ። ንኣብነት መንግስቲ ናይ ውልቂ ወፍሪ ከፍቅድ ኣለዎ፡ በቲ ሓደ መዳይ ድማ መንግስቲ ንበይነ-ዕብለላ ክቆጻጸሮ ኣለዎ። ብተወሳኺ፡ ቍጠባዊ ውጠና (Economic Planning) ካልእ ኣገዳሲ ባህሪ ናይ ሕውስዋስ ቍጠባ ከም ዝኾነ ይግለጽ።

ስለምንታይ መንግስቲ ኣብ ቍጠባ ኢዱ ከእቱ ኣለዎ ዝብል ሕቶ ምምላስ ኣገዳሲ`ዩ። ብርግጽ ሃገራት ከከም ደረጃ ምዕባለአንን፡ ድሕረ-ባይትአንን ኣቃውምአን ዝኽተልአ ቍጠባዊ ስነ-ሓሳብን ፖሊስን ክህልወን ግድን

እዩ። ማሕበራዊ ዕላማታት` ብዕዳጋ ጥራይ ትወቕያ ሸቶ ኣይኮነን። ምኽንያቱ ዕዳጋ መኽሰብ ናብ ዘለዎ ጥራይ ስለዝኸይድ። ብኻልኣይ ሸነኽ፡ ኣርተር ሊዊስ ዝተባህለ ምሁር ስነ-ቑጠባ፡ ኣብ ድኻታት ሃገራት መጠን ኣታዊ ውልቃዊ ዋኒን-ትካላት ኣብ ሃገራዊ ኣታዊ ብተዛማዲ ትሑት ስለዝኾነ ብእኡ መንጽር ድማ መጠን ውልቃዊ ውህለላ ዝተሓተ'ዩ ይብል። ስለ ዝኾነ ኸኣ ኣብዘን ሃገራት፡ ቑጠባዊ ዕብየት ንምምጻእ ንመንግስታዊ ውህለላ ኣዝዩ ልዑል ግምት ዘዋህቦ። ከምኡ'`ውን ኣብዚ እናዓበየ ዝኸይድ ዘሎ ዓለማዊ ብድሆን ሓድሕዳዊ  ተማራኻስነትን ተራ መንግስቲ ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ዝኣቱ ኣይኮነን። ኣዳም ስሚዝ እንተ ኾነ'ውን ኣብ'ታ "ሃብቲ ሃገራት" ትብል መጽሓፉ፡ ኣገዳስነት ሓያል መንግስቲ ኣይከሓደን። ኣድላይነት ሓያል መንግስቲ ኣብ ምክልኻል፡ ሕጊ ኣብ ምትግባር፡ ትሕተ-ቅርጺ ኣብ ምህናጽን ኣድማሳዊ ኣቕርቦት ናይ መንግስቲ ትምህርቲ ገሊጹ እዩ። ብተወሳኺ፡ መንግስቲ ኣብ ቍጠባ ኢዱ ምእታው ጥራይ ዘይኮነ ዓይነትን ኣድማዕነትን እቲ ምትእትታው'ውን ኣገዳሲ እዩ። እቲ ምትእትታው ንዕብየት ዝድርኽ ክኸውን ኣለዎ። እዞም ከምዚኦም ዝኣመሰሉ ኣብ ቑጠባ ፍሉይ ምትእትታው ዝገብሩ መንግስታት ከኣ ልምዓታዊ መንግስትታት ተባሂሎም ይጽውዑ።

## ልምዓታዊ መንግስቲ


***"መጽሓፍ ኣማራጺ ክልሰ-ሓሳብ ቍጠባዊ ልምዓት"*** ብኤሪክ ረይነርት ካብ ታሊን ዩኒቨርስቲ፡ ጃያቲ ጎሽ ካብ ጃዋህራል ኔህሩ ዩኒቨርስቲን ራይነር ካትል ካብ ታሊን ዩኒቨርስቲ ኣብ 2016 ዝተሰናደወት (ኤዲትድ) እያ። ኣብዛ መሓፍ ሲያመ ልምዓታዊ መንግስቲ ዝያዳ ስምዒት ክፈጥር ዝኸኣለ ካብቲ ጃፓን ኣብ መወዳእታ 1970ታት ከምነ-ቅጽበት ከም ቍጠባዊት ሓይሊ ምስ ተቐልቀለት ዝተበገሰ ምኻኑ ይጥቀስ። ቻልመርስ ጆንሰን ኣብታ "ሚኒስትሪ ኣህጉራዊ ንግድን ኢንዱስትርን ትእምርቲ ጃፓንን" ትብል መጽሓፉ፡ ንጆኦ-ፖለቲካዊ ቁርቁስ ንኺ ገዲፍካ ንዓለም ኪኖ ናጻ ንግዲ ርእሰ-ማልነትን መንግስቲ ዝኣልዮ ዴስነትን ኢልካ ከፋፊልካ ምርኣይ ካልእ ኣማራጺ ኣሎ። ንሱ ኸኣ መንግስቲ ኣብ ኣንጸባራቒ ትንሳኤ ኢንዱስትርያዊ ምዕባለ ዓቢ ተራ ከምዝጻወት ተመክሮ ጃፓን ከምዝርኣየ ይገልጽ።


ኣንድረዝይ ቦለስታ ኣብታ **'ቻይና ከም ልምዓታዊት መንግስቲ'** ዝብል ኣብ 2007 ዘውጽኦ ዓንቀጽ፡ መለለዪ ባህርያት ልምዓታዊ መንግስቲ ብኸምዚ ዝስዕብ ይገልጾ፥


<u>ቀዳማይ</u>፥ ዕላማ ሰበ-መዚ/ስልጣን ናይቲ ልምዓታዊ መንግስቲ ተባሂሉ ዘሎ፡ ቅልጡፍ ማሕበረ-ቑጠባዊ ምዕባለ ምጉንጻፍ እዩ። <u>ካልኣይ</u>፥ እዚ ዕላማ'ዚ ብመስርሕ ኢንዱስትርያውነት ከም ዝረጋገጽ የቐምጥ። <u>ሳልሳይ</u>፥ ዋላኳ እቲ ስትራተጅን ሸቶን ብልሂቓን ናይ'ቲ ዝመርሕ ፖለቲካዊ ሓይሊ ዝንደፉ እንተ ኾኑ፡ መስርሕ ናይ'ቲ ለውጢ ግና ቡቶም ምሩጻት ቢሮክራትን ብመንግስታዊ ምምሕዳራትን'ዩ ዝካየድ። <u>ራብዓይ</u>፥ እቲ መስርሕ ልምዓት ዝካየደሉ መዋቕራዊ ሃዋሁው፡ መንግስቲ ንቕጥዕን መምርሕን ኩነተ ማሕበራዊ፡ ፖለቲካውን ቍጠባውን ጥራይ ዘይኮነ፡ እንተላይ ንኣንፈት ልምዓት ዘማእዝን እዩ። <u>ሓሙሻይ</u>፥ እቲ መንግስቲ ኢዱ ዘእቱ ይኹን`ምበር እቲ ቍጠባዊ ሃዋህው ግና ናብ ናይ ርእሰ-ማልነት ዝዛዘወ ኾይኑ ውልቃዊ ጽላት ልዑል ተራ ዝጻወቱሉ እዩ።

ቍጠባዊ ዓወት ልምዓታዊ መንግስታት ኣብ ኤስያ ኣብ ምምዕባል ንዝርከባ ሃገራት ኣብ እወታዊ ተራ መንግስቲ ተመርኩሰን ቅልጡፍን ዕዉትን ቍጠባዊ ለውጢ ከምጽኣ ከም ዝኽእላ ሓያል መረጋገጺ እዩ። ልምዓታዊ መንግስቲ ኣብ ኣዝዩ ዝሓሸ ናይ ልምዓት ዲናሚክነት ዝጠልብ ድኹም ቍጠባ'ዩ ዝተኣታቶ። እዚ ዲናሚክነት ከኣ ሰደድ ብዝዓለመ ዕብየት'ዩ ዘላቒ ዝኸውን። እዚ

ግራፍ ቁ.1 **መጠን ቍጠባዊ ዕብየት ብ%**











ኸኣ ብደረጃ ክልሰ-ሓሳብ ድኽነት ንምቅላስ፡ ሓድሽ ቦታ ስሪሑ ወዘተ. ንምፍጣር ሜላ ይፈጥር። ስለዚ፡ ልምዓታዊ መንግስቲ ለኣኺት ኣቕሑ ግዝእ ርእሳ ትኸውን። በብግዚኡ ኸኣ ዓቓን ናይቲ ሰደድ ይዓቢ፤ ባህሪኡ ይቕይር፤ እቲ ምዕባለ ኸኣ እናዓበየ ይኸይድ። በዚ መገዲ ዝተጓዕዛ ብኣብነት ዝጥቀሳ ሃገራት ሰሜናውን ደቡባውን ምብራቕ ኤሲያ እየን።


ቍጠባዊ ታሪኽ ናይ'ዘን ሃገራት፡ ነቲ እንኮ ናብ መንገዲ ብልጽግና ዝወስድ ናጻ ዕዳጋ ጥራይ'ዩ ዝብል ናይ ሓዲስ-ክላሲካዊ ክልሰ-ሓሳብ ስነ-ቁጠባ ዘፍርስ እዩ። እዘን ኣብነት ዝኾና ሃገራት ጃፓን፡ ደቡብ ኮርያ፡ ሲንጋፖርን ታይዋንን ኮይነን ካብ 1950ታት ክሳብ 1980ታት ኣብ ዝነበረ ግዜ፡ ልዑል ቍጠባዊ ዕብየት ዘመዝገባ ሃገራት እየን። እዘን ሃገራት ንመዋቕር ኢንዱስትሪአን ቀይረን፡ ሸቕለት ኣልቦነት ኣልየን፡ ድኽነት ብምጥፋእ መነባብሮ ህዝበን ዘመሓየሻ እየን። ነቲ ልሙድ ዘገምታዊ ኣገባብ ኢንዱስትርያውነት ሰጊረን ብቐጥታ ናብቲ ልዑል ቴክኖሎጂ ዝሓትት ኢንዱስትሪ ከም ኮምፒተራት፡ ሮቦታትን ኤለክትሮኒክስ ክተኽላ ዝበቕዓ እየን። ቻይና'ውን እንተ ኾነት ነዚ መገዲ ተኸቲላ'ያ ነዚ በጺሓቶ ዘላ ደረጃ ምዕባለ ክትበጽሕ ዝኸኣለት።

ካብ ኣሃዛዊ ሓበሬታ ዓለማዊ ባንክ ብምውሳድ ዝተሰርሐ ግራፍ ከም ዘነጽር፡ ኩነታት ቍጠባዊ ዕብየት ደቡብ ኮርያ ምስ ቍጠባዊ ዕብየት ትሕተ-ሳሃራ ክነጻጸር እንከሎ፡ እቲ ፍልልይ ኣዝዩ ዓቢ`ዩ። ቍጠባዊ ዕብየት ደቡብ ኮርያ ኣብ ዝተወሰነ እዋናት እንተ ዘይኮይኑ ብቐጻሊ ክዓቢ`ዩ ተራእዩ። እቲ ዝያዳ ፍሉይ ዝገብሮ ድማ ምንጪ ናይ'ቲ ዕብየት ምስናዕ (Manufacturing) ምዃኑ እዩ። ቍጠባዊ ታሪኽ ከም ዘረጋግጾ ምስናዕ ዓንዲ ሕቖ ወይ ሞተር ልምዓትን ቍጠባዊ ዕብየትን ምዃኑ'ዩ ዝግለጽ። እቲ ናይ ኣሪስቶትል "ሓድሽ ሃብቲ ብወሪር ጥራይ ዘይኮነ፡ እንተላይ ብመሃዝነትን ፈጠራውነትን ይፍጠር`ዩ" ዝብል ርድኢት ናብዚ ሕጂ ሰንዓ (Manufacturing) ምንጪ ቍጠባዊ ዕብየት መገዲ ዝኸፈተ'ዩ። በዚ መገዲ'ዚ እተን ውሑድ ዝሕረስ መሬት ዝነበረን ሆላንድን ቨኒስን ኣብ 15 ክፍለዘመን ድሕሪ ልደተ ክርስቶስ ኣገዳስነት ምስናዕ ተረዲአን ኣብኡ ኣተኩረን ብምስራሕ ክዕብያ ጀሚረን። እንግሊዝ'ውን ነዚ ብምዕዛብ ኣብ 1485 ንጉስ ሄንሪ ሻብዓይ፡ ነቲ መገዲ ምዕባለ ቀዲሕዎ። ተመሳሳሊ መትከል ብምኽታል፡ ሃገራት ኤውሮጳ፡ ኣሜሪካ፡ ጀርመን፡ ጃፓን፡ ሃገራት ርሑቕ ምብራቕ ኤሲያ ሕጂ ድማ ቻይና ናብ ዘለዓለ ጥርዚ ምዕባለ ክበጽሓ ዝኸኣላ እየን።

እተን ብብእዋኑ ንዓለምና ዝገዝኣን ዓብላልነተን ዘረጋገጻን ሃገራት እተን ወሰንቲ ዝኾኑ ነገራት ምሂዘን ኣፍርየንን ናብ ዕዳጋ ዓለም ዘዘርግሓ እየን። ንኣብነት፡ እንግሊዝ መገዲ ባቡርን ናይ ሃፋ ሞተርን ብምምሃዝ ካብ 1748-1893 ን145 ዓመታት ዓብላልነታ ክተረጋግጽ እንከላ ብተመሳሳሊ ካብ 1893-1940 ኣብ ዝነበረ እዋን ድማ ሓጺን፡ ሞተር፡ ኤለክትሪሲቲ ብርሃን ብምፍራይ ን47 ተወሳኺ ዓመታት ርእሰ-ሓያል ምዃን ቀጺላቶ። ካብ 1940-2009፡ ኤለክትሮኒክስ፡ ፕላስቲክ፡ ኢንዱስትሪ ጠፈር፡ ኑክለሳዊ ጸዓት ብምፍራይ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ካብ እንግሊዝ ተረኪባ ዓብላልነታ ን60 ዓመታት ኣረጋጊጻትሉ። 2009-2050፡ ኮምፒተራት፡ ባዮ ቴክኖሎጂን ሮቦቲክስ ብምፍራይ ቻይና/ምብራቕ ኤሲያ ን50 ዓመታት ዓብላልነተን ከረጋግጻ ትጽቢት ይግበር።

ከም ኣብነት ንብጽሒት ሰንዓ ኣብ ጃምላ ሃገራዊ እቶት ብዝምልከት ካብ ናይ ዓለማዊ ባንክ ካብ ዝተረኸበ ኣሃዝ ክምዘርእዮ (ግራፍ ቁ.2)፡ ናይ ደቡብ ኮርያ ካብ መጀመርታ 1960ታት ብቐጻሊ እናዓበየ ይኸይድ ከም ዝነበረ'ዩ ዘርኢ። ልክዕ ንምዃን ኣብ 2019 እቲ መጠን ብጽሒት ናይ ደቡብ ኮርያ ኣስታት 25.3% ክኸውን ከሎ ናይ ትሕተ-ሰሃራ ኣፍሪቃ ኣስታት 11% ጥራይ ነይሩ። እዚ ናይ ትሕተ-ሳሃራ ኣፍሪቃ ካብቲ ናይ 1980ታት ዝወሓደ ምዃኑ ድማ ንዕዘብ። ሃገራት

ግራፍ ቁ.2 ብጽሒት ስንዒ(Manufacturing) ኣብ ጃምላ ሃገራዊ እቶት (GDP)




ርሑቕ ምብራቕ ኤስያ ክዕወታ ዝደረኸን እንታይ'ዩ ንዝብል ሕቶ፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ዝተኸተልኦ ሓያል ፖሊሲ ኢንዱስትሪ ወሰንቲ ናይ ልምዓት ትካላት ስለዝነበረን እዩ (ጆን ማቲው፡ ሓደሽቲ ኢንዱስትርያውያን ሃገራት ካብ ትብል መጽሓፉ)።

ልምዓት ናይ ገዛእ ርእሱ ትካላት ዝጠልብ እዩ። ትካላት ምስ ክዉንነትን ምስ ዕብየትን ጠለብን ልምዓት እናተፈጥራ ዝኸዳ እየን። ይኹን'ምበር ብርግጽ ንልምዓት መበገሲ ክኾኑ ዝኽእሉ ወሰንቲ ትካላት ክህልዉ ዘለዎም ኣለዉ። ንኣብነት ኣብ ደቡብ ኮርያ ኣብ 1961 ጀነራል ፓርክ ስልጣን ምስ ሓዘ ንፖሊሲታት ቁጠባዊ ልምዓት ንቕድሚት ንምስጓም ሓላፍነት ክስከም "ቦርድ ቁጠባዊ ውጠና " ዝበሃል መንግስታዊ ትካል ኣቖመ። ናይ'ዚ ትካል መሰረታውያን ዕላማታት ካብ ሓጺር ክሳብ ናይ ነዊሕ እዋን ቁጠባዊ ልምዓታዊ ውጥን ምንዳፍ፡ ዓመታዊ ባጀት መንግስቲ ምምሕዳርን ተወሳኺ ናይ ወጻኢ ርእሰ-ማል ንምስሓብን ነይሩ። መንግስቲ ደቡብ ኮርያ ብመንገዲ'ዚ ትካል ገይሩ ነቲ ቁጠባ ብምምራሕ እታ ሃገር ኣብ ዝለዓለ ጥርዚ ምዕባለ ክትበጽሕ መሪሕ ተራ ተጻዊቱ'ዩ። እዚ ትካል ልዕለ-ኩለን ኣካላት መንግስቲ ብምኳን ብቕዓቱ ልዑል ቁጠባዊ ዕብየት ብምትንጻፍ ዘረጋገጸ እዩ። ብተመሳሳሊ፡ ቦርድ ቁጠባዊ ልምዓት ሲንጋፖር፡ ሚኒስትሪ ኢንዱስትርን ኣህጉራዊ ንግድን ናይ ጃፓን፡ ቤት ምኽሪ ቁጠባዊ ውጥንን ልምዓትን ታይዋን ኣብ ቁጠባዊ ዕብየት እተን ሃገራት ልዑል ተራ ዝተጻወቱ ትካላት እዮም። ካብ ተመክሮ'ዘን ሃገራት ክምዝተዓዘብናዮ ከኣ ንልምዓት ክማእዘኑን ንቕድሚ ክሰጉሙን ዝኽእሉ ወሰንቲ ዝኾኑ ትካላት ምምስራትን ዓቢ ሓላፍነት ምስካምን ከምዘድሊ ንርዳእ። እዞም ትካላት ብብቕዓትን ብናጽነትን ክነጥፍሉ ዝኽእሉ ምቹእ ሃዋሁ ምፍጣር ከኣ ሓደ ተወሳኺ ዕዮ ገዛ እዩ።

ንልምዓት ካብ ዝድሩኹ ምቹእ ናይ ወፍሪ ሃዋሁ ምፍጣር እዩ። ሓደ ካብቲ ንወፍሪ ዝድርኽ ሃዋሁ ዝፈጥር ከኣ ዝተፈላለየ ንልምዓት ዝድሩኹ ፖሊሲታን ሕጋጋታትን ምምሕያሽን ምስ ኩነታት ዝኸዱ ሓደስቲ ምውጻእን እዩ። ኣርተር ሊዊስ ኣብታ "ናይ ልምዓት ውጠና" ትብል ናይ 1966 መጽሓፉ፡ ሓደ ካብ ቀንዲ ባእታታት ፖሊሲ ልምዓት ምምሕያሽ ሕጋዊ መቓን ቁጠባዊ ንጥፈታት ብፍላይ ድማ ሕጊ ዋንነት መሬት፡ ኮርፖረሽናትን ንግዳዊ ትውጊታትን ምኳኑ ይገልጽ። ከም ኣብነት እንተ ወሲድና ልምዓታውያን መንግስታት ምብራቕ ኤስያ ናብ ዝበረኸ ምዕባለ ዝሰጋገረን ስትራተጅያዊ ፖሊሲ ኢንዱስትሪ እዩ። እዚ ማለት ንምዕባለ ዝድርኽ ፍሉይ ኢንዱስትርያዊ ጽላት ምምራጽ፡ ንሰደድን መተካእታ





እትዋትን ብሓባር ዝዓለመ ኣተኩሮ ምግባር፡ ቅድመ ኩነታዊ መተባብዒ ንብሕታውያን ኣውፈርቲ ምሃብ ዝኣመሰሉ እዮም።

## ኤርትራ ኣብዚ መቓን'ዚ

ኤርትራ እትኽተሎ ናይ ቁጠባ ስርዓት ሕውስዋስ ቁጠባ ምዃኑ ኣብ ዝተፈላለዩ ሰነዳት ህዝባዊ ግንባርን ሃገራዊ ቻርተርን ብንጹር ሰፊሩ ኣሎ። ኣብ ሰነድ ካልኣይን ሓድነታውን ጉባኤ ህ.ግ 1987፡ "ኣብ ናይ ወጻኢ ምቁጽጻር ናጻ ዝኾነ፣ ኣብ ኑብስኻ ምኽኣል እተመርኮሰ፣ ብውጥን ዝምራሕ ሃገራዊ ስርዓተ ቁጠባ ምትካል" ይብል። ብምቕጻል፡ ኣብ ቁጠባ ኤርትራ ኣብ ምምዕባል ሕርሻ፡ ኢንዱስትርን ንግድን መንግስታውን ብሕታውን ክፋላት ክህሉ ከምዘለዎ ይጠቅስ። ብተወሳኺ ኣብ ሓርበኛ ቍ.5 ሕዳር-ታሕሳስ 1990 (ገጽ 15) ንሕውስዋስ ቁጠባ ብዝምልከት ኣብ ዘሰፈሮ ጽሑፍ፡ "እቲ ንሕና እንሃንጾ ሕውስዋስ ቁጠባ ክልተ መሰረታውያን ክፋላት ክህልውዎ'ዮም፦ መንግስታውን ብሕታውን። እቲ መንግስታዊ ክፋል ቁጠባና፡ ኑቶም ኣብ መነባብሮ ህዝቢ ወሳኒ ተራ ዘለዎም ውሑዳት ግን ዓበይቲ ቑጠባዊ ትካላት ዘጠቓልል እዩ። እቶም ብተዛማዲ ምጥን ዝበለ ወይ ንኡስ ርእሰ-ማል ጥራይ ዘለዎም ዝተረፉ ኣሽሓት ቁጠባዊ ንጥፈታትን ዋኒን-ትካላትን ተደማሚሮም ድማ፡ ነቲ ውልቃዊ ክፋል የቑሙ።"

ኣብ ናይ 1994 ሃገራዊ ቻርተር ድማ "ቁጠባ ኤርትራ ብመንግስታውን ግላውን ክፋላት ዝቆመ ሕውስዋስ ቁጠባ፡ ናይ ትእዛዝ ቁጠባ ዘይኮነ ከኣ ናይ ዕዳጋ ቁጠባ ክኸውን ኣለዎ" ይብል። እቲ እንሃንጾ ቁጠባዊ ስርዓት ከኣ ማሕበራዊ ፍትሒ ዘስፍን ክኸውን ከምዘለዎ ይገልጽ። እዚ ማለት ኣብ መንጎ ሃብታማትን ድኻታትን ዘሎ ጋግ ቁጠባዊ ዕድላትን ሃብትን ንምጽባብ፡ ንኹሎም ዜጋታት ምዕሩይ ቁጠባዊ ዕድላትን ርትዓዊ ኣከፋፍላ ሃገራዊ ሃብትን ምርግጋጽ'ዩ። ኣብ መንጎ ገጠርን ከተማን፡ ማእከልን ወሰንን ዘሎ ጋግ ምዕባለ ንምጽባብ ምዕሩይን ርትዓውን ዝርጋሐ ቁጠባዊ ምዕባለ ኣብ መላእ ሃገር ምርግጋጽ ከም ዝኾነ ኸኣ ይገልጽ። ብኣጠቓላሊ ክርእ ኸሎ ንኹሎም ዜጋታት ምዕሩይ ዕድላት ብምፍጣር ተሳታፍነቶም ኣብ ኩሉ ሃገራዊ ጉዳያት ምዕዛዝ እዩ።

ናይ ኤርትራ ፍሉይ ክዉንነት ከኣ ብናይ ሓባር ቃልሰን መስዋእትን ዝመጸትን ልኡላውነታ ዝተዓቀበት ሃገር ከም ምዃና መጠን እቲ ትኽተሎ ቁጠባዊ ስነ-ሓሳብ ይኹን ፖሊሲ ንድሌትን ሃንቀውታን ናይ ዝበዝሑ ዜጋታታ ዘማልእ ክኸውን ኣለዎ። ነዚ ዝምልከት ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣብ ሓደ እዋን፡*"ልምዓት ዝተሃመሹ ወገናት ብምቕዳም፡ ንኹሉ ዘመዓራሪ ዕድላት ብምርሓው፡ ህዝቢ ኣብ እንኮን ፍትሓውን መኣዲ ምጽንባር፡ በዚ ርትዓዊ መንገዲ ድማ ፖለቲካዊ ርግኣት፡ ሃገራዊ ሰኒት፡ ቀጠባውን ማሕበራውን ልምዓት፡ ማሕበራዊ ፍትሕን ባህላዊ ሱግምን ምርግጋጽ ... ንዊሕ እዋን እተቓለስናሉን ህይወት ብሉጻት ዝኸፈልናሉን ነቕ ዘይብል ዘይቅየር ዕላማና'ዩ።"* ስለዚ ነዚ ዝዓበየ ማሕበራዊ ዕላማታት ንምጭባጥ እቶም ዝህልውኻ ድሩታት ጸጋታት ናብቲ ዝተደልየ ቁጠባዊ ሽቶታት ንምቕናዕ ናይ መንግስቲ ተራን መምርሕን ወሳኒ እዩ።

ህላወ ስምዒት ሃገርነትን ሃገራዊ መንነትን ሓደ ካብ መሰረት ንምህናጽ ሃገርን ሃገራዊ ልምዓትን እዩ። እዚ ኣገዳሲ ረቛሒ'ዚ፡ ኣብ ኤርትራ ካብ ናይ ካልኦት ትሕተ-ሳሃራ ሃገራት ብዝተፈልየ መገዲ ኣብ ናይ ነዊሕ እዋን ቃልሲ ንናጽነትን ምክልኻል ልኡላውነትን ዝተረረ እዩ። እዚ ዓብዩ ብልጫ'ዚ ርሒብ ባይታ ንሃገራዊ ልምዓት እዩ። ናይ ልምዓት ኩነተ-ኣእምሮ'ውን እንተ ኾነ ብተዛማዲ ኣብ ኤርትራውያን ዝለዓለ እዩ። ባህጊ ክትፈልጥ ምድላይ፡ ተሓጋጊዝካ ናይ ምስራሕ መንፈስ፡ ናይ ምርካብ (catch-up) ሕልና፡ ክዓቢ ዝኽእል ተዛማዲ ሞያዊ ክእለትን ንቕሓትን ወዘተ. መለለዩ ኤርትራውያን እዮም። እቲ ሳልሳይ እወታዊ ሓያል ተራ መንግስቲ ኣብ ልምዓት እዩ። እዚ ኣብ ጉዳይ ኤርትራ ዘካትዕ ኣይኮነን። እቲ ዝተርፍ እቲ ዝያዳ ናብ ምክልኻል ኣድሂቡ ዝጸንሐ ጸጋታት ናብ ቁጠባዊ ወፍሪ ብምቕናዕ፡ ምስ ናይ ዓጸፋ ስራሕ እቲ ስጉሚ ናይ ምዕባለ ፍጡንን ሰፊሕን ክኸውን`ዩ።

ብኣጠቓላሊ ክርእ እንከሎ፡ ልምዓት ቁጠባዊ ዕብየት ብምቅልጣፍ ኲለንትናዊ መነባብሮ ሓፋሽ ናብ ዝበረኸ ደረጃ ምድያብ እዩ። ልምዓት ሰላምን ርግኣትን ዝጠልብ ጉዕዞ (journey) እዩ። ስለ ዝኾነ ኸኣ ናይ ተኸታተልቲ ወለዶታት ኣበርክቶ፡ ውህደት፡ ናይ ልምዓት ኩነተ ኣእምሮ፡ ጻዕሪ፡ ተወፋይነትን ቅንዕናን ዝሓትት እዩ። ነቲ ጉዕዞ ናይ ልምዓት ክትከዶ ኸኣ ምስ ደረጃ ምዕባለን ማሕበራዊ ዕላማን ዝሳነ ንጹር ናይ ቁጠባ ሜላ ወይ ስነ-ሓሳብ ክህልወካ መሰረታዊ እዩ። ኣብ ርእሲ'ዚ ነቲ ስነ-ሓሳብ ብግቡእ ተረዲኡ ዘማእዝን ዓቕሚ ሰብን ምምልማልን፡ መሰረታውያን ቁጠባዊ ትካላትን ምስኡ ዝሳነዩ ፖሊሲታትን ሕጋጋታትን ከኣ ብማዕረ ኣገዳሲ`ዩ። ናብ ዝበረኸ ናይ ልምዓት ዓወት ንምብጻሕ መተካእታ ዓጸፋ ስራሕ፡ ጻዕርን ፍልጠትን ካልእ ኣቋራጭ የለን። እቲ ምንታይ'ሲ ነቶም ብምዕባለ ዝሓለፉና ከነርክብ (catch-up ክንገብር) በቲ ልሙድ ኣገባብ ዘይኮነ፡ ስፍሓት ብዘለዎን ብዝተዓጻጸፈ ቅልጣፈን ክኸውን ኣለዎ።

# ኤርትራዊ ሃገራዊ ምስሊ

መምህር ኪዳነ ሽሞንዲ

ኤርትራዊ ምስሊ፡ በቲ ዘይጽዓድ መንፈስ መኸተ ወለዶታት ዘፍረየም ክብርታትና ቐይሙ። ሃገራውነት፡ ርእሱ ምርኮሱ፡ ማዕርነት፡ ማሓዛነት፡ ሓድነት፡ ምጽውዋር፡ ጽንዓትን ገለ ካብቶም ንኤርትራዊ ምስሊ ሓብሮም ዘቖሙ ክብርታት እዮም። እዚም ክብርታት ‘ዚኦም ንሰራውር ደም ወለዶታት ኣብ ትርግታ ሓቂ ድሕሪ ምእሳሮም፡ ን"ጽንዓት" ከም ማእከላይ ዓንዲ ኤርትራዊ ምስሊ ኣቐሚሞም፡ ንህዝቢ ኤርትራ ድማ ብሕልና ዝምራሕ፡ ንሰላምን ብልጽግናን ዝቃለስ፡ "ፍትሒ" "ፍትሒ" ዝሸትት ጌረሞ ደርኪቦ። ካብ መበል 15 ክፍለ ዘመን ኣትሒዙ፡ ብሕማን ስርዓትን ዝሰባበር ስልጡን ህዝቢ ንክኸውን መሰረት ኣንቢሮም እዮም።

ኤርትራዊ ምስሊ፡ ብደም ሰማእታት እምበር፡ ብሕብሪ ቀለም ኣይተሳእለን። ህዝቢ ኤርትራ፡ ገለ እታ እንኮ ዘይትትካእ ትንፋሱ፡ ገለ ኣካላቱ እናወፈየ’ዩ ንኤርትራዊ ምስሊ ዝሰደቖ። ኤርትራዊት ኣደ፡ ቀባኢት ሃገራዊ ምስሊ እያ። ኑቶም ከም ስልማታ እትርእዮም ምሩጻት ደቃ ንመስዋእቲ እናመረቐት፡ ኤርትራዊ ምስሊ ዝቐበኣትን ዝኾልዐትን ኣደ ፍቕሪ እያ። ንፍቕሪ፡ ጥርዚ ልባዊ ምትእስሳር ጥራይ ዘይኮነ፡ ጥርዚ ደረጃ ንቕሓት ወዲ ሰብ ምዃኑ ትምህር። መስዋእቲ፡ ምእንቲ ሓቂ፡ ፍትሒ፡ ዓቢ ዕላማን ዝኸፈል ቅዱስ ሞገእ ምዃኑ’ውን ትምስክር።

ኤርትራዊ ምስሊ፡ ምስሊ ሓቂ እዩ። ሰሩ ኣብታ ፍቕሪ እትገስዕ ልቢ ሓፋሽ’ዩ። ንጹላእቱ ምሕረት እናሃበ ሰላምን ምዕባለን ክዘርእ ይቃለስ። "ሰላም፡ መጥፍኢ ጸላም" ምዃኑ ኣሚኑ፡ "ዓወት ንሓፋሽ" እናድመጸ ብመስዋእቲ ንጸላም ይቕንጥጥ። ኣህዛብ ብዘይ ናይ ሓባር ስራሕ ወሓስ ሰላምን ዕብየትን ክፈጥሩ ከም ዘይክእሉ ብመትከል ስለዝኣምን ብኹፉት ልቢ፡ ጥበቡን ፍቕሩን ክልግስ ድሕር ኣይብልን። "ማዕዳ ፍቕሪ፡ ካብ ርስሓት የጽሪ" ከም ዝበሃል፡ ንማዕድኡ ልቦም ንዘኸፈቱ፡ ንልቦም ኣንጺሁ፡ ናብ በሪ ኣማን ይመርሖም። ካብ ቤቶም ምስ ዝመዛበሉ ካብ ከም ጓኖት ኣብ መዓስከር፡ ከም ኣባላት ስድራ ኣብ ማእከል ቤቱ’ዩ ዘዕርፎም። ካብታ ዘላቶ ቍራስ እናቋደሰ ድማ ብፍቕሪ የማሙቖም።

ንኤርትራዊ ምስሊ ክፈልጥ ዝደሊ ሰብ፡ ብቐጥታ መዘኻብ ታሪኽ ይገንጽል። ኤርትራዊ ምስሊ ናይ መዓልታት ዘይኮነ ናይ ዘመናት’ዩ። ናይ ዘመናት ዝበሎ፡ ካብቲ ወለዶታት ንኤርትራዊ ምስሊ ንምውሓስ ዝኸፈልዎ መስዋእቲ ዝምንጩ ክብር ዝኽሪ ስለ ዝኾነ። ከምቲ ጸሓፍን ተመራማርን ታሪኽ ኣቶ ኣለምሰገድ ተስፋይ ዝበሎ፡ “ንሕና ኤርትራውያን ብምኽንያት እቲ ኣብ ልዕሌና ዝወረደ ተኸታታሊ መግዛእትን ናይ መግዛእቲ ፈተነታትን፡ ታሪኽ ካብ ዝኾነ ይኹን ካልእ ህዝቢ ንዓና የገድሰና”። ንመግዛእታዊ ረብሓታት፡ ታሪኽ ብጓኖት ክጽሓፍ ንቡር’ዩ። ግዳያት ከይንኸውን ታሪኽና ብዮዘኡ ክንሰንድ ድማ ይመክር። (መጽሓፍ “ኣይንፈላለ”፡ 2007)

"ሓድነት ቀለማት፡ ስእሊ"፡ "ሓድነት ክብርታት፡ ምስሊ" ይፈጥር። ኤርትራዊ ምስሊ፡ ሓድነት ኣብ ብዙሓነትና’ዩ መሰረቱ። ኣብ ምኽባርን ምትሕግጋዝን ዝተመስረተ ስልጡን ሃገራዊ ምስሊ። ንኹብ ዘመናት ንምስሉ ንምሕላኽ ዝቖመ ተጻብኦታት ክምክት ዝኸኣሎ ጼጋ። ሃገራዊ ሰላም፡ ርግኣት፡ ምዕባለን ብልጽግናን፡ ሓድነት ኣብ ብዙሓነት ካብ ዝፍረዮም ንጹህ ንፋሳት ሰላም እዮም። ሓድነት ኣብ ዓበላልነት፡ ጸላም፤ ሓድነት ኣብ ብዙሕነት፡ ሰላም ይወልድ። ሩሲያዊ ፖለቲከኛ ሚካኤል ጎርባቾቭ “ምንጪ ሰላም፡ ሓድነት ናይ ተመሳሳልነት ዘይኮነ፡ ሓድነት ኣብ ብዙሕነት” ምዃኑ ይነግር።

ታሪኽ፡ መስትያት ሓፋሽ እዩ። ከምቲ ሰባት ገጻት ተንሲኦም ንምስሎም ኣብ መስትያት ዝርእዩ፡ ኣህዛብ ድማ ኣብ ታሪኾም ይውከሱ። ንኽፉኡን ጸቡቑን ተሞክሮ ወለዶታት ኣብ ሓደ ብምቕማጥ፡ ምስሎም ይርእዩ። መስትያት ኪኖ ንምስልና ምርኣይ፡ ንምስልና ዘበላሹ ነገር ንምልላይን ንምእላይን እውን ይሕግዘና እዩ። ከም ውጽኢቱ፡ ውሻጥና ንምርምር፡ ካብ ሕሉፍ ጌጋታትና ንመሃር፡ ኑብስና ድማ ንፈልጥ።

ኣብ ምስልኻ ምንባር፡ ብሓፈሻ ንኹሉ ኣባል ሕብረተሰብ ጥዕና ዝሁብ እኳ እንተ ኾነ፡ ብቐንዱ ግን ንመንእሰይ’ዩ። ወናኒ’ቲ ልዑል ተፈጥራዊ ጸዓት ናይ ለውጢ ስለ ዝኾነ። መንእሰይ፡ ንዘውንኖ ጸዓት ንዕበየት ሕብረተሰቡ ክውፍዮ ቅድሚ ምብጋሱ፡ ብመጀመርታ ምስሉ ክፈልጥ ይግባእ። ምስሉ ንኽፈልጥ፡ ታሪኽ ህዝቡ ክጽንዕ ኣለዎ። ሕብረተሰብ ዘቕርቦ ጠለብ ጥራይ ዘይኮነ፡ እንተላይ ደረጃ’ቲ ዕድመ’ዩ። “ኣነ መን’የ?” ዝብል ሕቶ ከልዕል ባህርያዊ እዩ። ኣብዚ ተኣፋፊ ዕድመ’ዚ፡ መንእሰይ ንምስሉ ብንጹር ምስ ዘርዳእ፡ ንጡፍ፡ ምእዙዝ፡ ከምኡ’ውን ኣፍራዪን ይኸውን። ብኣንጻሩ፡ ምስሉ ምስ ዘይርድእ፡ ምስ ባዕዳውያን ምስልታት ክመሳሰል ይደናደን፡ ኣብ ገለ’ውን ይመሳሰል። ኣብ ጉዕዞኡ ዕንቅፋት ይበዝሖ፡ ልኡምን ዘይምእዙዙን ብምዃን ኣፍራይነቱ ኣብ

ሓደጋ የውድቕ፣ ንሕብረተሰቡ'ውን ይጎድእ።

ንኤርትራዊ ምስሊ ዘቖሙ ብሉጻት ክብርታት፣ ንቑሕ ወለዶ ድሕሪ ምኹብኳሶም፣ ቅያ ዝመልኦ ታሪኽ ይሰንዱ ኣለዉ። መስተንክር ዓወታቱ፣ መሳርዑ ከይብተኾ፣ ምስሉ ከይበረዘ፣ ህላወኡ ከረጋግጽ ኣኽኢሉዎ እዩ። ብዓወታቱ ዝሰኸሩ ጃንዳ-ምስሉይነት፣ ብዓውታ ድምጾም ንምስሉ ኸየጕብቡ ምኽታቶም ዘገርም ኣይኮነን። ከም ሳዕቤኑ፣ ጃንዳ-ምስሉይነት፣ "ንውድቀት" ከም ጥንዴራ፣ ኣብቲ ብጾላም ዝተዋሕጠ ፈረስ ቤቶም ሰቒሎማ ደርበቡ።

ኤርትራዊ ምስሊ፣ ኣንጻር ምስሊ ዓመጽ'ዩ ተቓሊሱ፣ "ኣብ ምቅር ሕብስቲ ምስ ሰንሰለት፣ ንቅጽቲ ቁራስ ምስ ሓርነት!" ብምምራጽ። መስዋእቲ እቲ ንኤርትራዊ ምስሊ ዝቖበኣ ኣንጻር ባርነት ሰዊሩ፣ ሕልሚ ናጽነት ጋህዲ ኸኸውብርን ከውሕስን ዘኽኣለ ቀንዲ ሮቛሒ'ዩ። መሬቱ ብደም መስዋእቲ ወሎዶታት ዝተኸለለ ማና ከም ምዃኑ መጠን ብጓኖት ክመሓደር ኣይፈቅድን። ጸላእቱ ዓይኖም ንኻልኢታት'ውን ትኹን ሰለም ከየበሉ ንእስትራተጂያዊ ኣቐማምጥኡ ንምውናን ብኣሰቃቒ ግፍዕታት ኣብቲ ቅዱስ መሬቱ ከጽንትዎ፣ ንስልጡን ክብርታቱ ብቲ ጸረ-ሰብኣዊ ክብርታቶም ንኸብርዝዎ ጸዒቶም'ዮም። ኾኖ'ውን ደጽዕቱ ኣለዉ። ዘይከፃምዝገመትዎ ግን ዓንድታት ኤርትራዊ ምስሊ ዓሚቑ ስለዝሰኾነ መሰረቱ ክቐልዎ ኣይከኣሉን

መለሱ ደኣ ቶኾልዑ።

ድምቀት ኤርትራዊ ምስሊ በዛ "ሓቂ እናሓደረ ይኹላዕ ከም ወርቂ" እትብል ምስላ ይምሰል። ኤርትራዊ ምስሊ፣ መሰረቱ ሓቅን ፍቕርን ስለዝኾነ ብርሃኑ ይደምቕ እዩ ዘሎ። ድምቀቱ ዶባት ሰጊሩ ንብጾላም ባርነት ኣዒንቶም ዝዓወሩ ኣህዛብ'ውን ኣንቕሒሉ'ዩ። ስለ ዝኾነ ኸኣ ምስላ ዝተዘንበየ ዓለም፣ ሓድሽ ፍትሓዊ ዓለማዊ ምስሊ ክትሕዝ ጥበቡ ብዮጉበሪ ብምርኣዩ ዓለም ደዋኒያይ እትብሎ ከም ዘይነበረት፣ መምህር ጽንዓት እናበለት ክትውድሶ ትሰምዕ ኣላ።

"ድሙቕ ምስሊ፣ ንጹር ራኢ" ፡ "ንጹር ራኢ፣ ብሩህ መጻኢ" እዩ ዝፈጥር። ምስሉ ብዕምቈት ዝፈልጥ ሓፋሽ፣ ዓቕምታቱ ብልክዕ ይፈልጥ። ዓቕሙ ስለዝፈልጥ፣ ብርእሰ-ምርኾሳ ይሰርሕ፣ ክውንነታዊ ራእዩ ክስእል ኣይጽግሞን። ንመጻኢ ዝህቦ ትንቢት'ውን ካብ ሓቂ ኣይርሕቐን'ዩ። ጽንዓት ቀንዲ ዕጥቁ እዩ፤ ንዓኣ ተቐኒቱ ንመጻኢ ይምርሽን ንዘጋጥምዎ ብድሆታት'ውን ብኣድማዕነት ክፈትሕ ኣይሽገርን። ኣብ ምስሉ ወትሩ ስለዝኹብር ክብሩ በሪኽ'ዩ፣ ዓወቱ ድማ ናይ ግድን'ዩ !

ስነ-ጥበባዊ ኣፈኛ ምስሊ እዩ። ኪኖ ንምስሊ ሓፋሽ ብረቂቕ ጥበብ ምግላጽን ምኹላዕን ናይ ምምእዛን ሓላፍነት'ውን ኣለዎ። ንመጻኢ፣ ቡቲ ኣብ መሰረሕ ምውርራስ ክብርታት ዘለዎ ዓቢ ቦታ የማእዝኖ። ፍርያቱ ኣብቲ ልክዕ ምስሊ ሓፋሽ ምስ ዝምንጨ፣ ናብ ብርሃን ብኣንጻሩ፣ ኣብ ባዕዳዊ ምስሊ ምስ ዝምንጨ፣ ናብ ጸላም ይመርሕ። ስነ-ጥበባ ኣብ ልቢ ሓፋሽ ኣብሪ ሓወልቲ ንኸተኽል፣ ምስቲ ዓሚቑ ዝሰሩ ኤርትራዊ ምስሊ ክተኣሳሰር ግድነት እዩ። በዚ'ኸኣ ስነ-ጥበበኛታት፣ ግዜኣም ቅድሚ ኣብ ግብራዊ ስራሕ ምእታዎም፣ ብቐዳምነት ኣብ መጽናዕቲ ኤርትራዊ ምስሊ ከውፍርዎ ዝምከር፣ ምኽንያቱ ሱር ከይሓዘ ክዕንብብ ዝፍትን ስነ-ጥበበኛ፣ ስራሓቱ ኣብርሆት ዝሰሶ ብቐሊሉ ዝሃፍፍ ዕዮ ስለዝፍሪ።

ምዕቃብ ምስሊ፣ ብምውርራስ ብሉጽ ክብርታት እዩ ዝረጋገጽ። ከም'ቲ ዕምባባ ንኸተገላዕልዕ ምኹብኳስ ዘድልያ፣ ሃገራዊ ምስሊ ድማ ንኽዕቀብ ምውርራስ ክብርታት የድልዮ። ንሓደስቲ ሓሳባት ብመንጽር ሃገራዊ ክብርታትና እናኣስተርጐምና ምስ እንጥቀመሎም፣ ምስልና ይዕቀብ፣ ብርሃኑ'ውን ይደምቕ'ዩ። ብምህናጽ ዘብለጭልጨ ሰማይ ጠቀስ ህንጻታትን መናፈሻታትን ዝዕቀብ ዝመስሎም ብዙሓት እዮም። እንተ ኾነ እዚ ሓሳብ ውዱቕ እዩ። ምውርራስ ብሉጽ ክብርታት፣ ቀዳማይን መሰረታውን መስርሕ ውሑስ ህንጻት ሃገር እዩ። ንምውርራስ ብሉጽ ክብርታት ጎሲኻ ዝተየደ ህንጻት ሃገር፣ ዕጫኡ ዕንወት'ዩ። ብሉጽ ሃገራዊ ክብርታት ዝወረሱ ሰላም እናፈጠሩ ዘብለጭልጭ ህንጻታት ዝወረሱ፣ ብዮዮጬት ንዝሰርሕዎ ህንጻ ከዕንዉ ተዓዚብና ኢና።

ኣብ መወዳእታ፣ "ምስልና" እዩ ዋሕስ ብሩህ መጻኢና! ብሓድነት ክብርታትና ዝቖሙ፣ ብመስዋእቲ ወለዶታት ዝሰጠመን ዝተኾልዐን ክቡር ሃገራዊ መንነት። ምስልኻ ምፍላጥ፣ ንጹር ራኢ ብምስኣል ናብ ውሑስ መጻኢ ምምራሽ እዩ ረብሕኡ። ህድማ ካብ ምስልኻ፣ ካብ ሕስረት ኩዒኑ ኣብ ጸላም ባርነት ዘብልዮካ መርገም'ዩ። ስለ'ዚ፣ ብሩህ መጻኢና ካብ ንቕሓት ምስልናዩ ዝምንጨ' ሞ፣ ምስ ንምስልና ዝምግቡ ሱር ክብርታትና፣ ብፍቕሪ ከም ሓረግ ንጠናኖ።



# ካብ ምህዞታት ፌስቲቫል 2023

## ብዘይ ኤለክትሪካዊ ጸዓት እትሰርሕ መዝሓሊት (ፍሪጅ)



ናይ ሎሚ ዓመት ምሩቓት ተመሃሮ ኮለጅ ማይ ነፍሒ፡ ናይ’ቲ ኣብ ርሑቕ ገጠር ዝነብር ዝበዝሐ ክፋል ህዝብና ግዝያዊ ሽግር እተቃልል፡ ብዘይ ዝኾነ ይኹን ጸዓት እትሰርሕ መዝሓሊት ምሂዝና ኣለና ኢሎም ድምጺ ብስራት ኣስሚዖምና ኣለዉ።

ኣብ ፌስቲቫል ኤርትራ 2023 ዝቐረቡ ዝዘመኑ ፈጠራዊ ስርሓት፡ ነቲ ብዝሰፍሐ ንኣትዎ ዘለና ምስግጋር ተክኖሎጂ ኣንፈት ዘትሕዙ እዮም ነይሮም። ዛጊት ብጸዓት ኤለትሪክን ሶላርን ዝሰርሓ ፍሪጅ ኢና ክንጥቀም ጸኒሕና። ጌጋ ይኽለኣለይ፡ ብዛዕባ ብዘይ ጸዓት እትሰርሕ መዝሓሊት ግን ሰሚዕና ኣይንፈልጥን። ናይ ሎሚ ዓመት ተመረቕቲ ኢንስቲትዩት ተክኖሎጂ ኤርትራ - ማይ ነፍሒ፡ ቶማስ ሰመረ፡ ሄሮሞን ሓሳቡ፡ ዮናታን ኣለምን ሃብቶም ብርሃነን ግዳ ኣብ ፌስቲቫል ኤርትራ 2023 ግብራዊ ስራሕ ብምምሃዝ ንምርኢት ከቕርቡ በቒዖም ኣለዉ።

ሓደ ካብ’ዞም ሃንደስቲ እዛ መዝሓሊት መንእሰይ ቶማስ ከብርሀ ከሎ፡ እዛ ኣብ መዛዘሚ ትምህርቶም ዘቕረብዋ ፕሮጀክት መበገሲ ሓሳባት፡ እቲ ኣብ ርሑቕ ገጠራትን በረኻታትን ሃገርና ዝካየድ መስርሕ ምዝሓል ልስሉስ መስተን ቢራን ኣብ ከሻ ማይ እናጠልቀኻ ምኺኑ፣ ዕላማ እዛ ፕሮጀክት ኸኣ፡ ነቲ ኣብ ርሑቕ ገጠራት ዝቕመጥ ክፋል ህዝብናን ሓረስቶትን ዘፍረዮም ኣሕምልትን ፍሩታትን ካብ ምብልሻውን ምምሽማሽን ንምድሓን ምኺኑ እዩ ዝገልጽ።

እዛ 50 ብ50 ሰንቲ ሜትር ጎንን 70 ሰንቲ ሜትር ቁመትን ዘለዋ ንመፈተኒት ዝሰርሕዋ መዝሓሊት፡ ኣብ ከባቢኦም ካብ ዝርከቡ ጥረ ነገራት - ጆሪካን መትሓዚ ማይ፡ ቀጠንቲ ቱቦታት መተሓላለፊ ማይ፡ ንመንደቂ ዝኸውን ሕጡብን ንመዝሓሊ ዘገልግል ሑጻን ተጠቒሞም እዮም ኣዳልዮማ። መንእሰይ ቶማስ ንመስርሕ ኣገልግሎት እዛ መዝሓሊት ክገልጽ ከሎ፡ “ከምቲ ስማ ዝሕብሮ ዜሮ ኤነርጂ ኩሉኒ ሽምበር ኮይና፡ ዝኾነ ጸዓት ኣየድልያን እዩ። ልክዕ ከም ኣብ ገጠራትን ንኣሽቱ ከተማታትን ብኽሻ ጌርና ብምሽፋን ማይ እናረብረብና ነዝሕሎ፡ እዛ ጀማሪት መዝሓሊት ከኣ፡ ካብቲ ጆሪካን ብግራቪቲ ብቱቦታት ኣቢሉ ማይ ኣብቲ ሑጻ ምስ ኣተወ፡ ኣብ ከባቢ ብዘሎ ውዑይ ከባብያዊ ኣየር፡ ገለ ኽፋሉ ንግዳም ክሃፍፍ ከሎ፡ እቲ ዝሑል ኣየር ዝሓዘለ ማይ ከኣ ንውሽጢ ይዝዕግ። በዚ መስርሕ ከኣ፡ ካብ 19 ክሳዕ 19.5 ዲግሪ ሴንቲግረይድ ዓቐን ሙቐት (temperature) ብቐጻሊ ትዕቅብ። ብግብሪ ንምፍታና ብዝተወሰደ ተበግሶ እውን፡ ኣብ ገዛ ዘቐመጥዎ ኮሚደረ ኣብ 11 መዓልቱ ክበላሾ እንከሎ፡ ኣብዛ መዝሓሊት ግን ን28 መዓልቲ ክጸንሕ ክኢሉ። ኣብ ምውቕ ከባቢ እውን ብድንሽ ንምፍታና ኣብ ዝተኻየደ መስርሕ፡ ኣብ ገዛ ኣብ ውሽጢ 46 መዓልታት ክበላሾ ኸሎ፡ ኣብ ዘመናዊት መሳርሒት ግን ክሳዕ 98 መዓልታት ብዘይ ዝኾነ ይኹን ምቅይያር ክጸንሕ ከም ዝኸኣለ ይገልጽ።

ኢንጂነር ቶማስ ኣብ መዛዘሚ መግለጺኡ፡ “ደገፍ ህዝብና ከይተፈለየና፡ እዛ መዝሓሊት ኣብ ሓጺር ግዜ ብስም ፍርያት ኤርትራ ብርትዓዊ ዋጋ ንዕዳጋ ከነቕርባ ተበጊስና ኣለና” ብምባል እዩ፡ ፍሽኽታ ብዝዓሰሎ ምቕሉል ኣገላልጽኡ ሞራል ዘስነቀና።









# ዘበናዊት ዊልቸር



ኣብዚ ዓለም ብኮምፒተርን ምስኡ ዝተተሓሓዘ ዘመናዊ ቴክኖሎጂን ናብ ሓንቲ ቁሸት ትቐየረሉ ዘላ ዘመን፡ ተወዳዳሪ ዝኾነ ወለዶ ምፍራይ ግዴታን ናይ ኩልና ሓላፍነትን እዩ። ክፍሊ ትምህርቲ ዞባ ማእከል ብዝወሰዶ ኣብነታዊ ስጉምቲ፡ ማእከል ዳህሳስን ትምህርትን መሰልጠኒ ትካል ኣቚሙ፡ ብብቕዓት ናብ ካልኣይ ደረጃ ካብ ዝሓለፉ ተመሃሮ ዝተዋጽኡ ኣብ ምስልጣን ይርከብ።

ብመሰረት መምህርን ኢንስትራክተርን ምሩቕ ኮምፒተር ኢንጂነር መንእሰይ ፍልሞን ሃብተ ዝገለጸልና፡ ማእከል ዳህሳስን ትምህርትን (SEDC - Student Educational Discovery Center) ነቲ ኣብ'ዚ እዋን ኣድማዒ ኾይኑ ዘሎ ሲስተም ካሪኩለም - ኢንጂነሪን፡ ሳይንስን ማተማቲክስን ብግብሪ ኣሰኒዩ፡ ክሳዕ 3 ደረጃ ዘሰልጥን ዘሎ ትካል እዩ።

እዞም ተመሃሮ ብነጥቦምን ኣብዚ ዓውዲ ብዘለዎም ዝምባለን ተለልዮም ካብ ኩለን ኣብያተ ትምህርቲ ዞባ ማእከል ዝተዋጽኡ እዮም። እዚ ምስ ማሕበረ-ኮም ኤርትራውያን ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ብምትሕብባር፡ ዝተፈላለዩ ኮምፒተራትን ተክኒካዊ መሳርሒታትን ዓጢቑ ተበጊሱ ዘሎ ትካል ስልጠና፡ ኣብ ግብራዊ ስራሕ ኣድሂቡ (Hand Set Approach) እዩ ዝሰርሕ። ተመሃሮ ብተቐሪብሎም ዘሎ ናውቲ መሳርሒታት ፕሮጀክት ይሰርሑ፤ ይድህስስዎን ይምህዝሉን።

ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን 1ይ ደረጃ ስልጠና ናይ'ዚ ቤት ትምህርቲ ዛዚሞም፡ ኣብ 2ይን 3ይን ደረጃ (level) ዝርከቡ 34 ተመሃሮ፡ ኣብ ፕሮጀክት ምድላው ተጸሚዶም ይርከቡ። ካብዚኦን 15 ውዱኣት ፕሮጀክትታ እዞም ተመሃሮ ኸኣ፡ ኣብ ምርኢት ፈስቲቫል ኤርትራ 2023 ቀሪበን ቀልቢ ብዙሓት ነጋድያን ካብ ዝሰሓባ እየን ነይረን።

ኣብዚ ምርኢት ተመሃሮ ብዙሕ ካብ ነንሕድሕዱ ዝበላለጽ ዘመናዊ ምህዞታት እዮም ቀሪቦም። ካብ/ዚ ምሕራይ ቀሊል እኳ እንተ ዘይነበረ፡ ንሎሚ ምስ ሓንቲ ካብ ፍርያት እዞም ሰብ ምህዞ ኢና ከነፋልጠኩም፡-

ናብ ዓስራይ ክፍሊ ዝሰጋገሩ ዘለዉ 7 ተመሃሮ - ዓወት ፍረዝጊ፡ መዋሂብ ዓብዱራሕማን፡ ናሆም ኣብራሃም፡ ጴጥሮስ ዓንደማርያም፡ ቢላል ሙጂብራሃን፡ ሞርያ ሳምሶምን ሰሱና ፍጹምን ዝተባህሉ፡ ንስንኩላን እትሕግዝ ኣርባዕተ ዝእግራ ምዕብልቲ ዊልቸር እዮም ኣብ ኣደራሽ ቁሸት ምህዞን ሰንዓን ተመሃሮ ፈስቲቫል 2023 ኣቕሪቦም። እዞም ተመሃሮ ነታ ዓረብያ፡ በቲ ኣብ ኣብ ማእከል መሰልጠኒ ሮቦቲክስ (Robotics Center) ዝተማህርዎ ግብራዊ ትምህርቲ፡ ተሓጊዞምን ተተባቢዖምን ኣብ ውሽጢ ኽልተ ወርሒ ከም ዘዳለውዋ'ዮም ዝሕብሩ።

እዛ ፍርያት ትስፉዋት ደቅና፡ ብተገጢሙላ ዘሎ ክልተ ዓይነት ሰንሰራት፡ ብቕድሚኣን ድሕሪኣን ንዘሎ ነገራት ብቐሊሉ ኣለልያ ሓበሬታ ስለ 'ትልግስ፡ ንስንኩላን ዘድሊ ጥንቃቐን ምቕጽጻርን ክገብሩ ብኣጋኡ እትሕብር፡ ብዘይ ዝኾነ ይኹን ደገፍ ኣብ ዝመረጽዎ ቦታ ክጎዓዙላ ዝኽእሉ፡ ካብ ዘመናዊ ምህዞታት ስንኩላን እያ። ንምጉዕዓዝ ክዕንቅጻን ናብ ሓደጋ ከምርሓ ዝኽእል ኣጻድፍ፡ ኣግራብን ኣእማንን መሳሊ መሰናኽል ምስ ዘጋጥማ፡ በቲ ኣብ ቅድሚት ተገጢሙላ ዘሎ "ላይን ፈለወር ሰንሰር" ኣለልያ ጠጠው ስለ 'ትብል፡ ካብ ክስዕብ ዝኽእል ጉድኣት ተድሕን። በቲ ኣብ ድሕሪት ተገጢሙላ ዘሎ ኣልትራ ሳውንድ ሰንሰር እውን፡ ንድሕሪት ኣብ ትምለሰሉ፡ ምስ ኣብ ቀረባኣ ዘሎ ተሽከርካሪ ሓደጋ ከይትፍጽም ጢጥ ጢጥ ዝብል ድምጺ እናስመዐት፡ ናይ ተጠንቀቕ ምልክት ቀይሕ መብራህቲ ተብርህ። ብከላ ከባብያዊ ኣየር ንምክልኻል እውን፡ ብጸሓያዊ ጸዓትን ኤለትሪክን ንኽትሰርሕ ንነዊሕ ጉዕዞ ዘውሕስ ባትሪ ተገጢሙላ ኣሎ። እዛ ዘመናዊት ዓረብያ ምስኣ ዝሰማማዕ ሪሞት ተዳልዩላ ስለዘሎ' ተጠቀምቲ በዛ መሳርሒት መኣዝኖም እናስተኻኸሉ፡ ብውሑስ ናብ ዝመረጽዎ ቦታ ክጓዓዙ ጸገም ኣይህልዎምን። ንናይ ሕቜ ጸገም ዘለዎም ስንኩላን ኣብ ግምት ብምእታው እውን፡ ኣብ ነዊሕ ጉዕዞ ከይሽገሩን ጎቦ ኾይኖም ንኽዕርፉን፡ እቲ መጸግዒ ሕቜ ብሪሞት ከም ዝዝርጋሕን ዝዕጸፍን ጌርካ ከም ዝተዳለ እዮም እዞም ሃንደስቲ እዛ ፕሮጀክት ዘብርሁ።

እዞም ተመሃሮ ነዛ ዊልቸር ንምስራሕ ዘበገሶም ምኽንያት ክሕብሩ እንከለዉ፡ ነቶም ኣብ ዓውደ ኲናት ዝሰንከሉ ጀጋኑና፡ መርኣያ ተኻፊልቲ ሽግሮም ምኳና፡ ብዓቕምና እዛ ንተወፈይነቶም ዘይትበቅዕ ህያብ ኣበርኪትና ናይ ሕልና ዕጋበት ምርካብ ምኳኑ እዮም ዕላማ ፕሮጀክቶም ዘብርሁ።

*ሃብተገርግስ ተስፋማርያም (ጠዊል)*

# ድኻ ዲኻ ሃብታም፧

*መምህር ፍትሓዊ እስጢፋኖስ*

እስኪ ንኹቡሰኻ እዚ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ሕቶ ሕተታ። እወ ሃብታም ዲኻ ድኻ፧ ብዘይ ቀልዓለም መልሲ ኸኣ ሃብ። ኣብ ከምዚ ህሞት እቲ ቀዳማይ ኣብ ኣእምሮና ዝመጸና ሓሳባት ኣብ ጁባና ዘሎ ገንዘብ ክኸውን ባህርያዊ እዩ። ምኽንያቱ ኣብ ዝበዝሐ ጉዕዞ ህይወትና ንድኽነት ምስ ገንዘብ እናኣተሓሓዝናዮ ኢና እንነብር። እስኪ ሕራይ ይኹን፡ ብዘለካ ገንዘብከ ንኹቡሰኻ ከም ድኻ ዲኻ ከም ሃብታም ትፈልጥ፧ ክንደይ ዝኣክል ገንዘብ እዩ ሃብታም ዘብለካ? ኽንደይከ ድኻ የብል?

ድኻ ማለት መቸም ፈጺሙ ኣብ ኣብ ጁባኡ ገንዘብ ዘይብሉ ሰብ ማለት ኣይኮነን። ከማን ዝበዝሑ ንኣይ ዝገጥሙኒ "ሃብታማት" ኣብ ኢዶምን ኣብ ናይ ሞባይል ሕሳቦምን ገንዘብ ኣይሕዙን እዮም። እንሓንሳእ ኣብ ኢዶም ገንዘብ ስኢኖም ክሸገሩ'ውን ይስተብሃሉ እዮም። ሞባይሎም ሕሳብ ወዲኣ "ኣደውለኒ" ዝብሉ'ውን ገጢሞምኒ ኣለዉ። ብዘኾነ ናብ'ቲ መበገሲ ነጥቢ ንመለስ። መን እዩ ድኻ ዝብሃል፧

ልሙድ ዝኾነ፡ ግዳ ኣነ ፈጺመ ዘይቅበሎ መልሲ ከይትምልሱለይ እትሰፎ። ፍልጠት፡ ልቦና፡ ትዕግስቲ፡ ሞያ፡ መልክዕ፡ ቊርሲ፡ ምሳሕ፡ ድራር፡ ዓይኒ ብርኪ ወዘተ. ኣሎኒ እሞ ኣነ ሃብታም እየ ገለ ኸይትብሉ። እዚ ሕቶ እዚ ነንኹብስና ብምሕታት "ኣነ ድኻ'የ"፡ "ኣነ ድማ ሃብታም'የ" ኸም እንብል ፍሉጥ እዩ። ቡቲ ኹይኑ በዚ፡ እዚ ሕቶ ናይ ቀጻሊ ሕቶና ኮይኑ እዩ ዝሰምዓኒ። እዘን ዝስዕባ ሸውዓተ ነጥብታት፡ ገዛእ ኑብስና ኣበይናይ ምድብ ንምድባ ኽንፈልጥ ክሕግዛና ዝኽእላ ምኳነን፡ ሊቃውንቲ ናይ'ዚ ዓውዲ ብመጽናዕቲ ኣረጋጊጾሞ ኣለዉ።

**1 ድኻታት ሰባት ተለቪዥን ክዕዘቡ እንከለዉ ሃብታማት ግና መጽሓፍቲ የንብቡ።** እዚ ኣበሃህላ ብዙሕ ግዜ ሰሚዕካዮ ዕፍ ኢሉካ ኽኸውን ይኽእል እዩ። መጽሓፍ ክሳዕ ዘየንበብካ ግና ዋላ 100 ኢንች ተለቪዥን ትሃልወካ ፈቲኻ ጸሊእካ ድኻ ኢኻ። ብርግጽ ፈጺምካ ቲቪ ኣይትርአ ዝብሃል ምጉት ኣየልዓልኩን ኣለኹ፤ ኰይኑ ግን ንዘሎና ግዜ ኣብ ግምት ኣእቲና እሞ ንዛረብ። ክንደይ ሰዓታት ኢና



ኣብ ምዕዛብ ተለቪዥን ነሕልፎ፡ ክንደይ ካብ ግዜናኸ ኣብ ምንባብ መጽሓፍቲ። ዝኾነ ሰብ ንመርዓ ኣብ ዝሓስበሉ ግዜ ቀዳማይ ተለቪዥን ምስ መስቀሊኣ ደዩ ኽገዝእ ኣብ ኣእምሮኡ ዝመጽእ ወይስ መጽሓፍትን ኩበሒታትን፧ እዚ ሕቶ ተመርዒኹም ተለኹም ግርም ዘይተመርዓኹም ከኣ እንታይ ትሓስቡ እስኪ። ኣብ ወርሒ ኽንደይ መጽሓፍቲ ተንብቡ፧ ኣብ መዓልቲኸ ኽንደይ ናይ ቲቪ ግዜ ኣለካ እሞ ኣወዳድር፡ ሽዑ ንኹብሰኻ ድኻ ዲኻ ሃብታም መልሲ ክትረኽበላ ኢኻ ወይ ኢኺ።

**2 ድኻታት ሰባት ብግዜ ክኽፈሉ እንከለዉ፡ ሃብታማት ሰባት ድማ ብዝረኸቡዎ ውጽኢት።** ኣብ ወርሒ ኽንደይ ገንዘብ ከእቱ ኽኢለ ኢልካ ትሓስብ እንተ ደኣ ሃሊኻ፡ ንእትኽፈሎ ዘለኻ ገንዘብ ብግዜ ትዕይሮ ስለ ዘለኻ ክንዲ ኣየናይ ሃብታም ከይትኸውን። ኣብ ሓደ ትካል ንኽንድ'ዚ ሰዓታት ሰሪሐ ክንድ'ዚ ኽኽፈል ኣሎኒ ኢልካ፡ ንስራሕ ክትቀጽር እትሓስብ ሰብ እንተ ደኣ ኼንካ ብርግጽ ድኻ ኢኻ። ኣብ ዝሰራሕክዎ ስራሕ ቡቲ ዘመዝገብክዎ ውጽኢት እየ ክዕቀንን ክኽፈልን ዘለኒ ኢልካ እትሓስብ ሰብ እንተደኣ ኼንካ ግና ሃብታም ኢኻ እዩ ዝብል እዚ መነጻጸሪ ረቋሒ። ምኽንያቱ ሃብታማት ሰባት ብግዜ ዘይኮኑ ብዘኻዕበትዎ ውጽኢት እዮም ዝኽፈሉ። ክንደይ ዝኣክል ኣፍሪኻ እምበር ክንደይ ግዜ ሰሪሕካ ንዝብል መምዘኒ እምበኣር ካብ ኣእምሮኻ ኽትኣልዮ ይግባእ። ኣብ ሓደ ፎርኖ እትሰርሕ ናይ ሕብስቲ ኽኢላ እንተ ደኣ

ኼንካ፡ ኣርባዕተ ሰዓት ብምስራሕካ ዘይኩነ ኽፍሊትካ ኽኸውን ዘለዎ፡ ኣብ ሓንቲ ሰዓት ክንደይ ሕብሮቲ ኽፍሪ ኽኢለ ብዝብል ኣተሓሳስባ ኽትሓሰብ እንተ ደኣ ኽኢልካ ንስኻ ሃብታም ኢኻ። ንኣብነት ኣትለት ናሆም ኤርምያስ (ሰንዓፈ)፡ ኣብ ማራቶን ኣስመራ 2023 ንዘወሰዶ ስልማት ቡቲ ዘመዝገቦ ውጽኢት እምበር፡ ቡቲ ዝጉየዮ መጠንን ሰዓት ኣይኮነን ተኸፊሉ። ከምኡ እንተ ዝኸውን ካብኡ ንላዕሊ ግዜ ዝጉየዩ ኣትለታት ኣብቲ ውድድር ነቢሮም እዮም።

**3 ድኻታት ሰባት ዝጋጠሞም ስዕረት ንኻልእ ከመኽንዩ ኽለዉ፡ ሃብታማት ሰባት ግና ሓላፍነት ስዕረቶም ይወስዱ።** ናይ ድኻታት ሰባት ምኽንያት ድሑር ቀጠባ፡ መንግስቲ፡ ሓላፊ ዝሰርሓሉ ትካል፡ ዝቕመጦ ኸተማ፡ ጉረባብቲ፡ ኣዕሩኽ፡ ኮታስ እቲ ምኽንያት ካልኦት ሰባት እምበር ኣነ እየ ናይ ምባል ክእለት የብሎምን። እቲ ምኽንያት ፍሽለቱ ፍጹም ካብ ነብሱ ዘህድም ሰብ ብልክዕ ድኻ እዩ። ንስኻኸ እንታይ ተመኽኒ፤ ሃብታማት ሰባት ግና ሓላፍነት ዝተፈጥረ ፍሽለት ብምምርማር ጠንቂ ኣበይ ምህላዉ ብምልላይ ሓላፍነቶም ይዋጽኡ። ሃብታማት ሓላፍነት ገዚእ ጌጋኦም ይወስዱን ይቕበሉን እዮም። ንኣብነት ዝበዝሐ ኣብ ናይ ትምህርቲ ግዜና፡ ኣብ ፈተና ጽቡቕ እንተ ሰሪሕና "እዋእ ተኣምር'ዩ፡ ሰሪሐ ምሉእ ኣምጺኣ" ክንብል እንክለና፡ ትሑት ኣብ ዘምጻእናሉ ድማ "ክላእ እቲ መምህር ኣንጻረይ እንድዩ፡ ኮነ ኢሉ'ዩ ትሑት ነጥቢ ሂቡኒ ንብል" ዓርከይ ከምኡ ትብል ዘለኻ እንተ ሃሊኻ ድኻ ኢኻ።

**4 ድኻታት ኣብ ምዕቃብ፡ ሃብታማት ድማ ኣብ ወፍሪ ይኣምኑ።** ድኻታት ሰባት ኣብ ክንዲ ኣታዊታቶም ከዕብዩ ዝፍትኑ፡ ንዘለዋኦም ዝረኸብዎ ገንዘብ ኣብ ዝተፈላለየ መዓላ ንምውዓል ክመቓቕልወንን ብዝተኻእለ መጠን ንመጻኢ ክጠቕማኦም ምእንታን ከዋህልሉን እዮም ዝጽዕቱ። እዚ ግን ፍታሕ ኣየምጽእን'ዩ፤ ምኽንያቱ ናይ ኣታዊ እምበር ናይ ምውህላል ጸገም ኣይኮነን ዘለዎም። ሃብታማት ሰባት ብኣንጻሩ፡ ንዘለዎም ኣታዊ ብኸመይ ከዕብይዎ ይሓስቡ። ድኻ ገንዘብ መታን ክዕቅብ ኢሉ ኣብ ኣውደኣመት ክንዲ በጊዕ ደርሆ ኽገዝእ እንክሎ፡ ሃብታም ግና ኣብ ገዛ ደርሁ ብምፍራይ ናይ ኣውደኣመት በጊዕ ገዚኡ ኣውደኣመቱ የሕልፍ።

**5 ድኻታት ሰባት ኩሉ ዝፈልጡ ይመስሎም፡ ሃብታማት ሰባት ግና ቀጻሊ ይመሃሩ።** ኣብ ዝበዝሐ እዋን እቲ ርእይቶ ዝህብ ኣዝዩ ብዙሕ እናኾነ ዝኸደሉ ዘሎ እዋን ኢና በጺሕና ዘሎና። ድኻታት ሰባት ርእይቶ ኣብ ምሃብ ኣዝዮም ንፉዓት እዮም። ርእይቶ ምሃብ እተብዝሖ ግን ዘይትሰርሕ እንተ ሃሊኻ ድኻ ኢኻ'ሞ፡ ኣቋርጽ። ሃብታማት ሰባት ብኣንጻሩ ኹሉ ግዜ ኣብ ስራሕ ምስ ተጸምዱን ኣብ ቀጻሊ ምምሃርን ዝርከቡ እዮም። ቀዋሚ ዝብሃል ነገር ከም ዘየሎ ይኣምኑ እሞ፡ ኣብ ቀጻሊ ምምሃር ድማ ይህልዉ። ንዘለዎም ድሩት ፍልጠት ንምዕባይ ድማ ኣብ ቀጻሊ ጻዕርን ምንባብ መጻሕፍትን ይርከቡ።

**6 ድኻታት ገንዘብ ሱር ኩሉ ኽፉእ ነገር እዩ ኽብሉ እንክለዉ፡ ሃብታማት ግና ሱር ኩሉ ኽፉእ ነገር ድኽነት እዩ ይብሉ።** ሓደ ሓቂ ኣሎ፡ ንሱ ድማ ገንዘብ መሳርሒ ምኻኑ እዩ። ከም ኩሉ ካልእ መሳርሒታት ንገንዘብ ናብ ሕማቕን ጽቡቕን መዓላታት ዘውዕል እቲ ሰብ ባዕሉ'ምበር፡ እቲ ገንዘብ ኣይኮነን። ስለዚ ይብሉ ሃብታማት ገንዘብ ኣበይ ተውዕሎ ደኣሉ ዝፈላለ ኹይኑ ምበር፡ ሱር ኩሉ ኽፉእ ነገራት ድኽነት እምበር ገንዘብ ኣይኩነን። ካልእ ውህብ ኣብነት ንምዝራብ ኩሉ ሕብረተሰብ ዓለም ዋላ ንሕና ከም ሕብረተሰብን መንግስትን ድኽነት ንምጥፋእ እምበር ገንዘብ ንምጥፋእ ሰሪሕና ኣይንፈልጥን። እምነትካ እንታይ እዩ ኣነጽር እሞ፡ ድኻን ሃብታምን ምኻንካ ኽበርሃልካ እዩ።

**7 ድኻታት ኣብ ዕጫ፡ ሃብታማት ግና ኣብ ግብሪ ይኣምኑ።** ብዘይቀልዓለም ብዘይሓሶት መልሰ። ክንደይ ግዜ ሎተሪ ሓኺኽካ ኣሎኻ፤ ዝበዝሑ ሰባት ንዘለዎም ድኽነት ናይ ምዕዋት ተኽእልኦም ኣዝዩ ጸቢብ ምኻኑ እውን እናፈለጡ እንክለዉ ሎቶሪ ኣብ ምሕካኽ ይኣምኑ፤ ከምኡ ዲኻ ታ፤ ብኣቋራጭ ንምህብታም ዘይገብርዎ የለን። ዋላ'ውን ቀጻሊ ኸም ዘየዐውቶም እናፈለጡ። ዘለዎም ኣተሓሳስባ ካብ ድኽነት ናጻ ኽገብሮም ኣይክእልን እዩ። ነቲ ብሎቶሪ ኽውንንዎ ዝሓሰቡ ነገራት እናሓሰቡ፡ ኣብ ዘይተደልየ ሓሸውየ ይነብሩ። ሃብታማት ግና ብኣንጻሩ ዝኾነ ነገር ክኸውን እንተ ኾይኑ ኣነ ባዕለይ እየ ዝገብሮ። ኣነ ፈጣሪ ተኣምራት እየ። ሃብታማት ንነብሶም ከም ጸሓፍቲ መጻኢኦም ክሓስብዋ እንክለዉ፡ ድኻታት ግና ካልእ ሰብ ክጽሕፈሎም እሞ ንሳቶም ከኣ ኣርታዕቲ ኽኾኑ እዮም ዝደልዩ። ዝበዝሐ ድኻ ካብ ሰብ ይኸውን ካብ ካልእ ሰብ ክጽበ እንክሎ፡ ሃብታም ግና ብጻዕሩን ሓርኮትኮቱን ክነብርን ክህብትምን ይጽዕር። ሃብታም "ሃበኒ ህበይ ይገብር" ዝብል መትከል ወይ ሰረተ እምነት ይኽተል፡ ድኻ ኸኣ ይልምን።

እሞኸ ዝኸበርካ ኣንባቢ ድኻ ዲኻ ሃብታም፤

# እቲ ስድራይ "ዓብዩ" ዝበልዎ ሰብ

"ሰብ ከም ጨው ይጠዓም እዩ።" ዝበልዎ ሓቂ ዶ ይኸውን? ንሰብ ውሽጡን ውሻጠኡን ክትፈልጦ ክንደይ ዝኣክል ግዜ ኾን ይወስደልካ ይኸውን? ሰብ መዋእሉ ከም መቓብር ሕቡእን ምስጢራውን ዝኾነሉ እዋን ብዙሕ እዩ። "እዚ ኣምጺእዎ ዘሎ ጠባይ ዝፈልጠሉ ኣይኮንኩን። እዚ ኣምጺኡቶ ዘላ ጠባይ ዝፈልጠላ ኣይኮንኩን።" ዝብል ዘረባታት ኣብቶም ንነዊሕ ብሓዳር ዝቐጸሉ ሰብ ሓድር ክስማዕ እንከሎ፣ ፍጡር ወዲ ሰብ ኣማን ብኣማን ክትፍትሾ ዘይትኽእል መቓብር እዩ ካብ ምባል ወጻኢ ካልእ ክትብል ኣይትኽእልን።

ፈለማ ኣብ ገዛና ኣብ ዝመጽኣሉ እዋን፣ ግርማኡን ኣኩዳድናኡን ካብቶም ኣዝዮም ዝምስጡኒ ደቂ ተባዕትዮ እዩ። ቅድመኡ ኣብ ዝኾነ ይኹን እዋን ርእየዮ ስለ ዘይፈልጥ፣ "ኣበይ ዝኑብር ዘመድና ደኣ ኾይኑ?" ብምባል እየ ብሓሳበይ ኣሰላሲለ። ንዓይ ንሓዳር ዝተጠመተ ወዲ ምዃኑ ጨሪሱ ኣይተረድኣንን።

ኣምላኽ ይመስገን ኣተዓባብያይ ፍቕሪ ስድራን ርኽበትን ተሓዊስዎ ሕንቃቐ እዩ ነይሩ። ስድራይ ካብቶም ርኹባት ዝብሃሉ ብምንባሮም ዝመረጽኩዎ በሊዐ፣ ሰትየ፣ ተኸዲነ እየ ዓብየ። ወለደይ ኣብ ጸቕጥን ምፍርራህን ስለ ዘይኣምኑ፣ ዝነበረኒ ናጽነት ክገልጸልኩም ኣይክእልን። እዚ ሕሉፍ ናጽነት'ዚ ግና ዝያዳ ንወለደይ ክእዘዝን ከየጕህን ጠቒሙኒ እምበር ዘይሓላፍነታዊት ገይሩ ደገ ደገ ኣየበለንን። ስድራይ ስለዝኣምኑኒ ናጽነት ይህቡኒ ምንባሮም እፈልጥ ነይረ። እምነቶም ድማ እምነት ተለጊስሉ ሞሳ ክረክብ፣ ስለ ዝኣመኑ ከይጠዓሱ፣ ለይቲን ቀትርን እሕልዎ ነበርኩ። እዚ ኸቢድ ሓላፍነት ዘሰከመኒ ናይ ስድራይ ሓልዮት ኣዝዩ ጥንቅቕቲ ክኸውን ብሓጺሩ ኳንዩኒ እዩ። ከም መሓዙተይ ፍቕርን ዕርክነትን ኣይፈተንኩን። ኣብ ለይታዊ ትልሂት ይኹን ኣብ ካልእ መዘናግዒ ቦታታት ክንከይድ ብመሓዙተይ ዝቐርበለይ ዝነበረ ሕቶታት፣ "ኦ! ስድራኺ እንታይ ክብሉኺ?" ብዝብል ንስክፍታይን ሓልዮተይን ብዝገልጽ ስምዒት እምልሰሉ ነይረ። ንፍቕሪ ዝሓተቱኒ ኣወዳት ካብቲ ንስድራይ ዝሃብክዎ እምነት ዝፍንቱትኒ ይመስለኒ ብምንባሩ ኣብ ልዕሊኦም ዝነበረኒ ጽልኢ ተወዳዳሪ ኣይነበሮን። ጽልኢ ጥራይ ዘይኮነ ንእምነተይ ዝፍትኑ ልኡኻት ሰይጣን እሓስቦም ነበርኩ። ኣብ ዓለም ጽቡቕ ኣሎ እንተኾይኑ ካብ ስድራይ ጥራይ ዝርከብ'ዩ ዝመስለኒ ነይሩ።




"ካብቶም ዓበይቲ ገዛ'የም፣ ብዘይካ ጽቡቕ ሕማቕ ተሰሚዕዎም ኣይፈልጥን፣ እዚ ቦኽሪ ወደም ኣብ ምህሮን ፍልጠትን እዩ ጸኒሑ፣ ንሱን ርዝነቱን፣ ..." ሓደ ምሸት ድሕሪ እዚ ዝጠቐስኩልኩም ወዲ ገዛና በጺሑ ምምላሱ፣ ኣብ ቤትና ዝዓብለለ ዕላል ብዛዕባኡ ጥራይ ኮይኑ። ኣቦይ ኣብ ልዕሊኦም ዘውሕዞ ዝነበረ ናይ መጐሰ ቃላት ንመልኣኽ'ምበር ንሰብ እተዋህቡ ይመስሉኒ ኣይነበሩን። ኣደይ እውን ባህጋ ዝፈጥሩ ቃላት እናወሰኸት ኣብ ልዕሊ'ቲ ገዛና ዝመጽአ ወዲ ብኣድናቖት ትገልጽ ነይራ። ኣነ ድማ ኣብ ሞንጎኦም ኮይነ ዝተዘርበ ዘረባ እቘልብ። እቘልብ ጥራይ ዘይኮንኩ፣ ኣብ ውሽጠይ ብምኽምሳዕ ምስሊ ናይቲ ወዲ ኣብ ኣእምሮይ ክቐርጽ እጋደል። በቲ ዝደጋግሞ ዝነበረ ናይ መጐስ ቃላት ኣብ ውሽጢ ስምዒተይ ገለ ሓድሽ ነገር ክፍጠር ተፈሊጡኒ። እቲ ተምሳጥ ዝፈጠረለይ ወዲ ጓና ኾይኑ ከይርሕቀና ምእንቲ ዘመድና ክኸውን ብሂገዮ። ከምዚ ሓደ በዓል ገዛና ሰብ ክፈልጠካ ትብህጎ ምሒር ናብ ስድራና ክቐርብ ተመንየዮ። እዚ ይኹን እምበር ብዛዕባ መንነቱ ደፊረ ክሓትት ኣይከኣልኩን።

ዝቐጸለ ምሸት ኣእዛኒይ ዝናፍቖ ናይ ስድራይ ዕላል ክሰምዕ መንነት ናይቲ ኣብ ዓበይቲ ሰባት ዝመጽእ ዓቢ ስብ ብዕምቈት ክፈልጥ፣ ኣቦይን ኣደይን ናብ ዝነበርዎ ሳሎን ተጸንበርኩ። ንዓይ ምስ ርኣዩ ድዮም ኣቐዲሞም ዕላል ጀሚሮም ጸኒሖም ኣይፈልጥን ከም ምንጽኦተይ ኣብ ዝበህነ ዕላል ተጸንቢረ። ሽዑ ኣይፈለጥክዎን እምበር እቶም ናጽነተይ ክገፉ ዘይደልዩ ስድራይ፣ ነቲ ንቑም ነገር ዝሓሰቡዎ ወዲ ከይሕሰም የዳልዉኒ እዮም ነይሮም። ብሓቂ ድማ ሕጂ ክሓስቦ ከለኹ ናይ ወለደይ ልቦና ኣድንቖ። ከምቶም ሓድሓደ ወለዲ ቃልና ክሰማዕ ኣለዎ ብምባል ኣሎም ኣብ ዘይተዳለወትሉ መርዓ ከእትዉኒ ኣይደለዩን። ነቲ ዝደልየኒ ወዲ ብጽቡቕ እናልዓሉ ኣብ ልበይ ቦታ ክረክብ እዮም ተጋዲሎም። ሓቂ 'ሓይሸ ድማ ተዓዊቶም ክብል እደፍር። ዕላል ናይቲ ወዲ ክሰምዕ እየ እታ ምሸት ኣብ ሞንጎ ስድራይ ነይረ። ወለደይ ተረዲኦምም ግዲ ኾይኑ ትርግታ ልበይ ዘድመጸ ዕላል ኣዕሚቖም።

ኣብ መንጎ ዕላል ኣቦይ ብድድ ኢሉ ክትንስእ ረኣኽዎ። እቲ ዕላል ይቋረጽ ምንባሩ ገሚተ። "ንኻልኣይ ግዜ መዓስ ኮን ገዛና ይመጽእ" ዝብል ሓሳብ እናሓሰብኩ ክድቅስ ደድሕሪ ኣቦይ ተንሳእኩ።

"ሰምሃር ኻሊይ ጽንሕኒ" ደድሕሪኡ ምትንስኣይ ተዓዚቡ ኣድመጸ ኣቦይ። ብዘይ ዝኾነ ሰምዒት ተመሊሰ ተቐመጥኩ። ኣቦይ ገለ ህያብ ክህበና እንተ ኾይኑ ሰም ደቁ ጸዊዑ "ጽንሑኒ ምባል ልማዱ እዩ። ፋሲካ ይቀራረብ ብምንባሩ ንኽዳንየይ ኢሉ ገንዘብ ክህበኒ እዩ ብዝብል ተስፋ ምጽባይ ጀመርኩ። ኣቦይ ኣብ ኢዱ ክዳን ናይ ጓል ኣንስተይቲ ሒዙ ተመልሰ። ክሳብ ኣብ ኢደይ ዝህበኒ ዓይኒ ዓይኑ እጥምቶ ነበርኩ። ምሩጽ ባድላ ጓል ኣንስተይቲ ምስ መኻድንቱ ስረ። "ክትሕጎሲ ሰምሃር ጓለይ።" በለኒ ቅልጥፍ ኢሉ። ከም ትምኒቱ ብሓጎስ ተንሲአ ንኣቦይን ኣደይን ተንሲአ ብምስዓም ተሳለምክዎም። ባድላ ተኸዲነ ስለ ዘይፈልጥ ሆስተስ ክመስል ምኳነይ እናሓሰብኩ ጭድድ ፍንጭሕ ኢለ። "ስብሓት ንዓኺ ኢሉ ካብ ወጻኢ ዘምጽኦ ህያብ እዩ" ድምጺ ናይ ኣቦይ ንቡር ኣይነበረን። እቕበሎን ኣይቕበሎን ስለ እተጠራጠረ እዩ መሰለኒ ቃናኡ ፍርሃት ኣንጸባሪቑ።

"ኣቦ ስብሓት እንታይና ድዩ?" ኣብ ሰምዒተይ ዝኾነ ለውጢ ኣይነበረን። ኣብ ወጻኢ ዝቕመጡ ኣዝማድ ኣብ ዝመጽእሉ እዋን ህያብ ስለ ዘምጽኡ ክዳን ምቕባለይ ከም ፍሉይ ኣይረኣኽዎን።

"ስብሓት እንታይና ምኳኑ ቅድሚ ምንጋረይ..." ብምባል ኣዕረፈ ኣቦይ። ንቑም-ነገር ከም ዝደልየኒ ብኸመይ ከም ዝገልጸለይ ሓርቢትዎ ይኸውን። "ንኻልኣይ ዲግሪ ንወጻኢ ምስ ከደ እዩ'ምበር ንእሽቶ ከለኺ ይመጽእ ነይሩ። ብስጋ እኳ ዝምድና እንተ ዘይብልና መዋስብትና እዮም። ዕድለኛ ስለ ዝኾንኪ ንዓኺ ንቑም-ነገር ክሓትት እዩ ዝመላለስ ዘሎ። ንስኺ ትብልዮ'ምበር ንሕናስ ሓጎስና መሊኡ ፈሲሱ።" በለ። ኣደይ ዓይኒ ዓይነይ ጠመተትኒ። ሓቂ 'ሓይሸ ከምኡ ሓሳብ ስለ ዘይነበረኒ ብውሽጠይ ሰንቢደ። እንታይ ኢለ ከም ዝምልስ ኣይፈለጥኩን። ኣቦይ ግና ጽቡቕ ናይ ስብሓት ይገልጽ ነበረ። ሽዑ ክገልጾ ኣይከኣልኩን እምበር ድሕሪ ቁሩብ ምሕሳብሲ ትእዛዝ ስድራይ ከማልእ ምኳነይ ፈሊጠ። ካብ ስድራይ ወጻኢ ዝእዘዞ ካልእ ፍጡር የልቦን።

## 30 ነጥብታት ንሓጐስ

- ሕያዋይ ኩን ።
- ጥዑይ ተመገብ ።
- ኣካላዊ ምንቅስቓስ ኣዘውትር ።
- ምቕሉል ኩን ።
- እሙን ኩን ።
- ዑብዩ ሕልሚ ሕለም ።
- ዑቃል ኩን ።
- ኣይትፍረድ ።
- ክምስታ ኣይትፍለ ።
- ገዛእ ነብስኻ ኣፍቅር ።
- ይቕረ በሃሊ ኹን ።
- ኣመስጋኒ ኹን ።
- እወንታዊ ሕሰብ ።
- እኹል ማይ ስተ ።
- ኣብ ነብስኻ ተኣማመን ።
- ክፉት ኣእምሮ ይሃሉኻ ።
- ቀዳምነታትካ ኣነጽር ።
- ኣይተመኽኒ ።
- ጽቡቕ ናይ ካልኦት ተዛረብ ።
- ንኽትርዳእ ኢልካ ስማዕ ።
- መብጽዓ ኣይትጥለም ።
- ኣብ ሕጂ ኼንካ ፥ እቲ ዝበለጸ ግበር ።
- ነብሰ–ድስፕሊን ተለማመድ ።
- ናብ ብሩህ ኣንፈት ጠምት ።
- ቅንኢ ኣወግድ ።
- ንብድሆ ናብ ዕድል ቀይር ።
- ልብኻ ኣይትጉዳእ ።
- ዘማዕብሉኻ ኣዕሩኽ ምረጽ ።
- ክትልውጦ ንዘይትኽእል ነገር ኣይትጨነቐሉ ።
- እኹል ድቃስ ደቅስ ።

@Lewis Howes

ስድራይ ትብጸሕኩም ብምባል ብስራቶም ልኢኾም። ድሕሪ ሳልስቲ ማይ እትመስል መኪና ሒዙ ገዛና መጽኣ። ኩርዓቱን ርዝኑቱን እኳ ዘይድፈር እንተ ኾነ፣ ናይ ጽባሕ ብዓል ቤተይ ምዃኑ ብምሕሳብ ሌላ ክንገብር ንፈለማ እዋን ብሓንሳብ ንኸተማ ወጺእና። ማኪና ኣብ ሪጋ ዳንተ ደው ኣቢሉ ኩዳን ክንመርጽ ናብ እተፈላለዩ ቡቲካት ኣተና። ዘዘመረጽክዎ ዋጋ ሓቲቱ ገንዙብ ክኸፍል እንተ ዘይኮይኑ ርእይቶ ክሁብ ጽቡቕን ሕማቕን ኩብል ኣይሰማዕክዎን። ገዛዚእና ምስ ወዳእና ሻሂ ክስትየኒ ንኢንተር ኮንቲነንታል ወሲዱኒ።

“ንስብሓት ከመይ ረኺብክዮ? ኣብ ሶፋ ምስ ተቐመጥና ዝሓተተኒ ሕቶ ነበረት። ዝኾርኮሓትኒ ሕቶ ምንባራ ጨሪሰ ዝርስዓ ኣይኮንኩን። ትዕቢቱ ዝገልጽ ቃና ዝነበሮ ኮይኑ’ዩ ተሰሚዑኒ። “ጽቡቕ” በልክዎ ሕፍረት እና’ንጸባረቕኩ። ብውሽጠይ ጥርጣረ ከም ዝነበረኒ ግና ንብሰይ ክምስክር ኣይኣገምን። “ስብሓት መጽሓፍቲ ምንባብ እዩ ዝፈቱ።” በለኒ ኑብሱ ክገልጽ እናፈተነ። ኣቡቲ ዝነበሮ ዓዲ ዘሕለፎ ናይ ትምህርቲ ህይወቱ፣ ዘንበቦ መጽሓፍትን ዝሰርሖ ስራሕን ብዝርዝር ሓቢሩኒ። ብዛዕባ ፍቕርን ሓዳርን፣ ኣባይ ዘለዎ ኣረኣእያ ስለምንታይ ንሓዳር መሪጹኒ ክዛረብ ዝግብኦ ዝኾነ ቃላት ከይተዛረበ ቤተይ ኣብጺሑኒ ተመሊሱ። ምስ ከመይ ዓይነት ሰብ ከም ዝጸመድኩ እናገረመኒ። ንቐጻሊ ከምኡ ከይከውን እናሰጋእኩ፣ ንዝኾነ ከይሓበርኩ ውሕጥ ኣበልክዎ።

ስብሓት ኣጸቢቑ ክፈልጠንን ክፈልጦን ዕድል ከይከፈተ ግዜ መርዓና ተቓሪቡ። ኣቦይ እውን ስክፍታ ግዲ ኣሕዲሩ ኾይኑ፣ “ስራሕ እንድዩ ዘበዝሖ ኾይኑ” ብምባል ከመኽኒ ይፍትን ነይሩ። ኣብ ሓዳር ዝዓቢ ስራሕ ኣሎ ዶ ይኸውን? ዝብል ሕቶ ኣብ ውሽጠይ መጺኡ። ግና ተስፋ ክቖርጽ ኣይደለኹን። ስብሓት ኣብ ፍቕሪ ምስ ወደቐ ክግደሰለይ ምዃኑ እምነት ነበረኒ። ምኽንያቱ፣ ጽብቐትን ተፈታዊትን ምዃነይ ካብቶም ንፍቕሩ ዝሓተቱኒ ብዙሓት መንእሰያት ኣረጋጊጸ ነበርኩ።

መርዓና ብኹብ ዝበለ ደረጃን መዓርግን ሓሊፉ። ኩሉ ሰብ ይምርያእ’ኳ እንተኾነ ናተይ ግና ፍሉይ ከም ዝነበረ ብሓበን እምስክር። ናይ ስብሓት ነገር ግና ካብቲ ዝፈራሕክዎ ኣይወጻእኩን። ኣብ ልዕለይ ከም መርዓት መጠን ክብረት ኣየርኣየንን። ደረቕን ተንቀሳቓሲ ስእሊን ኣብ ንስኣለሉ ዝነበርና እዋን ዘምልቐም ዝነበረ ናይ ሓይሊ ቓል ትእዛዝ፣ ቬሎኺ ደርቢኺ ብረሪ ዝብል ስምዒት ዝፈጥሩ እዮም ነይሮም። “ኣቲ ንኻሜራ ማን ዘይትሰምዕዮ!” ይብለኒ ሓንሳእ። ሕሉፍ ሓሊፍዎ ክስሕበኒ ኩብል ንስክላ ምስ ቬሎይ ሰጢሑኒ ነይሩ።

ዕስለ ተዛዚሙ ናብ ዝተፈለየልና መሐጸኒ ክፍሊ ክኣቱ እንከለኹ ሓጎስ ዘይኮነ ስክፍታ እዩ ዓብሊሉኒ። ስብሓት ሕጂኸ ከኹብረኒ ድዩ? ብምባል ስግኣት ሓዲሩኒ። ሕጽኖት ኣሃዱ ኢልና ፈሊምናዮ። ስብሓት ዘንበቦም መጽሓፍቲ ደመ-ሰጋን ዓጽምን ናይ ህይወት ዘይብሎም ዓስከሬን ከይኮኑ ኣጠራጢሩኒ። ምስ ሰብ ድዩ ምስ እንስሳ ነይሩ ክሳብ ምጥርጣር በጺሐ። ዓለሙ ኣብ ውሽጡን ኣብ ገዛእ ርእሱን ዝኾልል’ምበር ኣብ ከባቢኡ ሰብ ከም ዘሎ ዘየስተብህል ምዃኑ ኣረጋጊጸ። ትምህርቱን ፍልጠቱን ምስ ህይወትን ምስ ሕብረተሰብን ዘወሃህዱ ኣይኮኑን። ስብሓት ኣብ ህይወትን ኣነባብራኣን መሃይም ምዃኑ ኣረጋጊጸ። ክልተ ዲግሪ ዘይኮነ ኣማኢት ናይ ድንቀ‘ርና መንጠሊና ክድርብ ግዜኡ ዘጥፍአ ኾይኑ ተሰሚዑኒ። ፍቕሪ ክሁበን ክቕበልን ዝኽእል ኣይኮነን። ንዕኡ ጓል ሰብ ምምጻእ፣ እቲ ወግዕን ካልኦት ዝገብርዎ ፍጻመ ከይተርፍን እምበር ኪንዮኡ ትርጉም ኣይነበሮን። ካልኦት ደረጃ ትምህርቲ ዘይወዳእኩን ካልኦት መጽሓፍቲ ዘየንበብኩን ክነሰይ፣ ኣብ ተመክሮ ህይወትን ኣነባብራን ካብ ስብሓት ኣዝየ እሓይሽ።

“እስከ’ቲ ክዳንኪ ኣውጽእዮ!” ሓደ ምሸት ክንድቅስ ከለና እተዛረበኒ እዩ። ከም ሓንቲ ኣመንዝራ ወይ ብገንዘብ ዝገዝኣ ሰብ’ምበር፣ ብዓልቲ ኪዳኑ ምንባረይ ዝተረድኦ ኣይመስልን። ስድራይ ዓቢ ዝቐጸርዎ ሰብ ካብ ክንቲት ዝፈኾሰ ኾይኑ ጸኒሑኒ። እቲ ዘገርም ግዜኡ ኣብ መጽሓፍ ምንባብ ዘሕልፎ ምዃኑ እዩ። ኣንፈት መገዲ ህይወት ዘየትሕዙ መጽሓፍቲ እንታይ ክዓብስሉ እዮም፣ እንድዒ። ዝኾነ ኾይኑ ንስድራይ ከየሕዝንን ተፋቲሓ ከይብሃልን ብትዕግስቲ ሓዳረይ ኣጽኒዐ ኣለኹ። እምበር ዓቢ ስብሲ ዓቢ ሓጥያት ክሸልመኒ ምዃኑ ሕጂ እውን ጥርጣረ የብለይን።

*ሰምሃር ጓል ኣስመራ*



# ንሓንጎልና ዘዕንዉ ልምድታት

ንኹሉ ክፋል ኣካላትና ዝቈጻጸር ሓንጎልና'ዩ። ግን ዝበዝሐ ዕለታዊ እኳይዶ ንጥፈታት ንሓንጎልና ዝጎድእ ምዃኑ ንፈልጥ ዶ? እቶም ገለገለ እንፍጽሞም እሞ ኸኣ ንሓንጎልና ነባሪ ጉድኣት ዘስዕቡ'ዮም። በዚ መሰረት ነዚ ሞተረን ወሳንን መላእ ኣካላትና ዝኾነ ህዋስ ብጥዑይ ክንሕዞ ይጽንሓልይ ዘይብሃሎ'ዩ። ጥዕና ሓንጎልና፡ ንሓንጎልና ዝጎድኡ ዕለታዊ ንጥፈታት ብምውጋድ ክንከታተሎ ንኽእል ኢና። ኣብ ናይ ሎሚ ትሕዝና ድማ ዕለታዊ እንካይዶም ንጥፈታት ግን ከኣ ማዕረ ኽንደይ ይጎድኡና ዘይነስተብለሎም ልምድታት ኢና ኽንዘርዝር። እዞም 12 ልምድታት ገሊኦም ኣብ መዓልቲ ብተደጋጋሚ እንፍጽሞም፡ ገለ ድማ ካብ ክልተ ንላዕሊ ልምድታት ብሓባር እንፍጽሞም እዮም። ሓደ ብሓደ ክንርእዮም ከገድሱና እዮም፥

## 1 ናብ ብርቱዕ ድምጺ ምቕላዕ

ብፍላይ እዞም ኣብ ከተማ እንቕመጥ፡ ንእዝንና መዓልታዊ ኢና ናብ ብርቱዕ ድምጺ እነቃልዖ። ናብ ድምጺ ማኪና ጥራሕ ነስተብህል። ክንደይ ሳዕ ብርቱዕ ድምጺ ማኪና ንሰምዕ? ከምኡ'ውን ንፈትዎ ሙዚቃ ክንሰምዕ ኢርፎን ንወዲ እንተ ኾይና፡ ባህ እናበለና እንተ ኣቋረጽናዮ ይሓይሽ። ዓው ዝበለ ሙዚቃ ብኤርፎን ምስማዕ፡ ንናይ ምስማዕ ጸጋና ክጎድኦ 30 ደቂቕ ጥራሕ'ዩ ዝወስደሉ። እዚ ንናይ ምስማዕ ዓቕምና ምጉዳእ ማለት ንሓንጎልና ኸ እንታይ ማለት'ዩ?

ስነ ፍልጠተኛታት ከም ዘረጋገጽዎ ናይ ምስማዕ ጉድኣት፡ ብቐጥታ መጉዳእቲ ተገንዘቦ የስዕበልና ምዃኑ'ዩ። ከምኡ'ውን ናይ ምስማዕ ምስንኻል ንናይ ሓንጎል ቲሹ ምጉዳእ ማለት'ዩ። ከምኡ'ውን ብሕማም ኣልዛይመር ናይ ምጥቃዕ ተኽእሎና ይዕብዮ'ዩ። ኤርፎን ገይርና ሙዚቃ ንሰምዕ እንተ 'ለና፡ እዝንና ነቲ ሙዚቃ ስለ ዝለምዶ መመሊስና ዓው ክንብሎ ኢና ንግደድ። ስለዚ ሙዚቃ ኣብ እንሰምዓሉ፡ ኤርፎን ካብ እዝንና ብምውጻእ ድሕሪ 30 ካልኢት መሊስና ነእትዎ። ማዕረ ኽንደይ ዓው ዝበለ ሙዚቃ ንሰምዕ ከም ዘለና ኽርድኣና'ዩ። በዚ መሰረት ሙዚቃ ብኤርፎን ክንሰምዕ ኣብ እንደልየሉ ዓው ክንብሎ የብልናን። ብዝተኻእለ መጠን እቲ ሙዚቃ ካብ 50% ክሓልፍ የብሉን። ከምኡ'ውን ንነዊሕ ሰዓታት ኤርፎን 'ተዘይተጠቐምና ይምረጽ።

## 2 ነዊሕ ሰዓታት ኣብ ጸልማት ምሕላፍ

ንዝበዝሐ ሰብ ኣብ ህስስ ዝበለ ብርሃን ዘለዎ ማለት ዲም ላይት ግዜ ምሕላፍ ባህ ይብሎ'ዩ። ከምኡ'ውን መብራህቲ ኣጥፊእካ ተለቪዥን ምዕዛብ፡ ኮምፒተር ወይ ሞባይል ምጥቃም ደስ ዝብለና'ዩ። ይኹንምበር ኣካላትና ተፈጥሮኣዊ ብርሃን ካብቲ ዝደልዮ እዩ። ስለዚ ኣብ ጸላም ነዊሕ ሰዓታት ምሕላፍ ጸቕጢ ከም ዝስምዓና ብምግባር ሓንጎልና ኸም ዘንቆልቁል ይገብሮ።

## 3 ድኹም ምርጫ ኣመጋግባ

ዝተመጣጠነ ምግቢ ምምጋብ ሓንጎልና ክሳዕ እቲ ዝለዓለ ዓቕሙ ንኽሰርሕ ይሕግዞ'ዩ። ስለዚ ገለ ገለ ምግብታት ሓንጎልና ብዝበለጸ ንኽዓዪ ወይ ዕዮኡ



ከሰላስል ዝሕግዞ ክኾኑ እንከለዉ፡ ገለ ገለ ምግብታት ድማ ብኣንጻሩ ከም ዝኸውን ይገብርዎ። ንኣብነት ገፊጥመፊጥ ምግቢ (ጃንክ ፉድ)፡ ልዑል ዓቕን ሽኮር ካብቶም ኣእምሮና ከም ዝዝሕተል ዝገብሩ ምግብታት'ዮም። ብተወሳኺ እዞም ምግብታት ምኽሳዕን ዝተፈላለየ ዓይነት ካንሰርን ከምጽኡልና ስለ ዝኽእሉ፡ ንኣካላትና ብሓፈሻ ንሓንጎልና ድማ ብፍላይ ጎዳእቲ ምግብታት ምዃኖም ፈሊጥና 'ተዘይ ኣዘውተርናዮም ይምረጽ።

## 4 ምትካኽ ሽጋራ

ብዙሕ ግዜ ኣሉታዊ ጎድኒ ወይ ሳዕቤን ናይ ምትካኽ ሽጋራ ክግለጽ ሰሚዕና ኢና። ምትካኽ ሽጋራ ምስ'ቲ ኹሉ ዘለዎ ኣሉታዊ ሳዕቤናት ኣብ ምንቁልቋል ዕዮ ሓንጎል'ውን ዝለዓለ ተራ'ዩ ዝጻወት። ምትካኽ ሽጋራ ናብ ሓንጎል ዝኸይድ ዋሕዚ ኣኮስጅን ከም

ዝሰናኽል ስለ ዝገብር ሓንጎልና በቲ ጉቡእ ዓቐን ንኺይዓዪ ይዕንቅጾ።

## 5 ብዙሕ ዓቐን ኣልኮላዊ መስተ ምስታይ

ውሑድ ዓቐን ቢራ ወይ ነቢት ምስታይ ኣይኮነን። ውሉፍ ምዃንዩ እቲ ዝገደደ ሳዕቤን። ብዙሕ ዓቐን ኣልኮላዊ መስተ ቀጻሊ ምስ እንሰቲ ኣብ ኣካላትና ሕጽረት ቫይታሚን ቢ ዋንን ማግኔዥየምን ከም ዝህልወና ይገብር። ሕጽረት ቢ1 ድማ ምድንጋር፡ ምጥፋእ ናይ ምዝካር ዓቕምና፡ ምጉዳል ኣእምሮኣዊ ንቕሓትን ስምዒትን ከም ዝህልዎና ይገብር። እኹል ማግኔዝዝየም ምስ ዘይህልወና ድማ ጸቕጥን ምምዝባልን የስዕበልና። ነዞም ክልተ ደሚርና ምስ እንምልከቶም ድማ ኣልኮል ኣብ ሓንጎልና ክንድ ምንታይ ዕንወት ክፈጥረልና ከም ዝኽእል ንርዳእ።

## 6 ተዓዚምካ ወይ ኮፍ ኢልካ ናብራኻ ምስልሳል

ንዝተወሰነ ግዜ ኣብ ሳሎን ኮፍ ወይ በጥ ኢልካ ምዝናይ ጸገም ዘለዎ ኣይኮነን። እኳ ድኣ ንጥዕናናውን ኣዝዩ ጽቡቕ። ይኹን እምበር ምሉእ መዓልቲ ኮፍ ኢልካ ስራሕካ ምስልሳል ኮነ ምዝንጋዕ መላእ ኣካላትና ሓንጎልና ሓዊስካ ጉዳእዩ። ዘይንጡፍ ህይወት ምስልሳል ከም ሽኮርን ሕማም ልብን ዝኣመሰሉ ዝተፈላለዩ ሕማማት ምምሕዛው ማለትዩ። እዚ ኸኣ ብቐጥታ ምስ ናይ ሓንጎል ምሕማም ዝተተሓሓዘዩ። ስለዚ ብውሕዱ ዕለታዊ ሓድሽ ንፋስ ንምርካብ ክንቀሳቐስ ኣለና። ብዝያዳ ዝተንቀሳቐስናሉ ሓንጎልና ዝያዳ ንኽጥዕይ ንገብር ኣለና።

## 7 ኣብ ሓደ ግዜ ብዙሕ ዕዮ ምስልሳል

ኣብ ሓደ ግዜ ክልተን ልዕሊኡን ስራሕ ምዕያይ ጽቡቕ ይመስለና 'ተጻኒሑ ተጋጊና ኣለና። መጽናዕትታት ከም ዘረጋገጽዎ ኣብ ሓደ ግዜ ብዙሕ ዕዮ ዘሰላስሉ ሰባት ንሓንጎሎም ይጎድእዎ ምዃኖምዩ። እዚ ዝኾነሉ ሓንጎል፡ ንስምዒታዊ ምቍጽጻር፡ ውሳነ ምሃብ ካልኦትን ዝኣመሰሉ ነገራት ምስ ተጸምደ'ዩ። ኣብ ሓደ ግዜ ብዙሕ ዕዮታት ኣብ ነሰላስለሉ ግዜ ድማ ሓንጎል ነዞም ስርሓት ኣብ ሓደ ግዜ ኺተግብሮም ስለ ዝግደድ ንኽውጠርን ክውሓጥን ይግደድ። በዚ ኸኣ ጉድኣት የስዕበሉ።

## 8 እኹል ድቃስ ዘይምድቃስ

ድቃስ ንጥዕና ሓንጎልና ኣዝዩ ኣገዳሲ'ዩ። ድሕሪ ነዊሕ ድኻም እንረኽቦ ድቃስ ንሓንጎልና ጽቡቕዩ። ክንደቅስ ምስ ዘይንኽእል ግን ሓደገኛ ይኸውን። እኹል ድቃስ ዘይምድቃስ ናይ ሓንጎል ዋህዮ ከም ዝሞቱ ብምግባር፡ ናይ ምዝካር ክእለት ብምጥፋእ ሕማም ኣልዛይመር ከስዕበልና ይኽእል። ስለዚ ብዝተኻእለ መጠን መዓልታዊ 8 ሰዓታት ክንድቅስ ክንክእል ኣለና።

## 9 ሓሚምካ ከለኻ ምስራሕ

ምናልባት ሓሚምካ ከለኻ ምስራሕ ፍቕሪ ስራሕ ወይ ትግሃት ገይርና ኽንወስዶ ንኽእል ኢና። ብርክት ዝበሉ ሰባትውን ንትምህርትን ስራሕን ክብሉ መስዋእቲ ዝኸፍሉ ኣለው። እንተ ኾነ ንትምህርትን ስራሕን ብምባል ሓሚምና ኸለና ክንሰርሕ ምስ እንመርጽ ንሓንጎልና ናብ ዝኸፍኣ ደረጃ ንወስዶ ኸም ዘለና ንረዳእ። ምኽንያቱ ኣብ ግዜ ሕማም መላእ ኣካላትና ሓንጎልና ሓዊስና ማለትዩ ናብ ፍወሳዩ ዘድህብ። ኣብዚ ግዜ ስራሕ ወይ ዝኾነ ዕዮ ምስ እነምጽኣሉ ሓንጎልና ኣብ ርእሲ ናይ ፍወሳ ካልእ ስራሕ ክሰርሕ ንግድዶ ኣለና ማለትዩ። ኣብ ሓደ ግዜ ንኽልቲኦም ክፍጽም ድማ ይሸገር። በዚ ኸኣ ይጉዳእ።

## 10 ኣበራብርቲ ዘይኮኑ ንጥፈታት ምስልሳል።

ልክዕ ከም ጭዋዳታትና፡ ንሓንጎልናውን እንተ ዘይኣንቀሳቒስናዮ ምዕምጻጹ ዘይተርፎ'ዩ። ዝተኻየደ መጽናዕቲ ከም ዝሕብሮ፡ ምስ ሰብ ዘይዕልሉ ሰባት ወይ ቀኍጥባት ንወሃዮ ሓንጎሎም ድቁሳት ብምግባር ንሓንጎሎም ጉድኣት የወርደሉ። ስለዚ ተገንዛባይ ዓቕሚ ሓንጎልና ኽንዕቢ፡ ምንባብ፡ ዝተፈላለይ ፓዝላት ምስራሕ ምስ ሰባት ምውጋዕ ክነዘውትር ኣለና።

## 11 ርእስኻ ብኾበርታ ወይ ኣንሶላ ሸፊንካ ምድቃስ

መቸም ብኾበርታ ወይ ኣንሶላ ርእሰኻ ሸፊንካ ምድቃስ ምቹእ ምዃኑ ኣየከራኽርንዩ። ይኹን እምበር ርእስና ሸፊንና ምስ እንድቅስ እንወስዶ መጠን ኦክስጅን ኣውሒድና መጠን ንስሕቦ ካርቦን ዳይኦክሳይድ ንውሰኽ ከም ዘለና ይረድኣና። ብብዝሒ ካርቦን ዳይኦክሳይድ ምስሓብ ድማ ኣሉታዊ ጽልዋ ኣብ ሓንጎል እዩ ዘለዎ። ሓንጎል ብግቡእ ክሰርሕ እኹል መጠን ኦክስጅን ስለ ዘድልዮ ርእስንና ሸፊና ካብ ምድቃስ ንቘጠብ።

## 12 እኹል ማይ ዘይምስታይ

እኹል መጠን ማይ ምስታይ ኣካላት ብግቡእ ክሰርሕ ምሕጋዝ ማለትዩ። ማይ ውሽጣዊ ኹነታት ኣየር ኣካላትና ኣብ ምስትኽኻል ዘለዓለ ግደ'ዩ ዘለዎ። እኹል ማይ ምስ ዘይንሰቲ ድማ ኣካላትና ግቡእ ኣገልግሎት ካብ ምስራሕ ይዕንቀጽ። ከምኡ'ውን ኣተኩሮ ምግባር፡ ምዝካር ዘሸግረና ተግባር ይኸውን። ስለዚ ሓንጎልና ብጥዑዩ ክንሕዞ ተመሪጽና፡ ስሩዕን እኹልን መጠን ማይ ክንሰቲ ክንክእል ኣለና።

***ኣብርሃም የሃንስ (ወዲ ዕቋር)***

***እዚ ተወርዋሪ ሓይሊ***



# ተመኩሮ ቻይና ኣብ ምዝማን ምህዞታት ተክኖሎጅን ምምንጫው ኑክልየሳዊ ጸዓትን

ብሃብተገርግስ ተስፋማርያም (ጠዊል)

ሃገራት ምዕራብ እዚ ሕጂ በጺሐናኦ ዘለዋ ምዕባለ ተክኖሎጂ ክበጽሓ ልዕሊ 200 ዓመት ከም ዝወሰደለን እዩ ዝግለጽ። ሓያለ ኣብ ምምዕባል ዝነበራ ሃገራት ድማ ደይ መደይ ኢለን መንእሰያተን ናብ'ዘን ሃገራት ብምስዳድ፡ ነቲ ዝተበጽሐ ተክኖሎጂያዊ ሞያ ብግብሪ ከም ዝፈልጥዎን ከም ዝምኮርዎን ብምግባር፡ ምስ ባህልን ክብርታትን ሕብረተሰበን ኣዛሚደን ክሰርሓሉ ጀሚረን። ብዘማዕበልኦ ተክኖሎጂ ድማ ተወዳደርቲ ክኾና በቒዐን።

መራሒ ሃገረ ህንዲ ማህተማ ጋንዲ፡ ኣብ ሃገረ እንግሊዝ ዝለዓለ ትምህርቱ ዛዚሙ ናብ ሃገሩ ብዝተመልሰ፡ ወድይዎ ዝመጸ ባድላ ሱፍ ደርብዩ፡ ባህላዊ ክዳን ሃገሩ ድሕሪ ምውዳይ፡ ነፍሲወከፍ ህንዳዊ፡ ዘመናዊ ተክኖሎጂ ምዕራባውያን ምስ ባህልን ልምድን ሃገሩ ብዘይጋጮ ኣዘሚኑ ክግልገለሎም'ዩ ዕቱብ ትእዛዝ ኣመሓላሊፉ። እንሆ ኸኣ ህንዲ ዝቐድሓቶም ተክኖሎጂታት ከም ዘለዎ ዘይኮነ፡ ምስ ባህልን ልምድን ማሕበረሰብ ህንዲ ከም ዝቃዶ ብምግባር፡ መሃዚትን ኣፍራይትን ዘመናዊ ተክኖሎጂ ክትከውን በቒዓ ዘላ። ተመኩሮ ጃፓንን ኮርያን'ውን ተመሳሳሊ'ዩ።

ንሕና'ውን ተሞኩሮ ናይ'ዘን ልዒልና ዝጠቐስናየን ሃገራት ክንክተል ከድልየና እዩ። ዝበዝሑ ኣብ ወጻኢ ዝቕመጡን ኣብ ወጻኢ ተወሊዶም ዝዓበዩን ኤርትራውያን መንእሰያት፡ ብሃገራውነቶም ክሕበኑን፡ ዘለዎም ብሉጽ ነገር ንሃገሮምን ህዝቦምን ገጸ በረኸት ከበርክቱን ክወራረስ ዝጸንሐ ብሉጽ ክብርታት ኮይኑ ክቐጽል ጸኒሑን ኣሎ። ኣብዚ ንኹሉ ተጻብኦታት መኪትና ናብ ልምዓት ንምርሻሉ ዘሎና መድረኽ፡ ረኺቦሞ ዘለዉ ፍልጠትን ሞያን ናብ ረብሓ ሃገሮም ከውዕልዎ ምኺኖም ድማ ጥርጥር የልቦን። ኣብ ውሽጢ ዓዲ እውን እንተ ኾነ፡ ኣብ ፈስቲቫላት ብመንእሰያት ክቐርብ ዝጸንሐ ምህዞኣውን ፈጠራውን ስርሓት፡ ጽባሕ ናብ ከመይ ዝመሰለ ምዕቡል ተክኖሎጂ ክቕየር ምኻኑ ምግማቱ ዘሸግር ኣይኮነን።



ተክኖሎጂ ጫፍ ምዕባለ በጺሑ ኣብ ዝበሃለሉ ግዜ ንርከብ ምህላውና ዕድለኛታት ኢና። ዘሎ ተክኖሎጂ ቀዲሕና ብምዝማን ኣብ ረብሓና ከነውዕሎ፡ ከምቲ ንሃገራት ኣውሮጳ ኣማኢት ዓመታት ዝወሰደ ንውሓት ግዜ ኣይኮነን ክወስደልና። ከምቲ ብዓል ጃፓን፡ ኮርያን ቻይናን ዝተጠቐማሉ ሜላ፡ ነቲ ብዙሓት ሊቃውንትን ተመራመርትን ዘፍረይዎ ምህዞታት ምስ ኩነታትና ኣዘሚንና ክንጥቀመሉ ዝእግም ነገር ከምዘየሎ ተገንዚብና፡ ክንምርሽ ይግባእ።

ካብዚ ብምቕጻል እምበኣር፡ ናይ'ታ ኣብዚ ሕጂ እዋን ብኣፍራይነታ ኣብ ቅድመ ግንባር ተሰሪዓ ብኣብነት እትጥቀስ ዘላ ሃገረ ቻይና፡ ምስ ገለ ኻብቶም ናብዚ ሕጂ በጺሓቶ ዘላ ደረጃ ክትበጽሕ ዘኽኣልዋ ተክኖሎጂታትን ተበግሶም ዘላ ሓደስቲ ምህዞታትን ክንላለ።

ቻይና ኣብ 2016 ጥራይ ካብ 1.2 ሚልዮን ንላዕሊ ስማርት ስልኪ ኣፍርያ። እዚ ኣብ ዓለምና ካብ ዘለዋ ሸየጥትን ዓደግትን ሃገራት፡ ኣብ ቀዳማይ ተርታ ሰሪዕዋ ይርከብ። እቲ ንስማርት ስልክታት ዘንቀሳቕስ ማይክሮ ቺፕስ ካብ ወጻኢ እያ ክትሽምቶ ጸኒሓ ዘላ። ኣብ ቀረባ መጻኢ ባዕላ ክተፍርዮ ድማ ኣብ ዘየቋርጽ ፈተነ ትርከብ ኣላ። ባን ዜንጋንግን መሳርሕቱን ምስ'ቲ ዝቐልጠፈ 5G መራኸቢታት ዘገልግል ማይክሮ ቺፕስ ንምፍራይ ተበጊሶም ኣለዉ። እዚ ክሰርሕዎ ተበግሶ ወሲዶምሉ ዘለዉ ናይ ስማርት ስልኪ ሓንጎል፡ ካብ'ቲ ኣብ'ዚ እዋን ዝቐልጠፈ ዝበሃል ዘሎ 4G ማይክሮ ፕሮሰሰር ብ10 ዕጽፊ ክቕልጥፍ ትጽቢት ይግበረሉ ኣሎ። እዚ ኣብ ፍርቂ ሰንቲ ሜትር ስፍሓት ኣብ ዘለዎ ኣቕሓ ዝስረት 5G ፕሮሰሰር፡ ካብ 1 ክሳዕ

10 ቢልዮን ትራንዚስተራት ዝሓቖፈ እዩ። እዞም ኣፍረይቲ ኮምፒተር ቺፕስ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ንጥፈታት ዘገልግል ዝለዓለ ብቕዓት ዘለዎ፡ ንናይ ዘመናዊት ባቡር መቀላጠፍን ኣብ ናይ ኤለትሪክ መካይን ዘመናዊ ሞባይል ስልክታትን ዝግጠም፡ 5ይ ወለዶ ቺፕስን ንምፍራይ ይሰርሑ ኣለዉ። ብሓፈሻ ናይ 5ይ ወለዶ ዘበን ይቀላቐል ስለዘሎ፡ ነዚ ኢና ኸኣ ንዳሎ ዘለና ይብሉ፡ እዞም ጻዕራማት ሰብ ተስፋ።

ቻይና ብተወሳኺ ዓብዪ ቆላሕታ ሂባ ትንጥፈሉ ዘላ ዓውዲ “ኣቭየሽን” እዩ። እቲ ድሮ ስራሕ በዚሕዎ ዘሎ ሰማያት ቻይና ዝያዳ ክጽዕቆ እዩ። ባንኮክ ኣብ ሓደ እዋን ክሳዕ 3 ሽሕ ዝኾኑ ነፈርትን 1.6 ሚልዮን ዝኾኑ ተሳፈርትን ዝግልገሉላ ስፍራ እያ። መብዛሕትኦም እዞም ነፈርቲ ኣብ ኣሜርካን ኤውሮጳን ዝፈርዩ እዮም። ቻይና ኸኣ ነዚ ንምቕያር እያ ተበጊሳ ዘላ። ኣብ ውሽጢ ሃገር ዝግበር በረራታት በብግዚኡ እናወሰኸ ይመጽእ ስለ ዘሎ፡ ኣብ ቀጻሊ 20 ዓመታት፡ ኣብ ውሽጢ ሃገር ንዝግበር በረራታት ዘገልግሉ ብዝሒ ነፈርቲ፡ ናብ 6 ሽሕ ክዓቢ ይኽእል'ዩ ዝብል ግምታት እዩ ዘሎ። እዚ ጠለብ ከኣ፡ ንቻይናውያን መሃንድሳት C919 ዝተባህለት ነፋሪት ንኽሰርሑ ኣበራቢርዎም ኣሎ። እዛ ነፈራት ክሳብ 1 ሚልዮን ዝኸውን ክፍሊ ኣካላት ክህልዋ እዩ፡፡ ነፍሲወከፍ ክፍሊ ኸኣ፡ ኢንዱስትሪ ዓለማዊ ኣቭየሽን ዝሓቶ መምዘኒ ብቕዓት ዘማልአ እዩ በሃልቲ'ዮም፡ ሃንደስቲ ናይ'ዛ ናይ ህዝቢ መጓዓዝያ ነፋሪት። ኣብ ቅድሚት ፓይሎትን ተሓባባሪኡን ዝርከብሉ ክፍሊ፡ ብብዝሒ ኤለክትሮኒካዊ መሳርሒታት ተዋዲዱ ስለ ዘሎ፡ ክሳዕ 200 ዝኾኑ ሶኬታት ተገጢሞምሉ ኣለዉ። C919 ልዕሊ 10 ሽሕ፡ ክሳዕ 80 ኪሎ ሜትር ዝበጽሕ፡ ብሰብ ሞያ ዝተገጥሙ ናይ ኤለትሪክ ገመድ ትውንን፡፡ ኣብ መጠረሽታ ኣብ ክፍሊ ፍተሻ ምህንድስና እዛ ነፋሪት፡ ኣብ 4500 ጫማ ብራኸ፡ 178 ኖት ማለት 99 ኪሎ ሜትር ኣብ ሰዓት ብዝኾነ ፍጥነት ኣብ ትበረሉ ኩነት፡ ኣብ'ቲ ዘመናዊ ተክኖሎጂ ቨርቸዋል ሪያሊቲ ዝዓጠቐ ምስለ በረራ ስፍራ ትፍተን። እዚ ወሳኒ ናይ በረራ ፈተነ፡ ኣብ ተደናገጽቲ ሃገራት ከነካይዶ ስለ ዘይመርጽና፡ ናይ ባዕልና ኣማዕቢልና በሃልቲ'ዮም ሃንደስቲ እዛ ነፋሪት። ኣብዚ ናይ ምስለ በረራ ናይ ፈተና ነፍሪ፡ ኣብ መቆጻጸሪ ክፍሊ ብዝምዝገብ ውጽኢት እያ እዛ ነፍሪት ትምዘን። ከምዚ ዓይነት ፈተነ ኣብ ሰማይ እናበረረት ምክያዱ ዋጋ ስለ ዘኽፍል፡ መሃንድሳት ናይ'ዛ ኣውሮፕላን፡ በዚ ኣገባብ ብቕዓት እዛ ነፋሪት ምፍታሽ ክኢሎም ኣለዉ። ኣብዚ ምስለ በረራ ኩነታታት ድሕነት ምስ ተረጋገጸ ኸኣ፡ ብመንገዲ ኣብ መሬት ዘሎ መቆጻጸሪ ክፍሊ፡ ናይ መጠረሽታ ብሓቀኛ በረራ ኣብ ሰማይ ፍተሻ ይግበረላ። እዛ ክንድ'ዚ ዝኣክል ፍተሻ ዝተኻየደላ ነፋሪት፡ ኣብ ናይ ቻይና ኣቭየሽን ዝለዓለ ተቐባልነት ከም ዝህልዋን፡ ኣብ ቻይናን ኣብ ካልኦት ሃገራት ዓለምን እውን፡ ብቑዕ ኣገልግሎት ክትህብ ከም ትኽእልን እዮም ሃንደስቲ C919 ብርእሰ-ምትእምማን ዝሕብሩ። ኣብ ምፍራይ እዛ ነፋሪት ካብ 200 ንላዕሊ ኢንተርፕራዘራትን ክሳዕ 2000 ዝበጽሑ ሰብ ሞያን ምስታፎም እዩ ክፍለጥ ተኻኢሉ ዘሎ።

ቻይና ኣብ ውሽጢ እዚ 30 ዓመት ብዝገበረቶ ሓያል ጻዕሪ፡ ኣብ ዓውዲ ኣፍራይነት ናይ ዓለምና ግንባር ቀደም ክትከውን በቒዓ ኣላ። እዚ ኸኣ ዓቢ ቀረብ ናይ ጸዓት ይሓታ። ኣብ ዓመት ክሳዕ 6 ትርልዮን ኪሎዋት ኣብ ሰዓት ዝኣክል ጸዓት ትጥቀም፡፡ እዚ ዝኣክል ጸዓት ብቐንዱ ካብ ናይ እምኒ ከሰል ምጥቃም ማለት ከኣ፡ በካሊ ጋዝ ካርቦን ዳይኦክሳይድ ምርባሕ እዩ። ኣብ 2016 ብከላ ከባብያዊ ኣየር ምውሓድ ዝብል ናይ ፓሪስ ስምምዕ ዝፈረመት ቻይና ኸኣ፡ መብጻዓኣ ካብ ምኽባር ድሕር ስለ ዘይትብል፡ በካሊ ናይ ከሰል ጸዓት ካብ ምጥቃም ንኽትገላገል፡ ናይ ኒኩለር ሓይሊ ምጥቃም ካብ ቀዳሞት ምርጫታታ ሰሪዓቶ ኣላ። ምምንጫው ናይ ኒኩለር ሓይሊ ዝኾነ ይኹን ካርቦን ዘይዝርግሕ እኳ እንተ ኾነ፡ ኣብ ናይ ድሕነት ጉዳይ ግን ልዑል ጥንቃቐን ኣተኩሮን ዝሓትት እዩ። ኑክለር ቪዥን ልዑል ጸዓት የመንጭው
















ዝብሉ ናይ ቻይና መሃንድሳት ከም ዝገልጽዎ፡ ብሃፋ ማይ ተሓጊዞም ብዘሽከርክሩን ዝዞሩን ተርባይናት ዝምንጩ ኑክለር ጸዓት፡ ካብ ቁጽጽር ወጻኢ እንተ ኾይኑ፡ ከስዕቦ ዝኽእል ሓደጋ ኣዕናዊ እዩ። ስለዚ ሓደጋ ብዘየስዕብ መንገዲ ክስርሓሉ ስለ ዘለዎ፡ ንሕና ኸኣ ነዚ ዘፈጽም መሳርሒ ኢና ምሂዝና እዮም ዝብሉ እዞም መሃድሳት፡፡ እዚ ኣብ 10 ሽሕ ካሬ ሜትር ዝተደኮነ ፋብሪካ፡ ሓደስቲ ናይ ኑክለር ሓይሊ መመንጨውቲ ኣካላት የፍሪ። ብሓፈሻ እዚ ትካል፡ ኣብ ዓመት 6 መመንጨዊ ኒኩለር ፋብሪካታት ንምትካል ዘድልዩ ንብረት እዩ ዝቕርብ። ቻይና እዚ ዓይነት ተሓዳሲ ጸዓት ክትጥቀም ከላ፡ ብውሕዱ 13.8 ሚልዮን ቶን ዝኣክል ካብ ምጥቃም ከሰል ተጐድል፡፡

እዛ ብስፍሓት ምብዛሕ ሓምላይ ደሴት ንብዙሓት ሃገራት ኣብነት ትኸውንን ብኣርኣያነት እትግለጽን ሃገረ ቻይና፡ ኣብ ሰሜናዊ ምብራቕ ዝርከብ ዝዓበየ መመንጨዊ እምኒ ከሰል ማዕድን ዓጽያ፡ ናብ ሓምላይ ደሴት ብምቕያራ፡ ቁጽሪ በጻሕታ ካብ ዕለት ናብ ዕለት እናሰሰኑ ይመጹ ኣለዉ። ዌስት በት ኣብ ሓደ ወቕቲ፡ ኣብ ኤስያ ዝዓበየ ናይ እምኒ ከሰል መመንጨዊ ተባሂሉ ዝንገረላ ዝነበረት ስፍራ፡ ንናይ ፋጂቲን ኤኮኖሚ ቀንዲ ምንጪ ዝነበረት እያ። ካብ 1940 ጀሚሩ ንብዙሕ ዓመታት ናይ እምኒ ከሰል መመንጨዊኣ፡ ንናይ ቻይና ዓበይቲ ኢንዱስትሪታት ዝዓበየ ምንጪ ጸዓት ኮይኑ እውን ኣገልጊሉ እዩ። ብሽያጥ እዚ ከሰል ከኣ፡ ኣብ 1960 ዓመታዊ እቶታ ክሳዕ 18 ሚልዮን ቶን በጺሑ ከም ዝነበረ እዩ ዝንገረላ።


መኽሰብ ንምርካብ ተፈጥሮ ብዘይ ኣገባብ ምብዳል ዋጋ ከም ዘኽፍል ዝተገንዘበ ኣመሓዳሪ እቲ ከባቢ፡ ናይ ለውጢ ግዜ እዩ ብምባል፡ ናብ ስራሕ ሓምላይ ደሴት ምስግጋሮም ኣዊጁ። ኣብ ሓጺር እዋን ክሳዕ 1.4 ሚልዮን ስኴር ሜትር ናብ ሓምላይ ደሴት ብምቕያር ከኣ፡ ንሰሜናዊ ምብራቕ ቻይና ኣብ ሓጺር ግዜ ከምትለምዕ ገይሩ። በዚ ሰናይ ተግባር ቅዱስ ቅንኢ ዝሓደሮ ናይ ላኦን ምምሕዳር እውን፡ ካብ ከሰል ማዕድን ምፍራይ ተቘጢቡ፡ ኣብዚ ወፍሪ ሓምላይ ደሴት ክነጥፍ ብቖራጽነት ተበጊሱ፡ ምድላዋቱ ኣብ ምጽፋፍ ከም ዝርከብ ይሕብር ኣሎ።

# ምምንጫው ኑክለሳዊ ጸዓት

(Nuclear Energy)

ብልዑል ጥንቃቐ ዝተሰርሑ ናይ ሓጺን ቱቦታት፡ ኣብቲ ጽዑቕ ሃፋ ማይ ዝወጸሉ ይቕመጡ። ናይ ኒኩለር ቪዥን ሓይሊ ኸኣ የመንጩ። እዚ ሓይሊ ተጻርዩ ካብ ውሽጡ ካብ ማዕድናት ናጻ ዝኾነ ማይ የህፍፍ። እዚ ነጠብጣብ ማይ በቶም ቱቦታት ተጓዒዙ ካብ ቱቦ ወጻኢ ንዘሎ ማይ የህፍፍ። ናይ'ዚ ማይ ምፍላሕ ዝፈጥሮ ሃፋ ኸኣ፡ ኣብ ከባቢኡ ዘለዉ ተርባይናት ብምዛር ኤለክትሪክ የመንጩ። ኣብ'ዚ ሙቕት ናይ ምትሕልላፍ መስርሕ ግን፡ ምስ ኒኩለር ንጥረ ነገራት ዝተተሓሓዘ ማይን፡ ንተርባይናት ዘዘውር ምስ ኑክለር ንጥረ ነገራት ዘይተራኸበ ማይን ብፍጹም ክተሓዋወሱ የብሎምን። ብቐንዱ ካብ ኒከልን ካልኦት ንጥረ ነገራትን ሓዋዊስካ ዝስርሑ እዞም ቱቦታት፡ ናይ'ዚ ስራሕ ዓንዲ ማእከል እዮም።

እዞም ክሳዕ 1.01 ሜትሮ ግዝፊ ዘለዎም፡ ኣብ ምግጥጣሞም ሓያል ጥንቃቐ ዝሓቱ፡ ኣብ ክፍሊ መመንጨዊ ኑክለር ዝርከቡ ወሰንቲ ቱቦታት፡ ኣብ ውሽጢ ክስተት ኑክለር በቲ ዝፍጠር ጸቕጢ ዘይጸዓቱን ኢዶም ዘይህቡን፡ ምምራትን ምጭዳድን ዘየፍቅዱ ክኾኑ ይግባእ፡፡ ሙቕት ምትሕልላፍ መስርሕ ብዝለዓለ ደረጃ ውጽኢታዊ ክኸውን እውን፡ ብዝተኻእለ መጠን እቶም ቱቦታት ኣዝዮም ቀጠንቲ ክኾኑ እዩ ዝሕበር። እዞም 1.01 ሚሊ ሜትር ግዝፊ ዘለዎም 12,500 ዝኾኑ ቱቦታት፡ ጠቕላላ ቁመቶም 300 ኪሎ ሜትር ዝበጽሕ ኾይኑ፡ ካብቲ ሓደ ኩርናዕ ናብቲ ካልእ ክዝርግሑ እንከለዉ፡ ካብ ርጉዲ ንጽል ጸጉሪ ንላዕሊ ከይተፈናተቱ ክቕመጡ ይግባእ። እቶም ታሕተዋይ ክፋሎም ክሳዕ 13 ሜትር ዝበጽሕ፡ ፊደል "ሀ" ቅርጺ ዘለዎም ቱቦታት እውን፡ ነቲ ብካፕ 4100 ዝጽዋዕ መስርሕ መመንጨዊ ሃፋ ወሰንቲ እዮም። ናይ መጠረሽታ ውጽኢትን መርኣያን ናይ ከምዚ ዓይነት ጽፉፍ ስራሕ ከኣ፡ 100% ዘይቀያየር ናይ ሙቕት መጠንን ንጹህ ከባብያዊ ኣየርን ጋህዲ ምግባር እዩ። ነዚ እዩ ኸኣ እቶም ኣብዚ ስራሕ ተዋፊሮም ዘለዉ መሃንድሳት፡ ምምንጫው ተሓዳሲ ኒኩለሳዊ ጸዓት ኣዝዩ ፈታኒ'ዩ ዝብሉ።



ባህልን ስነ ጥበብን



# “ሰብ ‘ንፍዕቲ’ እንተ ኢሉኒ፡ ቀድም ነደይ ይርአ”

## ስነጥበበኛ ሊድያ በረኸት

ሊድያ በረኸት ትብሃል። ብ1994 ኣብ ከተማ ኣስመራ፡ ካብ ኣቦኣ ኣቶ በረኸት ተኸስተን ኣደኣ ወ/ሮ ዘውዲ እያሱን ተወሊዳ። መባእታን ማእከላይ ደረጃ ትምህርታ ኣብ ቤት ትምህርቲ ፊንላንድ ሚስዮን፣ ካልኣይ ደረጃ ትምህርታ ኣብ ካልኣይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ሰማእታት ድሕሪ ምምሃራ፡ ኣብ መበል 25 ዙርያ ናብ ሳዋ ወሪዳ። ኣብ መልቀቒ ፈተና ካልኣይ ደረጃ 3.0 ብምምዝጋብ ናብ ኮለጅ ዓዲቐይሕ ተጸንቢራ። ኣብቲ ኮለጅ ንኣርባዕተ ዓመታት ፖለቲካዊ ስነ-ፍልጠትን ኣህጉራዊ ዝምድናታትን ኣጽኒዓ ብ2019 ብዲግሪ ድሕሪ ምምራቓ ኸኣ ኣብ ሚኒስትሪ ዜና ተመዲባ ተገልግል ኣላ።

መንእሰይ ሊድያ፡ ኣብ ርእሲ እቲ ምዱብ ስርሓ፡ ከም ተዋሳኢት፡ ሞዴልን ጋዜጠኛን ኮይና ትነጥፍ ዘላ መንእሰይ ስነ-ጥበበኛ እያ። ነዚን ነቲ ኣብ ማሕበራዊ ሚድያ ናብ ደረጃ ጸለውቲ ሰባት ትኸዶ ዘላ ጉዕዞን ካልእን ንኸነዋግዕ ዓዲምናያ ኣሎና።

ከመይ ዓይነት ቈልዓ ኢኺ ኔርኪ?

**ውዕይቲ ነይረ። ዝደለኹዋ ከይገበርኩዋ ዘየዕርፍ፡ ዋላ እዛ ሓዊ እተንድድ ከይፈተንኩዋ ኣየዕርፍን ነይረ። ስድራና ዋዕየይ ስለ ዘሻቕሎም ንዝሓዝኩዋ ግደፊ እናበሉ ክገንሑኒ ከለዉ፡ ዋላ’ኳ ንሸው እንተ ገደፍክዋ፡ ምስ ከዱ ግን ግድን’የ ዝፍትና። ተኣኪብካ ምጽዋት ካብ ብቈልዓይ’የ ዝፈቱ። ዝዓበኹሉ ገዛውቲ መዓስከር ኣውገት (35ኛ) እዩ። ኣብ ደረጃ ዕድመይ ብዙሓት ቈልዑ ኣብ’ቲ ገዛውቲ ስለ ዝነበርና፡ ኵሉ ናይ ቈልዑ ጸወታት ክጻወቶ በቒዐ’የ።**

ካብ ቍልዕነትኪ ክሳዕ ሕጂ ዘይተቐየረ ባህርኺ እንታይ ኣሎ?

**ዳርጋ ኣይቀይርኩን። ውዕይቲ እየ፡ ሕውስቲ’የ። እናዓበኻ ምስ ከድካ ግዜ ብዙሕ ይምህረካ፡ እቲ ናይ ቈልዓኻ ግርህና ናብ ልቦና ተቐይሩ ዝልውጠልካ ብዙሕ ነገር ክህሉ ይኽእል ይኸውን እምበር።**



ኣብ ግዜ ቍልዕነትኪ ዝነበረ፡ ሕጂ ግና ትነብርዮ ዘለኺ ሕልሚ ወይ ባህጊ ኣሎዶ?

**ብቈልዓና ነታ ዓለም ኣይንፈልጣን እንዲና፡ በታ ንጽህቲ ልቢ ናይ ቍልዕናኻ በቲ ትርእዮ ነገራት ኢኻ ኣብ ርእስኻ ስእሊ ትፈጥር። እናዓበኻ ምስ ከድካ ኸኣ ብእኡ መጠን ኣተሓሳስባኻ እናስፍሕካዮ ትኸይድ። ኣርቲስት ክኸውን ባህጊ ነይሩኒ። ወረ ፍልጥቲ ተላሃዩት ኣብ ኤርትራ ክኸውን’ዩ ባህጊ ነይሩኒ። ብፍላይ ኣብ ግዜ ወራራት ወያነ ዝድረፍ ዝነበረ ደርፍታት ናይ ኵለን ብሄራት ሸምዲደዮ እየ ነይረ። ድሕሪ ዜና**

እትመጽእ ዝነበረት ደርፌ ክስዕስዓላ ተደላየ'የ ዝጸንሕ ነይረ። ብሓፈሻኡ ናይ ስነ-ጥበብ ባህጊ ነይሩኒ፡ እኑብሮ ኣለኹ ኸኣ።

ወዮ ትልሂት ከ?

ብቐልዓይ ክገብራ'የ ኣብ ዘበልኩዋ ነገር ጽቡቕ ገይረ'የ ዝገብራ ነይረ። መደበይ እንተ ኾይና እታ ዘበልኩዋ ጥራይ'የ ክገብር ዘለኒ። ግን ኣብ ግዛና ኣብ ባህሊ ዝግደስ ፍጹም ኣይነበረን። ሃዋህው ናይ ግዛና ምስ ሃገር ዝተሕሓዘ፡ ምስ ፍልጠትን ፖለቲካን ዝያዳ ዝተተሓሓዘ ስድራቤት እዩ። ካብ'ዚ ወጺእካ ክትሰዕስዕ ዋላ እቲ ሃዋህው ናይ'ቲ ግዛ ኣየፍቅደልካን እዩ። ትምህርተይ ጥራይ ክገብር'ዮም ዝደልዩ ነይሮም። ግደፊ ተባሂለ ከም ዘይሰምዕ እፈልጡ'ዮም። ማማ "ሰብ ተተማሂሩ ይምዕብል፡ ናብራኡ ይቕይር፡ ብስረሑ ኸኣ ይነብር። ተተማሂርካ ዝያዳ ነገር'ዩ፡" ባባ፡ "ሙዚቃ ዝብሃል ኣይተሰምዕኒ፡" ዝብል ዝነበረ፡ ሓደ መዓልቲ "ኦሮማይ ኣይትገድፎን'ያ፡" ኢሉ ኪቦርድ ገዚኡለይ መጺኡ። ግን ቅድሚ ኹሉ ትምህርቲ ምኻኑ ንኽእምኑኒ ጽዒሮም። እተን ዝደጋግምወን ዝነበሩ ዘረባ ክሓስበለን ጀሚረ። "ማዕረ ክንድኡ ድየ ተሰሪ ዘቐርጾም?" ኢለ ትምህርቲ ዝያዳ ጸቒጠሉ። ምስጋና ንወለደይ፡ ኣብ ትምህርተይ ጸቒጠ ክኸይድ ነዲቐምኒ'ዮም።

ደጋጊምኪ "ማማ" ክትብሊ እሰምዓኪ'የ። ኣደኺ ብዓይንኺ ከመይ'ያ?

ሓንቲ ዝተማህረት፡ ርእሳ እትኽእል ኣደ ብምኻና ካብ መዛኖይ ብኹሉ መልክዑ ኣይተረፍኩን። ኩሉ እትኸውን ኣደ'ያ። ሓያል ኣደ'ያ። ንኹሉ ሰብ ወላዲቱ ፍልይቲ እንድያ፡ ንዓይ ግን ኣደን ኣቦን እያ። ንማማ ዝኸውን መግለጺ የብለይን። ሰብ ንዓይ ንፍዕቲ እንተ ኢሉኒ ነደይ ይርእያ፡ እቲ ናታ ዓቕሚ ገና ኣይበጻሕኩዎን።



ፖለቲካዊ ስነፍልጠትን ኣህጉራዊ ዝምድናታትን ከተጽንዒ ዝደረኸኪ ምኽንያት እንታይ እዩ ነይሩ?

ክልተኦም ወለደይ ካድራት እዮም። ኣብ ገዛና ምስ ታሪኽን ፖለቲካን ዝተሓሓዘ መጽሓፍቲ ጥራይ'የ ዝረክብ ነይረ። ልቢ ወለዳት ምስ ዓበኹ'የ ከንብብ ጀሚረ። ብዛዕባ ሰውራ ኩባ፡ ሰውራ ሶቭየት፡ ለኒን፡ ስታሊን፡ ማርክስ ገለ'ዩ መሊኡ። ነቲ መጽሓፍቲ ብዕምቈት'ዮም ዝገልጹዎ። ከም ደቂ ሓወቦይ'የ ዝፈልጦም። ቦኾሪ ገዛና ስብሓት በረኸት፡ ካብ ሜዳ ኣትሒዙ ምስኦም ስለ ዝመጽአ ክኸውን ይኽእል ኩሉ ነገሩ ናይ ወለድና'ዩ ወሲዱ። ውጹእ ፖለቲከኛ እዩ። ቤተሰብ፡ ሃይማኖት፡ ገለ ዘይግድሶ ኩሉ ሰብ ንዕኡ ሓደ እዩ። ንሱ ታሪኽ ከረድኣኒ እንከሎ ተሃኒነ'የ ዝሰምዖ ነይረ። ኣብ ታሽዓይ ክፍሊ ታሪኽ ካብቲ ካልእ ዓይነታት ትምህርቲ ዝሓመቐት ኣምጺአ፡ 85 ካብ ሚእቲ። ክጽለል ደልዩ፡ "ካብዚ ግዛ ተወሊድክስ፡" ኢሉ ልክዕ ከምዚ ሸመት ስድራይ ጕሒፈ ዝመጸእኩ ክሳዕ ዝስመዓኒ ተቓየቑ። ናይ ታሪኽ መምህርና ዝነበረት ስለ ዘይፈተኹዋ'የ ኣብታ ትምህርቲ ሓሚቐ። ስብሓት ሓወይ ኣብ ክረምቲ ተዓጢቑ ታሪኽ ታሽዓይን ዓስራይን ፍትፍት ኣቢሉ ምሂሩኒ። ክሳዕ ሕጂ ብኣፈይ ክወጽኦም እኽእል። ድሕሪኡ ታሪኽ ፈትየ'ያ ካብ ኣፍ መምህር ዘረባ እናቐለብኩ ምምላእ ጀሚረ። ጽልዋ ስድራይን ስብሓት ሓወይን፡ ከምቲ ዝበልኩኻ'ውን ሓቢርካ ገለ ናይ ምግባርን ምጽላውን ዝምባለ ስለ ዝነበረኒ ተወሲኹዎ ካብ ተፈጥሮኣዊ ስነ-ፍልጠት ናብ ማሕበራዊ ስነ-ፍልጠት ዘምበለ። እቲ ጽልዋ ናታቶም'ዩ፡ ምርጫ ኸኣ ናተይ ነይሩ።

እዚ ዝተመሃርክዮ ዓውዲ ክምልሰልኪ ትደልዪዮ ነገር እንታይ ነይሩ ይኸውን?

ከምቲ ድርኺተይ ዝነገርኩኻ፡ እቲ ብታሪኽ ዝፈልጦስ ኪንዮኡ ክፈልጥ እደሊ ነይረ። ፖለቲካ ናይ'ዛ ዓለም እንታይ'ዩ? ኣመጻጽኣ፡ ዘለዎ ኩነታት፡ ናበይ ገጹ'ዩ? እንታይ'ዩ እቲ ዕላማኸ? ክፍለጥ እደሊ ነይረ። ንስድራይ ክርኢ እንክለኹ ኣብ መትከሎም ነቢሮም፡ ህይወቶም ንህዝቦምን ውድቦምን ሂቦም። ኣብ ካልእ ሰውራታት፡ ኣብ ካልእ ዓለም ዘለዉ ህዝቢ ኸኣ ከምኡ



ዶ ይኾኑ? ከምዚ ናትና ገይሮም ድዮም እቲ ቃልሶም ርእየሞ? ቃልሶም ከ ከመይ ነይሩ? ረብሓ እንታይ'ዩ? ንረብሓኻ ኢልካ ትገብሮም ነገራትከ እንታይን ብኸመይ ይትርጎሙን? ካብቲ ቀዲሙ ዝጸንሐ ሕቶታተይ ክምልሰልይ ተስፋ ነይሩኒ።

በዚ ዓውዲ ምስ ተመሃርኪ ክትበጽሕዮ ትድልዮ ነገር እንታይ ነይሩ ይኸውን?

**ናይ ኣፍሪቃ፡ ማእከላይ ምብራቕን ካልእን ኣብቲ ትምህርቲ ትምሃሮ እንዲኻ። ታሪኽን ፖለቲካን ኣፍሪቃ ዝያዳ ይምስጠኒ ነይሩ። ኣፍሪቃ ካብቲ ተጕዛዚያ ኣብ መግዛእቲ ዝኣተወትሉ ክሳዕ እዚ ዘርከብናላ ካልእ ዓይነት ሓድሽ መግዛእቲ፡ ዕረፍቲ ኣይረኸበትን ዘላ። ብዙሓት ብሉጻት መራሕቲ ተቐልቂሎም ነይሮም'ዮም፡ ንኣፍሪቃ ካብዚ ዘላቶ ነውጺ ከውጽኡዋ ኣይከኣሉን። ኣፍሪቃ ካብዚ ዓይነት መዋጥር ክትወጽእሲ ከም ዜጋታት ግደ ክህሉወና ኣሎዎ ዝብል ሓሳብ ክመጽኣኒ ጀሚሩ። እዚ ኸኣ ካብ ነብሰይ፡ ገዛይ፡ ከባቢየይ፡ እናበለ'ዩ ናብ ዝገፈሐ ጽልዋ እናዓበየ ዝመጽእ። ብእኡ ኣቢለ ሓንቲ ዝረግአት ብነብሳ እትሓድር ኣፍሪቃ ክርኢ ተስፋ ኣሎኒ።**

ድሕሪ በዚ ዓውዲ ምምራቕኪ ኣብ ህይወትኪ ዝነበረ ኣጠማምታ ዝተቐየረ እንተሎ?

**ብዙሕ ኣሎ። ጐድኒ ጐድኒ 'ቲ ናይ'ቲ ዓውዲ ስነ-ፍልጠት፡ ብዙሓት ጸለውቲ ሰባት ታሪኾም ተጽንዮ ኢኻ። ከመይ ኢሎም'ዮም መትከሎም ዘነጽሩ? ክሳብ መወዳእታ ዕላማኦም ዝሓለፉዎ ተመኩሮን ጥበብን፡ ኣብ ዕላማኦም ከመይ ኢሎም ጸኒዖም ይወጽኡ፡ ንነገራት ከመይ ገይሮም ናብ ረብሓኦም ኣውዒለሞ፡ ... ትምሃሮ ኢኻ። ኣብ ህይወትካ ኸኣ ከምኡ፤ ረብሓታትካ ምፍላጥን ንዕኦም እንታይ ዋጋ ትኸፍለሎምን ትፈልጥ። ንሓደ ትደልዮ ነገር ንኽትበጽሕ ጥንቃቐታት ከም ዝሓተካ፡ ነፍሲወከፍ ትሓልፎ ስጉሚ ኸኣ ዋጋ ከም ዘለዎ፡ ድምር ናቱ ንናትካ መግለጺ ተራ ከም ዘለዎ መረዳእታ ትረክብ። ዝያዳ ኸኣ ትሰርሓሉ።**

እዚ ትብልዮ ዘለኺስ ትነብርዮዶ ኣለኺ?

**ከም ሰብ ጸላዊት'የ ክኸውን ዝደሊ ሓቂ ዘረባ። ኣብቲ ዘለኹዎ ወይ በቲ ዝገብሮ፡ ኣየናይ ብዘየገድስ፡ ጸላዊት ክኸውን ኣለኒ፡ ከም ጓል ኣንስተይቲ ኸኣ ብዓቢኡ። ከም ዜጋታት ኣብ ኣፍሪቃ ምፍጣርና ጥራይ ብድሆ ኣለና፡ ጓል ኣንስተይቲ ኴንካ ምፍጣር ከኣ ተወሳኺ ብድሆ ኣለና እንድዩ፡ ነዚ ኹሉ ነገር በዲህካ ብኸመይ ብቑዕ ዜጋ ኴንካ ትቐርብ ከኣ ክትሓስበሉ ኣለካ። ግን በቲ ኹይኑ በቲ ጽቡቕ ድምር ትምህርቲ ክረኽበሉ ክኢለ'የ። ንኣሽቱ ኣዋልድ፡ "ምስ ዓበኹ ከማኺ ክኸውን'የ ዝደሊ፡" ኣብ'ዛ እዝነይ መጺኦን ሕሹኽ ክብላኒ እንከለዋ፡ እንታይ ኩይነ ኣለኹ ተረዲኡወን ኣሎ ድዩ? ኣየናይ እዩ ዝምስጠን ዘሎ? እሓተን እየ። ዋላ ንእሽተይ ትኹን ዝጸሉ ዘለኹ እመስለኒ። ከምቲ ዝበልካዮ ኸኣ እናተመሃርኩሉን እናነበርኩዎን እኸይድ ኣለኹ'የ ዝብል።**

ተጻዋቲት ኵዕሶ እግሪ ኢኺ ኸኣ ነይርኪ?

**እወ ክሳብ ኮለጅ ዝኣቱ ተጻዊተ'የ። ኣብ ምምሕዳርና ገጀረት ብዙሕ መዳልያታት ተሸሊምና። ኣብ ሳዋ'ውን ብርጌድና ጎብለል ኮይና፡ ሰለስተ መዳልያ ኣሎ ናይ ሳዋ። ኣብ ኮለጅ ምስ ኣተኹ'ውን እጻወት ነይረ።**

ኣብ ሳዋ ኣብ ጸወታ ከለኺ ሓደጋ ኣጋጢሙኪ ነይሩ መስለኒ?

**ኣነን ሓንቲ ኣንጻርናን ትጻወት ዝነበረት ጓልን ኵዕሶ ቴስታ ክንሃርም ዘሊልና። ክልቴና ስሒትናያ፡ እታ ጓል ብድሕሪት ርእሰይ ብቴስታ ሃሪማትኒ፡ ወዲቐ። ክወድቕ ከለኹ'ውን እንደገና ምስ መሬት ብርእሰይ ተጋጭየ። ሽዑ ንግዚኡ ተሓኪመ ድሓን ኰይነ፡ ጸኒሑ ግን ክሰርሕ ጀሚሩ።**




ምስ ኵነታትኪ፡ ኣብ ማትሪክ 3.0 ኣመዝጊብኪ ኢኺ ናብ ኮለጅ ዓዲቐይሕ ሰጊርኪ። ብኸመይ ደኣ ሰገርኪዮ? ቀዳማይ ዓመት ብጽኑሕ ዓቕምኻ ጥራይ ዝስገር ኣይኮንን። ሽዑ ኸኣ ከመይ በዲህኪዮ?

**ቅድሚ ሳዋ ምውራደይ ዝነበረ ዓቕመይ'ዩ ኣውጺእኒ። ኣብ ሳዋ ኣይተመሃርኩን፡ በተን ዝነበራኒ'የ ተፈቲነ 3 ሒዘ መጺአ። ሓቂ ዘረባ ኣነ ኣይተሓጕስኩን። ካልእ እናተጸበኹ**



ክንድኡ ከምጽእ ኣይተቐበልኩዎን። ገዛና ግን ምስ'ቲ ዝነበረ ኩነታተይ ከምኡ ዓይነት ውጽኢት ምምዝጋበይ ኣተባቢዖም ከም ዘቐበሎ ገይሮም። ብፖለቲካዊ ትምህርቲ'ውን ዝለዓለ ነጥቢ ኣመዝጊበ ናይ ዘምህረት የሃንስ መጽሓፍ ተሸሊመ።

ሕጂ ክርእዮ ከለኹ ናይ ኣምላኽ ዕላማ'ዩ። ከምቲ ዝበልክዎ ቀዳማይ ዓመት ጻዕሪ የድልየ'ዩ። ኣመና ውጽእ ዝበላ ንፋዓት ተመሃሮ መሓዙት ረኺበ፤ ስኒት ሰሎሞን፡ ሶፍያ ዓብደላ፡ ሚርያም፡ ካልኦት'ውን ነይረን። ነናተን ኣዳምያዊ ዓቕሚ ዝነበረን ንፋዓት ተመሃሮ'የን። ምስ'ዚኦን ብሉጻት ምምሕዛወይ ተራ ነይሩዎ። ቅድሚና ኣብቲ ኮለጅ ዝጸንሑ ንፈልጦም'ውን የረድኡና ነይሮም። ማዕረ ማዕረኡ ኸኣ እቲ ክገብሮ ዝኽእል እናገበርኩ 3.4 ሕዘ ናብ ካልኣይ ዓመት ናብዚ ክነልዕሎ ዝጸናሕና ዓውዲ ሰጊረ።

ኣብ ኮለጅ ኩዕሶ እግሪ ትጻወቲ ምንባርኪ ተንኪፍክለይ ነይርኪ። ድሕሪ'ታ ናይ ሳዋ ኢጋጣሚ ናብ ኩዕሶ እግሪ ክትምለሲ ኣይፈራሕክን?

ኣይፈራሕኩን። ፍርሒ እንድዩ ኸኣ ሕማም። ከምኡ ኢለ ኣብ ኣእምሮይ እንተ ኣእትየዮ ናይ ብሓቂ ክሓምም'የ። እቲ ሕማም ከኣ ካብ ነብሰይ ኣይክወጽእን'ዩ። ስለዚ ቀዳማይ ዓመት፡ ኣብ ምድላዋት ፌስቲቫል ትካላት ላዕለዋይ ትምህርቲ ዳግማይ ኩዕሶ ቀሊዐ። ንኮለጅና ምስ ደቂ ጋንታይ ክልተ ግዜ መዳልያ ኣምጺእናላ።

ሚኒስትሪ ዜና ምስ ተመደብኪ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ዓምድታት ዜና ወጻኢን ዜና ስፖርትን ሰሪሕኪ። ምናልባት ቀዳመይቲ ጓል ኣንስተይቲ ነዘን ዓምዲ ዘዳለወትዶ ትኾኒ? ብሓፈሻኡኸ ተመኩሮኺ እንታይ ይመስል?

ኣብ ስፖርት ሓንቲ ጓል ንዝተወሰነ እዋን ሰሪሓ መሰለኒ። ኣብ ዓምዲ ዜና ወጻኢ ግን ፋልመይቲ ነቲ ዓምዲ ዘዳለወት ጓል እኸውን'የ። ከምቲ ገለ ኣባላትና ዝበሉዎ እምበር ብኸምኡ ሓሲበሉ ኣይፈልጥን ነይረ። ፈለማ ምድብይ ኣብ ዜናን ኣህጉራዊ ጉዳያትን ንኽጽሕፍ'የ ተመዲበ። ኣብ ክፍሊ ጋዜጣን ተለቪዥንን ንገለ እዋን ሰሪሐ፡ ሕጂ ኸኣ ኣብ ሻባይት እሰርሕ ኣለኹ።

ኣብ ሞያ ሞዴል ከ ካብ መዓስ ክትነጥፊ ጀሚርኪ?

ካብ ቀዳማይ ዓመት ተመሃሪት ኮለጅ ከለኹ፡ 2014፡ ጀሚረ።

ኣብ'ዚ ሞያ ዓቕሚ ከም ዘለኪ መዓስ ፈሊጥኪ?

ገለ ሰባት ከምዚ ነይረ ከምዚ ይርድኣኒ ክብሉ ከለዉ፡ ነቲ መጻኢኣም ክንዲ ምንታይ ይፈልጡዎ ነይሮም ይገርመኒ እዩ። ኣብ ሞዴል፡ ካብ ተራ ጓል ናብ ሓንቲ ሞዴል ከም ዋዛ'የ ተቐይረ። ብቕድመይ እውን ኣብ ኣከዳድና ግድስቲ ነይረ። እቲ ዝርከቡ ክዳውንተይን ጫማይን ኣጽፊፈን ኣሳንየን ክኸደን ከለኹ እናተረድኣኒ'የ ዝገብሮ ነይረ። ቅድሚ ናብ ኮለጅ ምጽንባረይ ወድወዶ ዓይነት'የ ነይረ። ኣብ ኮለጅ ምስ'ዘን ናይ ቅድም መሓዙተይ ምስ ተራኸብና ግን ጸጉረይ ከንውሕን ከም'ተን ኣዋልድን ክኸውን ጀሚረ። ናብ ሞያ ሞዴል ዘሰገረትኒ ግን ሓንቲ ኣጋጣሚ'ያ። ሓንቲ ካብ'ዘን ዝጠቐስኩልካ መሓዙትና ዕለተ-ልደታ ምስኣ ክንውዕል ትዕድመና'ሞ፡ 'ድረስ ንከደን' ተባሂልና ድረስን ታኬት ጫማን ወዲና ንኸይድ። ንፈለማ ግዜ'የ ታኬት ጫማ ወድየ። ኣዲዳስ'የ ዝወዲ ነይረ። ኣብቲ ገዛ እግርና ረድረድ እናበልና ኣቲና። ኣጋጣሚ ኹይኑ ሞዴል ሊሊ ነጋሲ ምስ ካልኣያ ኣብኡ ነይሮም። ኣይንፋለጥን ኢና። እቲ ወዲ መጺኡ ተላልዩና፡ "ኣብ ፋሽን ሸው ሞዴል ኴንኪ ምስራሕኪዶ?" ይብለኒ። ኣነ ኸኣ "እወ" ኣብኣ እንከለኹ። ድሕሪኡ ተራኺብና፡ እቲ መደብ ኣብ ባጽዕ ኣካይድናዮ። በዚ'የ ጀሚረ።

ሞያ ሞዴል እንታይ እዩ?

ኣብ መድረኽ ወጺእካ 'ካትዎክ' ምግባር ዝመስሎ ሰብ ኣሎ። መሰረታዊ ዕላማኡ ብሓፈሻ፡ ቅዲ ክዳን ንምርኣይን ሞዴል ዝኾነት ጓል ኣንስተይቲ ንምፍጣርን'ዩ። ኣብዚ ዓድና ነዋሕን ቀጣንን እንተ ኹይና፡ 'ሞዴል' እያ ትበሃል። ንሱ ኣይኮነን። ብዙሕ ረቛሒታትን ክፍልን ዘለዎ ዓውዲ ወይ ሞያ'ዩ።

ሞያ ሞዴል ክፍልታት ኣለዎ። ናይ "ራንወይ" ሞዴል ኣላ፡ ንምርኢት ቅዲ ኽዳንን ውድድር ቍንጅናን

**እትበቅዕ። ፎቶጀኒክ ሞዴል፡ ንስእሊ ብቕዐቲ ዝኾነት። ብቕርጺ፡ ፍሽኽታ፡ ወዘተ. ነናቱ ተቐባልነት ዘለዎ ጽባቐ ኣሎ፡ ግድን ኣይኮነን ቀጣን ነዋሕ ክትከውን ነናቱ ኣሎዎ።**

ሓንቲ ሞዴል ከተማልኦ ዘለዋ?

**ሞዴል መርኣያ ማለት'ዩ። ብኹሉ ነገራ ኸኣ መርኣያ ክትከውን ትጽቢት ይግበረላ። ሓንቲ ሞዴል ስፖርተኛ ክትከውን ኣለዋ። ኣምባሳደር ሃገራ ብምዃና ድማ ብዛዕባ ሃገራ ብኣፍልጦ ዝጸገበት ክትከውን ኣለዋ። እቲ ኣብ ኢንተርነት ጕልጕልካ ትረኽቦ ዘይኮነ፡ ከም ሓንቲ ዜጋ ንሃገራ ብኸመይ ክትገልጻ 'ትኽእል፤ ነቲ ጽባቐ፡ ጥንታዊ ውርሻ ከተማታት፡ ነቲ ሰላም፡ ንጓል ኣንስተይቲ ሃገርና፡ ወዘተ.። በዚ ሞያ ኣቢላ መርኣያ ኰይና ብጽቡቕ መገዲ ኣብ ሕብረተሰባን ወጻኢን ጽልዋ ከተሕድር እትሓስብ ክትከውን ኣለዋ። ብደቂ ኣንስትዮ ደኣ ይጠቕሶ ኣለኹ እምበር፡ ንኽልቲኡ ጾታ ዝምልከት'ዩ።**

ንዓና ከም ሕብረተሰብ እንታይ የገድሰና?

**ጽባቐ ሕብረተሰብና ብኸመይ ንዓለም ነቕርብ ብብዙሕ መገዲ ክንርእዮ ንኽእል ኢና። ከምዚ ፈስቲቫል፤ ንመንነት፡ ባህሊ፡ ታሪኽ፡ መሃዝነት፡ ፈጠራውነትን ስነ-ጥበብን ኣጕሊሑ ብምርኣይ ሓደ መኣዲ ዝፈጥር፡ ሞዴልንግ'ውን ጽባቐ፡ ባህሊ፡ ታሪኽን መንነትን ሕብረተሰብ እተንጸባርቐሉ ዓውዲ እዩ። ጽቡቕ ምስሊ ሕብረተሰብካ ኣብ ምፍጥራን ምልላይን ሓጋዚ ብምዃኑ የገድሰና እዩ። ሞያ ሞዴል መስሕብ ቱሪዝም'ዩ፡ ብእኡ ኣቢሉ ኣብ ቍጠባ ሃገር ግደኡ ይጻወት። ብሓፈሻኡ ኸኣ ንሃገርካን ሕብረተሰብካን እተግልግለሉ ሓደ መገዲ እዩ።**

ጽባቐ በብዓዱ ክፈላለ ስለ ዝኽእል፡ ሞዴል ክትምረጽ እንከላ ዝውሰድ መዐቀኒ ጽባቐ፡ ብዓይኒ መን'ዩ ዝረአ?

**ዓለምለኸ መዐቀኒ ፍሉጥ እዩ። ብኽልተ ኣንጻር ኣመና ዝተጋነነ ኣይቅበልን'ዩ። ብፍላይ ኣብ ራንወይ ሞዴሊንግ፡ ኣብ ኵሉ ክፋል ኣካላት፡ ካብ ክንዲ'ዚ ክሳብ ክንዲ'ዚ ዝብል መዐቀኒ ኣለዎ።**

ከም ትዕዝብቲ፡ ውድድር ኰነ ምርኢት ቅዲ ኽዳን ኣብ ለይታዊ ትልሂት ዘአንግዳ ክለባት ክካየድ ንዕዘብ እሞ፡ ክልቲኡ እንታይ ዘዛምድ ስለ ዘለዎ'ዩ ዝምረጽ? ርእይቶኺ ኣብዚ...

**ሞያ ሞዴል፡ ልክዕ ምስ'ቲ ቍጠባዊ ዕብየት ሓንቲ ሃገር ተዛሚዱ'ዩ ዝሰርሕ። ምስ ኵነታትና ርኢኻ ኸኣ ኣብዚ ሞያ ዝነጥፉ፡ ብዓቕሙ ከም ሰቡ ይቃለስ'ዩ ዘሎ። እዚ ሞያ ክብሪ ዝበለ ዋጋ ስለ ዝሓትት፡ ናይ'ዚ ዓውዲ ሞያተኛታት ስርሖም ዘርእየሉ ርሑው መድረኽን እኩብ ሰብን ክጥቀምሉ ክደልዩ ባህርያዊ ይመስለኒ።**

ዝተጓናጸፍኪዮ ዓወት እንተ'ልዩ?

**ዲዛይነር ልዑል (ዓይኒ) ኣብ ዘዳለዎ ፕሮጀክት ሳልሰይቲ ኰይነ ወጺአ ነይረ። ኣብ ዝተፈላለዩ ሸዋት ዝካየድ ውድድር እንተ ብጕጅለ እንተ ብውልቂ ክዕወት ጸኒሐ።**

ኣብ ተዋስኦ ዝምባለ ከም ዘለኪ ዝፈልጥክሉ መዓስ'ዩ?

**ቀዳመይቲ ስራሕ ምስ ሰራሕኩ፡ ግብረ-መልሲ ናይ ተዓዘብቲ'ዩ ተውህቦ ከም ዘለኒ ዝተረዳእኩ።**

ቀዳመይቲ ስራሕካ እንታይ'ያ ነይራ? ብኸመይ ክትኣትውዮ ክኢልኪ?

**ብ2015 ሳልሳይ ዓመት ተመሃሪት ኮለጅ ከለኹ። ምስ ተዋሳኢት ኣድያም ስብሃቱ መሓዙት ስለ ዝነበርና፡ ብዙሕ ግዜ ብሓደ ነሕልፍ ነይርና። ብዓል 'ፍቕሪ ሎሚ ቕነ' ክትሰርሕ ከላ ኣብ ምጽናዕ እሕግዛ ነይረ። ሓንሳእ ሄኖክ ሓንሳእ ሚኪ ኮይነ የጸንዓ ነይረ። "ንስኺ ተዋሳኢት ኢኺ። ምሳና ዘይትጅምሪ" ትብለኒ ነይራ። ትምህርተይ ኣመና መሲጡኒ ስለ ዝነበረ እዝኒ ኣይሃብኩዎን። ሓደ መዓልቲ፡ "ናይ ናሆም ደርፌ ንስኺ ኢኺ ትሰርሕያ፡ ፍርይቲ ዓይና ክብል ከሎ ንስኺ ኢኺ ትመጽእኒ" ኢላ፡ 'ኵሉ ረሲዓቶ' ኣብ ዘርእስታ ሙዚቃዊት ቪድዮ ናይ ድምጻዊ ናሆም ዮሃንስ ንፈለማ ግዜ ተዋሲአ። እቲ ክሊፕ ጽቡቕ ተራእዩ፡ ኣነ ግን ኣብቲ መስርሕ ዕቃበታት ስለ ዝነበረኒ ኣይፈተኽዎን፡ ዋላ ጠለባት እናመጽኣኒ ድሕሪኡ ክሰርሕ ኣይደለኹን።**

ዘየስክፈኪ እንተ ኾይኑ ዕቃበታትኪ እንታይ'ዩ ነይሩ?

**ኣቀራርባ ምስሊ ደቂ ኣንስትዮና ኣብ ከምኡ ዝኣመሰለ ስራሕ።**

ብኣንጻር እቲ ስክፍታታኪ ዝሰራሕ እወታዊ ሸነኽ ዘለዎ ትጠቕስዮ ስራሕ ኣሎዶ?

**በዚ ጉዳይ፡ ንገለ ስርሓት ዘርእሰናይ ዓንደብርሃን የድንቐ'የ። ንሉል ቴድሮስ ኣብ ማስኬራታት፡ ንኣድያም ስብሃቱ ኣብ ለይላ፡ ወዘተ. ከም ጠባይ ፈጢሩወን'ዩ። ብፍላይ ንደቂ ኣንስትዮ ሓያላት፡ ኣንበብቲ፡ መትከላውያን ገይሩ ይፈጥረን። ኣብ'ቲ ዝፈጥረን ሸነኽ ህይወት፡ በላሕትን ፈተንትን ገይሩ'ዩ ዝፈጥረን። ነዚታት እስተውዕለሉ ድየ ኾይነ ናይ ዘርእሰናይ ደስ ይብለኒ።**

ኣብ ፊልምኺ?



ብ2016 ናይ ገብሩ ክብርኣብ ‘መርሃዊ’ እትብል ፊልም ተዋሲአ። መጀመርታ ኣብታ ፊልም ንዘላ ናይ ጋዜጠኛ ጠባይ’ዩ ሓርዩኒ። እታ ፊልም ምስ ኣንበብኩዋ ግን ጋዜጠኛ ምዱብ ስርሖይ’ዩ። ካልእ ንዓይ ዝብድህ ጠባይ እደሊ ስለ ዝነበርኩ፡ ንሓንቲ ትዝታ ትብሃል ምስኣም ናብ ስግረ-ዶብ እትኸይድ ኢትዮጵያዊት ጠባይ፡ ክሰርሕ ሓቲተዮ። ቋንቋ ኣምሓርኛ ኣይፈልጦን’የ፡ ግን ትብድሃኒ ኢለ ንዓኣ ሒዘ ሰሪሐ። ጽቡቕ ግብረ-መልሲ ረኺበላ። ብዓቢኡ ምስ ብዓል ኣማን ሓምድ (ባድሻ) ኢና ሰሪሕና። ኣብ ቀዳማይ ስራሕካ ምስ ዓበይቲ ተዋሳእቲ ክትሰርሕ ቀሊል ኣይኮነን። እቲ ካብኦም ዝረኸብኩዎ ምትብባዕን እቶም ዝረኣዩዋ ሰባት ብዝሃቡኒ ምትብባዕን ጸቒጠ ክሰርሓሉ ደፍኢት ኮይኑኒ። ብቐደመይ ካብ ቀንዲ ጠባይ ሒዝካ ምውሳእ፡ ተሓጋጋዚ ቀንዲ ጠባይ ኴንካ ነቲ ቀንጢ ጠባይ ምውዳቕ’የ ዝፈቱ። ኣብዛ ፊልም ምስ’ቲ ኣፍቃሪየይ ኮይኑ ዝጓዓዝ ዝነበረ ሻም ጽቡቕ ስለ ዝሰጠምና፡ ነቶም ቀንዲ ነቲ ዛንታ ዝወስዱዎ ጠባያት ክንዕብልሎም ጀሚርና፡ ዳይረክተርና ንትዝታ ክቐትላ ወሲኑ።

ድሕሪኡ’ኸ?

ድሕሪ መርሃዊ፡ ‘መርዓኻ የርእየኒ’ ኣወል ስዒድ ዝኣለያ፡ ‘ሰራቒ ልቢ’ ናይ ጆን ፍትዊ፡ ‘ሕልና’ ኣብ ኤሪቲቪ ዝቐረበት ዘእሰናይ ተስፋይን ገብሩን ዝኣለዩዋ፡ ‘ገዛና’ እዚኣ’ውን ናይ ገብሩ ክብርኣብ፡ ‘ባዶ ቸክ’ ናይ ዘርእሰናይ ዓንደብርሃን፡ ‘ብፍቕሪ ሓጢአ’ ብሚካኤል እያሱ ዝኣልያ ኢንጂ ፈንቅል ተስፋማርያም ዝጸሓፋ ፊልም፡ ‘መጻመድቲ ፍቑራት’ ናይ ሚሮን ሚካኤል (ቻኩር)ን ካልኦትን።

ንዝተዋህበኪ ጠባይ ንምልባስ እንታይ ኣገባብ ትጥቀሚ?

ከም ልምዲ እቶም ዝወሃቡኻ ጠባይ፡ ነቲ ኣብ ካልእ ፊልም ዝተዋህበካ ጠባይ ዝመሳሰል’ዩ ዝበዝሐ ዝቐረበልካ። ሓደ ጠባይ ምስ ተሓስበ፡ ‘እከሊት’ያ ክተምጽኣ ትኽእል፡’ ብምባል ነቲ ኣቐዲምካ ዝሰራሕካዮ ዝመሳሰል ስለ ዝኾነ ንእሽተይ ለውጥታት ኢኻ ትገብር። ኣነ ቅድሚ ሕጂ ዘይሰራሕኩዎ ዝብድሃኒ ጠባይ ክሰርሕ ደስ ይብለኒ። ሓደ ዓይነት ጠባይ ሒዝካ ትመጽእ እንተ ኣለኻ፡ ተዋሲአ ክትብል የሸግር’ዩ።

ክሳዕ ሕጂ ዝበድሃትኪ ጠባይ የላንዶ ክንብል?

ኣብ ፊልም መርሃዊ ዝተዋሳእኩላ ጠባይ፡ ፈለማየይ ኣብ ርእሲ ምኳኑ፡ ብዘይፈልጦ ቋንቋ ምስ ምኳናዶ ንሳ በዲሃትኒ ትኸውን።

ፍትው ዘበልኪያ ጠባይከ?

ዝበዝሐ ግዜ ሓሳዊትን ገለን ገይሮም የዋስኡኒ ብምህላዎም ሽግር እንዲየ ረኺበ ዘለኹ፡ ግን ነታ ናይ ብሓቂ ሊድያ’የ ዝፈትዋ።

ሊድያ ኣብ ጠባያት ናይ ትሰርሕዮ ፊልም ትረኽብያዶ?

ኣይመስለንን።

ክትሰርሕዮ ዘይትደልዪ ወይ እትነጽግዮ ጠባይ?

ውድቕቲ ጓል ኣይፈቱን እየ። ዋላ ‘ተጻይ ናይ’ቲ ቀንዲ ጠባይ ትኹን፡ ኣብቲ ንሳ ጽቡቕ ትሓስቦ ወይ ዕላማ ትሕዞ ሓያልን በላሕን ክትከውን ኣለዋ። ውድቕቲ ጠባይ ክሕዝ ኣይደልን’የ። ምኽንያቱ እቲ ዝዓበየ ስእሊ ደቂ ኣንስትዮ ዓድና ከምኡ ኣይኮነን። ንሕና እንፈልጠን ቀዳሞት ደቂ ኣንስትዮ ኣሕዋትናን ኣደታትና ከምኡ ኣይኮነናን፡ ታሪኽካ ባዕልኻ ምጽያቕ ኮይኑ ስለ ዝስመዓኒ ከምኡ ዓይነት ስክሪፕት ኣይቅበሎን’የ።

ጓል ኣንስተይቲ ኣብዚ ዓውዲ ክትነጥፍ ዘሎ ብድሆ?

ናይ ቅድሚ ሕጂ ባዕለን ይመልስኦ፡ ኣይፈልጦን እየ። ኣነ ካብ ዝሕወሶ ዝረኣኹዎ ግን ዝሓሸን ዝተማሕደረን መድረኽ ዘሎ ኰይኑ ይስመዓኒ። እተን ቀዳሞት ሓሊፈናልና’የን



መስለኒ፡ ኣብ ጽቡቕ መድረኽ ኢና ዘለና። ሎሚ ፊልም ጥራይ ኣይኮናን ዝሰርሓ ዘለዋ፡ ነብሰን ክኢለን ደረስትን ዳይረክተራትን ኮይነን። ካብኡ ወጻኢ’ውን ቍጠባዊ ውሕስንተን ዘረጋግጻሉ መዳያት እየን ዝፈጥራ ዘለዋ። በዚ ኸኣ ኣመና እሕጉስን ኣድንቐንን።

ኣብ ዓውዲ ፊልም ብዙሓት ናይ ኮለጅ ትምህርቶም ዝዛዘሙ ተጸምቢረሞ ኣለው፡ ፊልም ሃገርና ካብዚ ዝረብሖ ይህሉዶ ይመስለኪ?

ኣብቲ ትምህርቲ ሓደ ደረጃ በጺሕካ፡ መሊስካ በቲ ተውህቦኻ ኸኣ ገለ ክትገብር ምኽኣል ዓቢ ነገር’ዩ። ኣካሎም ምኳነይ ከኣ ደስ ይብለኒ። እንታይ ትገብር እንታይ ኣይትገብርን ትፈልጥ ኢኻ እንተ ወሓደ፡ ብፍላይ’ኳ ደኣ ደቂ ኣንስትዮ። ስነ-ጥበብ ከም ውሕጅ ብዙሕ ሰብ ገፊጡ’ዩ ዝኸይድ። ኣብ ኮለጅ ሸምዓ ወሊዕካ ከተጽንዕ ከለኻ ዕላማ ኣለካ። እቲ ተመኩሮ’ቲ ናብ ስነ-ጥበብ ዓለም ምስ ተጸንበርካ’ውን ንሱ’ዩ ዝድገም። ዓለልሃዋ ክትከይድ ኣይትኽእል ኢኻ። ናብ ስነ-ጥበብ ምስ መጻእካ ኸኣ ነቲ ኣብኡ ዘሎ ካብ ስነ-ፍልጠት ፊልም ወጻኢ ዘሎ ጋዕ ገልጠም ኣብ ምምዕርራይ ክትሰርሕ እንተ ኽኢልካ ጸቡቕ። ካብኡ ብዝተረፈ

ኸአ ንስኻ መርኣያ ኴንካ ሰባት ብኣኻ ከም ዝምሃሩ ኣብ ምግባር ሓይሊ ኣለካ። ኩሉና ብጅምላ ከምዚ ኢልና ምሕዋስና ጽልዋኡ ቀሊል ኣይኮነን'ዩ። ኣብቲ ዝጸንሐ ጥራይ ዘይኮነ፡ ነቲ ሰዒቡ ዝመጽእ ናብ ስነ-ጥበብ ክሕወስ ንዝደሊ'ውን ኣብነት ይኸውን'ዩ። ነቶም ብሽም ኣርቲስት ዝሽቀጡ፡ ኣዕናዊ ብዝኾነ ኣካይዳ ንዝጓዓዙ'ውን ንምምእዛኖምን ምጽላዎምን ግደ ዘለና ኰይኑ ይስመዓኒ። ኣብዚ ሞያ ምህላውና ዘይተርፈና፡ ደቂ 40-50 ምስ ኮንና፡ 'ብኻ ከምዚ ገይሩ' ንብለሉ ክኸውን የብሉን። በቲ ዝሸድናዮ ንኹርዕ ሰባት ክንከውን ኣለና። ምእንቲ ርእሱ ኣብዚ ሰዓት ኣብ ስነ-ጥበብ ሃገርና ብቕዓት'ዩ ዝዛረብ ዘሎ። ድምር ናይ ኩሉ ኸአ ንፊልም ሃገርና ናብ ዝሓሸ መድረኽ ከደይቦ ተስፋ ኣሎኒ።

*ኣብ ኩለን እዘን ትነጥፍለን ዘለኺ ሞያታት እትደንቐዮም ክትጠቕስለይ?*

ኣብ ስፖርት ኣማኑኤል ኣልኣዛር፡ ኣብ ሞያ ሞዴል ራህዋ ገብረህይወት፡ ኣብ ምውሳእ ክብራ ጸጋይን ካልኦትን፡ ኣብ ምምራሕ መደብ ሕጂ'ዩ ብዙሕ ሰብ ናቱ መልክዕ እናፈጠረ ዝኸይድ ዘሎ፡ ግን ምስ ካልእ ኣካይዳኣ ደሚረ ንፍርቱና ክፍላይ ኣድንቖ።

*ኣብ ማሕበራዊ መድያ ዩትዩብ፡ ባዕልኺ እተቐርብዮ መደብ 'ሊዱ ሸው' ኣሎ፡ ዕላማ እቲ መደብ እንታይ'ዩ?*

ኣብ መደበይ ዘቕርቦም ሓጸርቲ ቃለ-መሕትት ኰይኖም፡ ናብ ህዝቢ ናይ ዝቐረበ ስነ-ጥበባዊ ስራሕ ዝተፈላለዩ ስነ-ጥበበኞታት፡ ዝሓለፎ ጻዕርን ድኻምን መረዳእታ ንምሃብ እዩ። እዚ ዝግበር ዘሎ ሾዋት ንደርፌን ፊልምን ክዕብልሎ ጸኒሑ። ኣብ ደርፊን ፊልምን ዝግበር ወፍሪ ቀሊል ዘይምዃኑ፡ ሰብ ማዕረ ኽንደይ ይሃልኩሉ ከም ዘሎን ብዙሓት ንፋዓት መንእሰያት ይፈርዩ ምህላዎምን ንምብራህ ዝሕግዝ መደብ'ዩ ከም መበገሲ ሒዘዮ። ብሕጂ ካልእ ዝዓበየ መደባት'ውን ኣሎኒ።

*ኣብ ካልኦት መዳያት ማሕበራዊ ሚድያ ብፍላይ ኢንስተግራም፡ ብዙሓት ሰዓብቲ ኣጥሪኺ ኣለኺ። ብዙሓት ስነ-ጥበበኞታት ካብቲ ብስራሕ ዝላበሱዎ ጠባይ ወጻኢ ንሰዓብቶም ዝጸልውሉ መገዲ ኣይንርእን ኢና።*

እታ እንኮ መን ምዃንካ ብናጻ እተዛርበካ እታ ናትካ ፔጅ (ድሕረ-ገጽ) እያ። ብዘይካ እቲ ሓሳብካ ወይ ርእይቶኻ ምግላጽ፡ ንዝተፈላለዩ ኣጋጣሚታት፤ ስፖርታዊ ውድድራት፡ ኣበዓዕላ በዓላት፡ ኣገደስቲ ቦታታትን ካልእን ኣብቲ ናተይ ፔጅ ከቐምጥ ከለኹ ብዙሕ ሰብ ክምስጥን ክተባብዓንን ጀሚሩ። 'እሞ ነዚ መድያ እዚ ብእወታ ይጥቀመሉ ኣለኹ ማለት'ዩ፡ ካብ ሎሚ ንንየ ሰብ ካባይ ብዙሕ ክጽበ'ዩ ማለት'ዩ፡ ስለዚ ነቲ ኩሉ ሳዕ ክፈልጦ፡ ክሰርሓሉን ክንጽባርቐን ዝደሊ ሓድነትና ክሰርሓሉ እኽእል'የ፡' ብምባል ንዝረኽብኩዎ ኣጋጣሚ ብናተይ ኩርናዕ ይልጥፎ። ደጋፊት ብሸክለታ እየ፡ ንዝተፈላለየ ውድድራት ከኣ ይልጥፎ። ንእግረመገደይ ንኹሎም ኩርዓት ሃገር ዝኾኑ ተቓዳደምትና ብዙሕ ኣመስግኖም።

*ኣብ ሓደ ንዩቱብ ዝዳሎ ውድድር ተወዳዲርኪ ሽልማትኪ ንሓንቲ ሓገዝ ዘድልያ መንእሰይ ምስ ወፈኽዮ ኣዛራቢ ኣርእስቲ ኰይኑ ነይሩ። ድርኺትኪ እንታይ'ዩ ነይሩ?*

ራይሞክ ቃልኣብ እትብሃል መንእሰይ ብዓልቲ ሓዳርን ኣደ ኽልተ ቈልዑን'ያ። ኤዲተር'ያ፡ ስፖርተኛ'ያ፡ ኣብ ደንደን ጂምናዝየም ከኣ ኣሰልጣኒት'ያ፡ ቅድሚ ምሕማማ ኸአ ምውሳእ ጀሚራ ነይራ። ኣብ ጂምናዝየም ኢና ንፋለጥ። ኣብ ጂም ሓይሊ ዘድልየካ ጥራይ ይመስለኒ ነይሩ፡ ጥበብ ዘድልዮ ምዃኑን ዘድልየኒ ከመይ ገይረ ከም ዝሰርሕን ምሂራትኒ። በዚ ጸቡቕ ዝምድና ገይርና። ሓያል፡ ብርእሳ ክትሓድር እትቃለስ ፈታዊት ጥበብ ምዃና ፈሊጠ። ሓደ መዓልቲ ጂም እናኣተኹ፡ መንሽሮ ከም ዝሓመመት፡ ደገ ኸይዳ ንኽትሕከም ካብ 80-100 ሽሕ ዶላር ከም ዘድልያ፡ ዓቕሚ ኸአ ከም ዘይብላ ዝነግር ሓበሬታ ተጠቂዑ ጸኒሑኒ። ኣመና ሕማቕ ተሰሚዑኒ። ብውዕዩ ሰብ ዓቕሙ ገይሩ 20 ሽሕ ዶላር ከባቢ ጥራይ ተዋጺኡ። ራይሞክ ኣብ ሓጺር ግዜ ኣካላታ ምእዛዝ ኣብዩ ኣብ ዊልቸር ኮፍ ኢላ። ኣመና ዘሕዝን'ዩ። ድሕሪኡ ናብ ጂም ኣይተቐልቀልኩን። ቀዲሙ እቲ ኣብ መንጎ ኣብ ስነ-ጥበብ እንነጥፍ ደቂ ኣንስትዮ ንዩቱብ ዝስቀል ውድድር ነይሩ። ጉልበት ዝሓተተ ፈታኒ ኸአ ነይሩ። ኣጆኺ ትብለኒ ነይራ። እቲ ውድድር ብርቱዕ ናይ ተወዳዳርነት መንፈስ ስለ ዝነበሮ ብዙሓት ሰዓብቲ ኣጥሪዩ ነይሩ። ካልኣይቲ ኰይነ ወጺአ። ኣብቲ ናይ ሽልማት መዓልቲ ድማ ብዛዕባ ራይሞክ ኣብ መድረኽ መብርሂ ሂበ፡ እቲ ሽልማት ንዕኣ ወፍየዮ። ድሕሪ ሕማማ እንታይ ከም ዝገብር ጠፊኡኒ ነይሩ። እሓስብ ነይረ፡ እቲ ድልየተይ ክጥርንፎ ስለ ዘይከኣልኩ እምበር ገለ



እምነየላ ነይረ። ለይቲ ደቂሰ ከለኹ እዛ ሓሳብ መጺኣትኒ። ከም ህዝብና ገይሩ ዝደጋገፍ የለን እንዲዩ፡ ድሕሪ እቲ ሸው ምውድኡ ብዙሓት ሰባት ሓጊዞም። ራይሞክ ትሕከመሉ ኣላ። ኣብዚ ቀረባ ሕሉፍ፡ እናጕየየት፡ እናዘለለትን እናተዋዘየትን ንኹሎም ብንዋትን ብጸሎትን ዝሓገዙዋ ከም ዝሓወየት ኣበሲራን ኣመስጊናን። ኣምላኽ ይመስገን።

ብዙሕ ሞያታት ኣጣሚርኪ ትኸዲ ኣለኺ። ከተጕድልዮ ወይ ክትውስኽዮ ትደልዪ ኣሎ ዶ?

ምጉዳል የለን፡ ምውሳኽ ደኣ በል። ንቕድሚት እምበር ንድሕሪት ምባል የለን።

ንኣየናዮምከ ከተዕምቑ ትደልዪ?

ኣብ ኑብሰ-ምምዕባል ተገዲሰ ክጽዕር እድሊ'የ። ንኹሉ በቲ ዝከኣለኒ ከዕምቖ'ዩ ድልየተይ። ኣብ ኩሉ ዋላ ነንእሽተይ፡ ዋላ መማንካ ተደሚረን ጭልፋ ይእከላ፡ ነቲ ኹሉ ዓውዲ ቀመም ክኸውን'የ ዝብል ሓሳብ ኣለኒ።

ኣብ ምዱብ ስራሕ ምስ ምህላውኪ፡ እቲ ትነጥፍሉ ዓውድታት ምብዝሑ ኣድህቦኺ ኣይገማማዕንዶ?

ከምቲ ዝበልኩኻ ብዙሕ ጸዓት ስለ ዘለኒ ንኹሉ ከረኻኽበሉ ይከኣል'ዩ። እቲ ትገብሮ ኩሉ ትፈትዎ እንተ ኼንካ ኸኣ ኣይትጽገምን ኢኻ።

ኣብ ህይወትኪ ጸለዊ ዝበሃል መን'ዩ?

ኣደይ ወላዲተይ፡ ዘውዲ እያሱ'ያ ብዓቢኡ። ፖለቲከኛ ምስ ኰንኩ ኸኣ ክቡር ፕረዝደንት ኢሳይያስ።

ብህዝቢ ኣመና ዘፍለጠኪ ስራሕ ኣየናይ እዩ?

ተኸታታሊት ፊልም "ሕልና" ኣብ ኤሪቲቪን ዩትዩብን ብማዕረ ኣብ ነፍሲወከፍ ስድራ ስለ ዝተራእየት፡ ምስ ህዝቢ ዝያዳ ኣፋሊጣትኒ እብል።

ተድንቕዮ ባህሪ ሓደ መንእሰይ?

ክብሪ ግዜ ተረዲኡ ግዜኡ ብግቡእ ዝጥቀመሉ።

ትጸልእዮ ባህሪኸ?

ዘይንስኻ ምምሳል። ዘይንሱ ዝመስል ሰብ፡ ካብ ኑብሱ ርሒቑ ስለ ዝነብር፡ ዋላ ነቲ ኸባቢኡ'ዩ ዝብክሎ።

ድኻምክን ብልጫኽን እንተ ሓተትኩኺኸ?

ጸዓተይ'ዩ ብልጫይ፡ ፈቃር ምዃነይ ከኣ ድኻመይ ይመስለኒ።

ሰባት ዘይፈልጥዎ ሸነኽኪ?

ሓላፍነታዊት እየ፤ ብፍላይ ኣብ ስድራቤተይ።

ስራሕ ኣብ ዘይብልኪ እዋን ግዜኺ ኣበይ ተሕልፍዮ?

ዘይረኣኹዎ ቦታታት ምብጻሕ ወይ ዑደት ደስ ይብለኒ። ግዜ ኣብ ዝረኸብኩሉ ንዘይፈልጦ ቦታ እርኢ። ኣብ ገዛ እንተ ኣልየ፡ ኣወንዚፈዮ ዝጸናሕኩ ነገራት እገብር። ጂም ከኣ እኸይድ።

ዝበለጸ ዓቕምኺ ዘርኣኹሉ ስራሕ?

ብሕጂ እጽበ።

ናይ ህይወትኪ ፍልስፍና እንታይ'ዩ?







ናይ'ዛ ዓለም ጥራይ ንፈልጥ ክሳዕ ዝኾንና፡ ኣብዛ ዓለምከ እንታይ'ዩ ኣበርክቶይ እንተ ፈሊጠ ሓደ ነገር'ዩ።

ኣብ ቀረባ መጻኢ ሒዝክዮ ዘለኺ መደባት እንታይ ይመስል? ድሕሪ 10 ዓመትከ ንሊድያ ኣበይ ትርእይያ?

ከምቲ ዝበልኩኻ ኣብ ሞዴሊን ሓደ መበገሲ መሰረት ዝኸውን ዕብይ ዝበለ ስርሓት ንምስራሕ ዝሓዝኩዎ መደብ ኣሎ። ብዓቢኡ፡ ንሕብረተሰብካ ምንባብ ጽቡቕ እንድዩ፡ ኣብ ዝገብሮም መደባት ንሕብረተሰብ ኤርትራ ዝመስል ስራሕ ክቕርብ ስለ ዝደሊ፡ ነቲ ድሮ ጀሚረዮ ዘለኹ ዳህሳስ ክቕጽሎ'የ። ኣነ ሃገረይ ዝብል እንተ ኹይነ ኣስመራ ጥራይ ፈሊጠ ክመውት ኣይደልን'የ። ኣብ መደብ ዘሎ ዶኩመንታሪ ፊልምታት'ውን ኣሎ። ክምሃር'ውን'የ። መቸም ከምኡ እናበለት፡ ድሕሪ 10 ዓመት፡ ሓንቲ ኣብነታዊት ስነ-ጥበበኛ ኹይነ፡ ኣብ ኩሉ ፍሉይ ኣበርክቶ ዝገበረት ሊድያ ክርእያ እምነ።

ቅድሚ ምዝዛምና ትብልዮ እንተ'ሎ፡

መጀመርታ ነዚ ኹሉ ጸጋይ ከምዚ ገይሩ ክኑብር ዘኽኣለኒ ልዑል ፈጣሪ ኣመስግን። ንወለደይን ኣሕዋተይን፡ ከምኡ'ውን ኩሎም መሳርሕተይን መማህርተይን ኣመስግን። ንዲዛይነር ልኡል (ዓይኒ)ን ስነጥበበኛ ሩፍታሌም ኣብርሃምን እውን ኣመስግነለይ።

ስለቲ ምቕሉል ዕላልኪ ኣዚና ነመስግን፡ ዓወትኪ ኸኣ ንምነ።


ሱራፌል ተስፋብሩኽ

ግርማይ ኣብርሃም
ghrmeso17@gmail.com

# ኣብ ዘንታታትና ነርእዩዶ ንነግር፤

ኣርእይ'ምበር፡ ኣይትንገር (Show me; don't tell me stories) ዝብል መምርሒ፡ ዛንታ ኣብ እንጽሕፈሉ እዋን ኣገዳሲ'ዩ። ንዝኾነ ዛንታ ትንፋስ ዝሰኮዕን ሓይሊ ዝህብን ቴክኒክ ወይ ሜላ ኣጸሓሕፋ እዩ። ሓደ ገጸ-ባህርይ ከም ዝተቘጠዐ ኣይትንገረኒ፣ ተቘጢዑ ኸሎ ኣርእየኒ። ሓደ ገጸ-ባህርይ ኣብ ሓደ ድግስ ጽቡቕ ግዜ ከም ዘሕለፈ ዘይኮነስ ብኸመይ ጽቡቕ ግዜ ኣሕሊፉ'ዩ ዘገድስ።

ነጋሪ ምሉእሓሳባት ይነግረካ'ምበር ኣብ ኣእምሮኻ ዝፈጥሮ ስእሊ የብሉን። ሓበሬታ የሰንቐካ'ዩ፣ እንተኾነ ኣሐፍሽ ኣቢሉ ስለ ዘቐርቦ፡ ንጹር ስእልን ኣእማንነትን ይጎድሎ። ንኣብነት፡ "እታ ጉርዞ ጸጕራ ነዊሕ'ዩ፡" ዝብል ሓበሬታ ይነግር'ምበር ኣየርእን። 'ነዊሕ ጸጕሪ' ዝብል ኣገላልጻ፡ ንሓደ ኤርትራውን ህንዳውን ነንበይኑ ትርጉም ከም ዝህልዎ መሸም ዘጠራጥር ኣይኮነን። ከምቲ ናይ ማመት፡ 'ነዊሕ ጸጕራ፡ ኣዳጕር የሕብእ' ወይ'ውን ከምቲ ናይ ውባ፡ 'ጸጕሪ ርእሳ መጠምጠም ጕራደ፡ ዝተረረፈ ፈረስ መቐየደ' ዝብል ብሂላት ግና የርእየና'ምበር ኣይነግረናን። ምርኣይ ጥራይ ዘይኮነ ኸኣ ስምዒትን ጦብላሕታን ይፈጥር ምኽኑ ኣይከሓድን። ሓደ ቈልዓ 'ቀደም፡ ቀደም' ኢሉ ዛንታ ኽጸውየልካ ኸሎ፡ እቲ ቐደሙ፡ ናይ ሓሙሽተ ዓመታት ርሕቀት እዋን ዘለዎ ኽኸውን ይኽእል'ዩ። ንሓደ እኹል ሰብ ግና ቀደሙ፡ ዓሰርተታት ዓመታት ዘወሰደ ግዜ ኽኸውን ይኽእል። በዚ ምኽንያት'ዚ፡ እቲ ኣበሃህላ ንጹር ኩይኑ ኣይርከብን። ንኣንባቢ ናብቲ ድርሰት ኣየጥሕሎን።




ነጋሪ ምሉእሓሳብ፡ መብዛሕትኡ እዋን፡ ህይወት ብዘይብሉ ቓላት እተመልአ'ዩ። እቲ ዛንታ ብዓይኒ ኣንበብቲ ተኣማኒ ዝገብሮ መቓምምቲ ዝርዝራት ከም ተግባር፡ ስምዒትን ህዋሳትን ኣይትረኽበሉን። ምንጋር ንኣንበብቲ ጭብጣታት ዘሰንቕ'ዩ፣ እዚ ኸኣ ኣብ ስነ-ጽሑፍ ግጉይ ሜላ'ዩ። እቲ ቕኑዕ መገዲ እምበኣር፡ ንኣንበብቲ ብመገዲ ተግባር፡ ስምዒትን ሓሙሽቲኡ ህዋሳትን ማለት ቅጅልታ ኣቢልካ ኑቲ ሓበሬታ'ቲ ኸተርእዮም ምኽኣል ማለት'ዩ።

እስከ ንኣብነት፡ ንገዛእርእስኻ ኣብ ሓደ ጸልማት ሲነማ ኣንብራ። ሃንደበት መስኮት ናይቲ ቪድዮ (screen) ግብ ኢሉ ምስ ጸልመተ፡ ዘረባን መሰነይታኡ ሙዚቃን ጥራይ ትሰምዕ ኣሎኻ ንበል። ብርግጽ ስምዒትካ ብኡብኡ ኽመውት ይፍለጠካ። ቴክኒሻን ኑቲ ፕሮጀክተር እንተ ዘየዐርይዎ ኸኣ ክስልክየካን ካብቲ ሲነማ ኽትወጽእን ትኽእል ኢኻ። ብተመሳሳሊ መገዲ፡ ንኣንበብትኻ ኽርእዩ እንተ ዘይኣኽኢልካዮም፡ ባህጊ ንባቦም ክጠፍእ ምኽኑ ምግንዛብ ኣገዳሲ'ዩ። ነታ መጽሓፍካ ሓንሳእ ምስ ኣንበርዋ ኸኣ ቀሊሕ ኢሎም ኣይክምለስዋን'ዮም። ኣብ ዕዳጋ ኸኣ ክትከስር ትኽእል ኢኻ።

ኣርኣዩ ምሉእሓሳባት ግና የርእየና'ዩ። ንዓውደ-ትርኢታትን ተግባራትን ይገልጾ። ንጹርን ገላጽን ዝኾነ ዝርዝራት የርእየና። ኣብ ኣእምሮና ንጹር ስእሊ የትርፍ። ኣርኣዩ ምሉእሓሳባት፡ ንትልምኻ ድራማዊ መልክዕ ዝሓዘ ፍጻመታት የምስሎ። ኣንባቢ ልክዕ ኑቲ ዛንታ ባዕሉ ዝተመኩሮ ኹይኑ ይስምዖ። ብዝፈጥሮ ስእልታት፡ ገዛእርእሱ ገጸ-ባህሪ ይኸውን። ኣርኣዩ ምሉእሓሳብ ከተንብብ ከሎኻ ፍሉይ ስምዒትን ድምጺን ይፈጥረልካ'ዩ። ኣንባቢኻ እግሩ ኣብቲ ኣሰሪሕካዮ ዘሎኻ ጫማ ኽንብሮ ይሕግዞ። ጽልዋኡ ከኣ ቀሊል ኣይከውንን።

ሓያላት ጸሓፍቲ'ምበኣር፡ ጽሑፍካ ዝያዳ ኣርኣዩ ኹይኑ ኽርከብ፡ ነጋሪ ዝኾነ ቓላት እርይ ቀጽር ኣቢልካ እለዮ እዮም ዝብሉ። ረኣኹ፡ ሰማዕኩ፡ ሸተትኩ፡ ዳህሰስኩ፡ ኣስተማቐርኩ እናበልካ ብድብድቡ ምጽሓፍ ስነ-ጽሑፍ ኣይኮነን። ተሸቘጥታ መርፍእ ኣብ ኣእዳው፡ ምህንጣስ ወይ ምስርሳር ኣፍንጫ፡ ሂምታ ወይ ሕሹኽታ ድምጽታት ክህሉ ይግባእ። ንኣብነት፡ ሓደ ሰብ ደድሕሬኻ ይስዕብ እንተሎ፡ ሸፋሕታ

ኣእጋሩ ኣብ መሬት ወይ'ውን ኩረት ክስማዕ ኣገዳሲ'ዩ። ብዘይካ'ዚ፡ ስምዒት ንምግላጽ፡ ተሓጉሶ፡ ጉህዮ፡ ኣጽሊኡኒ፡ ወዘተ እናበልካ ምጽሓፍ ንስነ-ጽሑፍ የድክሞ'ምበር ኣየህብትሞን። ሰብ ክሕጉስ ከሎ ተዓዚብ'ሞ፡ ግለጾ፣ ሓደ ተቐዳዳማይ ብረሃጽ ጠልቂዩ፡ ኣእዳዉ እናወዛወዘ፡ እንቅዓ እናስተንፈሰ፡ ባንዴራ ሃገሩ እናንበልበለ እሞ ኣእጋሩ ኽጠልሞኡ እናደለያ ኽሕጉስ ከሎ ኣርእይ። ሰብ ክጉሂ ወይ ክቓዘን ከሎ ኣስተብህል'ሞ፡ ኣብ ቃላት ኣስፍሮ፣ መስመራት ወይ ዕጥርጣራት ገጹ ኸመይ ይመስል፤ ኣዒንቱ የጨምትለንዶ፤ ንብዓት ዝቛጸራዶ ይኸውና፤ ምስትብሃሉ። ዘጽልእ ነገራት ክትዕዘብ ወይ ክትሰምዕ ከሎኻ ናብ ውሽጥኻ ኣእትዎ'ሞ፡ ኣርእየናን ከም ዘስምዓና ግበርን።

ምግላጽ ምንቅስቓስ ኣካላትን ተግባራትን'ውን ኣፍደገ ኣእምሮ ናይዞም ጠባያትን ከመይ ይሰምዮም ከም ዘሎ ዝሕብርን ከም ምዃኑ መጠን ግዳሰ ኸወሃቦ ይግባእ። ሓደ ሰብ ካልእ ሰብ ናይ ጽልኢ መንፈስ ኣለዎን የብሉን ክትፈልጥ ገጹ ተነባቢ'ዩ። ነዚ ኽትገልጾ እንተ ኽኢልካ፡ ኣብ ልቡ ዘሎ ቚምታ ወይ ጽልኢ ኽትነግር ኣየድልየካን'ዩ።

## ነዚ ዝስዕብ ኣብነት ንርአ

1. ነጋሪ ምሉእሓሳቢ፦ ያዕቆብ ፈሪሑ'ዩ ነይሩ።

ኣርኣዩ ምሉእሓሳቢ፦ ድምጺ ዲጉዲጉታ ኣእጋር ናብኡ ገጹ እናቐረበ ኽመጽእ ከሎ፡ ያዕቆብ ኩብዱ ዝርግርግ ክብል ተፈለጦ። ናብ መንደቕ ገጹ ልሕግ በለ፣ እቲ ሓርፋፍ ብሉኬቲ ኸኣ ናብ ምዕጉርቱ ለገበ። ጻዕዳ ኢዱ ብርሃጽ ክሕጸብ ጀመረ። ነታ ሽጉጡ ገጥ ኣቢሉ ኽሕዛ ስለ ዝነበሮ ኽልተ ኣእዳዉ ተጠቕመ።

2. ነጋሪ ምሉእሓሳቢ፦ ዳዊት፡ ኣኽበረት ገለ ምስጢራዊ ተግባር ትሰርሕ ኣላ ብምባል ሓሰበ።

ኣርኣዩ ምሉእሓሳቢ፦ ኣኽበረት፡ ክዳውንታ ንእተቐምጠሉ ተመዛዚኣ ገም ኣቢላ ድሕሪ ምዕጻው፡ ቀባሕባሕ በለት። ኣእዳዋ ኸኣ ብድሕሪኣ ጠውያ ሓቢኣተን ነበረት። ከናፍራ ኩተንቀሳቐሶም ከላ ደረቕ ሰሓቕ ይንበባ ነበረ። "ዳዊት! ክ...ክ...ክሳዕ ሰዓት ሽዱሽተ ገዛ ክትመጽእ ኢኻ ኢለ ኣይገመትኩን።"

3. ነጋሪ ምሉእሓሳቢ፦ ኣብ ውሽጢ ግብ ዘበለ ጸልማት'ዩ ነይሩ።

ኣርኣዩ ምሉእሓሳቢ፦ ኣእዳወይ ንቕድሚት ገጸይ ለኣኽኩወን። ክርእየን እኽእል ግን ኣይነበርኩን። እቲ መናድቕ'ውን ይረኣይ ኣይነበረን። ነቲ ንታሕቲ ገጹ ሃው ዝበለ መደያይቦ ኸኣ ክርእዮ ኣይተኻእለንን።

4. ነጋሪ ምሉእሓሳቢ፦ ጆሲ ፈሪሑ ነይሩ። ህቦብላ ነይሩ፣ መብራህቲ ኸኣ ኣይነበረን።

ኣርኣዩ ምሉእሓሳቢ፦ መብራህቲ ናይ ጉደና ሃንደበት ግብ በለ። ኣብቲ ግብ ዝበለ ጸልማት፡ ዝናም እናሓየለ መጽአ። ንፋስ ኸኣ ድምጹ እናኣበረኸ ኸደ። ጆሲ፡ ልቡ ቅልጡፍ ህርመት እናገበረትሉ ኾፍ በለ። ዲጉ ዲጉ እናበለት ክትሃርም ከላ ኣብ ኣፍልቡ ይፍለጦ ነበረ።

5. ነጋሪ ምሉእሓሳቢ፦ ኣደ ሮቤል ሓሪቓ ነይራ። ጸፊዓ ኸኣ ሓዲጋቶ። እቲ ጽፍዒት ከሕምም መዓት ነይሩ።

ኣርኣዩ ምሉእሓሳቢ፦ ቅልጥፍ ኢላ ናብ ጥቓኡ ብምቕራብ፡ ኢዳ ንድሕሪት ገጻ ምልስ ብምባል ነጐዳ ብዝጥዕም ጽፍዒት፡ እታ ኽፍሊ ጸጥ ክሳዕ እትብል፡ ብሓንቲ ወስታ ኣላዲዳ ሓዲጋቶ። እቲ ጽፍዒት ክሳዕ ክንደይ መሪር ከም ዝነበረ በርበረ ዝመሰለ ምዕጉርቱ ምስክር ነበረ።

## ዕዮ ገዛ

ነዚ ዝስዕብ፡ ነጋር ምሉእሓሳብ፡ ንነፍስወከፉ ካብ ሓሙሽተ ምሉእሓሳብ ብዘይ ውሕድ መገዲ፡ ኣርኣዩ ሕጡብ-ጽሑፍ ግበረሉ። ዝርእይ፡ ዝሰምዕ፡ ዝሻትት፡ ዝዳህስስ፡ ዘስተማቕር ቃላት ወይ ህዋሳት ምጥቃም ኣብ ግምት ይኣቶ። ነደይ፡ ነታ ኸይትሰትትኩኒ ዝፈርሓ ዝነበርኩ ጸሓይ ዕራብ ኣብ ኢደይ ዝጨበጥኩ ኹይኑ ኽሳዕ ዝሰምዓኒ፡ ሕቝፍ ኣቢለ ኣብ ምዕጉርታ ስዕም ኣበልኩዋ። ኣነ ዓሻ! ክሳዕ መዓስ ኩን'ዩ ነገራት ካብ ኢደይ ክሰትትኩኒ ምስ በሉ ጥራይ ጽባቐኦም ዝገሃደለይ!

1. ብሓቂ ተጸሊለ'የ ነይረ።

2. ነዊሕ ብምጽባይ ረብሪባ'ያ ነይራ።

3. እቲ ገዛ ንምርኣዩ ዘሰገድግድ'ዩ ዝነበረ።

4. እቲ መምህር ሕማቕ ተሰሚዑዎ።

5. ሄኖክ ሓወይ ጥሜት ኣየኽእሎን'ዩ።



# ኣጋ ዕራርቦ ኣብ ገጠር

ብኣምሆ፡ ነደይ ወላዲተይ ክርእያ ብምባል ናብ'ታ ተወሊደ ዝዓበ'ኹላ ዓደይ ገይሸ ነይረ። እዋን ዕራብ ጸሓይ፡ ምስ ኣደይ መናብርና ስሒብና ኣብ ደምበ ኾፍ ብምባል እናዋጋዕና፡ ነታ ትሰቱ'ኽ ዝነበረት ጸሓይ ብኣንክሮ እጥምታ ነበርኩ። ህድሞና ኣብ ብር'ኽ ዝበለ ቦታ ዝተደኰነት ብምንባራ፡ ነቲ መወዳእታ ዜብሉ ዚመስል ጐላጉል፡ ስንጭሮን ጐቦን ዓድና ደጊመ ብሓድሽ መንፈስ ከስተማ'ቅሮ ኽኣልኩ። ኣጋ ዕራርቦ፡ ጌና ንእሽቶ ኽለ'ኹ፡ ምስ'ቶም መዛኖይ ጥሪትና እናኾብኰብና ኻብ በረ'ኻ ንዓዲ ኽንኣቱ ኽለና፡ ግዲ ሕቼና ንህባ ኔርና ኼንናስ፡ ንጸሓይ ዕራብ ብ'ኽምዚ ዝኣመሰለ ኣንክሮ ኽስተማ'ቅራ ብፍጹም ኣይዝከረንን። ሓደ ኽኢላ ቀባኢ፡ ብኣዝዩ ጥንቃቐ ዚመልኦ ኣነባብራ ሕብሪ ዘቐመጦም ዚመስሉ ንሓድሕዶም ግርም ገይሮም ዝተዋሰሰቡ ወርቃዊ፡ ደም በጊዕን ሃሳስ ሰማያውን ሕብርታት፡ እዚ 'ኽብሎ ብዘይክእል ግን ከኣ ንመንፈሰይ ብዚነ'ኽእ መገዲ ጽባቐ ሓዚሎም፡ ነታ ዘይዋጋእ ጩራታት ዝነበራ ጸሓይ ከቢቦምዋ ነበሩ። ውሽጠይ ብሓጐስ ኪምላእ ይፍለጠኒ ነበረ። “ሃብሮም ወደይ፡ ኣለ'ኻዶ፧ እንታይ ደኣ ብሓሳብ ሂፍ ኢልካ፧” ብምባል ኣደይ ክሳዕ እተበራብረኒ መላሲ ኣይነበረንን። ገጸይ፡ ናብ'ታ ኽርተት ኢላ ዘዕበየትኒ፡ ገጻ ኻብ ሽምግልና እተላዕለ ብዕጥርጣራት ዝተመልአ ኣደይ ምልስ ኣበልኩዎ። ለካ ጽባቐ ዕራብ ጸሓይ ዓድና ጥራይ ዘይኮነስ ጽባቐ ኣደይ'ውን ከምቲ ዚድለ ገይረ ኣይሰተማቐርኩዎን ነይረ! ኣብታ ሰዓት እቲኣ፡ ኣደይ ፍልይቲ ፍጥረት ኰይና ተሰምዓትኒ።



